# ስትራተጂታት ንመንፈሳዊ እቶት ቀውዒ

# Strategies For Spiritual Harvest



**ዓለምለኻዊ ትኻል ምህርቲ እቶት ቀውዒ**

**እዚ ኮርስ እዚ ኣካል ዓለምለኻዊ ትካል እቶት ቀውዒ ኮይኑ፡ ንኣመንቲ ንውጽኢታዊ መንፈሳዊ ቀውዒ ንክዕጥቕ ዝተዳለወ ገበታ ትምህርቲ እዩ።**

**እቲ መሰረታዊ ቴማ ናይዚ ስልጠና፡ ኑቲ የሱስ ንገፈፍቲ ዓሳ፡ ንኣከብቲ ግብራ፡ ወ.ዘ.ተ ዝኾኑ ሰባት ወሲዱ፡ ናብ ኣብነታውያን ክርስትያናት ብምልዋጥ፡ ብተጋህደ ሓይሊ ኣምላኽ ንወንጌል ሒዞም ናብ መላእ ዓለም ክበጽሑ ዝመሃሮም ትምህርቲ ምምሃር እዩ።**

**እዚ መምርሒ ጽሑፍ፣ ሽቶ ወንጌል ንምዉቃዕ፣ ንኣመንቲ ካብ ምትሓዝ ራእዩ፡ ናብ ምውካል፣ ቀጺሉ ናብ ምብዛሕ፣ ከምኡ'ውን ምዉዳብን ንወንጌል ምልዕዓልን ምስፋሕን ዝብል ኮይኑ፡ ካብ ብዙሓት ክፋላት ስልጠና ናይ ካሪክለማት ሃርቨስታይም ባይብል ኢንስቲቱይት ሓደ እዩ።**

**ተወሳኺ ሓበሬት ኣብዞም ኮርስ ምስ እትደሊ ፦**

© Harvestime International Institute http://www.harvestime.org

ንተወሳኺ ሓበሬታ ብዛዕባ ተወሳኺ ኮርሳት ከምዚ ዝስዕብ ጽሓፉ፤

Harvestime International Institute 1

4431 Tierra Dr.

Colorado Springs, CO 80921

U.S.A

ወይ ድማ

ሃርቨስታይም ባይብል ኢንስትቱይት

ኣስመራ ኤርትራ

Email; harvestimebibleinstituteer@gmail.com

# ትሕዝቶ


ትሕዝቶ ... iii

ከመይ ጌርና ነዚ መምርሒ ንጥቀመሉ ... iv

ንጉጅለ መጽናዕቲ ዝሸውን ሓሳባት ... v

መእተዊ ... 1


## ቀዳማይ ክፋል፣

## ምግሃድ እቲ ራእይ


ምዕራፍ ሓደ ምውላድ እቲ ራእይ ... 3

ምዕራፍ ክልተ እቲ ራእይ ... 11

ምዕራፍ ሰለስተ ኣዒንቱ ናብ ኣህዛብ ይምልከታ ... 18


## ካልኣይ ክፋል፣

## ኣምር ምትእስሳር


ምዕራፍ ኣርባዕተ ዓለም ኣብቲ ቃል ... 23


## ሳልሳይ ክፋል፣

## ዕላማ ምግባር


ምዕራፍ ሓሙሽተ መሬት ማዕጺድን፣ ባዶ ግራውቲን ... 28

ምዕራፍ ሽዱሽተ ስትራተጂታት ንመንፈሳዊ ምህርቲ ቐውዒ፡ ... 41

ምዕራፍ ሸውዓተ ስትራተጂታት ንመንፈሳዊ እቶት ምህርቲ ቀውዒ ... 50

ምዕራፍ ሸሞንተ ብምግላጽ ምዕጻድ ... 57


## ራብዓይ ክፋል፣

## ትጽቢት


ምዕራፍ ትሽዓተ ምስባር ኣርዑት ... 69

ምዕራፍ ዓሰርተ በረኸት ኣህዛብ ... 77

ምዕራፍ ዓሰርተ ሓደ እቲ ራእይ ክውንነት ክለብስ ከሎ። ... 85

# ከመይ ጌርና ነዚ መምርሒ ንጥቀመሉ
# ኣቃዉማ መምሃሪ ጽሑፍ

ነፍሲ ወከፍ ትምህርቲ ብኸምዚ ዝስዕብ ዝቆመ እዩ፤

***ዕላማታት፦*** ነታ ምዕራፍ ብምጽናዕ ክትበጽሖም ዘለካ ዕላማታት እዚኣቶም እዮም። ትምህርቲ ቅድሚ ምጅማርካ ኣንብቦም።

***መሪሕ ጥቕሲ፦*** እዛ ጥቕሲ ንቐንዲ ኣምር እታ ምዕራፍ እተጉልሕ እያ። ኣብ ዝኽርኻ ሓዛ (ሸምድዳ)

***ትሕዝቶ ምዕራፍ፦*** ንነፍሲ ወከፍ ክፍሊ ኣጽንዕ። ኣብቲ መምርሒ ዘይተሓትመ ዝኾነ ይኹን መወከሲታት ንምርኣይ መጽሓፍ ቅዱስካ ተጠቐም።

***ርእሰ-ግምገማ፦*** ነታ ምዕራፍ ኣጽኒዕካ ምስ ወዳእካ፡ ነዚ መርመራ ስርሓዮ። መጽሓፍ ቅዱስካ ወይ ነዚ መምርሒ መጽሓፍ ከይተጠቐምካ ነቶም ሕቶታት ክትምልሶም ፈትን።

***ንዝያዳ መጽናዕቲ፦*** እዛ ኽፍሊ፡ ክእለት ኣገባብ ኣጸናንዓ መጽሓፍ ቅዱስካ ኽተመሓይሽን ነቲ እተማሃርካዮ ኣብ ህይወትካን ኣገልግሎትካን ኣብ ግብሪ ንኽተውዕሎን ክትሕግዘካ እያ።

***መዛዘሚ መርመራ፦*** ምዱብ ተመሃራይ ሃርቨስት ታይም ኢስቲትዩት ክትከውን እንተተመዝጊብካ፡ ስልጠናኻ ምስ ወዳእካ ፍልጠትካ ዝመዝን መርመራ ክትወስድ ኢኻ። መርመራ ሰሪሕካ ምስ ኣረከብካ፡ ብመምሃራን ክእረምን ውጽኢቱ ክምዝገብን እዩ።

**ተወሰኽቲ መሳለጥያ ምህሮ**

ትግርኛ ቀዳመይቲ ትርጉም መጽሓፍ ቅዱስ 1957 ከተድልየካ እያ።

# ንጉጅለ መጽናዕቲ ዝኸውን ሓሳባት
# ቀዳመይቲ ኣኼባ

**መኽፈቲ፡** ጸሎትን መእተዊ ብምግባርን ጀምር። ምስ ተመሃሮ ተላለ፣ **ኣስማቶም ድማ** መዝግቦም።

**ኣገባብ ኣካይዳ ጉጅለ ኣቑም፦** ነቶም ኣኼባታት መን ከም ዝመርሖም፡ ሰዓት፡ ቦታን ዕለታትን ክፍለ-ጊዜታት ወስን።

**ኣምልኾን ምስጋናን፦** ኣብ እዋን ኣኼባ ህልውና መንፈስ ቅዱስ ዓድም።

**ንተማሃሮ መጻሕፍቲ ዓድል፦** ኣርእስቲ መጽሓፍ፡ ቅርጽን ዕላማታትን ስልጠና ንተማሃሮኻ ኣላሊ።

**ፈላሚት ዕዮ ገዛ ሃብ፡** ቅድሚ እታ እትቕጽል ኣኼባ፡ ተማሃሮ ነቶም ዝተመደቡ ምዕራፋት ከንብቡን ርእሰ-ግምገማታት ክሰርሑን እዮም። ብዝሒ ዝሸፈኑ ምዕራፋት፡ ኣብ ንውሓትን ትሕዝቶን ምዕራፍ፡ ከምኡ'ውን ኣብ ዓቕሚ ተማሃሮ ይምርኮስ።

# ካልኣይትን ዝሰዕቡን ኣኼባታት

**መኽፈቲ፡** ጸሎት ግበር። ሓደሽቲ ተምሃሮ እንተለዉ እንቋዕ ደሓን መጻእኩም ብምባል መጽሓፍ ሃቦም። ህላወ ተማሃሮ ተቖጻጸር። ሓጺር ናይ ምስጋናን ኣምልኾን ግዜ ይሃልኻ።

**ድግማ፦** ሓጺር ጽማቖ ናይ'ቲ ኣብ ዝሓለፈ ኣኼባ ዘጽናዕካዮ ትሕዝቶ ኣቕርብ።

**ትምህርቲ፦** ነቲ ብድሙቕ ዝተጻሕፈ ኣርእስትታት ዘለዎ ክፋል ነፍስ-ወከፍ ምዕራፍ ከም መምሃሪ ንድፊ ተጠቒምካ ተመያየጥ። ንተማሃሮ ብዛዕባ እቲ ዘጽንዕዎ ሕቶታት ወይ ርእይቶታት እንተለዎም ሕተቶም። ነቲ ትምህርቲ ኣብ ህይወትን ኣገልግሎትን ተማሃሮኻ ግብራዊ ከም ዝኸውን ግበር።

**ርእሰ-ግምገማ፦** ተማሃሮ ዘወድእዎ ርእሰ-ግምገማታት ደጊምካ ርኣ።

**ንዝያዳ መጽናዕቲ፦** ነዞም መጽናዕትታት ብጉጅለ ወይ ብውልቂ ክትገብሮም ትኽእል ኢኻ።

**መዛዘሚ መርመራ፦** ምዱብ ተመሃራይ ሃርቨስት ታይም ኢንስቲትዩት ክትከውን እንተተመዝጊብካ፡ ስልጠናኻ ምስ ወዳእካ ፍልጠትካ ዝመዝን መርመራ ክትወስድ ኢኻ። መርመራ ሰሪሕካ ምስ ኣረከብካ፡ ብመምሃራን ክእረምን ውጽኢቱ ክምዝገብን እዩ።

**ክፋል ስልጠና፡** ምትሓዝ እቲ ራእይ

**ኣርእስቲ ስልጠና፡** ስትራተጂታት ንመንፈሳዊ እቶት ምህርቲ ቀውዒ

## መእተዊ

መጽሓፍ ቅዱስ ኣብ ምሳሌ 29፡18 *"ራእይ ዜልቦ እንተ ኹነ፡ ህዝቢ ስዲ ይኸይድ"* ይብል። ካብዚ ተበጊሱና ኣብ መላእ ዓለም ዘለዉ ዳግም ልደት ዝረኸቡ ኣመንቲ ብዘይ ራእይ እንተኾይኖም ስዲ ይኸዱ ኣለዉ ክንብል ንኽእል።

ብሓጢኣቶም ድዮም ስዲ ዝኸዱ ዘለዉ፤ ያእ ኣይፋልን...ካብዝስ ብየሱስ ክርስቶስ ብምእማኖም ድሕነት ተቐቢሎም እዮም። እንተኾነ ግን ኣብ ስድነት ዘለዎ ህይወት ከለዉ፡ ኣብ ቤተ ክርስትያን ከገልግሉ፡ መጽሓፍ ቅዱስ ከንብቡ፡ መራሕቲውን ክኾኑ ይኽእሉ እዮም።

እዞም ከምዚኦም ዝኣመሰሉ ኣመንቲ ራእይ ይኹን ዕላማ፡ ሽቶታትን መደባትን ኣብ ህይወቶም ስለዘይብሎም፡ ካብ ግዜ ናብ ግዜ እንዳ ደኸሙን ብመንፈስ እንዳሞቱ እዮም ዝኸዱ። ከም ኣመንቲ ናብራ ህይወቶም ዝደጋገም ክኸውን ዝክኣል እዩ። እንተኾነ ግን መንፈሳዊ ሙቐት የብሎምን።

እዚ እንዛረበሉ ዘሎና ራእይ ኣብ መድረኽ ብግልጺ ዝረአ ኣይኮነን። ብባህርያዊ የዕንቲ ዝርአ ራእይ'ውን ኣይኮነን። መንፈሳዊ ራእይ እዩ።

- ብመንፈስ ባዶነት እንተተሰሚዑካ...
- ኣምላኽ ክጥቀመልካ ሃረር እትብል ዋላ ኹን፡ ኣብ መደቡ ዘለካ ግደ ግን እንተዘይተረዲኡካ...
- ኣብ ክርስትና ህይወትካ ገለ ክትውሰኽ ትጽቢት እንዳገበርካ ብኣንጻሩ ውድቀት ዘጎንፈካ እንተሎ--

እቲ ጸገም እንታይ ይመስለካ፤

እቲ መልሲ ራእይ ዘይምህላው እዩ!

ኣምላኽ ሕጂ ብመንፈስ ንዝሞቱ ካብ ደቂ ተባዕትዮ ይኹኑ ካብ ደቀ ኣንስትዮ ብመንፈስ ህያዋን ይገብሮም ኣሎ። ብመንገዲ እቲ ዝህቦም ራእይ ኣቢሉ ኸኣ ንመነባብሮኦም ሓድሽ ትርጉምን ኣንፈትን ከምዝሕዝ ይገብሮ። በዚ ኣቢሉ ድማ ንኣካል ክርስቶስ፡ ማለት ሓቀኛ ቤተ ክርስትያን፡ ኣብ ሓባራዊ ዕላማ ንምጥርናፍ ይዓይ ኣሎ። እዚ ራእይ እንብሎ ዘሎና ኣርእስቲ ናይዚ "ስትራተጂታት ንመንፈሳዊ እቶት ምህርቲ ቀውዒ" ዝብል ትምህርቲ ቀንዲ ኣካል እዩ። እዚ ስልጠና ነቲ ራእይ ንምዕዋት ብኣርባዕተ ስጉምትታት ክመርሓካ እዩ፤

- ምግሃድ ራእይ (visualization): ኣብኡ እቲ ራእይ ክልለ እዩ።

- ኣምር ምትእስሳር (Conceptualization)፡- ኣብኡ ብድሕሪ እቲ ራእይ ዘሎ ዕላማ ዝብል ኣምር ክትመሃረሉ ኢኻ።

- ዕላማ ምግባር (Objectification)፡- ኣብኡ ነቲ ራእይ ንምፍጻም ዕላማታት ክትመሃር ኢኻ።

- ትጽቢት (Expectation) ፡- ኣካል ናይቲ ራእይ እናኾንካ ትጽቢታትካ ዝፍጸመሉ።

## ዕላማታት ስልጠና

ነዚ ስልጠና ምስ ወዳእካ ነዞም ዝስዕቡ ምግላጾም ክትክእል ኢካ፤

- ነቲ መንፈሳዊ ናይ ቀውዒ ራእይ ምስ ባህርያዊ ቀውዒ ብምምስሳል ክትገልጽ ምኽኣል።
- ኣብ ህይወትካን ኣገልግሎትካን ንመንፈሳዊ ቀውዒ ውጽኢታዊ እስትራተጂ ምጥቃም።
- ንመንፈሳዊ ቀውዒ ዝዓግቱ ረቛሒታት ምልላይ።
- ንዓለም ከምቲ ኣምላኽ ዝርእያ ምርኣይ።
- ቀውዕኻ ብራእይ ምእካብ።

**ቀዳማይ ክፋል፡** ምግሃድ እቲ ራእይ

**ነቲ ራእይ ከተለልዮ ምኽኣል**

# ምስራፍ ሓደ
# ምውካድ እቲ ራእይ

## ዕላማታት፤

ነዚ ምዕራፍ ምስ ወዳእኩም ነዞም ዝስዕቡ ክትክእሉ ኢኹም፤

- ን "መንፈሳዊ ራእይ" ምግላጽ።
- መስርሕ ምውላድ መንፈሳዊ ራእይ ምግላጽ።
- መንፈሳዊ ልደት ናይ ሓደ ራእይ ምስ ባህርያዊ መስርሕ ልደት ምንጽጻር።

## መሪሕ ጥቕሲ፤

> *"ራእይ ዘልቦ እንተ ኾነ፡ ህዝቢ ስዲ ይኸይድ"* (ምሳሌ 29፡18)

### መእተዊ

*መጽሓፍ ቅዱስ ኣብ ምሳሌ 29፡18 "ራእይ ዘልቦ እንተ ኾነ፡ ህዝቢ ስዲ ይኸይድ" ይብል። እዛ ጥቕሲ እትጠቕሶ ብዛዕባ መንፈሳዊ ራእይ እያ።*

*መንፈሳዊ ራእይ ኣንፈት ዘትሕዝ ኮይኑ፡ ንህይወት ዝብድሁን ዝቐርጹን ነገራት ዘውህብ'ውን እዩ። ብዘይ ብእኡ ሰባት ብመንፈስ ምዉታት ይኾኑ። መንፈሳዊ ራእይ ምምዕባል፡ ነቲ ናብ መንግስቲ ኣምላኽ ዝኣተኻሉ ዕላማ ናይ ምፍላጥ መስርሕ እዩ። ኣብዚ ምዕራፍ እዚ፡ ምዕባለ ዝብል "ምውላድ እቲ ራእይ" ተባሂሉ ተገሊጹ ኣሎ።*

### መንፈሳዊ ራእይ ስለምንታይ፧

*መንፈሳዊ ራእይ ኣድላዪ ዝኾነሉ ስለምንታይ እዩ፧ ስለምንታይ እዮም ሰባት ብዘይ ብእኡ ስዲ ዝኸዱ፧*

*እቲ መልሲ ኣብ ሓደ ካብቶም ብዙሓት መጽሓፍ ቅዱሳዊ ኣብነታት መንፈሳዊ ራእይ ተገሊጹ ይርከብ። ነዚ ኸኣ ኣብ ታሪኽ ነቢይ ኤልሳእን ኣገልጋሊኡ ገሓዚን ኣብ 2 ነገስት 6፡15-17 ክነንብቦ ንኽእል ኢና።*

*እቶም ህዝቢ ኣምላኽ ተባሂሎም ዝፍለጡ ደቂ እስራኤል በቶም ጸላእቶም ኣሶራውያን ብብዝሒ ሰራዊት፡ ሰረገላታትን ኣፍራስን ተኸቢቦም ኣብ ዝነበሩሉ ግዜ፡ ኣገልጋሊ ኤልሳእ ዝነበረ ገሓዚ ነቲ ዓቢ ሓይሊ ጸላኢ ምስ ረኣየ ፈርሐ። ንኤልሳእ ከኣ ብፍርሒ ተመሊኡ እንታይ ክንገብር ኢና በሎ። ኤልሳእ ድማ ከምዚ በሎ፤*

> *"ንሱ ኸኣ፡ ካብቶም ምሳታቶም ዘለውሰ ምሳና ዘለው ይበዝሑ እዮም እሞ፡ ኣይትፍራህ፡ በለ።"* (2ይ ነገ 6፡16)

*ድሕሪኡ፡ ኤልሳእ ኣብ መንፈሳዊ ዓለም ኣዒንቲ ገሓዚ ጊልያኡ፡ ኣምላኽ ክኸፍተን ጸለየ። ኣምላኽ ንልማኖ ኤልሳእ ምስ መለሰ፡ ገሓዚ ብኡ ብኡ መንፈሳውያን ሓይልታት ኣምላኽ ንእስራኤል ከቢቡ ረኣየ።*

*ኣብዚ ኣብነት እዚ ብሓቂ ኣምላኽ ንገሓዚ ነቲ መንፈሳዊ ራእይ ብባህርያዊ ኣዒንቱ ክርእዮ ፈቐደሉ። እቲ ኣገዳሲ ነጥቢ ግን ብዘይ መንፈሳዊ ራእይ ህዝቢ እግዚኣብሄር ኪኖ እቲ ባህርያዊ ኩነታት ህይወት ክርኢ ዘይክእል ምዃኑ እዩ።*

ከም ገሓዚ እቲ ኣብ ከባቢኦም ዘሎ ባህርያዊ ዓለም ክሰርሕ ዝርእዩ፡ ብሓይልታት ጸላኢ ክስዓሩ ይኽእሉ እዮም። ምኽንያቱ ራኢኦም ኣብ ጸገማቶም ዘተኮረ ስለዝኾነ፡ ኣብ ህይወቶም ብተደጋጋሚ "እንታይ ክንገብር ኢና፧" ዝብል ናይ ስንባደ ኣውያት እዮም ዘስምዑ። ብዘይ መንፈሳዊ ራእይ ነቲ መለኮታዊ መደብ ኣምላኽ ክርእይዎን ክርድእዎን ኣይክእሉን እዮም።

## እናማዕበለ ዝኸይድ ርእየት ኣዕንቲ

ቅድሚ ዳግማይ ምውላድካ ብሓጢኣት ዓዊርካ ኢኻ ኔርካ። ብመንገዲ ድሕነት ብደም የሱስ ክኣ ዕሮትካ ይፍወስ። በዚ ኸኣ ኣምላኽ ንመንፈሳዊ ራእይካ ከማዕብል ይደሊ።

እዚ መስርሕ እዚ መንፈሳዊ ምምስሳል ናይቲ ኣብ ኣገልግሎት የሱስ ዝነበረ ጭቡጥ ፍጻመ እዩ፤

*"ናብ ቤተ-ሳይዳ ኸኣ መጹ። ዕውር ናብኡ ኣምጺኦም፡ ኪትንክዮ ለመንዎ። ነቲ ዕውር ድማ ብኢዱ ሒዙ ናብ ወጻኢ እታ ዓዲ ወሰዶ። ኣብ ኣዒንቱ ጡፍ ኢሉ ኸኣ ኢዱ ኣንበረሉ እሞ፡ ገለዶ ትርኢ ኣሎኻ፧ ኢሉ ሐተቶ። ቋሕ ኢሉ ድማ፡ ሰባት እርኢ ኣሎኹ፡ ኪመላለሱ ኸለዉ ኣእዋም መሲሎም እርእዮም ኣሎኹ፡ በለ። ከም ብሓድሽ ድማ ኢዱ ኣብ ኣዒንቱ ኣንበረሉ እሞ ኣጸቢቑ ጠመተ፡ ሐወየ ንኹሉውን ተቐሊዑ ረኣየ።"* (ማር 8፡22-25)

እዚ ተኣምር እዚ የሱስ ኣብ እዋን ምድራዊ ኣገልግሎቱ ዝገበሮ ጭቡጥ ኣካላዊ ፈውሲ እዩ ነይሩ።

ስለምንታይ እታ ናይ መጀመርታ ምትንኻፍ የሱስ፡ ነቲ ሰብኣይ ምሉእ ብምሉእ ዘየሕወየቶ፧ የሱስ ኩሉ ሓይሊ ኣይነበሮን ድዩ፧ ወዲ ህያው ኣምላኽዶ ኣይኮነን፧ ኣብዚ ኣተኲርና እንተርኢና፡ የሱስ፡ ነቲ መንፈሳዊ ሓቂ ብባህርያዊ ኣብነት ገይሩ እዩ ገሊጽዎ። የሱስ ልክዕ ከምቲ ኣብዚ ባህርያዊ ፈውሲ ዝገበሮ ኣብ መንፈሳዊ የዕንትኻ ውን ክትንክፈካ እዩ ዝደሊ። መጀመርታ ኣብ ህይወትካ ዘሎ መሰረታዊ ዑረት ሓጢኣት ካባኻ ከጽርዮ ይደሊ። ድሓር ከኣ መንፈሳዊ ራእይካ ቀስ ብቐስ ከማዕብል ይደሊ።

## መንፈሳዊ ራእይ እንታይ እዩ፧

መንፈሳዊ ራእይ ማለት ኪኖ እቲ ኣብ ባህርያዊ ዓለም እትርእዮ ናብ መንፈሳዊ ዓለም እትርእዮ ርእየት ዝጠቓለለ እዩ። ብተወሳኺ ኸኣ መንፈሳዊ ራእይ ማለት መለኮታዊ ዕላማ ኣምላኽ ምርዳእን ኣብ መደቡ ዘሎካ እጃም ምፍላጥን እዩ።

ብመንፈስ "ሰዲ" ዝኸዱ ዘለዉ ኣመንቲ ኣብ ሓደ ካብዞም ዝስዕቡ ምድባት ይምደቡ፤-

- *መንፈሳዊ ራእይ የብሎምን።*
- *መንፈሳዊ ራእይ ረኺቦም እምበር ዘይተኣዘዙ እዮም።*
- *ራእይ ኣለዎም፡ ከመይ ጌሮም ከም ዝፍጽምዎ ግን ኣይፈልጡን። ፈቲኖም ፈሺሎም ወይ ምናልባት ፈጺሞም ፈቲኖም ኣይፈልጡን እዮም።*

መንፈሳዊ ራእይ፡ ኣምላኽ እንታይ ክትገብር ከም ዝደልየካ ንጹር ምስሊ ይህበካ፡ ድሕሪኡ ንነፍሲ ወከፍ ስጉምቲ ክርስትያናትዊ ህይወትካ ናብቲ ዕላምኡ ንምዕዋት ዝግበር ንጥፈት የቕንዖ።

## ራእይ ጳውሎስ

ሃዋርያ ጳውሎስ መንፈሳዊ ራእይ ነይርዎ። ከምዚ ኸኣ ኢሉ፤

*'. . ነቲ ሰማያዊ ራእይ ኣይኣበኽዎን. ."* (ግብ 26፡19)

ሰማያዊ [መንፈሳዊ] ራእይ ኣብ ህይወት ጳውሎስ ድፍኢት ዘለዎ ሓይሊ እዩ ነይሩ። እንተኾነ ግን ራእይ ምህላው እኹል ከምዘይኮነ ተገንዚቡ። ስለዚ ኸኣ እዩ ነቲ ራእይ ንምዕዋት ስጉምቲ ክውሰድ ዝነበሮ።

ሓደ ራእይ ዘለዎ ብዓል "ራእይ" ኮይኑ ክቕጽል ይኽእል እዩ። ኣብ ተግባር ክፍጽሞ እንተዘይክኢሉ ግን ክውንነት ተፈጻምነት ዘይብሉ ኾይኑ እዩ ዝተርፍ። ኣምላኽ ግን ራእይ ክህብ ከሎ ንምፍጻሙ መንፈሳውን ግብራውን ስትራተጂታት ይህብ እዩ።

እግዚኣብሄር ንጳውሎስ መንፈሳዊ ራእይ ክህቦ ከሎ፡ ነቲ ራእይ ንምፍጻም ክገብሮ ዘለዎ ፍሉይ ነገራት ሂብዎ እዩ።

*“ግናኸ ተንስእ እሞ ብእግርኻ ደው በል፡ ነቲ ዝርኤኻዮን ኣነ ድሕርዚ ኽገልጸልካ ዘሎንን ነገር ኣገልጋልን ምስክርን ክትከውን መዲበካ ኣሎኹ፡ ስለዚ ድማ እየ እተገለጽኩልካ። ካብ ህዝብኻን ካብቶም ናባታቶም ዝልእከካ ኣህዛብን ከአ ከናግፈካ እየ፡ ንሳይ ብምእማን ከአ ሕድገት ሓጢኣት ርስቲ ምስ ቅዱሳንን ኪረኽቡ፡ ካብ ጸልማት ናብ ብርሃን፡ ካብ ስልጣን ሰይጣንውን ናብ ኣምላኽ ኪምለሱ ኣዒንታቶም ክትከፍተሎም፡ እልእከካ ኣሎኹ።” (ግብ 26፡16-18)*

ኣምላኽ ንጳውሎስ ኣገልጋሊኡን ምስክሩን ክገብሮ ኢሉ መንፈሳዊ ራእይ ሂብዎ። ንሱ ኸአ ኣገልግሎቱ ንፍሉይ ጉጅለ ሰባት ማለት ንኣህዛብ ክኸውን ነይርዎ። ኣህዛብ ዝብል ቃል ንኣይሁዳዊ ዘይኮነ ዘመልክት እዩ፣ እዚ ማለት ከአ ንኹሎም ካልኦት ህዝብታት ዓለም ማለት እዩ።

እግዚኣብሄር ንጳውሎስ ነቲ ራእይ ክህቦ ከሎ ንምዕዋቱ ዕላማታት [ውጥናት] ሂብዎ። ጳውሎስ ከአ ንቶም ኣህዛብ፤

- ንመንፈሳዊ የዕንቶም ካብ ጸልማት ናብ ብርሃን ክኸፍተሎም።
- ካብ ስልጣን ሰይጣን ናብ ኣምላኽ ክምለሱ።
- ናብ ሕድገት ሓጢኣት ክመርሖም።
- ነቲ መንፈሳዊ ውርሽኦም ብእምነት ዝርከብ ርግጾ ክገብረሎም። ኢዩ ነይሩ

## ምውላድ እቲ ራእይ

*ሎሚ ኣምላኽ ልክዕ ከምቲ ንጳውሎስ ዝገበሮ መንፈሳዊ ራእይ ክህበካ ይደሊ። ኣምላኽ ነቲ ራእይ ክትፍጽሞ ዘኽእለካ ዕላማታትን ሾቶታትን እውን ክገልጸልካ ይደሊ።*

*"ምውላድ እቲ ራእይ" እናተመኮርካ ኣብ ክንዲ ተራ ተዓዛቢ ትኸውን ኣብ መለኮታዊ መደብ ኣምላኽ ተሳታፊ ክትከውን ኢኻ።*

*ንህጻን ወዲ ሰብ ናብ ዓለም ዘምጽእ ባህርያዊ መስርሕ ልደት ምስቲ ኣብ መንፈሳዊ ዓለም ራእይ ዝውለድ መስርሕ ዝመሳሰል እዩ። ንመንፈሳዊ ራእይ እናወለድካ እዞም ዝሰዕቡ ደረጃታት ክትምኩር ኢኻ፦*

## ጅማረ ጥንሲ፤ (ድቂ)

*"ጅማረ ጥንሲ" ማለት ምፍጣር ሕነት(ድቂ) ማለት እዩ። መንፈሳዊ ራእይ ኣብ መንፈስካ ብኣምላኽ እዩ ዝፍጠር።*

እግዚኣብሄር ንጳውሎስ *መንፈሳዊ ራእይ ክህቦ ከሎ ምንጩ መን ምኳኑ ኣነጺሩሉ እዩ።* "ኣነ የሱስ እየ" ኢሉ ነጊርዎ (ግብ 26፡15) ። በዚ ኸአ ኣምላኽ ንራእይ ጳውሎስ ክጥነስ ገበሮ።

### ዕብየት:

*መጀመርታ መንፈሳዊ ራእይ ክትቅበል ከለኻ ብመልክዕ "ድቂ" እዩ። ድቂ መሰረታዊ ዋህዮ ህይወት እዩ። ልክዕ ከምቲ ዕብየት ድቂ ሰብ፡ ኣምላኽ ኣብኡ እናዓበኻ ምስ ከድካ መንፈሳዊ ራእይካ የማዕብል።*

*ኣብ ህጻን ወዲ ሰብ ዘሎ መሰረታዊ ዋህዮ ህይወት ድቂ እዩ፣ ካብኡ ኩሉ መሰረታዊ ባህርያት ኣካላት ወዲ ሰብ ይምዕብል። ነቲ ድቂ ክትቅይሮ እንተፈቲንካ፡ ምንጻል ወይ ሞት ኣብቲ ዕሸል ከጋጥም ይኽእል።*

*እግዚኣብሄር ነቲ መሰረታዊ መንፈሳዊ ራእይ ኣብ ውሽጥኻ ይጠንሶ። እቲ ራእይ ካብቲ ድቂ ኮይንዎ ዘሎ ኩሉ ዓይነት ባህርያት ሒዙ እዩ እንዳ ማዕበለ ዝኸይድ። ነቲ ራእይ ክትቅይሮ እንተፈቲንካ ካብቲ ፍጹም ውጥን ኣምላኽ መልክዑ ክቕይር እዩ፣ ወይ ድማ ክንጸል ይኽእል እዩ።*

*ኣብዚ ስልጠና ዝተገልጸ ራእይ ብኣምላኽ ኣብ መንፈስካ ክፍጠር ከሎ፡ ብዝተፈላለየ መንገዲ ክትፍጽሞ ትኽእል እኳ እንተኾንካ፡ ኩሉ ግዜ ከም ቀደሙ ክጸንሕ ኣለዎ።*

*እቲ ራእይ ብመንፈስ ምስ በሰልካ ክዓቢን ክምዕብልን እዩ። ፍሉይነታቱ ከም ትማሊ፡ ዝሓለፈ ሰሙን፡ ወይ ዝሓለፈ ወርሒ ኣይክኸውንን እዩ። ነቲ ዝተጸዋዕካሉ መለኮታዊ ዕላማ መበገሲ ራእይኻ ምኳኑ ግን ፈጺምካ ክትርስዖ የብልካን።*

*እቲ ምምዕባል ናይ ሓደ ራእይ ከምቲ ኣብ ባህርያዊ ዓለም ኣብ ውሽጢ ኣካል ኣደ ተዘርጊሑ እትረኽቦ ተመክሮ ኮይኑ ክትረኽቦ ኢኻ። እቲ ራእይ ኣብ ውሽጥኻ እንተዘይማዕቢሉ ክመውት እዩ።*

ከምቲ ኣደ ንውላዳ ኣብ ውሽጢ ኣካላታ ትሰክሞ፡ ነዚ ራእይ ክትቅበል ከለኻ ኸኣ ብቐጻሊ ምሳኻ እዩ። ኣገዳሲን ህያውን ኣካልካ ይኸውን። ካብ ናይ ገዛእ ርእስኻ ምንጪ ህይወት ከምኡ'ውን ካብቲ ዝጠነሶ መለኮታዊ ምንጪ ዘድልዮ ነገር ይወስድ።

እቲ ዕሽል እናማዕበለ እንከሎ፡ ነፍሰጾር ኣደ ንገዛእ ርእሳ ኣብ ገለ ነገራት ክትክሕድ የድልያ። ከምኡ ኸኣ መንፈሳዊ ራእይካ እናማዕበለ ምስ ዝኸይድ፡ ብተመሳሳሊ ከምኡ ክትገብር ትግደድ ኢኻ። እዚ ማለት ንኑብስኻ ካብ ናይ ገዛእ ርእስኻ መደባትን ህርፋንን ምትግባር ከተኽሕዳ ክትግደድ ትኽእል ኢኻ። ዓለማዊ ሃብቲ ክትገድፍ ክትግደድ ይክኣል እዩ። ንኽትጸውምን ክትጽሊን ግዜ ክትሰውእ ክትግደድ ኢኻ።

## ቅልውላው/ጻዕሪ

መክብብ 5:3 ከምዚ ትብል።

> *"ሕልሚ ብምብዛሕ ጕዳይ እዩ ዚመጽእ።" (መክብብ 5፡3)*

እዚ "ምብዛሕ" ዝብል ቃል ክትርጎም ከሎ፡ ንውሑድ ነገር ዘመልክት ኣይኮነን። ከምኡ ኸኣ "ጉዳያት" እትብል ቃል ብመሰረት ሓደ ናይ እብራይስጢ ጽሑፍ፡ ጻዕሪ [ጸገም] ዝብል ትርጉም ሂብዋ ኣሎ። ስለዚ ሕልሚ ወይ ራእይ ብ"ብዝሒ ጻዕሪ" እዩ ዝመጽእ።

ኣብ ባህርያዊ ልደት ብዛዕባ ሕርሲ ምስቲ ራእይ ዝወልድ መንፈሳዊ ጻዕሪ ዝመሳሰሉ ሓቅታት ኣለዉ። ባህርያዊ ጻዕሪ ነቲ ዕሽል ንምውላድ ጽዑቐ ዝኾነ ጻዕሪ ዝግበረሉ እዋን እዩ። እዚ ናይ ጻዕሪ ግዜ እዚ "ቅልውላው" እውን ይበሃል እዩ።

ከምቲ ኣብ ባርያዊ ዕሽል ክውለድ ከሎ፡ ኣካላውን ኣእምሮኣውን መንፈሳውን ጻዕርን ጸበባን ዝህሉ፡ ከምኡ ኸኣ ኣብቲ መንፈሳዊ ራእይ ዘውለደሉ የጋጥም እዩ። እምበኣር ነዚ ስልጠና እዚ ከተጽንዕ ከለኻ፡ ኣምላኽ ነቲ ኣብ መንፈስካ ክወልዶ ደሊዎ ዘሎ ከተተኩር ይግባእ።

ኣብ ባህርያዊ ዓለም ኣብ እዋን ሕርሲ [ቅልውላው] እታ ትወልድ ነቲ ባህርያዊ ሓይሊ ክትቆጻጸሮ ኣለዎ። ነቲ ህጻን ቅድሚ ማህጸን ተኸፊቱ ናብ መስመር መሕረሲ ኣካል ዝኣቱ፡ ብሓይሊ ንኽወጽእ እንተ ኣገዲዶቶ፡ እቲ ህጻን ከይተወልደ ክመውት ይኽእል እዩ። ብተመሳሳሊ ኣብ መንፈሳዊ ዓለም ከኣ ከምኡ እዩ። ኣምላኽ ንህይወትካ እንተዘይተቐጻጺርዎ ነቲ ራእይ ብሓይልኻ ክትወልዶ እንተፈቲንካ መደብ ኣምላኽ ኣባኻ ከይትግበር ከም ምናጻል እዩ።

ኩሉ ኣብ ውሽጥኻ ዘሎ ክእለት ነቲ መንፈሳዊ ራእይ ንምውላድ ደፊኡ ከውጽኦ ክጽዓርን ክጭርሕን ኣለዎ። ናይ ገዛእ ርእስኻ ሓይልን ክእለትን እንተኾይኑ ግን ነቲ ራእይ ክቐትሎ ይኽእል እዩ። ንጴጥሮስ ኣብነት እንተወሰድና፡ ክርስቶስ እንታይ ክገብር ከም ዝጽውዖ ምስ ተረድአ "ኣነ ሓጢኣተኛ እየ እሞ ካባይ ርሓቅ" ኢሉ ናብ ክርስቶስ ከእዊ ከሎ ንርኢ (ሉቃ 5፡8) ። ምኽንያቱ እቲ ራእይ ዓቢ ስለዝኾነ ብባህርያዊ ሓይሉን ክእለቱን ክፍጽሞ ከምዘይክእል ይፈልጥ ነይሩ።

ከምቲ ሓንቲ ኣብ ሕርሲ እትርከብ ኣደ፡ ካብ ኣዕንቲ ሰብ ዝጥምታሉ ግልል እትብል፡ እቶም ኣብ መንፈሳዊ ቅልውላው ዘለዉ ኸኣ ምስ ኣምላኽ በይናዊ (ናይ ጽሞና) ግዜ ክወስዱ ኣለዎም።

## ናይ ምስግጋር ግዜ፤

ኣብ ባህርያዊ መስርሕ ሕርሲ፡ ኣብ እዋን ሕርሲ "ናይ ምስግጋር" ግዜ ተባሂሉ ዝፍለጥ ግዜ ኣሎ። እዚ ኸኣ እቲ ቀልዓ ንኽውለድ ቅድሚ እቲ ናይ ሕርሲ መስመር ምኽፋቱ እቲ ዕሽል ንኽወጽእ ኣብ ዝደፍኣሉ ግዜ ኮይኑ ነታ ኣደ እቲ ዝኸበደ ናይ ጻዕሪ ግዜ እተሕልፎ እዩ።

እዚ ምስ ምውላድ ራእይ ኣብ መንፈሳዊ ዓለም ዝመሳሰል እዩ። ኣምላኽ መንፈሳዊ ራእይ ኣባኻ ምስ ወለደ ናይ ምስግጋር ግዜ ከጋጥመካ እዩ።

ምስግጋር ማለት ለውጢ ማለት እዩ። ኣምላኽ ነዚ መንፈሳዊ ራእይ ምስ ሃበካ ኣብ መስርሕ ህይወት እንዳ ገስገሰ ክኸይድ ከሎ ለውጢ ክሓትት እዩ። እዚ ኸኣ ሓድሽ ተወፋይነትን መብጽዓ ይጠልብ።

ኣብ ነፍሲ ወከፍ መዳይ ህይወትካ ጸቕጢ ከጋጥመካ ይኽእል እዩ። ኣብ ውሽጥኻ ዘሎ ኩሉ ካብቲ ኣምላኽ ዘውጽኦ ዘሎ መንፈሳዊ ቃንዛ ምውላድ ዕረፍቲ ንምርካብ ክጭድር ይኽእል እዩ።

ብዙሓት ነቲ ራእይ ክቕበሉ ዘይክእሉሉ ነጥቢ እዚ እዩ። እግዚኣብሄር ካብ ግዜ ናብ ግዜ ንህዝቡ እቲ ኣብ ውሽጦም ዘሎ ራእይ ንኽውለድ እናወሰኸ ምስ ዝኸይድ ኣብ ናይ ምስግጋር ግዜ የእትዎም እዩ።

እቲ ናይ ምስግጋር ግዜ ኣዝዩ ከቢድ ስለዝኾነ ብዙሓት ንድሕሪት ከምለሱ ይኽእሉ እዮም። ምኽንያቱ ነቲ ኣዝዩ ከቢድ እዋን ጸቕጢ ዝበዝሖ ክቕበልዎ ስለዘይክእሉ እዩ።

ኣብ ኣተሓሳስባኦምን ኣነባብራኦምን ክገብርዎ ፍቓደኛታት ዘይነበሩ ለውጢ ንኽግበር ዝሕተት ነገር ነይሩ'ዩ። እንተ ኮነ ግን ናይ ገዛእ ርእሶም ጻዕርን ተወፋይነትን ክገድፉ ኣይከኣሉን። ናይ ገዛእ ርእሶም ህርፋንን ድሌትን ንጎኒ ገዲፎም ንመደብ ኣምላኽ ከተግብሩ ኣይከኣሉን። ንህዝቢ እስራኤል ዘጋጠመ ነገር ከምዚ እዩ ነይሩ፤

*"ከም ጥንሰቲ ሰበይቲ፡ ክትወልድ ምስ ቀረበት፡ ቅልውላው ተታሒዛ እትጭርሕ፡ ዎ እግዚኣብሄር፡ ንሕናውን ኣብ ቅድሜኻ ኸምኡ ኹንና። ጠኒስና፡ ጻዕሪ ሕርሲ ሐዚና፡ ንፋስ ከም ዝወለደት ኰንና፡ ምድሓን ንምድሪ ኣየምጻእናላን፡ ኣብ ዓለም ዚነብሩ ኸኣ ኣይውለዱን።" (ኢሳ 26፡17-18)*

ጻዕሪ ሕርሲ ጓሂ የምጽእ እዩ ግን ናብ ሓጎስ ዘምጽእ ልደት ይመርሕ፤

*"ሰበይቲ ኽትወልድ ከላ፡ ጊዜኣ ስለ ዝበጽሐ ትጒሂ። ቈልዓ ምስ ወለደት ግና፡ ሰብ ኣብ ዓለም ስለ እተወልደ፡ ተሐጒሳ፡ ነቲ ጻዕራ ኣይትዝክሮን እያ።" (ዮሃ 16፡21)*

ኣብ ኢሳ 53፡11 ኣምላኽ ብጻዕሪ የሱስ ክርስቶስ ከም ዝዓገበ መስኪሩ ኣሎ። ኣብታ መዓልቲ እቲኣ ኣብ መስቀል ራእይ ተፈጺሙ እዩ። ... ንሱ ኸኣ ሰብ ናብ ሓጢኣት ካብ ዝወደቐሉ እዋን ጀሚሩ ተሰፋ ተኣቲሉ ዝነበረ ራእይ'ዩ (ዘፍ 3፡15) ። ብጻዕሪ ኣቢሉ ብምሕላፍ ድማ እቲ ካብ ሓጢኣት ናይ ምድሓን ራእይ ክውን ገበሮ።

ጻዕሪ መሪር ተመክሮ እዩ፡ እንተኾነ ግን ብዘይ ጻዕሪ እቲ ራእይ ክውለድ ዘይክእል ምኻኑ እዩ፤

*"ከምዚ ዘመሰለ መን ሰምዔ፣ ከምዚ ዝበለኸ መን ረኣየ፣ ሃገርዶ ብሓንቲ መዓልቲ ጽዒራ ትወልድ ኢያ፣ ህዝቢዶኸ ብሓንቲ ጊዜ ይውለድ እዩ፣ ጽዮን ግና ቅልውላው ምስ ሓዛ፡ ብኡብኡ ደቃ ወለደት። ኣነ ንምውላድ ዘብጻሕኩስ፡ ሓይሊ ምውላድዶ ኣይህብን እየ፣ ይብል እግዚኣብሄር። ኣነ ንምውላድ ሓይሊ ዝህብ፡ ንማሕጸንዶ እዐጹ እየ፣ ይብል ኣምላኽኪ።" (ኢሳ 66፡8-9)*

## ምውላድ፤

ምምዕባል መንፈሳዊ ራእይ ልክዕ ከም ድቂ ናይ ወድሰብ ንምውላድ ትጽቢት ዝግበረሉ መወዳእታ ኣለዎ። እቲ መወዳእታ ምውላድ እዩ። ቅድሚ ኣብ ግዚኡ ምውላድን ደንጒኻ ምውላድን ነቲ ዕሸል ሞት ከስዕብ ይኽእል እዩ፡ እዚ ድማ ኣብ ባህርያዊ መስርሕ ልደት ይኹን ኣብ መንፈሳዊ ምውላድ ራእይ ከጋጥም ዝኽእል እዩ።

ድሕሪ ምውላድ ኣብ ባህርያዊ ዓለም እቲ ቀልዓ ዕብየቱን ምዕባለኡን ይቕጽል። ድሕሪ ምውላድ እዚ መንፈሳዊ ራእይ ኸኣ እናዓበየን እናማዕበለን ክቕጽል እዩ። ከምኡ ኸኣ ሓድሽ መልክዕን ቅርጽን ክህልዎ እዩ፣ ኩሉም ግን ካብቲ መሰረታዊ ዋህዮ መንፈሳዊ ህይወት ዝኾነ ራእይ ክምዕብሉ ኣለዎም።

## ራእይ ኣብርሃም

ኣብርሃም ነቲ ኣምላኽ ዝሃቦ ራእይ ብናይ ገዛእ ርእሱ ጻዕሪ ንእስማኤል ብምውላድ ከተግብሮ ፈቲኑ። ኣምላኽ ዓቢ ህዝቢ ክገብሮ ከም ዝደሊ ስለ ዝፈልጥ ብሰበይቱ ሳራ ኣቢሉ ወራሲ ክመጽእ ከም ዘይክእል ይሓስብ ነይሩ።

ስለዚ ብዛዕብኡ ገለ ነገር ገበረ እሞ እስማኤል ተወልደ። እንተኾነ ግን ብድሕሪ እስማኤል ናይ ኣብርሃም ሓይሊ ዶ ዋላስ ናይ ኣምላኽ ሓይሊ እዩ ነይሩ፧ እቲ ብእስማኤል ኣቢሉ ዝተፈጸመ ራእይ ሰብ ዝሰርሖ'ዶ ወይስ ኣምላኽ ዝሰርሖ እዩ ነይሩ፧

ብናይ ገዛእ ርእስኻ ጻዕሪ ሓደ እስማኤል ኣብ መድረኽ ከተምጽእ ትኽእል ኢኻ። እስማኤል ብባህርያዊ ክእለት ፍቓድ ኣምላኽ ክትፍጽም እትፍትነሉ መደባትን ኣገባብን እዩ ዝውክል። እቲ ብይስሃቅ ዝተወከለ ሰማያዊ ራእይ ግን ብኣምላኽ ጥራይ ክውለድ ኣለዎ።

ምንጪ መንፈሳዊ ራእይ መን እዩ፧

> *ንሳቶም፡ “ግብሪ ኣምላኽ ክንገብርሲ እንታይ ንግበር፣ በልዎ።” የሱስ ከኣ፡ “ግብሪ ኣምላኽ” በቲ ንሱ ዝለኣኾ ኽትኣምኑ እዩ፡ ”* ብምባል እቲ ምንጪ ንሱ ምዃኑ ነገሮም *(ዮሃ 6፡28-29)።*

እግዚኣብሄር ኣብርሃም ምንጪ ሰማያዊ ራእይ ክኸውን ከም ዘይደለየ ሰብ ዝሰርሖ ወይ ብውዳበ ዝሰራሕ ራእይ ክነውጽእ ኣይደለየን። እግዚኣብሄር ምንጪ መንፈሳዊ ራእይ እዩ። ኣብዚ ስልጠና ክትረኽብዎ እትኽእሉ ራእይ መደብ ኣምላኽ እዩ። ናይ ሰብ ውጥን፣ ናይ ትካላት ወይ ናይ ውዳበታት ኣይኮነን።

እስማኤል ምስ ተወልደ ንዓሰርተ ሰለስተ ዓመት ኣምላኽ ንኣብርሃም ደጊሙ ከም ዝተዛረቦ ዝገልጽ መዝገብ ጽሑፍ የብሉን። ንኣብርሃም ውላድ ክወልድ ብሰብኣዊ መንገዲ ክሳብ ዘይከኣል ኣምላኽ መሊሱ ነቲ ኣብ ውሽጡ ዝነበረ ራእይ ኣንቀሳቒስዎ። ኣብቲ እዋን እቲ፡ ጻዕሪ ገዛእ ርእሱ ሞይቱ ነይሩ።

ብድሕሪ እዚ ራእይ ተወልደ፣ ከመይሲ ኣብ ፍጹም ግዜ ኣምላኽ ይስሃቅ ብተኣምር ተወሊዱ። ምስ ምውላድ ኢሳቅ መደብ ኣምላኽ ክትግበር ኣንተኾይኑ ግን እስማኤል [ርእሰ-ጻዕሪ] ክስጎግ ኣለዎ።

ይስሃቅካ [መደብ ኣምላኽ] ኣብ መንፈስካ ክውለድ ግዜኡ እዩ። እዚ ምኽንቲ ክኸውን እስማኤል ክስጎግ ኣለዎ።

ርእሰ ጻዕሪ፡ መደባትካ፡ ህርፋንካ፡ ትውፊትካን ውጥናዊ መደባትካን ምድርባይ መሪር ተመክሮ እዩ።

ኣምላኽ ግን ከምቲ ንኣብርሃም ዝበሎ "ዘርእኻ ብይስሃቅ ክጽዋዕ እዩ እሞ፡ ብእስማኤል [ብፅላዊ ጻዕሪ] ኣይትሓዝ" ይብለካ ኣሎ። ኣብ ይስሃቅ ምንጪ ራእይ ኣምላኽ እዩ ነይሩ።

## ድሉው ዲኻ፧

ልደት ለውጢ ይሓትት። ኣብ ባህርያዊ ዓለም እቲ ህጻን ካብ ውሑስ ማህጸን ክወጽእ ኣለዎ።

ዳግማይ ምስ ተወለድካ ነቲ ናይ ቀደም ህይወት ብሓጢኣት ተነብሮ ዝነበርካ ክትገድፎ ኣለካ። የሱስ ንኣተሓሳስባኻን ንቅዲ ናብራኻን ክቕይር ከተፍቅደሉ ኣሎካ።

መንፈሳዊ ራእይ ንምውላድ እውን ለውጢ የድሊ። ካብቲ ዝፍለጥ ናብ ዘይፍለጥ ንምስጋር ትብዓት ይሓትት።

ሕጂ ነቲ መንፈሳዊ ራእይ ክትቅበሎ ድሉው ዲኻ፧ ኣብ ክርስትያናትዊ ህይወትካ ሓድሽን ኣገዳስን ነገር ንምውላድ መንፈሳዊ ጻዕሪ ከተስተማቕር ፍቓደኛ ዲኻ፧ ፍቓደኛ እንተዘይኮንካ መጽናዕትኻ ኣብዚ ደው እንተትብል ይሓይሽ። ምኽንያቱ ኣብዘን ገጻት ዝተገልጸ ራእይ ሓንሳብ ምስ ረኣኻዮ ህይወትካ እንደገና ከም ቀደማ ኾይና እይክትረኽባን ኢኻ።

## ርእሰ ገምጋም

1. መሪሕ ጥቕሲ ካብ ዘኽርኻኻ ጽሓፍ።

_______________________________________________

_______________________________________________

2. መንፈሳዊ ራእይ እንታይ'ዩ፧ ግለጽ።

_______________________________________________

_______________________________________________

3. ኣብ ዝርዝር ሓደ ዘለዉ ስማት ርአ፡ ድሕሪኡ ዝርዝር ክልተ ኣንብብ። ኣብቲ ኣብ ቅድሚ ስሙ ዝተዋህበ ባዶ ቦታ ምስቲ ኣብ ዝርዝር ሓደ ዘሎ ሰብ ዝዛመድ ቁጽሪ ናይቲ ሓረግ ምረጽ። እቲ ቀዳማይ ንስኻ ክትሰዕቦ ከም ኣብነት ኮይኑ ይሰራሕ።

| 1ይ ዝርዝር | 2ይ ዝርዝር |
|---|---|
| _________ጳውሎስ | 1. ነቲ ራእይ ብእስማኤል ኣቢሉ ከተግብሮ ፈቲኑ። |
| _________ገሓዚ | 2. "ነቲ ሰማያዊ ራእይ ኣይኣበኽዋን።" |
| _________ኣብርሃም | 3. "ኣየ ጐይታይ፡ እንታይ ክንገብር ኢና፧" |
| _________እግዚኣብሄር | 4. "ኣነ ንምውላድ ዘብጻሕኩስ፡ ሓይሊ ምውላድዶ ኣይህብን እየ፧" |
| _________የሱስ | 5. "ኣነ ሓጢኣተኛ እየ እሞ ካባይ ርሓቕ" |
| _________ጴጥሮስ | 6. "እግዚኣብሄር ግና ብመከራ ኺሕምሽሾ ፈተወ" |

4. ኣብ ዝርዝር ክልተ ዘለዉ ሓረጋት ኣንብብ። ኣብ ዝርዝር ሓደ ዘሎ ቃል ብዝበለጸ ዝገልጾ ቁጽሪ ሓረግ ኣብቲ ኣብ ቅድሚ እቲ ቃል ዝተዋህበ ባዶ ቦታ ኣቐምጦ።

| 1ይ ዝርዝር | 2ይ ዝርዝር |
|---|---|
| _________ጥንሲ/ድቒ | 1. እቲ ራእይ ኣብ ውሽጥኻ ብመንፈስ ዝዓብየሉ ግዜ። |
| _________ምዕባለ | 2. ልክዕ ቅድሚ ሕርሲ፡ ባህርያዊ ርእሰ ጻዕሪ ተቋሪጹ፡ ኣምላኽ ነቲ ራእይ ንኽውለድ ዝገብረሉ ኣዝዩ ከቢድ ግዜ። |
| _________ጻዕሪ | 3. ምጅማር ራእይ ኣብ መንፈስካ ከምቲ ብኣምላኽ ዝተተኽለ። |
| _________ምስግጋር | 4. መንፈሳዊ ቃንዛ ልደት፡ ጽዑቕ ኣካላዊ፡ ኣእምሮኣውን መንፈሳውን ጻዕሪ ዝካየደሉ እዋን። |

## ንዝያዳ መጽናዕቲ

1. ብዛዕባ መስርሕ ጻዕሪ ዘለካ ኣፍልጦ ነዞም ዝስዕቡ ቅዱሳት መጻሕፍቲ ብምጽናዕ፡ ኣስፍሕ፣

   ዮሃ 16፡21፡ ሓዘን የምጽእ፡ ናብቲ ሓጐስ ዘምጽእ ልደት ግን ይመርሕ።

   1ይ ተሰሎንቄ 2፡9፡ ኣብ ተፈጥሮኣውን መንፈሳውን ዓለም ጻዕሪ ከምዝሎ ይገልጽ።

   ገላትያ 4፡19፡ ውጽኢቱ ድማ ክርስቶስ ኣባኻትኩም ክቕረጽ እዩ።

   ሮሜ 8፡22-25፡ ተስፋ የምጽእ እዩ።

   ኢሳይያስ 66፡7-9፡ መንፈሳዊ ጻዕሪ ውጽኢቱ ምውላድ [መንፈሳዊ ምፍራይ] ክኸውን ድሌት ኣምላኽ እዩ።

2. ብዛዕባ እዚ ኣበሃህላ እዚ ሕሰብ፤

   "ዕማም ዘይብሉ ራእይ ራእይ ጥራይ እዩ።

   "ራእይ ዘይብሉ ዕማም ድኻም ጥራት እዩ።"

   "ራእይ ዘለዎ ዕማም ግን ሚስዮናዊነት እዩ"

3. እኩያት ሰባት ክፉእ ውጥን ይወልዱ።

   *"እንሆ፡ ንእከይ የቕለሉ፡ ሕሰም ጠኒሱ ሓሶት ይወልድ።" (መዝሙር 7:14, ዘ ሊቪንግ ባይብል)*

4. ኣብ ባህርያዊ ዓለም "መኻን" ምኳን ማለት ውላድ ክትወልድ ዘይምኽኣል ማለት እዩ። ብመንፈስ "መኻን" ዲኻ፧

ንነዊሕ ዓመታት መኻናት ዝኾና ደቂ ኣንስትዮ መጽሓፍ ቅዱስ፡ ኣምላኽ ምስ ተንከፈን፡ ዓበይቲ ሰብ ዝኾኑ ቀልዑ ወሊደን...

- ሳራ ንይስሃቅ ወሊዳቶ
- ራሄል ንዮሴፍ ወሊዳቶ
- ማኖአ ንሳምሶን ወለደ
- ሃና ንሳሙኤል ወሊዳቶ
- ሩት ንኦቤድ ወሊዳቶ
- ኤልሳቤጥ ንዮሃንስ ወሊዳ

# ምዕራፍ ክልተ
# ነቲ ራእይ

## ዕላማታት፤

ነዚ ምዕራፍ ምስ ወዳእኩም ነዞም ዝስዕቡ ክትክእሉ ኢኹም፤

- ትርጉሙ "ባህርያዊ ምምስሳል ናይ ሓደ መንፈሳዊ ሓቂ" ምግላጽ።
- ባህርያዊ ኣብነት ቀውዒ ከም መንፈሳዊ ምምስሳል ናይቲ እግዚኣብሄር ብመንፈስካ ክወልዶ ዝደሊ ራእይ ኣለሊ።
- ነቲ ራእይ ንምቕባል ዝመርሑ ስጉምትታት ግለጽ።

## መሪሕ ጥቕሲ፤

*"ንስኻትኩምዶ፡ ቀውዒ ኽሳዕ ዚመጽእ ኣርባዕተ ወርሒ ኣሎ፡ ትብሉ ኣይኮንኩምን፧ ኣዒንትኹም ቋሕ ኣብሉ እሞ ምድሪ ድሮ ንዓጺድ ከም ዝጻዕደወት ርኣዩ፡ እብለኩም ኣሎኹ።" (ዮሃ 4:35)*

### መእተዊ

ኣብዛ ዝሓለፈት ምዕራፍ ንመስርሕ ምምዕባል መንፈሳዊ ራእይ ዝገልጽ ርኢና። እዛ ምዕራፍ እዚኣ ግን ነቲ የሱስ ኣብ መንፈስካ ክወልዶ ዝደሊ ራእይ ኣለሊኻ ብኸመይ ከም እትቕበሎ እያ እትገልጽ።

እቲ ራእይ ልክዕ ከምቲ ቅድሚ 2000 ዓመት ንደቀ መዛሙርቱ ዝበድሆም እዩ። ትርጉም ናይቲ ራእይ ንምርዳእ ሓደ ካብ መሰረታዊ መትከላት ቃል ኣምላኽ ምልላይ የድሊ። እዚ ምዕራፍ እዚ ንባህርያዊ ምምስሳል መንፈሳዊ ሓቅታት ዝምልከት ክኸውን እዩ።

እዛ ምዕራፍ እዚኣ ነቲ ኣምላኽ ኣባኻ ክጠንሶ ዝደሊ ራእይን መትከላቱን ከመይ ጌርካ ኣብ ተግባር ትቕይሮ ክትገልጸልካ እያ።

### ባህርያውን መንፈሳውን ሓቅታት

ኣብቲ ንቓል ኣምላኽ ሒዙ ዝርከብ መጽሓፍ ቅዱስ እቲ ዝበዝሐ ኣብ ደቂ ሰባት ዝተኮረ ትንቢታት፡ ተስፋታት፡ መትከላት ተጻሒፉ ኢና ንረክብ።

መብዛሕትኡ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ተጻሒፉ እንረኽቦ ብዛዕባ ሰብ እዩ። ንሱ ኸኣ ኣምላኽ ምስኣም ብኸመይ ርክብ ከምዝገበረን ንሳቶም ኸኣ እንታይ ዓይነት ግብረመልሲ ከምዝሃቡን ዝገልጽ እዩ። ብተወሳኺ ንህዝቢ ኣምላኽ ተስፋ ዝሀብ ናይ መጻኢ ፍጻመታት ትንቢታት ዝሓቖፈ ዓበይቲ ኣርእስትታውን ኣለዎ።

መጽሓፍ ቅዱስ ኣገደስቲ መትከላት ዝሓዘ ኮይኑ፡ ኣምላኽ ብቃሉ ንዓኻ እንታይ ይብለካ ከምዘሎ ንምርዳእ እተለልየሉ መጽሓፍ እዩ። ሓደ ኻብዚ ዓበይቲ መትከላት እዚ፡ እቲ መንፈሳዊ ሓቅታት ምስቲ ባህርያዊ ሓቅታት ምምስሳል ምህላዉ እዩ። "ተመሳሳሊ" ዝብል ቃል ምስ ሓደ ነገር ምምስሳል ማለት እዩ። ብዛዕባ "ባህርያዊ ምምስሳል ናይ ሓደ መንፈሳዊ ሓቂ" ክንዛረብ ከለና፡ ኣምላኽ ንሓደ መንፈሳዊ ሓቂ ንምግላጽ ወይ ንምውካል ባህርያዊ ኣብነት ይጥቀም ማለት እዩ።

ምስላታት የሱስ እንተ ኣስተብሂልናሎም፡ ንባህርያዊ ኣብነታት ኣምጺኡ ነቲ መንፈሳዊ ሓቅታት እዩ ዝገልጸሎም ነይሩ። ኣብ ሓደ ካብቶም ምሳሌታት ሓንቲ ሰበይቲ ሒደት ማይ ብሑቕ ኣብ መልወሲ እንጌራ ከም እትገብር ባህርያዊ ኣብነት ተጠቒሙ ንርኢ። እቲ ማይ ብሑቕ ኣብ ብዘሎ እቲ ንእንጌራ ዝኸውን ብሑቕ ብምዝርጋሕ ከምዘብኩዖ ከምኡ ኸኣ ዕቤት መንግስቲ ኣምላኽ ኣብ ዓለም ብኸምኡ መንገዲ ከም ትዝርጋሕ ንምግላጽ እዩ ነይሩ።

እዚ ሓደ ካብቶም ብዙሓት ኣብነታት ምሳሌታት ጥራይ እዩ፣ ኣብኡ ንሓደ መንፈሳዊ ሓቂ ንምግላጽ ባህርያዊ ኣብነት ተጠቒሙ ንርኢ።

እዚ መትከል ባህርያውን መንፈሳውን ምምስሳል ኣብ 1ይ ቆሮንቶስ ተገሊጹ ኣሎ፤

*"...ባህርያዊ ስብነት ካብ ዘሀሉ መንፈሳዊ ሰብነትውን ኣሎ። እቲ ቀዳማይ ሰብ ኣዳም ህይወት ዘለዎ ፍጡር ኮነ፡ ዝብል ጽሑፍ ኣሎ። እቲ ዳሕራይ ኣዳም ኸኣ ህይወት ዝህብ ኮነ። ግናኸ ቅድም ዝመጸ እቲ ባህርያዊ እዩ እምበር እቲ መንፈሰዊ ኣይኮነን። እቲ መንፈሳዊ ድሓር እዩ ዝመጸ። ሓድ" (1ቆሮ 15፡44-46)*

እዚ ዓቢ ኣብነት ክኾነና ዝኽእል ናይ ሓደ መንፈሳዊ ሓቂ ባህርያዊ ምምስሳል ከም ዘለዎ እዩ። እቲ ቀዳማይ ኣምላኽ ዝፈጠሮ ሰብ ባህርያዊ ሰብ ኣዳም ክኸውን ከሎ፡ እቲ ዳሕረዋ ኣዳም ተባሂሉ ተጸዊዑ ዘሎ ኸኣ የሱስ፡ መንፈሳዊ ሰብ እዩ ነይሩ።

ኣዳም ነቲ ኣምላኽ ብየሱስ ክርስቶስ ክገልጾ ዝነበሮ መንፈሳዊ ሓቂ፡ ባህርያዊ ኣብነት እዩ ነይሩ። በቲ ባህርያዊ ሰብ ሓጢኣትን ሞትን መጸ። በቲ መንፈሳዊ ሰብ ከኣ ምድሓንን ህይወትን መጸ።

እቲ ባህርያዊ፡ ብህዋሳትካ ክትዕዘቦ እትኽእል ነገር እዩ። እዚ ማለት ብስጋዊ ኣካላትካ ክትሪኦ፡ ክትሰምዖ ወይ ክትትንክፎ ትኽእል ኢኻ። ከምኡ ኸኣ እቲ መንፈሳዊ፡ ብመንፈሳዊ ህዋሳት ጥራይ እዩ ክድህሰስ(ክርአ) ዝኽእል።

ባህርያዊ ኣብነታት ብስጋዊ ህዋሳት ምልላይ ይከኣል እዩ። መንፈሳዊ ምምስሳል ግን ብግልጸት መንፈስ ቅዱስ ጥራይ እዩ ክለለ ዝኽእል።

ነዚ መትከል ባህርያዊ ምምስሳል መንፈሳዊ ሓቅታት ምርዳእ፡ ብዛዕባ ቃል ኣምላኽ ዘለካ ምርዳእ ይውስኽ።

## እቲ ቀውዒ

እቲ የሱስ ንደቀ መዛሙርቱ ዝረትዓሉ ራእይ ሕጂ ኣብ መንፈስካ ክወልዶ ደልዩ ዘሎ መንፈሳዊ ሓቂ፡ ብባህርያዊ ኣብነታት ገይሩ እዩ ገሊጽዎ ዘሎ።

የሱስ ንደቀ መዛሙርቱ ከምዚ በሎም፤

*"ንስኻትኩምዶ፡ ቀውዒ ኽሳዕ ዚመጽእ ኣርባዕተ ወርሒ ኣሎ፡ ትብሉ ኣይኮንኩምን፧ ኣዒንትኹም ቋሕ ኣብሉ እሞ ምድሪ ድሮ ንዓጺድ ከም ዝጸዕደወት ርኣዩ፡ እብለኩም ኣሎኹ።"* (ዮሃ 4፡35)

የሱስ ነዚ ቃላት እዚ ኣብ ዝተዛረበሉ እዋን ብዛዕባ እቲ ኣብ ቅድሚኦም ንዓጺድ ጻዕድዩ ዝነበረ ግራውቲ ማለት ባህርያዊ ቀውዒ ኣይኮነን ቀንዲ መዛረቢኡ ምኽንያት ዝነበረ። ንሱስ ብዛዕባ መንፈሳዊ ቀውዒ እዩ ዚዛረብ ነይሩ።

የሱስ ኣብነት ባህይርያዊ ቀውዒ ተጠቒሙ ንሰዓብቱ ንህይወቶም ትርጉምን መንፈሳዊ ኣንፈትን ዝህብ ራእይ እዩ ሂብዎም።

## ንሱ እንታይ እዩ ነይሩ፤

እዚ ባህርያዊ ኣብነት ቀውዒ ኣብ መንፈሳዊ ዓውዲ እንታይ ትርጉም ነይርዎ፧

ኣብ ወንጌል ዮሃ 4፡3-35 ኣንብብ። የሱስ ካብ ይሁዳ ንገሊላ ክኸይድ ከሎ ብሰማርያ ክሓልፍ ግድን ምስ ኮኖ ፡ ብመንገዲ ደኺሙ ኣብ ጥቓ ዒላ ምስ ኣዕረፈ፡ ደቀ መዛሙርቱ መግቢ ክዕድጉ ናብታ ከተማ ምስ ከዱ፡ ሓንቲ ሳምራዊት ሰበይቲ ኣብቲ ዓዕሪፍሉ ዝነበረ ዒላ ማይ ክትቀድሕ መጸት እሞ፡ የሱስ ወንጌል መንግስቲ ኣምላክ ኣካፈላ።

ደቀ መዛሙርቱ ነቲ መግቢ ሒዞም ምስ ተመልሱ ብላዕ ምስ በልዎ የሱስ ከምዚ ኢሉ መለሰሎም፦

*"ኣነስ ንስኻትኩም ዘይትፈልጥዎ ዝበልዖ ብልዒ ኣሎኒ፡ በሎም። እቶም ደቀ መዛሙርቲ ንሓድሕዶም፡ ሰብ ደኾን ገለ ዚብላዕ ኣምጺኡሉ ኹይኑ፧ ተባሃሃሉ። የሱስ በሎም፡ ብልዔይሲ ፍቓድ እቲ ዝለኣኸኒ ኽገብር ዕዮኡውን ክፍጽም እዩ።" **ዮሃ 4፡32-34***

ኣብቲ እዋን እቲ የሱስ ኣዝዩ ተገዲሱሉ ዝነበረ፡ እቲ ንስጋ ዘድሊ ብልዒ ዘይኮነስ፡ ነቲ መንፈሳዊ ብልዒ ንሳቶም ዘይፍልጥዎ ፍቓድ ኣብኡ ምግባርን ዕይኡ ምፍጻምን እዩ ዝነበረ።

እቲ ቀንዲ መዘራረቢ ነጥቢ ኮይኑ ዝነበረ ከም ኣብነት ዝተጠቐመሉ ባህርያዊ ቀውዒውን፡ የሱስ እንታይ ክገብር ከምዘለዎ ምእንቲ ክገልጸሎም እዩ ነይሩ። እቲ ኣዝዩ ዘገድስ ነገር ኣብ ህይወት ከኣ ፍቓድ ኣብኡ ምግባርን ዕዩኡ ምፍጻምን ምዃኑ እዩ።

## ፍቓድ ኣምላኽን ዕይኡን

ፍቓድ ኣምላኽ እንታይ እዩ፧ ዕይኡ ኸ እንታይ እዩ፧ እዚ ኣብቲ ናይ ቀውዒ ራእይ ተገሊጹ ኣሎ።

የሱስ ንደቀ መዛሙርቱ ኣዒንቶም ኣልዒሎም ነቲ ክዕጸድ ድሉው ኮይኑ ዘሎ ባህርያዊ ግራት ክጥምቱ ነገሮም። ነዚ ግራውቲ እዚ ከም ኣብነት ናይቲ ንመንግስቲ ኣምላኽ ክዓጽዱ ድሉዋት ዝኾኑ ኣብ መላእ ዓለም ዝርከቡ ብዙሓት ደቂ ተባዕትዮን ደቂ ኣንስትዮን መንፈሳዊ ግራት ገይሩ ተጠቒሙሉ ኣሎ።

እታ ቅድሚ ሕጂ ዘዘራረባ ሳምራዊት ሰበይቲ'ውን ናይዚ ዓቢ መንፈሳዊ ቀውዒ ኣብነት እያ ነይራ። ወንጌል ክትቅበል ድልውቲ ብምንባራ ብዓቢ ሓጎስ ተቐቢላቶ። በዛ ሓንቲ ሰበይቲ "ምእካብ ቀውዒ" ኣቢላ፡ ከተማ ብምልእታ ንየሱስ ተቐቢላቶ፤

*“ስለቲ እታ ሰበይቲ፡ ዝገበርክዎ ዘበለ ነጊሩኒ፡ ኢላ ዝመስከረቶ ቓል፡ ካብታ ኸተማ እቲኣ ብዙሓት ሳምራውያን ብእኡ ኣመኑ።*

*ነታ ሰበይቲውን፡ ደጊምሲ ባዕላትና ደኣ ንሱ ብሓቂ ክርስቶስ መድሓን ዓለም ምዃኑ ሰሚዕናን ፈሊጥናን እምበር፡ ሓይብዘረባኽን ኢና እንኣምን ዘሎና፡ ይብልዋ ነበሩ።”* (ዮሃ 4፡39,42)

## እቲ ራእይ ሎሚ

እቶም ደቀ መዛሙርቲ በታ መዓልቲ እቲኣ ኣብ ማእከል እቲ ዘራእቲ ባህርያዊ ግራውቲ ንዓጺድ ድሉው ዝነበረ ደው ኢሎም ኸለዉ፡ መንፈሳዊ ራእይ ከም እተወልደ ኣስተማቕሩ።

ንሱ ድማ እቲ የሱስ ኣብ መንፈስካ ክወልዶ ደልዩ ዘሎ ራእይ እዩ። ንሱ ንመንግስቱ ክዕጽድ ድሉው ዝገብር መንፈሳዊ ግራውቲ ማለት ቀውዉ ዝኣኽለ ኣብ መላእ ዓለም ዘለዉ ህዝብታት ዘቕልብ ራእይ ክህበካ ይደሊ። ንስኻ ኸኣ ክውንነት ናይቲ ራእይ ኣለሊኻ ኣብ ምፍጻሙ ዘለካ ሓላፍነት ምስ ተረዳእካ፡ ህይወትካ ዳግማይ ከም ቀደማ ኣይክትከውንን እያ።

የሱስ ብንጹር ከምዚ ኢሉ፤

*“እታ ግራት ከኣ ዓለም እያ፡...”* (ማቴ 13፡38)

ኣብ ኣፍሪቃ፡ ኤስያ፡ ኣውስትራልያ፡ ሰሜን ኣመሪካ፡ ደቡብ ኣመሪካ፡ ኤውሮጳ፡ ኣብ ባሕሪ ዘለዋ ደሴታት... ወ.ዘ.ተ ንዓጺድ ቀውዒ ዝተዳልዉ ኣብ መላእ ዓለም ዘለዉ ብስራት ወንጌል መንግስቲ ኣምላኽ ዘይሰምዑ ብዙሓት እዮም።

እቲ ራእይ ኣይተቐየረን ከምኡ ኢሉ እዩ ዘሎ። ከምቲ የሱስ ኣብ ህይወት ደቀ መዛሙርቱ ክወልዶ ከሎ ዝነበረ እዩ። ዕዮ ኣምላኽ ስለዘይተወድአ ፍቓድ ኣምላኽ ምግባር ክኣ ከምኡ እዩ።

ገና ዘይተነግሩ ሚልዮናት ኣለዉ። እቲ ራእይ ሕጂ'ውን ኣብ መላእ ዓለም ዘሎ ንዓጺድ ዝጻዕደወ ግራውቲ እዩ ዘመልክት።

## ስለምንታይ እቲ ቀውዒ፧

የሱስ ነቲ ንሰዓብቱ ኪህቦም ዝደለየ መንፈሳዊ ራእይ ንምግላጽ ኣብነት ቀውዒ እተጠቕመ ስለምንታይ እዩ፧ ካልእ ብዙሕ ባህርያዊ ምስላታት ንሱ ክጥቀመሉ ዝኽእል ነይሩ እንድዩ፧ ስለምንታይ እዩ ነቲ ቀውዒ ዝብል ዝመረጸ፧

ቀውዒ ንደቀ መዛሙርቱ ብቐሊሉ ክርድኦም ዝኽእል ኣብነት እዩ ነይሩ። ታሪኽ ህዝቢ ኣምላኽ ማለት እስራኤል ካብ ኣዳም ጀሚሩ እዩ ንዘራእቲ ዝኾኖ መሬት ክሓርስ ዝጀመረ። ሕርሻ ክሳብ ዘመነ ሙሴ እና ማዕበለ ምስ ከደ፡ ቀንዲ መሰረት ቁጠባ እዩ ኮይኑ።

ኣብ ግዜ ኣገልግሎት ክርስቶስ ቁጠባዊ ዑደት እስራኤል ኣብ ሕርሻ ዝተመርኮሰ እዩ ነይሩ። ቀውዒ ዓመት ምሉእ ቀጻሊ ንጥፈት ናይቲ ህዝቢ እዩ ነይሩ። ከም ኣብነት ሰገምን እንጣጢዕን ኣብ ሚያዝያን-ግንቦትን እዩ ዝእከብ ነይቱ። ከምኡውን ዓጺድ ስርናይ ድሕሪ ሽዱሽተ ሰሙን ኣቢሉ ኣብ ሰነን-ሓምለን እዩ ነይሩ። ሚለ፡ በለስ፡ ኣልሞንድን ናይ መጀመርታ ወይኒን ኣብ ወርሒ ሰነ እዩ ዝእከብ። ኣውሊዕን ቴምብርን በለስ ሓጋይን ኣብ ነሓሰን መስከረምን ክእከብ ከሎ፡ ሮማንን ፒስታ ፍሉን ኣብ ወርሒ ጥቅምቲ ይእከብ ነይሩ። ኣብ ሰሜናዊ ገሊላ ዚርከብ ኣውሊዕን ናይ ክረምቲ በለስን ኣብ ወርሒ ሕዳር ይእከብ ነበረ።

**ቁጠባ ኣብ ቀውዒ ጥራይ ዘይኮነስ ኣብ ሕመረት ሃይማኖታዊ ስርዓት እስራኤል ከይተረፍ እቲው እዩ ነይሩ። ኣምላኽ ንህዝቡ ዘቐሞ ሰለስተ ቀንዲ ሃይማኖታዊ በዓላትውን ምስ ቀውዒ ዝተኣሳሰራ እየን ነይረን። ፋሲካ ኣብ ግዜ ዓጺድ ሰገም እዩ ተጀምሩ (ዘጸ 23፡16) ። ድሕሪ ሸውዓተ ሰሙን፡ ኣብ ግዜ ቀውዒ ስርናይ፡ በዓል ጴንጠቆስጠ እዩ ነይሩ (ዘጸ 34፡22) ። እቲ ኣብ ድንኳን ዝግበር ብዓል ሰሙን ውን ከይተረፈ ድሕሪ እታ ሻብዓይቲ ወርሒ ፍረታት ዝእከበላ ግዜ እያ ነይራ (ዘጸ 34፡22) ።**

**ምሉእ ዓውደ ኣዋርሕን ቁጠባን ሃይማኖታዊ ስርዓትን ኣብ ዙርያ ቀውዒ ስለ ዝዘውር፡ እቶም ደቀ መዛሙርቲ ነዚ ኣብነት እዚ ብቐሊሉ ክርድእዎ ይኽእሉ ነይሮም።**

**ካብኡ ዝዓቢ ግን ንባህርያዊ ቀውዒ ዝጸሉ ዝተወሰኑ መምርሒታት ምዝራእን ምዕጻድን ነይሮም እዮም። እዚ ባህርያዊ ስርዓታት እዚ ኣብ መንፈሳዊ ቀውዒ እውን ይምልከት ነይሩ እዩ። ደቀ መዛሙርቲ የሱስ ነዚ መትከላት እዚ ኣብ ባህርያዊ ዓለም ስለ ዝፋለጥዎ፡ ኣብ መንፈሳዊ ዓውዲ ብቐሊሉ ኺጥቀሙሉ ይኽእሉ ነበሩ። ነዚ ባህርያዊ ስርዓታት እዚ ብመንፈሳዊ መገዲ ኣብ ግብሪ ምውዓል ብዙሕ መንፈሳዊ ቀውዒ ይርከብ። ነዚ መትከላት እዚ ድሕሪርና ኣብዚ ስልጠና ክነጽንዮ ኢና።**

**እቲ ዝዓበየ ነገር: እቶም ደቀ መዛሙርቲ ነቲ ብኣብነት ባህርያዊ ቀውዒ ተመሲሉ (መንፈሳዊ ቀውዒ) ህጹጽ ምዃኑ ተገንዚቦም ምንባሮም እዩ። ሓደ ዝራእቲ ምስ በጽሐ ብቕጽበት ክዕጸድ ኣለዎ፡ እንተዘይኮይኑ ክበላሻ እዩ። እቲ ጉዳይ ናይ ምዕጻድን ዝይምዕጻድን ነገር እዩ።**

**እቲ ቀውዒ ብዙሕ እንተዝኸውን፡ ንዕኡ ዝዓጽዱ ሰራሕተኛታት ክኣ ውሑዳት እንተዝኾኑ እቲ ዘራእቲ ምጠፍአ። የሱስ ነዚ መንፈሳዊ ተመሳሳልነት ዘለዎ ባህርያዊ ቀውዒ ዘለዎ ጸገም ከምዚ በለ ተዛሪቡ ኣሎ፦**

> *"እቲ እኽሊ ብዙሕ እዩ፡ ዓየይቲ ግና ሒደት እዮም"* (ማቴ 9፡37)

## ነቲ ራእይ ምቕባል

**የሱስ ንሰዓብቱ ብዛዕባ ራእይ ቀውዒ ክዛረብ ከሎ ነቲ ራእይ ንኽቕበሉ ዘኽእሎም ሓሙሽተ ስጉምትታት ኣስፊሩሎም፤**

> *" ንስኻትኩምዶ፡ "ቀውዒ ኽሳዕ ዚመጽእ ገና ኣርባዕተ ወርሒ ተሪፉ ኣሎዶ'፡ ኣይኩንኩምን እትብሉ፧ እንሆ እምበኣርከስ ኣዒንትኹም ቋሕ ኣብሉ እሞ ምድሪ ንዓጺድ ድሮ ከም ዝጸዕደወት ርኣዩ፡ እብለኩም ኣሎኹ። ሓ.ድ" (ዮሃ 4፡* 35)

**ቀዳማይ ደረጃ፡ "ገና ኣሎ..."**

**ብዙሓት ኣመንቲ ምሉእ ህይወቶም ብዛዕባ ቀውዒ ክዛረቡ እዮም ዘሕልፍዎ። እዚኣቶም ከምቶም ኣብ ገዝኦም ኮፍ ኢሎም ቀውዒ ክእክቡ ዝፍትኑ ሓረስቶት እዮም። ሰንበት ሰንበት ንግሆ ናብ ኣጉዶ [ቤተክርስትያን] ብምኻድ ዝዓበየን ዝሓሸን ኣገባብ ሕርሻ [መንፈሳዊ ቀውዒ] የጽንዑ። ንመዕጸዲ ዝጥቀምሉ ማዕጺዶም ስሒሎም ናብ ገዝኦም እዮም ዝምርሹ።**

**ሽዑ ምሸት ተመሊሶም ዝሓሸ ኣገባብ ማሕረስ ኣጽኒዖም፡ ማዕጺዶም ስሒሎም እንደገና ናብ ገዝኦም ይምለሱ። ጸኒሖም ከኣ ዝዓበየን ዝሓሸን ሜላታት ንምምሃርን ኣብ መፋርቕ እታ ሰሙን ዝግበር መደብ ብምስታፍ ሕጂ ውን ማዕጺዶም ስሒሎም ናብ ቤቶም ይምለሱ። ነዚ ነገር ሰሙን መጸ እናተማህርዎ ናብ ወርሒ ይሰግር፡ ወርሒ ኸእ ኣብ ኣዋርሕ ይቕየር፡ ኣዋርሕ ከኣ ኣብ ዓመታት ይመሓላለፍ፡ በዚ ኸምዚ ኣካይዳ ናብቲ ንዓጺድ ዝተዳለወ ድሮ ጻዕድዩ ዘሎ ግራት ዝኸይድ ይስኣን።**

**የሱስ "ገና ኣሎ ኢኹም እትብሉ " ክብል ከሎ ብዛዕባ መንፈሳዊ ቀውዒ ምዝራብ ግዚኡ ኣይበጽሓን ከም ማለት እዩ። እንተኾነ ግን ብዘየማትእ ኣብቲ ጭቡጥ መስርሕ ቀውዒ ክትሳተፍ እዩ ዘለኩም። እዚ ማለት ኩሉ ሰብ ስርሑ ገዲፉ ካብ ቤተ ክርስትያን ገንዘባዊ ደገፍ ብምሕታት፣ ሰባኺ ወንጌል ኮይኑ ናብ ካልኦት ኣህዛብ ኣይኺድ ማለት ኣይኮነን። ነፍሲ ወከፍ ኣማኒ ብግሉ ኣብ ቀውዒ (እቶት እቲ ምህርቲ) ክሳተፍ ኣለዎ። ንገሊኦም ልክዕ ካብ ኣፍደገ ገዝኦምን ቤተክርስትያኖምን ወጻኢ ዝኾኑ ግራውቲ ክኸውን ይኽእል እዩ። ኣብ ቤት ትምህርቶም፡ ኣብ ስርሖም፡ ከምኡ'ውን ኣብ ከባቢኦም ኣብ ዝርከብ ማሕበረሰብ ወይ ዓዶም ዝረኽብዎ ቀውዒ ይኸውን ማለት እዩ። ንኻልኦት ድማ እቲ ቀውዒ ባዕዳዊ ግራት ክኸውን ይኽእል። እቲ ቁምነገር ነፍሲ ወከፍ ኣማኒ ብዛዕባ ቀውዒ ጥራይ ክዛረብ ዘይኮነስ ኣብ ቀውዒ ተሳታፊ ክኸውን ምግባር እዩ።**

**ካልኣይ ደረጃ፡ "ገና ኣርባዕተ ወርሒ...."**

እንተድኣ ናይዚ ቀውዒ እዚ ብዓል ራእይ ኮይንካ ብፍጺም ከተደናገዮ የብልካን። ንኻልእ ግዜ ይጽንሓለ እትብለሉ ኣይኮነንን፡ ምኽንያቱ ብዙሓት ነፈሳት ኣብዛ ዋን እዚኣ ምድሓን ከይተቐበላ ይሞታ ስለዘለዋ። ኣስተውዕል ንገሊኣትም ጽባሕ ኣዝያ ርሕቕቲ እያ።

*"፡ ፡ ቀውዒ በጺሑ እዩ እሞ፡ ማዕጺድ ስደዱ፡ እቲ መጽመቕ መሊኡ፡ ኣጋንእ ከኣ ይጅርብብ ኣሎ እሞ፡ ንዑ ርገጹ። መዓልቲ እግዚኣብሄር ኣብ ለሰ ምምዳብ ቀሪባ እያ እሞ፡ ጭፍራ፡ ጭፍራ ኣብ ለሰ ምምዳብ።"* (ዮኤ 3፡13-14)

**ሳልሳይ ደረጃ፡ "እብለኩም ኣለኹ..."**

*መገድታት ኣምላኽ ካብ ናይ ሰብ ዝተፈልየ እዩ፤*

*"ሓሳባተይ ሓሳባትኩም ኣይኮነን፡ መገድታትኩም ከኣ መገድታተይ ኣይኮነን፡ ይብል እግዚኣብሄር። ከምቲ ሰማይ ካብ ምድሪ ልዕል ዚብል፡ መገድታተይ ካብ መገድታትኩም፡ ሓሳባተይ ከኣ ካብ ሓሳባትኩም ልዕል ዝበለ እዩ።" (ኢሳ 55፡8-9)*

ደቂ ሰብ ብዛዕባ መንፈሳዊ ቀውዒ ከምዚ ይኹን ከምቲ ይኹን ኢሎም እናተዛረቡ ከደናጉይዎ ይኽእሉ እዮም። ኣምላኽ ዝብሎ ግን ካብቲ ሰብ ዝብሎ ዝተፈልየ እዩ። ንሱ "እብለኩም ኣለኹ" እዩ ዝብል።

**ራብዓይ ደረጃ፡ "ኣዒንትኻ ቋሕ ኣብሉ..."**

ኣዒንቲ ደቀ መዛሙርቲ የሱስ ትኹረተን ተዘናቢሉ እዩ ነይሩ። ኣብ ርእየት መንፈሳዊ ግራውቲ ቀውዒ ዘተኮራ ኣይነበራን።

ነዚ መንፈሳዊ ራእይ ንምቕባል ውልቃዊ ስጉምቲ ክትወስድ ኣለካ። መንፈሳዊ ኣዒንትኻ ካብቲ ባህርያዊ ኣብ ህይወት ዘጋንፈካ ጸገማት ኣርሒቕን ከምዝርእያ ክትገብረን ኣለካ። እዚ ማለት ካብ ውልቃዊ ጸገማትካ፡ ካብ ተስፋ ምቑራጽ፡ ካብ ዓለማዊ ሓልዮት ሓዳርን ከተልዕለን ኣለካ።

ግድን ካብ እትርእዮም ኩነታት መነባብሮኻ ኣዒንትኻ ከተልዕለን ኣሎካ...

**ሓሙሻይ ደረጃ፡ " ምድሪ ንዓጺድ ድሮ ከም ዝጸዕደወት ርኣዩ፡ "...**

ኣዒንትኻ ናብ ግራት ቀውዒ ኣተኩረን ምርኣይ ጥራይ እኹል ኣይኮነን። ብሓቂ ኣብቲ ቀውዒ ተሳታፊ ክትከውን ኣለካ። ድሕር ከኣ ንዓለም ብዓይኒ ኣምላኽ ብግድን ክትሪኣ ፈትን።

ብዙሓት ብሓቂ ስለ ዘይጠመቱ መንፈሳዊ ራእይ የብሎምን። ከምኡውን ኣብ ግራውቲ ቀውዒ ኮይኖም ንኽዓጽዱ ውልቃዊ ሓላፍነቶም ኣይተዋጽኡን። እዚኦም ሰባት ሎሚ ኣብ ዓለምና ዘሎ ግራውቲ ቀውዒ ኣብ ከመይ ኩነታት ከምዘሎ ኣብ ግምት ኣየእተዉን እዮም።

## ነቲ ራእይ ንምቕባል...

- ብዛዕባኡ ዘረባ ጥራይ ምዝራብ ክኸውን የብሉን።
- ክደናጎ ስለዘይክእል ኣይተደናገዮ።
- ነቲ በዳሂ ዘረባ ኣምላኽ ዝብሎ ዘሎ ስማዕ፡ "ንመን ክልእኽ መን ከ ክኸደልና" ዝብል። (ኢሳ 6፡8) ።
- ካብ ምድራዊ ጸገማትካ ወጺእካ ናብ ግራት ቀውዒ ክትጥምት ኣለካ።
- ንዓለም ብዓይኒ እግዚኣብሄር ክትጥምታ ወሰን።

## ርእሰ ገምጋም

1.ነታ መሪሕ ጥቅሲ ካብ ዘኽርኻ ጽሓፍ።

______________________________________________________________________

______________________________________________________________________

2. "ባህርያዊ ምምስሳል ናይ ሓደ መንፈሳዊ ሓቂ" ክንብል ከሎና እንታይ ማለትና እዩ፧

______________________________________________________________________

3. የሱስ ንደቀ መዛሙርቱ መንፈሳዊ ራእይ ንምሃብ ዝተጠቐመሉ ባህርያዊ ኣብነት ________________________ እዩ ነይሩ.

4. ኣብ ኣብነት ምህርቲ ቐውዒ እቲ ግራት ________________________________________የመልክት.

5. የሱስ ንሰዓብቱ መንፈሳዊ ራእይ ንኽህቦም፡ ነቲ ባህርያዊ ኣብነት ቀውዒ ዝመረጸሉ ሰለስተ ምኽንያታት ዘርዝር።

______________________________________________________________________

______________________________________________________________________

______________________________________________________________________

6. ኣብ ዮሃንስ 4፡35 ዝተዋህቡ መንፈሳዊ ራእይ ክትረክብ ዘኽእሉኻ ሓሙሽተ ስጉምትታት ዘርዝር።

__________________________________ __________________________________

__________________________________ __________________________________

__________________________________

## ንዝያዳ መጽናዕቲ

**እዚ ምዕራፍ እዚ ኣብ ራእይ ቀውዒ ንውልቃዊ ተሳትፎ ዘርዚሩ ገሊጹ ኣሎ።**

**ኣብ ሉቃስ 10፡25-35 ዘሎ ምሳሌ "ሕያዋይ ሳምራዊ" ተባሂሉ ዝፍለጥ ዛንታ ኣንብብ። እዚ ምስላ እዚ ምስ ድሌት ደቂ ሰባት ናይ ምትእስሳር ኣተሓሳስባታት ዘርኢ እዩ። ኣመንቲ ኣብ ራእይ መንፈሳዊ ቀውዒ ዓውዲ ዓለም ዘለዎም ዝተፈላለየ ኣተሓሳስባ ኣብነት እዩ።**

**ኣብቲ ምስላ ዘሎ ኣተሓሳስባ እቲ ከታሪ፡ ካህን፡ ሌዋዊ፡ ወናኒ መዕረፊ ኣጋይሽ፡ ሳምራዊን ኣስተብህል። ከምኡ ውን ንኣተሓሳስባ እቲ ፈለማ ነታ ሕቶ ዝሓተተ ምሁር ሕጊ ተዓዚብ እሞ ከም ውጽኢቱ የሱስ መልሲ ንምሃብ ነቲ ምሳሌ ከምዝነገረ ኣስተውዕል።**

| **ባህሪ** | **ኣረኣእያ** |
|---|---|
| **እቲ ምሁር ሕጊ** | **ንዘተ ዝኸውን ሕቶ ይርእይ።** |
| **ከታሪ** | **ዝኸትሮ ሰብ ይርእይ።** |
| **እቲ ካህንን እቲ ሌዋውን** | **ነቲ ኣድላይ ከም ጸገም ምውጋድን ሽለል ምባልን ይርእይ።** |
| **እቲ ዋና ማሕደር ኣጋይሽ** | **ሓደ ዓሚል ብኽፍሊት ክግልገል ይርእይ፤ "ካብኡ እንታይ ረብሓ ይረክብ" ዝብል ኣረኣእያ ነይርዎ።** |
| **እቲ ሳምራዊ** | **ሓደ ሰብ ክመውት፡ ሓደ ቀውዒ ክጠፍእ ይርእይ፡ ነቲ ኣድላይነት ድማ ብውልቃዊ ተሳትፎ ምላሽ ይህቦ።** |

# ምዕራፍ ሰለስተ
# ኣዒንቱ ናብ ኣህዛብ ይምልከታ

## ዕላማታት፤

ነዚ ምዕራፍ ምስ ወዳእኩም ነዞም ዝስዕቡ ክትክእሉ ኢኹም፤

- ንዓለም ብዓይኒ ኣምላኽ ምርኣይ እንታይ ማለት ምዃኑ ምግላጽ።
- ህሉው ኩነታት መንፈሳዊ ቀውዒ ግራውቲ ዓለም ምርዳእ።
- ኣብ መላእ ዓለም ብእግዚኣብሄር ዝለዓል ዘሎ ጉጅለ ዓለምለኻውያን ዓጸድቲ ክትጽንበር ውልቃዊ ቃል ምእታው።

## መሪሕ ጥቕሲ፤

*“. . ኣዒንቱ ናብ ኣህዛብ ይምልከታ። . . .” (መዝ 66:7)*

### መእተዊ

ኣብ መወዳእታ ምዕራፍ ናይታ ዝሓለፈት መንፈሳዊ ኣዒንትኻ ኣልዒልካ ናብ ግራውቲ ቀውዒ ዓለም ምጥማት ኣገዳሲ ምዃኑ ኣስሚርሉ ኣሎ።

እቶም ደቀ መዛሙርቲ ከምቲ የሱስ ዝረኣዮ ዝነበረ ኣይርኣዮምን ነይሩ። ነዚ እዩ ድማ ነቲ ዓቢ ኣድላይነት ዘለዎ ጉዳይ ከምቲ ንሱ ዝረኣዮ ንምርኣይ ኣዒንቶም ኣልዒሎም ክጥምቱ ዝተማሕጸኖም።

ግቡእ መንፈሳዊ ራእይ ከተማዕብል እንተ ኼንካ ንዓለም ከምቲ ኣምላኽ ዝርእያ ጌርካ ክትርእያ ኣገዳሲ ነገር እዩ።

እዚ ምዕራፍ እዚ ኣብ ግራውቲ ቀውዒ ዓለም ዘተኮረ እዩ። መጽሓፍ ቅዱስ ብዛዕባ ኣምላኽ "*ኣዒንቱ ናብ ኣህዛብ ይምልከታ።*" ይብል። እግዚኣብሄር ነቲ ናይ ዓለም ግራውቲ ቀውዒ ክርኢ ከሎ እንታይ እዩ ዝርኢ፧

### ዝመረተ ማዕጺድን ባዶ ግራውትን

ኣምላኽ ንዓለም ከም ግራት ቀውዒ እዩ ዚርእያ፤

*“እታ ግራት ከኣ ዓለም እያ፡ .” (ማቴ 13:38)*

እቲ ኣውያት ካብ ህዝቢ ዓለም ናብ እዝኒ ኣምላኽ ይመጽእ፤

*“ቀውዒ ሐለፈ፡ ሓጋይ ተወድአ፡ ንሕና ግና ኣይደሐንናን።” (ኤር 8:20)*

መንፈሳዊ ግራውቲ ዓውዲ ዓለም ምስቲ ነቢይ ዮኤል ዝበኸየሉ ባህርያዊ ግራት ይመስል።

*“እቶት ግራሁ ጠፊኡ እዩ እሞ፡ ኣቱም ሓረስቶት፡ ብምኽንያት ስርናይን ስገምን ሕነኹ፡ ኣቱም ሰብ ኣትኽልቲ ወይኒውን፡ ዋይዋይ በሉ።” (ዮኤል 1:11)*

ኣዒንቲ ኣምላኽ ንኣህዛብ ዓለም ምስ ረኣያ፡ ብሰንኪ ሕጽረት ዓጸድቲ መንፈሳዊ ቀውዒ ክጠፍእ ይርእያ። የሱስ ንቓል ወንጌል ዝዘርኡ ክስእኑ እዮም ኣይበለን። ንሱ ዝበለ እቲ ዝዕጸድ ግራት ኣዝዩ ብዙሕ ምዃኑ ዓያይቲ ግን ውሑዳት ምዃኖም እዩ ተዛሪቡ፤

*“እቲ እኽሊ ብዙሕ እዩ፡ ዓያይቲ ግና ሒደት እዮም።” (ማቴ 9:37)*

ኣብዚ ሕጂ እዋን 94% ናይቶም ኣብ ዓለምና ዘለዉ ኣገልገልቲ ኣብ ሰሜን ኣሜርካ እዮም ዝረከቡ። ን6% ህዝቢ ዓለም ድማ የገልግሉ። እዚ ማለት ካብቶም ኣገልገልቲ 6% ጥራይ እዮም፡ ኣብ ዝተረፈ ክፋል ዓለምና ዝርከብ ህዝቢ 94% ንምብጻሕ ዝጽዕሩ ዘለዉ።

ካብ ሰለስተ ቢልዮን ዝበዝሕ ዝግመት ዘለዎ ካብ ህዝቢ ዓለምና፡ ንልዕሊ 16,000 ብባህልን ልምድታትን ዝጥርንፍ ጉጅለታት ፈጺሙ ወንጌል ዘይበጽሖም እዮም። መጽሓፍ ቅዱስ ልዕሊ 2,000 ዝኾኑ ቋንቋታት ክሳብ ሕጂ ኣይተተርጎመን ዘሎ።

ኣብ ህንዲ ኣብ ነፍሲ ወከፍ 10,000 ዓድታት፡ 9,950 ዝኾና ዋላ ሓድ ንምስክር ዝኸውን ክርስትያን የብለንን። ኣብ ጃፓን ጠቕላላ ናይ ክርስትና እምነት ዘለዎ ህዝቢ 1% (ሓደ ሚእታዊት) ጥራይ እዩ ዝግመት።

ኣብ ላቲን ኣመሪካ ብውሑዱ ሓሙሽተ ሚልዮን ሰባት ኣብ ቀላታት ጫካ ወንጌል ዘይተበጽሑ ኣለዉ። ኣብ መንጎ 750 ሚልዮን ምስልምና ኣስታት 500 ፕሮቴስታንት ሚሰዮናውያን ጥራይ እዮም ዘገልግሉ።

ኣብ ካልኦት ሃገራት ኣፍሪቃ፡ ኤሲያ፡ ደቡብ ኣመሪካን ማእከላይ ምብራቕን ዘሎ ኣድላይነት ምስዞም ኣብነታት ዝመሳሰል እዩ።

እዚ እዩ እምበኣር እግዚኣብሄር ንኣህዛብ ዓለም ክርእይ ከሎ ዝምልከቶ።

## እቲ ክፍተት

*መጽሓፍ ቅዱስ ከምዚ ይብል፤*

> *"ማለት፡ ኣምላኽ ሓደ በይኑ እዩ እሞ እቲ ኣብ መንጎ ኣምላኽን ሰብን ዘሎ ማእከላይውን፡ እቲ ሰብ፡ ክርስቶስ የሱስ፡ ሓደ በይኑ እዩ።" (*1ጢሞ 2፡5)

ኣድላይነት መንጐኛ ኣብ መንጎ ክልተ ነንሕድሕዶም ክቀባበሉ ዘይክእሉ ወገናት ክፍተት ከምዘሎ ዘመልክት እዩ።

እግዚኣብሄር ንዓለም ክጥምታ ከሎ ብመንፈሳዊ ጋግ ዝተፈልዩ ብዙሓት ሰባት ደው ኢሎም ይርኢ። እቲ ኣብ መንጎ እግዚኣብሄርን ሰብን ኮይኑ ዝፈላሊይ <u>ጋግ ኸኣ ሓጢኣት</u> እዩ።

የሱስ ክርስቶስ ኣብ መንጎ ሓጢኣተኛ ሰብን ጻድቕ ኣምላኽን መንጎኛ እዩ። ክልቲኦም ብዘይ መንጐኛ እቲ ሓደ ነቲ ሓደ ክቕበሎ ኣይክኣልን እዩ። የሱስ ንሰብ ካብ ሓጢኣት ክብጀዎን በቲ ጻድቕ ኣምላኽ ተቐባልነት ክረክብን ኣኽኢልዎ እዩ።

ሕጂ እውን ብዙሓት ሰባት ነቲ ኣብ መንጎኦምን ኣብ መንጎ ኣምላኽን ዘሎ ጋግ ከራኽብ ዝኽእል መንጐኛ መልእኽቲ ይጽበዩ። እቲ የሱስ ዝሃቦ ዓቢ ተልእኾ ንሰዓብቱ ናብቲ ክፍተት ክኣትዉ እዩ ነይሩ። እዚ ኸኣ ናብ <u>የሩሳሌምን ይሁዳን ናብ ሰማርያን ድሓር ክኣ ክሳብ ወሰን ምድርን ምኻድ ዝብል እዩ ነይሩ ዘረብኡ።</u>

ካብታ ዝነበርዋ ክጀምሩ እንተድኣ ኾይኖም ንየሩሳሌም ወንጌል ክሰብኩ ነበሮም። ንይሁዳን ሰማርያን ንምብጻሕ <u>ባህሊ ሰገር ሰብከት ወንጌል</u> ዝጠልብ እዩ። ሰማርያ ካብ ኢየሩሳሌም <u>ብሰነ-መለኮታውን</u> ባህልን ዝተፈልየት እያ ነይራ። እቲ ርሑቕ ዞባታት ምድሪ፡ ካብዚ ዝዓቢ ብድሆ እዩ ዚውክል ነይሩ። ነፍሲ ወከፍ ዞባ ግን ነቲ ክፍተት ይውክል ነይሩ።

ኣብ መጀመርታ ደቀ መዛሙርቲ ክርስቶስ ብሰንኪ ባህላውን ስነ-መለኮታውን ፍልልያት ኣብ መንጎ ኣይሁድን ኣህዛብን ዝነበረ ጋግ ንምድልዳል ድሕር ድሕር ኢሎም ነበሩ። ስደት ክሳብ ዝመጽእ ወንጌል ካብ ኢየሩሳሌም ወጻኢ ዝርከባ ዞባታት ንምዝርጋሕ ብዙሕ ኣይገበርዎን (ግብ 8፡4) ።

ነቲ ዓቢ ተልእኾ ክትፍጽምን ቀውዒ ክትዓጽድን እንተኾይንካ ካብ ባህላዊን ስነ መለኮታውን ሃይማኖታዊ ዕንቅፊ ክትወጽእ ኣለካ። ካብ ጂኦግራፍያዊ ኣቀማምጣኻ እውን ከይተረፈ ክትወጽእ ክትግደድ ኢኻ። ነቲ ኣብ መንጎ ኣምላኽን ሰብን ዘሎ መንጐኛ ብስራት ንምክፋል ናብቲ ክፍተት ክትኣቱ ኣለካ።

## ካልእ ክፍተት

ኣብ ርእሲ እቲ ኣብ መንጎ ሰብን ኣምላኽን ዘሎ ናይ ሓጢኣት ክፍተት ካልእ ዓቢ መንፈሳዊ ክፍተት ኣሎ። እዚ ድማ ኣብ መንጎ እቲ የሱስ ብወንጌል ንዓለም ክበጽሕ ዝገበሮ ብድሆን፡ እቶም ህዝቡ ነቲ ብድሆ ክፍጽሞ ዘይምኽኣሉን ዘሎ ክፍተት እዩ።

ብዛዕባ መንፈሳዊ ግራውቲ ቀውዒ ራእይ ክሳብ ዘይረኸብካ፡ ኣብ መንግስቲ ኣምላኽ ዘለካ ተራ ምሉእ ብምሉእ ፈጺምካ ኣይትርድኦን ኢኻ። ምኽንያቱ ንክርስትያናዊ ህይወት ዕላማን ኣንፈትን ዝህብ ነገር ስለዝኾነ። ራእይ መንፈሳዊ ቀውዒ ኣብ ህይወት ማእከላይ ክኸውን ይግባእ። እንተኾነ ግን ብኣንጻሩ ንብዙሓት ንእሽቶ ጉዳይ ጥራይ እዩ።

ብዛዕባ እቲ እንፈትዎ ነገራት ክንዛረብ ንውዕል ኢና። ብዛዕባ ሰብኣይና ወይ ሰበይትና፡ ኣዕሩኽትና፡ ስፖርትን መዘናግዒታትናን ካልኦት ብዙሓት ጉዳያትን ንዛረብ። ብዛዕባ ከም ፖለቲካ፡ ፋይናንስ፡ ንግዲ ዝኣመሰሉ ዘገድሱና ነገራት እውን ንዛረብ ኢና። ብዛዕባ ዝጠፍኣ ነፍሳት እንዛረቦ ግዜ ግን ክንድምንታይ ይኸውን፧ ነቶም ገና ኣብ ድልድል መራኸቢ ዘይተገብሮ ቦታ ኮይኖም ዝጸባበዩ ዘለዉ ህዝቢ፡ እቲ ቀውዒ ኣብ ግራት ዝጠፍእ፡ መዓልታዊ ክንደይ ሻቕሎት ይህልወና ይኸውን፧

ጳውሎስ ንኽብሪ ኣምላኽ ከም ምብላዕን ምስታይን ዝኣመሰሉ ኣዝዮም ልሙዳት ንጥፈታት ብምጥቃም ይዛረብ (1ቆሮ 10፡31) ። ኩሉ ንጥፈታት ህይወትካ ኣብ ራእይ መንፈሳዊ ቀውዒ ዘማእከለ ክኸውን እዩ ዘለዎ። እዚ ምስ ዝኸውን ንህይወትካ ከም ኣማኒ ሓድሽ ብድሆን ዕላማን ኣንፈትን ይህበካ። ነፍሲ ወከፍ መዓልቲ ከመይ ጌርካ ኣካል ናይቲ ራእይ ምፍጻም ክትከውን ከም እትኽእል ንምርኣይ እትወስዶ ስጉምቲ መሳጢ ጸዕሪ እናኾነ እዩ ዝኸይድ።

ኣብ ክፍተት ንዝርከቡ ብዙሓት ሰባት ዘለካ ውልቃዊ ሓላፍነት ምስ ኣስተውዓልካን ራእይ ቀውዒ ኣብ መንፈስካ ምስ ዓበለለካ ኣካል ናይ ሓደ ፍሉይ መርበብ ትኸውን። እዚ መርበብ እዚ ካብ ብዙሓት ኣህዛብ ዝመጹ ኣመንቲ ዝሓቖፈ ጉጅለ ኮይኑ፡ ንዓለም ብዓይኒ ኣምላኽ ብምርኣይ ንዕላምኡን መደቡን ንምፍጻም ወንጌል ንምስፋሕ ዝተኣከቡ እዮም።

ኣብዚ ቀረባ እዋን እዚ ምንቅስቓስ እዚ "ዓለልምለኻውያን ክርስትያናት" ተባሂሉ ይጽዋዕ ኣሎ። ኣብ መወዳእታ ነፍሲ ወከፍ ኣማኒ ብርእሰ ምትእምማን ከምዚ ኢሉ ክዛረብ ይኽእል፦

"ኣብዛ መዓልቲ እዚኣ ህይወተይ ንዓለምለኻዊ ዕላማ ክርስቶስ ብስትራተጂካዊ ኣገባብ ከም ዝተቐጽረት እፈልጥ እየ፡ ብፍላይ ድማ ነቶም ኣብዚ እዋንዚ ካብ ወንጌል ወጻኢ ዘለዉ።"

እዚ ድማ ብድሆ መንፈሳዊ ቀውዒ እዩ። እዚ ንዓለም ብዓይኒ ኣምላኽ **ምርኣይ ይብሃል።**

## ክፉት ማዕጾታት

ገለ ኣመንቲ ንገለ ሃገራት ንወንጌል ዕጽው ማዕጾ ዘለወን ጌሮም ዝርእይወን ኣለዉ። ሓደ ህዝቢ ንመልእኽቲ ወንጌል "ዕጹው" ተባሂሉ ክጽዋዕ ከሎ መብዛሕትኡ ግዜ መንግስቲ ንክርስትያናት ሚስዮናውያን ኣብ ውሽጢ ሃገሩ ወንጌል ከይዝርግሑ ደው ዘብልን ዝእግድን ምስ ዝከውን እዩ።

እዚ ደረት እዚ ግን ብኣምላኽ ኣፍልጦ ዝብሃል የብሉን። ኣምላኽ መልእኽቲ ወንጌል ክይቅበላ "ዝተዓጽዋ" ሃገራት ኣይርእን እዩ። ሓቂ እዩ ንገለ ባህላውያን ሚስዮናውያን ኣብታ ሃገር ኣትዮም ወንጌል ክሰብኩ ንዝደልዩ እቲ መንግስቲ ቪዛ ስለዘይህብ ዕጹዋት ይኾና። ምኽንያቱ ወንጌል ኣብ ሃገሮም ክሰበኽ ስለዘይደልዩ።

እንተ ኮነ ግን "ናይ ቅድሚት ማዕጾ" ንሓደ ህዝቢ ወንጌል ንኸይንገር ዋላ እኳ እተተዓጸወ፡ ካልእ ማዕጾ ግን ኣሎ። ንሱ ኸኣ "ናይ ድሕሪት ማዕጾ" ንብሎ። ገለ ጉጅለታት ሰራሕተኛታት ዝቑምወን ጋንታታት ናብ ዕጹዋት ሃገራት ብምእታው ኣብያተ ትምህርቲ፡ ክሊኒካትን ፕሮጀክትታት ሕርሻን ይሃንጹ እዮ ፡ ብእኡ ኣቢሎ ኸእ መልእኽቲ ወንጌል የካፍሉ።

ካልኦት ኣመንቲ ኸኣ መምህራን፡ ሰራሕተኛታት ሕክምና፡ ምሃይምነት ንምጥፋእ ዝዓዩን ኮይኖም፡ በብመንገዶም ወንጌል ይነግሩ እዮም። ብኻእ ኣብ ዘመንና፡ ዘመናዊ መሳርሒታት ህዝባዊ ርክባት ኪዮ ዕጹው ዶባት መልእኽቲ ወንጌል ዝዝርግሓሉ ኮይኑ ኣሎ። ብዓለምለኻዊ ደረጃ፡ ናይ ጸሎትን ምምላድን ጉጅለ ብሓይሊ ጸሎት ንኹሉን ሃገራት በጺሖወን ኣሎ።

ኣብ ውሽጢ "ዕጹዋት" ሃገራት ዝብሃላ፡ ናይቲ ከባቢ ኣመንቲ ብሕቡእ ብመንገዲ ወንጌላዊ መርበባት ኣቢሎም ኣብ ሃገሮም ወንጌል ንምዝርጋሕ ሓላፍነት ይወስዱ ኣለዉ። ስለዚ "ዕጹዋት ሃገራት" ዝበሃላ ሓላፍነትካ ንኸይትዋጻእ ሸለል ንኽትብል

**ዝገብሩ ኣይኮናን። ምኽንያቱ እቲ ቀውዒ ብመንግስታት ደው ክብል ስለዘይክእል። ጸላእትኻ ፖለቲካውያን መራሕቲ ኣይኮኑን።**

**ስክፍታኹም ምስቶም ብድሕሪ እዞም ነገራት እዚኣቶም፡ ነቲ ዓለምለኻዊ ዕላማ ኣምላኽ ዝጻረሩ ዘለዉ መንፈሳውያን ሕልቅነትን ስልጣናትን እዩ ክኸውን ዘለዎ፤**

> *"እቲ ቓልስና ምስ ሕልቅነትን ስልጣናትን ምስ ናይ ጸልማት ገዛእቲ ዓለምን ምስ መናፍስቲ እከይን ኣብ ሰማያት እዩ እምበር፡ ምስ ስጋን ደምን ኣይኰነን እሞ፡ ንፍሕሶ ሰይጣን ምቅዋሙ ምእንቲ ኽትክእሉስ፡ ኩሉ ኣጽዋር ኣምላኽ ልበሱ።" (ኤፌሶን 6፡12)*

**ራእይና ኣብዛ ደረት ኣልቦ ዝኾነት ዓለም እጽኒዕና ንሓዝ። ከምቲ የሱስ ዝገበሮ ነተን ዝጠፍኣ ዘለዋ ከተማታት ብምርኣይ ንንባዕ። ንዓለም ብዓይኒ ኣምላኽ ንርኣያ። ናቱ ዓለምለኻዊ ራእይን ዕላማን ካብ ጥንቲ ካብ ዘልኣለም ቅድሚ ምስራት ዓለም ዝነበረ እዩ።**

## ርእሰ ገምጋም

1. ነታ መሪሕ ጥቕሲ ካብ ዘኽርካ ጽሓፍ።

---

---

2. ኣብ ዓለም ገና ብወንጌል ክብጽሑ ዘለዎም ሰባት ክንደይ ይግመቱ__________________________________

3. ክንደይ ዝግመቱ ጉጅለ ቋንቋታት እዮም ክሳዕ ሕጂ መጽሓፍ ቅዱስ ብቛንቋኦም ዘይተተርጐመ፤________________

4. "ንዓለም ብዓይኒ ኣምላኽ ምርኣይ" እንታይ ማለት እዩ__________________________________________

5. ጠንቂ ናይቲ ኣብ መንጎ ሰብን ኣምላኽን ዘሎ ጋግ መንጎኛ የሱስ ክርስቶስ ዝሓትት ስለምንታይ እዩ፧________________

6. ኣብ ቅድሚ ነፍሲ ወከፍ ሓቂ ዝኾነ ኣበሃህላ **ሐቁ** ጽሓፍ። ኣብ ቅድሚ ነፍሲ ወከፍ ሓሶት ዝኾነ መግለጺ **ሓሶ** ጽሓፍ።

ሀ. ዕጹዋት ሃገራት ዝብሃላ ብናይ ወንጌል መልእኽቲ ክብጻሓ ኣይከኣልን'ዩ።______________________________

ለ. ኣብ ምስፍሕፋሕ ወንጌል ንቃለሶም ዘለና ቀንዲ ጸላእቲ እቶም ንህዝብታት ዝቆጻጸሩ መንግስታት እዮም።______________

ሐ. የሱስ ኣብ መንፈሳዊ ግራውቲ ዓውዲ ዓለም ዓጸድቲ ክውሕዱ እዮም ኢሉ።__________________________

7. ዓለምለኻዊ ክርስትያን ምኳን ማለት እንታይ ማለት እዩ፧______________

## ንዘያዳ መጽናዕቲ

ብዛዕባ እቲ ኣብ ኢሳይያስ 6፡1-9 ተመዝጊቡ ዘሎ ራእይ ኢሳይያስ ኣንብብ።

ንሱ ድማ ንሓደ...

- ናይ ላዕሊ ራእይ [ብሪኽ ቦታ] ፡ ንእግዚኣብሄር ረኣየ።
- ናይ ውሽጢ ራእይ [ዕምቀት]፦ ንርእሱን ናይ ገዛእ ርእሱ መንፈሳዊ ኩነታትን ርእዩ።
- ግዳማዊ ራእይ [ስፍሓት]፡ ንዓለም ርእዩ።

ብተወሳኺ እዚ ራእይ ናይ...

- ቅድስና፦ ናይ እግዚኣብሄር።
- ሲኦላዊ: "ኣነ ዘይተዓረየ እየ" [ርኹስ]።
- ተስፋ ምቐራጽ፡ "መን ክኸደልና፧"

ነዞም ኣሰርቲ/ምፍትሕ/ ቃላት ኣስተውዕል...

- ወይለይ፡ ቃል ኑዛዜ (ፍቕዲ 5) ።
- እንሆ፡ ናይ ምንጻሕ ቃል (ፍቕዲ 7) ።
- ኪድ፡ ቃል ትእዛዝ (ፍቕዲ 9) ።

**ካልኣይ ክፋል፡** ኣምር ምትእስሳር

ሓሳብ ናይቲ ድሕሪ ራእይ ዘሎ ዕላማ ምርዳእ

# ምዕራፍ ኣርባዕተ
# ዓለም ኣብቲ ቃል

## ዕላማታት፤

ነዚ ምዕራፍ ምስ ወዳእኩም ነዞም ዝስዕቡ ክትክእሉ ኢኹም፤

- ካብ መጀመርታ ዘመን ኣትሒዙ ከምቲ ዝተሓሰበሉ መደብ እግዚኣብሄር ንኣህዛብ ዓለም ኣንታይ ምዃኑ ምግላጽ።
- እዚ ራእይ እዚ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ካብ ዘፍጥረት ክሳብ ራእይ ከም ዝተገልጸ ክትከታተሎ ምኽኣል።

## መሪሕ ጥቕሲ፤

*"ከምቲ ብእኡ ዝመደቦ ስምረቱ፡ ነቲ ምስጢር ፍቓዱ እናኣፍለጠና፡ ነቲ ናይ ምልኣት ዘመናት መጋቢነቱ፡ ኣብ ሰማይ ዘሎን ኣብ ምድሪ ዘሎን፡ ኣብ ክርስቶስ ምእንቲ ኺጥቕለልሲ፡ ብኹሉ ጥበብን ብኹሉ ኣእምሮን ነዚ ጸጋኡ ኣባና ኣውሓዞ።" ኤፌ 1፥8-10*

### መእተዊ

ቀዳማይ ክፋል ናይዚ ስልጠና ኣብ "ስትራተጂታት ንመንፈሳዊ እቶት ምህርቲ ቀውዒ" ዝብል ኣቕሪቡ ኣሎ። ንሱ ኸኣ እቲ ራእይ ዝተለለየሉ ብዛዕባ "ምትሓዝ ራእይ" ዝምልከት እዩ ነይሩ። እዘን ምዕራፋት ብምውላድ ራእይ፣ ነቲ ራእይ ምልላይ፣ ንዓለም ብዓይኒ እግዚኣብሄር ምርኣይ፡ ዝብል እንዳወሰኻ እየን ዝኸዳ ነይረን።

እዛ ምዕራፍ እዚኣ ኸኣ ብዛዕባ "ኣምር ምትእስሳር" ዝምልከት ኮይና፡ ኣብ "ስትራተጂታት መንፈሳዊ ዓጺድ " ካልኣይ ስጉምቲ እያ። ብዝርዝር ነቲ ብድሕሪ ራእይ ዘሎ ዕላማ ናይቲ ቀውዒ ዝብል ኣምር ትገልጽ እያ ክትከውን። ንዓለምለኻዊ ዕላማ እግዚኣብሄር ምስ ቀንዲ ፍረ ነገሩ ብምውህሃድ ንዓለም ኣብቃሉ ዘርኢ ቴማ ዝሓዘት እያ።

### ዕላማ ኣምላኽ

ካብ መጀመርታ ዘመን ጀሚሩ እግዚኣብሄር ምስ ደቂ ሰባት ዘለዎ ርክብ ኣብ መብጽዓታቱን ትንቢታቱን መሰረት ዝገበረ መለኮታዊ ዕላማ ነይርዎ።

እግዚኣብሄር ንኣመንቲ ዕላማኡ ገሊጽሎም ኣሎ፤

> *"ከምቲ ብእኡ ዝመደቦ ስምረቱ፡ ነቲ ምስጢር ፍቓዱ እናኣፍለጠና፡ ነቲ ናይ ምልኣት ዘመናት መጋቢነቱ፡ ኣብ ሰማይ ዘሎን ኣብ ምድሪ ዘሎን፡ ኣብ ክርስቶስ ምእንቲ ኺጥቕለልሲ፡ ብኹሉ ጥበብን ብኹሉ ኣእምሮን ነዚ ጸጋኡ ኣባና ኣውሓዞ።" ኤፌ 1፥8-10*

መለኮታዊ ዕላማ ኣምላኽ ካብ መጀመርታ ዘመን ጀሚሩ ንኹሎም ሰማይን ምድርን ኣብ የሱስ ክርስቶስ ምጥቕላል እዩ ነይሩ። ብባህሪኡ እቲ ራእይኡ ዓለምለኻዊ እዩ...

> *"ጐይታስ፡ ኩላቶም ናብ ንስሓ ኺበጽሑ እምበር፡ ሓደ እኳ ኺጠፍእ ዘይፈቱ ስለ ዝኾነ፡ ምእንታኻትኩም ይዕገስ ኣሎ እምበር፡ ከምቲ ንገሊኣቶም ዚድንጉ ዚመስሎም፡ ንተስፋኡ ኣየደንጕዮን እዩ።"* (2ይ ጴጥሮስ 3፥9)

ዕላማ ኣምላኽ ንዓለም ምድሓን እዩ ነይሩ። ናትና ዓላማ ኸኣ ግድን ዕላምኡ ክኸውን ኣለዎ። በዚ መንገዲ ኸኣ ኢና ንዓለምለኻዊ ዕላምኡ ቀዳምነት ክንህቦ ዝግባእ።

ኣብ ዓለምና ብዙሕ ክንሰርሓሉ ዘሎና ነገር ኣሎ። እቲ ኣብ ዓለም ዘሎ ጥሜት፡ ሕማም፣ ድኽነት፡ ማሕበራዊ ዘይፍትሓውነት፡ ኣብ ውሽጢ እዚ ነገራት ንዘለዉ ሓገዝና ክንህብ ይግባኣና እዩ። ግና ከ ኑቶም ሰባት ፡ ናብ መንግስቲ ኣምላኽ ክኣትዉ ዓጺድ ክንወፍር ኩሉ ጊዜ ቀዳምነት ዘውሃቦ ክኸውን ኣለዎ። እቲ ኻልእ ድሌት እዛ ዓለም እዚኣ ሓላፍነት ዝሰምዖም፡ ብኣመንቲ ዝቆመ ሕብረተሰብ እዩ ዝፍታሕ። እዚ ዓቢ ተልእኾ ወንጌል ንኹሉ ዓሌት ሰብ እዩ ዘጠቓልል። ግናኸ እቲ መንፈሳዊ ዓጺድ ናብ መንግስቲ ኣምላኽ ንምእታው ዝግበር ብደቂ ተባዕትዮን ብደቂ ኣንስትዮን ከምቲ ንኣምላኽ ንኣና ድማ ቀዳማይ ዕላማና ክኸውን ኣለዎ።

## ብሉይ ኪዳን

ዕላማ ኣምላኽ ካብ ዘፍጥረት ክሳዕ ራእይ የሃንስ ዘሎ ክንረኽቦ ንኽእል ኢና። ቃሉ ዕላምኡ ንምፍጻም ምስ ውልቀሰባትን ብዙሓት ህዝብታትን ብኸመይ ይራኸብ ከምዝነበረ ዝገልጽ ታሪኽ ዝሓዘ ምኳኑ ነንብብ።

እቲ ንመጀመርያ ግዜ ዝተዋህበ ዝዓበየ ትእዛዝ እግዚኣብሄር፡ ንኣዳምን ሄዋንን ከምዚ ዝብል እዩ ነይሩ፦

*“. . ፍረዩን ተባዝሑን ንምድሪ ከኣ ምልእዋን ምለኽዋን፡. . .” (ዘፍጥረት 1፡28)*

ድላይ ኣምላኽ፡ ኣዳምን ሂዋንን ንምድሪ ልክዕ ከምቲ ንሶም ብመልክዕን ብምስሊ ኣምላኻን ዝተፈጥሩ፡ ብኸምኦም ዝበሉ ከመልእዋ እሞ፡ እቶም ዘርኦም ምስኡ ሕብረት ክህልዎም እዩ ነይሩ። ብሕጽር ዝበለ ሓሳብ ኣምላኽ ንሰብ ብስጋ ውሉድ ከወልዱ ብመንፈስ ከኣ ኣመንቲ ክፈርዩ እዩ ነይሩ።

ጸኒሑ ኣምላኽ ምስ ኣብርሃም ዘልኣለማዊ ኪዳን መስረተ። እዚ ኪዳን እዚ ብባህሪኡ ዓለምለኻዊ እዩ ነይሩ፡ ምኽንያቱ ኣምላኽ ንኣብርሃም፤

*“. . . ህዝብታት ኩላ ምድሪ ብዘርእኻ ኪባረኹ እዮም፡ . .” (ዘፍ 22፡18)*

*“... ኩሎም ዓሌታት ምድሪ ኸኣ ብኣኻን ብዘርእኻን ኪባረኹ እዮም።” (ዘፍ 28፡14)*

ካብ ኣብርሃም ህዝቢ እስራኤል መጸ። ኣምላኽ ንእስራኤል ኣብ ከባቢኦም ንዝነበሩ ኣህዛብ ከም ምስክር ገይሩ ተጠቐመሎም። ኣምላኽ ብመንገዲ እስራኤላውያን ኣቢሉ ክግለጽ ከሎ ብዘለዉ ኣህዛብ ምድሪ ይባረኹ ነበሩ።

ኣብ ግብጺ መዓት ኣብ ዘወርደሉ ዝነበረ ግዜ፡ ኣምላኽ ንፈርኦን ንሱ ልዕሊ ኹሉ ምዃኑ ንምግላጽ ፍርድታት ከም ዝልእከሉ ነገሮ።

*“ኣብ ኵላ ምድሪ ኸማይ ዝበለ ኸም ዜልቦ ምእንቲ ኽትፈልጥ፡ በዛ ጊዜ እዚኣ ድማ ኵሉ መዓተይ ናብ ልብኻን ናብ ገላዉኻን ናብ ህዝብኻን ክሰድድ እየ።” በሎ። (ዘጸ 9፡14)*

እስራኤል በቲ ክሳዕ ኣፉ መሊኡ ዝነበረ ሩባ ዮርዳኖስ ምስ ተዓግቱ፡ ኣምላኽ ንህዝቢ እታ ምድሪ ኢዱ ምእንቲ ከርኢ ነቲ ማይ ኣብ ሓደ ከምዝኹመር ገበሮም፤

*“እግዚኣብሄር ኣምላኽኩም ክሳዕ እትሳገሩ ንማይ ዮርዳኖስ ኣብ ቅድሜኹም ኣንቀጾ። ኩሎም ህዝብታት ምድሪ ኢድ እግዚኣብሄር ሓያል ምዃና ምእንቲ ኺፈልጡ፡ ንስኻትኩምውን ንእግዚኣብሄር ኣምላኽኩም ወርትግ ምእንቲ ኽትፈርህዎ እዩ” (ኢያሱ 4፡24)*

ዳዊት ኣብ ዓውደ ውግእ ምስ ጎልያድ ምስ ተጋጠመ፡ ምድሪ ብምልእታ ኣምላኽ ከም ዘሎ ምእንቲ ክትፈልጥ፡ ኣምላኽ ዓወት ከምዝህቦ ኣወጀ፤

*“ሎሚ መዓልቲ እግዚኣብሄር ንኣኻ ኣሕሊፉ ኣብ ኢደይ ኪህበኒ እዩ፡ ኣነ ኸኣ ክቖትለካ፡ ርእሰኻውን ካባኻ ኽወስድ እየ፡ ሬሳ ሰራዊት ፍልስጥኤማውያን ከኣ በዛ መዓልቲ እዚኣ ንዕዋፍ ሰማይን ንኣራዊት ምድርን ክህቦም እየ እሞ፡ ኣብ እስራኤል ኣምላኽ ከም ዘሎ፡ ኩላ ምድሪ ኽትፈልጥ እያ።” ኢሉ ኣዋአጀ። (1 ሳሙኤል 17፡46)*

ሰለሞን ወዲ ዳዊት ነታ ዓለምለኻዊት ዕላማ ዘለዋ መንግስቲ ኣብ እስራኤል ምስ መስረተ፡ ንድሌታቱ ከምዚ ኢሉ ጸለየ፦

*“... ብዘለዉ ህዝብታት ምድሪ ንስምካ ምእንቲ ኺፈልጡ እሞ ከም ህዝብኻ እስርእኤል ገይሮም ኪፈርሁኻ” (1 ነገ 8፡43)*

ዳዊት *"ክብሩ ኣብ ማእከል ኣህዛብ፡ ተኣምራቱ ኣብ ማእከል ኩሎም ህዝብታት ኣዘንትዉ።"* ኢሉ ክጭድር ከሎ፡ ናብ ዓጺድ ዝበጽሐ ግራውቲ ኣብ መላእ ዓለም እዩ ጻውዒት ዝገበረ። ወሲኹ ኸኣ *". . . ኣብ ማእከል ኣህዛብ፡ እግዚኣብሄር ነጊሱ፡ . . ."* (መዝ 96፡3,10) ይብል።

ክልተ ካብ ነብያት ብሉይ ኪዳን ዳንኤልን ዮናስን <u>ባህሊ ሰገር ኣገልግሎት</u> ኣገልጊሎም እዮም። እዚ ማለት መልእኽቲ ወንጌል ካብኦም ወጻኢ ንዝነበሩ ካልኦት ኣህዛብ ወሲዶሞ ማለት እዩ።

ዳንኤል ኣብ ባቢሎን ከም በዓል ስልጣን ኰይኑ ኣብ ዘገልገለሉ እዋን፡ ንኣምላኽ ምስክር እዩ ነይሩ። ዮናስ ኣብ ነነዌ ሚስዮናዊ እዩ ነይሩ።

ኢሳይያስ እስራኤል ኣብ መንጎ ኣህዛብ ምስክር ኣምላኽ ምዃና ኣዊጁ፤

*"ኩሎም ኣህዛብ ብሓደ ይተኣከቡ፡ ህዝብታት ከኣ ይጨምረሩ፡ ካባታቶም ከምዚ ዘመስለ ኺነግር ዚኽእል መን እዩ፧ እቲ ናይ ቀደም ባህሎም እስኪ የስምዑና፡ ሰብ ሰሚዑ፡ ሓቂ እዩ፡ ምእንቲ ኺብልሲ፡ ምስክሮም የቕርቡ፡ መርትዕኦም ከኣ የፍልጡ። ኣነ ኸም ዝኾንኩ ምእንቲ ኽትስተውዕሉን ክትፈልጡን ክትኣምኑንሲ፡ ንስኻትኩም ምስክረይን እቲ ዝሐሬኽዎ ባርያን ኢኹም፡ ይብል እግዚኣብሄር። ቅድመይ ኣምላኽ ከቶ ኣይተደኰነን፡ ድሕረይ ከኣ ኣይኪኸውንን እዩ። ኣነ፡ ኣነ እየ እግዚኣብሄር፡ ብጀካይ መድሓኒ የልቦን። ኣነ እየ ዝነገርኩ፡ ዘድሓንኩ፡ ዘስማዕኩ፡ ካልእ ኣምላኽ ከኣ ኣብ ማእከልኩም ኣይነበረን። ስለዚ ንስኻትኩም ምስክረይ ኢኹም፡ ይብል እግዚኣብሄር፡ ኣነውን ኣምላኽ እየ።" (ኢሳ 43፡9-12)*

ምሉእ መዝገብ ብሉይ ኪዳን እግዚኣብሄር ንእስራኤል ከም ምስክር ንኣህዛብ ዓለም ከም ዝተጠቕመላ ዝገልጽ ታሪኽ ከይኑ እዩ ተጻሒፉ ዘሎ።

ብሉይ ኪዳን ኣምላኽ ምስ ውልቀሰባትን ኣህዛብን ናብ ፍልጠት እቲ ሓቀኛን ህያውን ኣምላኽ ንምብጻሕ ከም ዝራኸቦም መለኮታዊ ዕላማ ዘንጸባርቕ ጽሑፍ እዩ።

## ሓድሽ ኪዳን

ብሉይ ኪዳን ዕላማ እግዚኣብሄር ኣብ ምጽኣት የሱስ ክርስቶስ ንኽፍጸም መንገዲ ኣዳልዩ እዩ። ሓድሽ ኪዳን ግን፡ ዕላማን ፍቓድ ኣምላኽ ብኣገልግሎት የሱስ ከም ዝፈጸመ ይምዝግብ። የሱስ ንደቀ መዛሙርቱ ንራእይ ቀውዒ ከረድኦም ከሎ ከምዚ በለ፦

*". . . ብልዔይሲ ፍቓድ እቲ ዝለኣኸኒ ኽገብር ዕዮኡውን ክፍጽም እዩ።" (ዮሃ 4፡34)*

ኣብ ኩሉ ህይወት የሱስ እንርእዮ ካብ ደቂ ተባዕትዮን ደቂ ኣንስትዮን ነፍሳት ንኣምላኽ ንምምጻእ ዝተወፈየ እዩ ነይሩ። ዕላማ ህይወቱ ኸኣ ግራውቲ ዓለም ክዓጽድ እዩ ነይሩ፤

*"ንሱ ግና፡ ስለዚ እየ እተለኣኽኩ እሞ፡ ንኻልኦት ዓድታት ድማ ብስራት መንግስቲ ኣምላኽ ክሰብከለን ይግብኣኒ እዩ፡ በሎም።" (ሉቃ 4፡43)*

የሱስ ናብ ሰማይ ምስ ዓረገ ዓቢ ተልእኾ ገዲፉልና እዩ ከይዱ፡ ንሱ ድማ ድሕሪ'ቲ ራእይ መንፈሳዊ ቀውዒ ክኸውን ዘለዎ ትእዛዝ እዩ።

እዚ ኣብ ሓዲሽ ኪዳን ኣብ ሓሙሽተ ዝተፈላለየ ቦታታት ተመዝጊቡ ኣሎ፤

*"የሱስ ቀሪቡ ኸምዚ ኢሉ ተዛረቦም፡ ኣብ ሰማይን ኣብ ምድርን ኩሉ ስልጣን ተዋሂቡኒ ኣሎ። ስለዚ ኺዱ ንኹሎም ኣህዛብ ብስም ኣቦን ወድን መንፈስ ቅዱስን እናኣጥመቕኩም፡ ዝኣዘዝኩኹም ኩሉ ኺሕልዉ ኸኣ እናመሀርኩም፡ ደቀ መዛሙርቲ ግበርዎም። እንሆ ድማ፡ ኣነ ኽሳዕ መወዳእታ ዓለም ኩሉ መዓልቲ ምሳኻትኩም እየ።"(ማቴ 28፡18-20)*

*"በሎም ድማ፡ ናብ ኩላ ዓለም ኪዱ፡ ንብዘሎ ፍጥረት ከኣ ወንጌል ስበኹሉ። ዝኣመነን እተጠምቀን ኪድሕን፡ እቲ ዘይኣመነ ግና ኪኹነን እዩ። ነቶም ዚኣምኑውን እዚ ተኣምራት እዚ ኺስዕቦም እዩ፡ ብስመይ ኣጋንንቲ ኺውጽኡ፡ ብሓድሽ ልሳን ከኣ ኪዛረቡ፡ ኣትማን ኪሕዙ እዮም፡ ዚቐትል እንተ ሰተዩ ኸኣ፡ ከቶ ኣይኪጕድኦምን እዩ፡ ኣእዳዎም ኣብ ሕሙማት ኪንብሩ ንሳቶምውን ኪሐውዩ እዮም።" (ማር 16፡15-18)*

*"ሽዑ ነተን ጽሑፋት ኪስተውዕልወን፡ ኣእምሮኦም ከፈተሎም እሞ፡ ክርስቶስ ሓሳረ መከራ ኺጸግብ፡ ብሳልሰይቲ መዓልቲውን ካብ ምውታት ኪትንስእ፡ ብስሙ ኸኣ ንስሓን ሕድገት ሓጢኣትን ካብ የሩሳሌም ጀሚሩ ኣብ ኩሎም ኣህዛብ ኪስበኽ፡ ጽሑፍ እዩ። በዚ ንስኻትኩም መስክር ኢኹም። እንሆ፡ ኣነ ተስፋ ኣቦይ ክሰደልኩም እየ። ንስኻትኩም ግና ካብ ላዕሊ ሓይሊ ኽሳዕ እትለብሱ፡ ኣብ ከተማ የሩሳሌም ጽንሑ፡ በሎም።" (ሉቃ 24፡45-49)*

*". . ከምቲ ኣቦ ንኣይ ዝለኣኸኒ፡ ኣነውን ከምኡ እልእከኩም ኣሎኹ፡ በሎም።" (ዮሃ 20፡21)*

*"መንፈስ ቅዱስ ናባኻትኩም ምስ ዚወርድ ግና፡ ሓይሊ ኽትቅበሉ፡ ኣብ የሩሳሌምን ኣብ ኩላ ይሁዳን ኣብ ሰማርያን ክሳዕ ወሰን ምድሪ ምስክር ክትኮኑኒ ኢኹም፡ በሎም፡" (ግብ 1፡8)*

ከም ኣመንቲ ሕጂ ንህዝብታት ዓለም ምስክሩ ስለ ዝኾንና፡ ዕላማ እግዚኣብሄር ክንፍጽም ሓላፍነትና እዩ።

መጽሓፍ ግብሪ ሃዋርያት ብዛዕባ ምውላድን ኣብ መጀመርታ ህይወት ናይታ ቤተ ክርስትያን ከመይ ከምዝነበረ ይምዝግብ። እቲ ማእከላይ ቴማ "ምስክር ክትኮኑኒ ኢኹም" (ግብ 1፡8) ኣብ ዝብል ሓረግ ተጠቓሊሉ ንረኽቦ። ቅዲ ናይዚ እናሰፍሐ ዝኸይድ ዘሎ ምስክር ኣብ ምሉእ መጽሓፍ ግብሪ ሃዋርያት እናወሰኸ እዩ ዝኸይድ፤

ንኣይሁድ ምስክር፡ ግብ 1፡1-8፡3

ንኣይሁድን ኣህዛብን ምስክር፡ ግብ 8፡4-12፡25

ንኣህዛብ ምስክር፡ ግብ 13፡1-28፡31

ቀዳመይቲ ቤተ ክርስትያን ከምቲ ኣብ ግብሪ ሃዋርያት 2 ተመዝጊቡ ዘሎ፡ ዓቢ ግብሪ ሓይሊ ዝተራእየሉ ግዜ እያ ተመስሪታ። ኣምላኽ ምስክርነቱ ንህዝቢ ዓለም ዝነግረላ ሓዳሽ ኣካል ብህዝቡ ዝቀመት ቤተ ክርስትያን ናይ ምድኳን መስርሕ ጀሚሩ፤

*"እቲ ኣብቲ ኹሉ ዝፈጠረ ኣምላኽ ካብ ዘለኣለም ተሰዊሩ ዝነበረ ምስጢር መጋቢነትውን ከመይ ምዃኑ ንኹሎም ከብርሃሎም ተዋሀበኒ። ኣምላኽ እታ ብዙሕ ዝዓይነታ ጥበብ ሕጂ <u>ብታ ማሕበር ገይሩ ነቶም ኣብ ሰማያት ዘለዉ ሽመታትን ስልጣናትን</u> ምእንቲ ኺፍልጦም፡" (ኤፌሶን 3፡9-10)*

ዕላማ እግዚኣብሄር ብቤተ ክርስትያን ኣቢሉ እቲ ብየሱስ ዝገብሮ ናይ ምድሓን መደቡ ኣብ መላእ ዓለም ክፍለጥ እዩ ነይሩ።

ናይ ሓዲሽ ኪዳን መልእኽትታት ኣብ ናይ ኣባላት ቤተ ክርስትያን መርገጺን ስርዓትን ከምኡውን ፍሉይ መሰላትን ግቡእን ጸቒጦም ይገልጹ። ጽቡቕ ስርዓት ዘለዋ፡ ቤተ ክርስትያን ንሓይሊ ኣምላኽ ክትገልጽ [ክትምህር] ጥራይ ዘይኮነትስ ኣብ ግራውቲ ቀውዒ ዓለም ሓይሊ ኣምላኽ ከተርኢ'ውን እትኽእል ቤተ ክርስትያን እያ እትኸውን።

ኣብ ራእይ ዮሃንስ 1-3፡ ዮሃንስ ኣብ መወዳእታ ቀዳማይ ክፍለ ዘመን ናብተን ሸውዓተ ናይቲ ከባቢ ኣብያተ ክርስትያን ኣነባብራ መዝጊቡ ኣሎ። በዚ መዝገብ እዚ ኣቢልና ድሕሪ ጴንጠቆስጠ ክልተ ወለዶ ዝነበረ ኩነታት ቤተ ክርስትያን ንርኢ።

ገለ ካብተን ኣብያተ ክርስትያናትት ዕላማአን ረሲዐን ነይረን። ገሊአን ብመንፈስ ዝሑላትን ሓይሊ ዘይብለንን እየን ዝነበራ። እንተኾነ ግን ኣብዘን ምዕራፋት ዝተንጸባረቐ ኩነታት ቤተ ክርስትያን ብዘየገድስ፡ መለኮታዊ ዕላማ ኣምላኽ ኣይተቐየረን ነይሩ፤

*"እንሆ፡ ኣብ ደገ ቤት ደው ኢለ ኳሕኳሕ ኤብል ኣሎኹ። ሓደ እኳ ድምጸይ ሰሚዑስ ማዕጾ እንተ ኸፈተለይ፡ ናብኡ ኽኣቱ ምስኡ ኽኣ ክድረር እየ፡ ንሱውን ምሳይ" (ራእይ 3፡20)*

ንዝኾነ ሰብ...ካብ ዝኾነ ብሄርን ዓሌትን ቋንቋን...ኣምላኽ ርእሱ ክገልጸሉ ይደሊ። ካብ መጀመርታ ግዜ ኣትሒዙ ዕላማ ኣምላኽ ኣይተቐየረን። _______*ሃርቨስታይም ኢንተርናሽናል ኢንስቲትዩት "ምምዕባል መጽሓፍ ቅዱሳዊ ኣረኣእያ ዓለም" ዝብል ኣርእስቲ ዘለዎ ስልጠና ይህብ፡ እዚ ድማ ኣብ ቃሉ ከም ዝተገልጸ ዕላማ ኣምላኽ ንኣህዛብ ዓለም ብዝያዳ ብዝርዝር ዝገልጽ እዩ።_____

## ርእሰ ገምጋም

1. ነታ መሪሕ ጥቕሲ ካብ ዘኽርኻ ጽሓፍ።

_______________________________________________

_______________________________________________

_______________________________________________

2. ኣብ ቅድሚ ነፍሲ ወከፍ ሕቶ ሓቂ ዝኾነ መግለጺ **ሓቂ** ኢልካ ጽሓፍ። ኣብ ቅድሚ ነፍሲ ወከፍ **ሓሶት** ዝኾነ መግለጺ ኸኣ **ሓሶት** ኢልካ ጽሓፍ።

ሀ. ____________እግዚኣብሄር መለኮታዊ ዕላማኡ ንሰብ ኣይገለጸን።

ለ. ____________ዕላማ እግዚኣብሄር ንኹሉ ነገር ኣብ ክርስቶስ የሱስ ክም ዝጥቕለል ምግባር እዩ።

ሐ. ____________ኣብ መዝገብ ብሉይ ኪዳን እግዚኣብሄር ንእስራኤል ከም ምስክር ኣብ ኣህዛብ ዓለም ተጠቒሙላ።

መ. ____________ ኣብ ሓዲሽ ኪዳን እግዚኣብሄር ንቤተ ክርስትያን ወንጌል ናብ ዓለም ከሰፍሓላ ዝደልያ ኣካል ሰባት ገበራ።

3. መለኮታዊ ዕላማ ኣምላኽ እንታይ እዩ፧ ንመልስኻ ንምድጋፍ እንተወሓደ ሓደ ጥቕሲ ሃብ።

_______________________________________________

_______________________________________________

_______________________________________________ ጥቕሲ: _______________________

## ንዝያዳ መጽናዕቲ

1. መልእኽቲ እግዚኣብሄር ነተን ሸውዓተ ኣብያተ ክርስትያናትት እስያ ኣብ ራእይ ዮሃንስ ምዕራፍ 1-3 ኣጽንዕ።

ኣብዘን ኣብያተ ክርስትያናትት ዘሎ፡ እግዚኣብሄር ዝንእዶ ባህርያት ዝርዝር ኣውጽእ። እዚ ባህርያት እዚ ነተን ኣብያተ ክርስትያናት ወንጌል ኣብ ምዝርጋሕ ብኸመይ ምሓገዘን፧

ኣብ ኣብያተ ክርስትያናት ዘሎ ጸገማት እግዚኣብሄር ዘለልዮም ዝርዝር ኣውጽእ ። እዚ ጸገማት እዚ ቤተ ክርስትያን ንኣህዛብ ዓለም ምስክር ብምዃን ዕላማኣ ንኸይትፍጽም ብኸመይ ምኽልከላ፧

2. ብዛዕባ ዓለም ኣብ ቃሉ ዝገበርካዮ መጽናዕቲ ቀጽሎ። ኣብታ ዝቕጽል ዓመት ዓለምለኻዊ ዕላማ ኣምላኽ ኣብ ግምት ብምእታው ምሉእ መጽሓፍ ቅዱስ ኣንብብ።

ንኹለን እተን እግዚኣብሄር ምስ ኣህዛብ ዓለም ዘለዎ ርክብ ዝምልከት ጥቕስታት ኣለሊ። ነዘን ጥቕስታት እዚኣተን ኣብ መጽሓፍ ቅዱስካ ንምሕባር ብፍሉይ ሕብራዊ ብርዒ ወይ እርሳስ ተጠቐም።

ገለ ጥቕስታት ንምልላይ ዝሕግዙኻ ክትከታተሎም ዘለካ ቃላት ኣብ ታሕቲ ተዘርዚሮም ኣለዉ፤

- መሬት
- ዓለም
- ብሄር ወይ ኣህዛብ
- ኣህዛብ (ብዘይካ ህዝቢ እስራኤል ወይ ካብኦም ወጻኢ ንዝኾኑ ኩሎም ማለት እዩ)
- ኣረማውያን

**ሳልሳይ ክፋል፡ ዕላማ ምግባር**

*ራኢይኻ ንምፍጻም ዝግበር ዕላማታት*

# ምዕራፍ ሓሙሽተ
# *ዘራት ማዕጺድን፡ ባድ ግራውቲን*

## *ዕላማታት፤*

*ነዚ ምዕራፍ ምስ ወዳእኩም ነዞም ዝስዕቡ ክትክእሉ ኢኹም፤*

- *ኣብ ባህርያዊ ዓለም ንምህርቲ ዝኸልክሉ ነገራት ምልላይ።*
- *ነዞም ባህርያዊ መትከላት ኣብ መንፈሳዊ ዓጺድ ተግባራዊ ምግባር።*

## *መሪሕ ጥቕሲ፤*

*"ሰብ ነቲ ዝዘርኦ ንእኡ ኸኣ ኪዐጽዶ እዩ እሞ፡ ኣይትጠበሩ፡ ኣምላኽ ኣይዕሾን እዩ። እቲ ንስጋኡ ኢሉ ዚዘርእ ካብቲ ስጋስ ጥፍኣት ኪዐጽድ እዩ፡ እቲ ንመንፈሱ ኢሉ ዚዘርእ ግና ካብቲ መንፈስ ናይ ዘለኣለም ህይወት ኪዐጽድ እዩ።"(ገላትያ 6፡7-8)*

### *መእተዊ*

*ቀዳማይ ክፋል ናይዚ ስልጠና "ራእይ ቀውዒ ምልላይ።" ክኸውን ከሎ እቲ ካልኣይ ክፋል ድማ "ድሕሪ እቲ ራእይ ዘሎ ዕላማ ምልላይ።" ዝብል ኮይኑ፡ እዚ ሳልሳይ ክፋል፡ ብዛዕባ "ዕላማ ምግባር" ዝምልከት እዩ። እዚ ኸኣ ናብ "ትጽቢት" ዝመርሕ ትልሚ ዘቐርብ፣ ፍጻሚ ናይቲ ራእይ እዩ።*

*እዛ ምዕራፍ እዚኣ ድኹም መንፈሳዊ ቀውዒ ንኽህሉ ዝገብ ምኽንያታት ትምርምር። ንሓደ ነገር ከመይ ጌርካ ከም ዘይትገብሮ ምፍላጥ ልክዕ ከምቲ ከመይ ጌርካ ከም እትገብሮ ምፍላጥ ኣገዳሲ እዩ።*

*ቶማስ ኤዲሰን ዝተባህለ ኣብ ኣሜሪካ ፍሉጥ መሃዚ፡ ቅድሚ ኤለክትሪካዊ ጽዓት ምምሃዙ ንጽዓት ኢለክትሪክ ንምርካብ* 1500 *ፈተነታት ኣካይዱ። ብዛዕባ እዞም ፈተነታት ምስ ተሓተተ ክምልስ ከሎ "እቶም ፈተነታት ኣገደስቲ እዮም ኔሮም፡ ምኽንያቱ ኤለክትሪካዊ ጽዓት ዘይምንጭወሉ* 1500 *መንገድታት ስለ ዝተማሃርኩ" ኢሉ መሊሱ። ኣብ መጻኢ ኤለክትሪካዊ ጽዓት ንምርካብ ግዜን ጻዕርን ንኸይወስድ ውን እቶም ጌጋታቱ ምሂሮሞ እዮም።*

*ሃብታም መንፈሳዊ ምህርቲ ንኽህልወካ ፍተነታት ምግባር ኣየድልየካን እዩ። ምኽንያቱ ድኺም መንፈሳዊ ምህርቲ ብኸመይ ከምዘጋንፍ እግዚኣብሄር ኣብ ቃሉ ጽቡቕ ጌሩ ገሊጽዎ ኣሎ። ዘየድሊ መንፈሳዊ ጻዕርታት ምውጋድ ክትፈልጥ ኣገዳሲ እዩ። ናይዛ ምዕራር ቀንዲ ትሕዝቶ ኸኣ እዚ እዩ፦*

*እተን ዝቕጽላ ክልተ ምዕራፋት "ስትራተጂታት ንመንፈሳዊ እቶት ምህርቲ ቀውዒ" ዝምልከታ ክኾና ከለዋ፡ ውጽኢታዊ መንፈሳዊ ዓጺድ ዘምጽኡ መትከላት እየን ዝገልጻ። ምዕራፍ ሸሞንተ ኸኣ "ውጽኢት ምእካብ ምህርትካ" ፈልያ ብምንጻር ኣገባባትን መሳርሕታትን ናይ መንፈሳዊ ዓጺድ እንታይ ምዃኖም ተረድእ።*

## እቲ "እንተ-ግን" ዝብል መትከል

ኣብ ቃል ኣምላኽ "እንተ-ግን" ዝብሃል መትከል ኣገዳሲ መትከል ኣሎ። እግዚኣብሄር ንህዝቡ ብዙሕ መብጽዓታት ሂቡ እዩ። መብዛሕትኡ ድማ ኣብ "እንተ-ግን" ዝብል መትከል ዝተመርኮሰ እዩ። ዘዳግም 28 ሓደ ኣብነት ናይዚ ስርዓት እዚ እዩ። ኣምላኽ ቃል ኣትዩ ኣሎ፤

*"ኪኸውን ድማ እዩ፥ ቃል እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ኣጸቢቕካ እንተ ሰማዕካ፥ እዚ ኣነ ሎሚ ዝእዝዘካ ዘሎኹ ኹሉ ትእዛዛቱ ተጠንቂቕኻ እንተ ገበርካዮ፥ እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ኣብ ልዕሊ ኹሎም ህዝብታት ምድሪ ኽብ ኪብለካ እዩ።" (ዘዳ 28፡1)*

እዚ ምዕራፍ እዚ ህዝቢ ኣምላኽ፡ ንኣምላኽ እንተ ኣገልጊሎምዎ ዘጋጥሞም በረኸት እዩ ዝዝርዝር። ካብቶም ብዙሓት በረኸታት ገለ ኣብ ባህርያዊ ዓለም ብዙሕ ምህርቲ ቐውዒ ኽም ዚህሉ መብጽዓታት ይርከብዎም፤

*"ንስኻ ኣብ ከተማ ብሩኽ ትኸውን፡ ንስኻ ኣብ መሮር ድማ ብሩኽ ትኸውን። ፍረ ኸርስኻን ፍረ ምድርኻን ፍረ ማልካን ምውላድ ላምካን ምፍራይ ኣባጊዕካን ከኣ ብሩኽክ ይኸውን።" (ዘዳ 28፡3-4)*

ፍቕዲ 15 ግን ከምዚ ኢላ ተጠንቅቕ፤

*"ግናኸ ኪኸውን እዩ፥ ቃል እግዚኣብሄር ኣምላኽካ እንተ ዘይሰማዕካ፥ እዚ ኣነ ሎሚ ዝእዝዘካ ዘሎኹ ኹሉ ትእዛዛቱን ሕጋጋቱን ንምግባሩ ድማ እንተ ዘይተጠንቀቕካ፥ እዚ ኹሉ መርገም ኪመጻካን ኪረኽበካን እዩ።" (ዘዳ 28፡15)*

ካብ መገድታት እግዚኣብሄር እንተተመሊስካ ካብቲ ዝመጽእ መርገም ሓደ ኣብ ባህርያዊ ዓለም ድኹም ቀውዒ ክህልወካ ይገብር፤

*"ንስኻ ኣብ ከተማ ርጉም ትኸውን፡ ንስኻ ኣብ መሮርውን ርጉም ትኸውን ። . . ፍረ ኸርስኻን ፍረ ምድርኻን ምውላድ ላምካን ምፍራይ ኣባጊዕካን ድማ ርጉም ይኸውን። . . . . . ኣብ ግራትካ ብዙሕ ዘርኢ ተምጽእ፡ ግናኸ፡ ኣንበጣ ኺበልዖ እዩ እሞ፡ ሒደት ትእክብ። ወይኒ ትተክል ትኹስኩሶ ኸኣ፡ ግናኸ፡ ሐሰኻ ኺበልዖ እዩ እሞ፡ ወይኒ ኣይትሰትየሉን፡ ገለ እኳ ድማ ኣይትእክብን። ኣብ ኵሉ ሃገርካ ኣውልዕ ይኹነልካ፡ ግናኸ፡ እቲ ኣውልዕካ ኺርግፍ እዩ እሞ፡ ዘይቲ ኣይትልከን። ኣወዳትን ኣዋልድን ትወልድ፡ ግናኸ፡ ተማረኽም ኪኸዱ እዮም እሞ፡ ንኣኻ ኣይኮኑን።" (ዘዳ 28፡16,18,38-42)*

እዚ ኣብ ዘዳግም ዘሎ ምዕራፍ ነቲ "እንተ-ግን" ዝብል መትከል ዘርኢ እዩ። ገለ መብጽዓታት ኣምላኽ ኣብ ግብረ መልሲ እንህቦ ዝተመርኮሰ እዩ።

## ተፈጥሮኣውን መንፈሳውን ምምስሳል

መጽሓፍ ቅዱስ ኣብ ባህርያዊ ዓለም ብዙሕ ምህርቲ ዘእቱ መትከላት ይገልጽ። ብተወሳኺ'ውን <u>ኣብ ግዜ ምእካብ ዝባኽን</u> እኽልን ውሑድ ምህርትን ዘጓንፍ ነዞም መትከላት ምስ ዘይትኽተል እዩ ይብል።

እዞም መትከላት እዚኣቶም ኣብ ባህርያዊ ዓለም ብጭቡጥ ንምዝራእን ንምዕጻድን ዝምልከቱ ኮይኖም ምስ ዓበይቲ መንፈሳዊ ሓቅታት ዝመሳሰሉ እውን እዮም።

ነዚ መትከላት እዚ ምርዳእ ማለት ከም ውጽኢቱ ንዓለም ብወንጌል ምብጻሕን ኣብ ቀውዒ ምህርትካ ምእካብን ማለት እዩ። ነዚ መትከላት እዚ ኣብ ነፍሲ ወከፍ መዳይ ህይወት ኣብ ግብሪ ምውዓል፡ ብገንዘብ፡ ብንዋታዊ፡ ብኣካልን ብስምዒትን በረኸት ኣምላኽ ከምጽኣልካ እዩ።

## ተገዳስነት ሰይጣን ኣብ ቀውዒ

ሰይጣን ኣብ መንፈሳዊ ቀውዒ ተገዳስነት ኣለዎ። የሱስ ንጴጥሮስ ከምዚ በሎ።

*". . . እንሆ፡ ሰይጣን ከም ስርናይ ኪሐሕየኩም ተመነየ።" (ሉቃ 22፡31)*

ሰይጣን ብኽነት ጥራይ ኮይኑ ምእንቲ ክተርፍ ካብ ህይወትካ ኩሉ ሰናይ ነገር ክሐሕዮ ይደሊ። ብሓጺሩ መንፈሳዊ ቀውዒ ክትዓጽድ ኣይደልን እዩ።

**ሰይጣን ነቲ ቀውዒ ካብ ህይወትካ ንምሕላይ ዝሓንጸጸ ስትራተጂ ከተለሊ ምእንቲ ክሕግዘካ፡ ኣምላኽ ብዛዕባ መንፈሳዊ ቀውዒ ከይበዝሕ ዘኽልክሉ ነገራት ኣጠንቂቑ ኣሎ።**

**ንውጽኢታዊ ቀውዒ ዝኸውን ስትራተጂታት ንምትግባር መጀመርያ ኣብ ህይወትካ ቀውዒ ዝኽልክሉ ነገራት ምውጋድ ኣድላይ እዩ።**

**ስለዚ ነዞም ኣሉታዊ ረቛሒታት ክትገጥሞም ኣለካ። ኣብ ባህርያዊ ዓለም፡ ግራት ንምዝራእ ምድላው ማለት እዩ። እቲ ግራት ነቲ ዘርኢ ንምቕባል ቅድሚ ምድላዉ ክጉልጎልን ክዛለን ክሕረስን ኣለዎ።**

## ምኽንያታት ድኹም ቀውዒ

**እዞም ስዒቦም ዝግለጹ ብዛዕባ ድኹም መንፈሳዊ ቀውዒ ንኽህሉ ዝገብሩ እዮም፤**

## ንቃል ኣምላኽ ዘይምእዛዝ፤

**እቲ ኣቐዲሙ እተዘተየሉ ኣብ ዘዳግም** 28 **ዚርከብ ክፍሊ፡ ንሓደ ድኹም መንፈሳዊ ቀውዒ ዘምጽእ ምኽንያት ዜርኢ ዝገልጽ እዩ፣ እዚ ኸኣ ንቓል ኣምላኽ ዘይምእዛዝ እዩ። ህዝቢ ኣምላኽ ነቲ ኣብ ቃል ኣምላኽ ዘሎ እንተዝእዘዝ ብዙሕ ምህርቲ ከምዝሓፍስ ቃል ተኣትይሉ ኣሎ።**

**ኣብ ኢሳይያስ ምዕራፍ** 5 **ኣምላኽ ብዛዕባ እስራኤል ከም ኣታኽልቲ ወይኒ ገይሩ ይዛረብ። ንቃሉ ብዘይምእዛዝ (ፍቕዲ** 13ን 20ን**) ፍረ ዘይብሎም ኮይኖም እዮም ተረፎም። ቃል ኣምላኽ ምስ ዘይትእዘዝ ውጽኢቱ መንፈሳዊ ጥሜት እዩ ዘስዕብ፤**

> ***". . . እንሆ፡ ኣነ ናብታ ሃገር ጥሜት ዝሰደለን መዓልትታት ኪመጻ እየን። ንምስማዕ ቃል እግዚኣብሄር እምበር፡ ጥሜት እንጌራን ጽምኢ ማይን ኣይኰነን። ካብ ባሕሪ ናብ ባሕሪ፡ ካብ ሰሜን ናብ ምብራቕ ይኸብልሉ፡ ቃል እግዚኣብሄር ኪደልዩስ ናብዝን ናብትን ይጐዩ፡ ኣይረኽብዎን ከኣ።"*** *(ኣሞ 8፡11-12)*

## ንኣምላኽ ምርሳዕ:

**ካልእ ምኽንያት ድኹም ቀውዒ ንኣምላኽ ኣብ ህይወትካ ግቡእ ቦታኡ ከይሕዝ ምርሳዕ እዩ፤**

> ***"ንኣምላኽ ምድሓንኪ ስለ ዝረሳዕኪ፡ ንኸውሒ ሓይልኺውን ስለ ዘይዘከርኪ፡ ስለዚ ባህ ዜብል ኣትክልቲ ትተኽሊ፡ ጋሻ ዝኾነ ሓረግ ወይኒውን ተፍልሲ ኣሎኺ። በታ ዝተኸልክላ መዓልቲ ትሐጽርዮ፡ ኣንጊሆኪ ኸኣ ንዘርእኺ ተፀንብብዮ፡ ግናኸ ቀውዒ ብመዓልቲ መዓትን መሪር ስቓይን ይመልቖ።"*** *(ኢሳ 17፡10-11)*

**ብዛዕባ ኣምላኽ ምፍላጥ ጥራይ እኹል ኣይኮነን፡ ንኣምላኽ ብተግባር ክትፈልጦ እዩ ዘለካ። ነቲ ናይ ምድሓን መደቡ ክትቅበሎ፣ ከም ጎይታ ህይወትካ ድማ ኣፍልጦ ክትህቦ ይግባእ።**

**ንኣምላኽ ብግቡእ ኣፍልጦ ብዘይምሃብ ለይትን መዓልትን ክትሰርሕ ትኽእል ኢኻ፡ ግን ዕዉት መንፈሳዊ ቀውዒ ክትእክብ ኣይትኽእልን ኢኻ። ኣብነት ህዝቢ እስራኤል ንኣምላኹ ዝረሰዐ ህዝቢ ምንባሩ ንርአ፤**

> ***"ንተግባሩ ቐልጢፎም ረስዕዎ፡ንምኽሩ ኣይተጸበይዎን። . . . . ኣብ ግብጺ ዓብዩ ተግባር፡ኣብ ሃገር ካም ተኣምራት፡ኣብ ባሕሪ ኤርትራ ዜፍርህ ነገር ዝገበረ ኣምላኽ፡ መድሓኒኦም፡ ረስዕዎ።"*** *(መዝ 106፡13,21)*

**በዚ ምኽንያት እዚ እስራኤል ኣብ ባህርያውን መንፈሳውን ቀውዒ ምእካብ ተሸገረት።**

**እስራኤል ድኹም ምህርቲ ንኽህልዎም ዝገብሮም ዝነበረ ከምቶም ብዙሓት ንኣምላኾም ዝረስዑ ንኣምላኽ ከምዝረስዓት ኣየለለዩን፤**

> ***"ንሳቶም ነቲ ኣውዳትካን ኣዋልድካን ኪበልዕዎ ዚግባእ ቀውዕኻን እንጌራኻን ኪበልዑ፡ ወይንኻን በለስካን ኪበልዑ እዮም። ነተን እትእመነን ጽኑዓት ከተማታትካ ብሰይፊ ኼፍርስወን እዮም። ግናኸ በተን መዓልትታት እቲኣተን ከኣ ብጥራሶ ኣይከጥፍኣኩምን እየ፡ ይብል እግዚኣብሄር። ንስኻትኩም ድማ፡ እግዚኣብሄር ኣምላኽና ስለምንታይ እዩ እዚ ኹሉ ዝገበረና፧ እንተ በልኩም፡ ሽዑ ንስኻ፡ ከምቲ ንስኻትኩም ዝሐደግኩምኒ፡ ኣብ ሃገርኩም ንጓኖት ኣማልኽቲ እተገዛእኩም፡ ከምኡውን ኣብ ዘይሃገርኩም ንጓኖት ክትግዝኡ ኢኹም፡ ኢልካ ምለሰሎም።"*** *(ኤር 5፡17-19)*

ኣሞጽ ንምኽንያት ድኹም ቀውዒ ኣብ ምዕራፍ 4ን 5ን ጽሑፉ ብንጹር ገሊጽዎ ኣሎ፤

*"ኣነውን ንዓኺድ ገና ሰለስተ ወርሒ ተሪፍዎ ኸሎ፡ ዝናም ከላእኩኹም። ኣብታ ሓንቲ ኸተማ ኣዘንምኩ፡ ኣብታ ሓንቲ ኸተማ ግና ኣየዘንምኩን። ኣብታ ሓንቲ ኽፍሊ ዘነመ፡ እታ ዘይዘነማ ኽፍሊ ኸኣ ሀጐጐት። . . . . ብሃጉን ብዋግን ወቓዕኩኹም፡ ነቲ ብዙሕ ኣታኽልትኹምን ኣታኽልቲ ወይንኹምን በለሳውትኹምን ኣዋልዕኩምን ኣንበጣ በልዖ። ንስኻትኩም ግና ናባይ ኣይተመለስኩምን፡ ይብል እግዚኣብሄር።" (ኣሞ 4፡7,9)*

ኣሞጽ ነቲ ጸገም ካብ ምልላይ ብተወሳኺ መፍትሒ ይህብ፤

*". . . ድለዩኒ እሞ ብህይወት ክትነብሩ ኢኹም ። . ." (ኣሞ 5፡4)*

## ዘይቅኑዕ ኣዘራርኣ።

እግዚኣብሄር ንህዝቡ ከምዚ ኢሉ ኣጠንቀቖም፤

*"ኣብ ኣታኽልቲ ወይንኻ፡ እቲ ዝዘራእካዮ ዘርኢ ምስቲ ፍረ ወይኒ ሐቢሩ ኸይቅደስ፡ ክልተ ዓይነት ዘርኢ ኣይትዝራእ።" (ዘዳ 22፡9)*

*". . . ስለዚ ባህ ዜብል ኣትክልቲ ትተኽሊ፡ ጋሻ ዝኾነ ሓረግ ወይኒውን ተፍልሲ ኣሎኺ። በታ ዝተኸልክላ መዓልቲ ትሐጽርዮ፡ ኣንጊሀኪ ኸኣ ንዘርእኺ ተዐንብብዮ፡ ግናኸ ቀውዒ ብመዓልቲ መዓትን መረር ስቓይን ይመልቆ።" (ኢሳ 17፡10-11)*

ኣብዘን ጥቕስታት እግዚኣብሄር ብዛዕባ "ዝተሓዋወሰ ዘርኢ"ን "ጋሻ ሓረግ ወይኒ" [ንኣሽቱ ተኽልታት ወይ ፈልሲታት] ይዛረብ። ዝዓብዩ ክመስሉ ይኽእሉ እዮም፡ ኣብ ግዜ ቀውዒ ግን ክርገሙ እዮም ኢሉ ይዛዝም።

ሓድሽ ኪዳን ነቲ "ዘርኢ" ቃል ኣምላኽ ኢሉ ይጽውዖ። ኣብ ህይወትካ ብእትዘርኦ <u>ዘርኢ መንፈሳዊ ቀውዕኻ ብኡ እዩ ዝጽሎ።</u> ንቃል ኣምላኽ እንትድኣ ዘሪእካ ብዙሕ ምህርቲ ቐውዒ ክህልወካ እዩ።

ንስርዓታት ሰብን ትውፊታቶምን፡ ሃይማኖታዊ ጥርናፈን ካብ ቃል ኣምላኽ ንላዕሊ ኣገዳሲ ወይ ማዕረ እንተቐጺርካዮ፡ ዘርኢ ትሕውስ ኣለኻ ማለት እዩ። ብዙሓት ሃይማኖታውያን ጥርናፈታት ጥዑያት መንፈሳውያን ተኽልታት ይመስላ። ዓበይቲ ጉባኤታትን ኣኼባታቶም ዘካይዱሉ ውቁብ ህንጻታትን ኣለዎም። ንቃል ኣምላኽ ግን ምስ ናይ ገዛእ ርእሶም ትውፊት ወይ ምግላጽ ሓዋዊሶም እዮም ዝኸዱ። ከም ውጽኢቱ መንፈሳዊ ምህርቶም ርጉም ይኸውን። ንጣኦት ምምላኽ ብኸምዚ እዮም ዝጅምሩ። ነቲ ዘርኢ ቃል ምስ ናይ ገዛእ ርእሶም ሓሳብ "ይሓዋውስዎ"። ኣብ መወዳእታ እቲ ቀውዒ ዘሕዝን ይኸውን።

ቃል ኣምላኽ ኣብ ህይወት ደቂ ተባዕትዮን ደቂ ኣንስትዮን ቀውዒ ሓድሽ ልደት ዘምጽእ ዘይሓልፍ ዘርኢ እዩ።

*"ቃል እግዚኣብሄር ግና ንዘለኣለም ይነብር። እቲ እተነግረልኩም ቃል ብስራት እዚ እዩ።"1ይ ጴጥሮስ 1፡23)*

## ዕሽሽ ምባል (ዘይምግዳስ)

ኣብ መጽሓፍ ምሳሌ ብዛዕባ ሓደ ኣብ ግዜ ቀውዒ ዝድቅስ ወዲ ይዛረብ፤

*". . . . . እቲ ብቐውዒ ዚድቅስ ግና ዜሕስር ወዲ እዩ።" (ምሳሌ 10፡5)*

ንሓረስታይ ቀውዒ ኣዝዩ ኣገዳሲ ግዜ እዩ። ግዜ ቀውዒ ኣዝዩ ጽዑቕ ስራሕ ዘለዎ እዋን ስለዝኾነ ብግዚኡ ክእከብ እንተዘይኪኢሉ እቲ እኽሊ ኣብ ምድሪ ስለዝወድቕ ጽዑቕ ናይ ስራሕ ግዜ ይሓትት።

መጽሓፍ ቅዱስ ኣብ ባህርያዊ ዓለም ምህርቲ ንምእታው ነፍሲ ወከፍ ኣባል ስድራቤት ኣብ ግዜ ቀውዒ ኣብ ግራት ብምኻድ ይሕግዝ ከምዝነበረ ይነግር። ኣብዚ እዋን'ዚ ብድቃስ ዘሕለፈ ወዲ/ኣባል ስድራቤት/ ንቤተሰቡ ዜሕስር ውሉድ እዩ ።

ናብ ምጽኣት ጎይታናን መድሓኒናን የሱስ ክርስቶስ ኣብ እንቐርበሉ ዘሎና ኣዝዩ ወሳኒ እዋን፡ ማለት መንፈሳዊ ቀውዒ ኢና ዘለና። ምስናይዚ ግን ብዙሓት ውሉድ ኣምላኽ ደቂሶም እዮም ዘለዉ። ኣብ ዓጺድ ምስ ኣካል ጎይታ ሓቢሮም ኣይወፍሩን ዘለዉ። ማዕጺዶም ዝመረተን ግራውቶም ባዶን ጥራዩን እዩ።

ኣብ መጽሓፍ ምሳሌ ብዛዕባ ዕሽሽ ምባልን ዘይምግዳስን ከምዚ ይብል፦

*"ኣነ ብግራት ሃካይ፡ ብናይቲ ኣእምሮ ዜብሉ ኣታኽልቲ ወይኒ ሐለፍኩ፡ እንሆ ድማ፡ ኣብ ኩሉ ተኹርባ በቝልዎ፡ ቈጥቋጥ ውሒጥዎ፡ እቲ መካበብያ እምኒውን ፈሪሱ። ልበይ ኣውዲቐ ኣብኡ ተመልከትኩ፡ ንእኡ ርእየ ድማ ትምህርቲ ረኸብኩ፡ቅሩብ ድቃስ፡ ቅሩብ ትኽስታ፡ ምእንቲ ኽትዐርፍ ቅሩብ ኣእዳውካ ምምስቓል፡ ሽዑ ድኽነትካ ገስጊሱ፡ ንዴትካ ኸኣ ከም እተሰለፈ ሰብኣይ ይመጸካ።" (ምሳሌ 24:30-34)*

ዕሽሽ ምባል ዘይምግዳስን ሳዕቤኑ ምህርቲ ዘይምርካብ እዩ ዝምጽእ።

ኤርምያስ ብዛዕባ መራሕቲ ብሰንኪ ዘይምግዳሶም ኑቲ ቀውዒ ከም ዘጥፍእዎ ክዛረብ ከሎ

*"ብዙሓት ጓሶት ንተኽሊ ወይነይ ኣባላሸውዎ፡ ንግደይ ረገጽዎ፡ ነታ ጽብቕቲ ግደይውን ዝጸመወ ምድረ በዳ ገበርዎ፡ ኣባደምዎ፡ ኩላ ባዲማስ ኣብ ቅድመይ ትሐዝን ኣላ። ሓደ እኳ ኣብ ልቡ ዜስተዋድዮ ሰለ እተሳእኑ እታ ሃገር ብዘላ ባደመት። ኣብ ኩሉ ኹርባታት ምድረ በዳ ወረርቲ ተፈነዉ፡. . . " (ኤርምያስ 12:10-11)*

ግዲ ዘይብሎም መራሕቲ ከምኦም ዝይግዱሳት ሰዓብቲ እዮም ዘፍርዩ። ራእይ ቀውዒ ብመንፈሳውያን መራሕትና ናብ ኩላትና ክመሓላለፍ ኣለዎ፡ እንተዘይኮይኑ "ኣብ ልቡ ቀዳምነት ዝሃቦ" ሰብ እንተተሳእነ እታ ጽብቕቲ ግራት ባዶን ምድረበዳን ኮይና ክትተርፍ እያ።

## ርእሰ-ጻዕሪ፤

ብናይ ገዛእ ርእስኻ ጻዕሪ መንፈሳዊ ቀውዒ ከተምጽእ ኣይትኽእልን ኢኻ። ውጽኢት ባዕላዊ ጻዕሪ ኣብዛ እትሰዕብ ጥቕሲ ተዓዚብ፤

*"በታ ዝተኸልክላ መዓልቲ ትሐጽርዮ፡ ኣንጊህኪ ኸኣ ንዘርእኺ ተፀንብብዮ፡ ግናኸ ቀውዒ ብመዓልቲ መዓትን መሪር ስቓይን ይመልቕ።" (ኢሳ 17:11)*

ምዕራፍ ሓደ እግዚኣብሄር ክህቦ ዝደሊ ራእይ ብገዛእ ርእሱ ብጻዕሪ ክመጽእ ከምዘይክእል ገሊጹ ኣሎ። እቲ እንኮ ዝመጸሉ መንገዲ መንፈሳዊ ቀውዒ ዝኽልክሉ ነገራት ብምውጋድን ኣብ ግብሪ ብምውዓልን እዩ። ኣምላኽ ዝሃቦ እስትራተጂ ቀውዒ እዚ እዩ።

ሆሴእ ብዛዕባ እቲ ኻብ ባዕላዊ ጻዕሪ ዚመጽእ ድኹም ቀውዒ ተዛሪቡ ኣሎ። እስራኤላውያን ኣብ ናይ ገዛእ ርእሶም መንገድታትን ኣብ ጀጋንኦምን ተኣሚኖም ኣብ ዝነበሩሉ ግዜ ኣብ (ሆሴ 10:13) ጽቡቕ መግናሕቲ ተዋሂቡዎም ኣሎ። ኣብ "ጀጋኑኻ" ክሳብ ዝተመርኮስካ ግዜ መንፈሳዊ ቀውዒ ክትሪኢ ኣይትኽእልን ኢኻ። ናይ ኣምላኽ ስራሕ ብመገዱ ጥራሕ ኢካ ክትሰርሖ ዘሎኮ።

## ዝተረግመ ኣገባብ መፍረ

ሓደ ካብ ሳዕቤናት ወድቀት ወዲ ሰብ ዘኸተሎ እንተድኣ ነይሩ፡ ኣብ መፍረ ወዲ ሰብ ዝመጸ መርገም እዩ። ደቂ ኣንስትዮ ብጻዕሪ ውላድ ይወልዳ፡ መሬት እሾኽን ተኾርባን ተፍሪ፡ እሞ ንምልምዓ ከቢድ ጻዕሪ ትሓትት (ዘፍ 3:16-19)። እዚ ውጽኢት ኣብ ስርዓት ምፍራይ ዝተገብረ ብሓጢኣት ዝመጽአ መርገም እዩ ነይሩ።

ኣብ መንፈሳዊ ዓለም ኣብ ሓጢኣት ትነብር እንተለኻ፡ ኣብ መንፈሳዊ መስርሕ ናይ ምፍራይ ህይወትካ ዝተረግመ ይኸውን። እቲ መርገም ክርሕቕ እንተድኣ ኾይኑ ብደም የሱስ ክርስቶስ ብምንጻህ ጥራይ እዩ። ኣብ ትሕቲ መርገም ሓጢኣት ክሳብ ዝለኻ መንፈሳዊ በረኸት ቀውዒ ክህልወካ ዘይክኣል እዩ።

## ኩነታት ብምምልካት፤

ኣብ ህይወት ዘጓንፍ ኩነታት ንመንፈሳዊ ዓኢድ ይጸልዎ እዩ፦

*"ሃካይ ብምኽንያት ቊሪ ኣይሐርስን፡ ብገዜ ቐውዒ ይልምን እሞ፡ ገለ እኳ ኣይረክብን።" (ምሳሌ 20:4)*

*"ንንፋስ ዚምልከት ኣይዘርእን፡ ንደበና ዚጥምት ድማ ኣይዐጽድን እዩ።" (መክብብ 11:4)*

ኣብ ባህርያዊ ዓለም እቲ ሓረስታይ ምቹእ ዝኾነ ኩነታት ክመጽእ እንተዝጽበ ነይሩ ፈጺሙ ኣይምዘርኣን፡ ኣይምዓጸደን ክኣ ነይሩ። ሓረስታይ ንንፋስ፡ ንደበና፡ ወይ ንቁሪ ብዘየገድስ ከይተመልከተ እዩ ጉዳይ ማሕረሱ ዝገብር።

ኣብ መንፈሳዊ ዓለም ምቹእ ኩነታት ናብ ግራት ቀውዒ ዘብጽሕ እንተተጸቢኻ ፈጺምካ ኣይክትቅጽልን ኢኻ። ኩነታት መነባብሮኻ...ፋይናንሳዊ ሕጽረታትካ፡ ስእነትካ፡ ሕጽረታት ትምህርታዊ ብቕዓትካ፡ ጸገማትካ፡ ኩሎም ክትርስዕም ጥራይ እዩ ዘሎካ።

## መርሒነት ዘይብሉ ጻዕሪ

ንዕዮ ኣምላኽ ክይፈጸምካ ምሉእ ዘመን ህይወትካ ጽቡቕ ግብሪ ኣብ ምግባር ጥራይ ንህይወትካ ከትጸምዳ ዝክኣል እዩ። እዚ መርሒነት ዘይብሉ መንፈሳዊ ጻዕሪ ንብሎ።

*"ንፋስ ይዘርኡ ኣለዉ፡ ህቦብላ ኺዐጽዱ እዮም። ቃንጫ የብሉን፡ እቲ ብቋልያ ሓርጭ ኣየውጽእን። እንተ ኣውጽኤ እኳ፡ ጓኖት ምወሐጥዎ።" (ሆሴ 8፡7)*

ኣብ ህይወት ብዙሕ ሰናይ ግብሪን ብቑዕ ዕላማታትን ኣሎ። ንሰባት ክእለትካን ዓቕምኻን ክጥቀሙሉ እንተድኣ ኣፍቂድካሎም ኣብዘይ ግባእ ምዓላ ከተውዕሎ ክገብሩኻ ይኽእሉ እዮም።

መንፈሳዊ ቀውዒ ንምምጻእ ግና ሰናይ ግብሪ እኹል ኣይኮነን። የሱስ ከምዚ ኢሉ ኣሎ፦

*". . . ብልዔይሲ ፍቓድ እቲ ዝለኣኸኒ ኽገብር ዕዮኡውን ክፍጽም እዩ።" (ዮሃ 4፡34)*

እቲ መፍትሕ መንፈሳዊ ቀውዒ ብጽዑቕ ሰናይ ግብሪ ዘይኮነስ ዕዮ ኣምላኽ ምዕያይ እዩ። መንፈሳዊ ጻዕርኻ ናብቲ መለኮታዊ ዕላምኡ ዝቐንዐ ክኸውን ኣለዎ፡ እንተዘይኮይኑ ከምቲ ኣብ ንፋስ ዝተዘርአ ዘርኢ ብንፋስ ክኣ ዝብተን ኣብ ፍረ ዘይበጽሕ ክኸውን እዩ።

## ባልዕን ሕማማትን፤

ኣብ ባህርያዊ ዓለም ንኣትክልቲ ዘጥቅዑን ነቲ ቀውዒ ዘጥፍኡን ባልዓትን ሕማማትን ኣለዉ። እቶም ባልዕ እንብሎም ካብ ደገ ኑቶም ኣትክልቲ ዘጥቅዑ ነገራት ከም ሓሳኹ፣ ኣንበጣ፣ ጻህያይ እዮም። እቶም ሕማማት እንብሎም ኸኣ ንኣትክልቲ ካብ ውሽጢ ብምጥቃዕ፡ ንሱርን ንምስርሒ ዕቤትን ብምቅዋም ዘዕንዉ እዮም።

ኣብ መንፈሳዊ ዓለም ንኣመንቲ ዘጥቅዑ ባልዕን ሕማማትን ውን ኣለው። ሰይጣን ካብ ደገ ብኹነታት መነባብሮ ኣቢሉ ክፍትን ከሎ፡ ኣብ ውሽጢ ድማ በቲ ንፍቓድን ስምዒታትን ዝጸሉ ኣእምሮ ተጠቒሙ የጥቅዕ።

ሓረስቶት ንፍረ ወይናም ምጽልጻል ኣድላዪ ኮይኑ ምስ ዝረኽብዎ፡ ነቲ ኣብ ውሽጢ ዘጥቅዕ ሕማም ንዕቤትን ህይወት እቲ ወይኒ ከጥፍእ ዝመጸ ሕማም ይቖርጽዎ። እዚ ዝገብሩ ድማ እቲ ወይኒ ዝያዳ ፍረ ንኽፈሪ እዩ።

እዚ ኣብ ህይወት ኣመንቲ እውን ኣገዳሲ እዩ። ካብ ውሽጥና ዝመጹ ነገራት ንኽይንፈሪ ዝዓግቱና ኣለዉ (ማር 7፡15)። እግዚኣብሄር ነዚ ነገራት እዚ ፍረና ንኽብዝሕ እዩ ዝጽልጽሎ። ዮሃንስ ምዕራፍ 15 ብዛዕባ እዚ መስርሕ እዚ ይነግር።

እቲ ሓቀኛ ጸገም መንፈሳዊ ባልዕን ሕማምን ብሓቂ ኣብ ኣእምሮ ዘሎ ኩነታት ወይ መስርሕ ኣተሓሳስባ ኣይኮነን። እቲ ጸገም ምስቶም ብድሕሪኦም ዘለዉ መንፈሳውያን ሓይልታት እዩ፤

*"እቲ ቓልስና ምስ ሕልቅነትን ሰልጣናትን ምስ ናይ ጸልማት ገዛእቲ ዓለምን ምስ መናፍስቲ እከይን ኣብ ሰማያት እዩ እምበር፡ ምስ ስጋን ደምን ኣይኩነን እሞ፡ ንፍሕሶ ሰይጣን ምቅዋሙ ምእንቲ ኽትክእሉስ፡ ኩሉ ኣጽዋር ኣምላኽ ልበሱ።" (ኤፌ 6፡12)*

ኣብ ባህርያዊ ዓለም፡ ኣትክልቲ ሓደ ሓደ ግዜ ብኬሚካል ተሓኪሞም ነቲ ባልዓት ከምዝቕተል ይገብርዎ እሞ ካብቲ ሕማም ክኣ ይፍወሱ። ከምኡ ኸኣ ኣብቲ መንፈሳዊ ዓለም ኣጽዋር ኣምላኽ ንመንፈሳዊ ቀውዒ ከተእቱ ንህይወት ከም ዝሕሎ ይገብር።

*"ስለዚ በታ እክይቲ መዓልቲ ምቕዋም ምእንቲ ኽትክእሉ፡ ኩሉ ምስ ኣሰለጥኩምውን ደው ክትብሉስ፡ ብዘሎ ኣጽዋር ኣምላኽ ኣልዕሉ። ደጊም ሕቘኹም ብሓቂ ተዐጢቕኩም ድርዒ ጽድቂውን ተኸዲንኩም ቁሙ። ነቲ ናይ ወንጌል ሰላም ምድላው ኣብ ኣእጋርኩም ከም ኣሳእን ኣእቲኹም ደው በሉ። ምስናይ እዚ ኹሉ ነቲ ናይቲ ኽፉእ ርሱን መንትግ ዘበለ ኽተጥፍኡሉ እትኽእሉ ዋልታ እምነት ኣልዕሉ። ናይ ምድሓን ቍራዕ ርእሲ ኣእትዉ፡ ናይ መንፈስ ሰይፊውን፡ ማለት ቃል ኣምላኽ፡ ሐዙ።"* (ኤፌሶን 6፡13-17)

## ዘይቅኑዑ ኣገባብ ምህርቲ ምእካብ

ዘይቅኑዕ ኣገባብ ምህርቲ ምእካብ ነቲ ዝራእቲ የበላሽዎ፤

*"ሓረስታይ ኪዘርእ ኢሉ ኹሉ መዓልቲዶ ይሐርስ፡ ንግራቱስ ይባርዎን ይጕልጕሎን ድዩ፧ ንዝባኑ ምስ ኣጣጥሖ ሰሰግዶ ኣይንሰንሰን፧ ካሙንከ ኣይብትንን ድዩ፧ (ወቕታዊ ዘርኢ) ስርናይ ከኣ ኣብቲ ትልምታት፡ ስገም ድማ ኣብ ወገኑ፡ ንሂጕውን ኣብ ወሰን ወሰኑዶ ኣይዘርእን እዩ፧ ኣምላኽውን ነቲ ቕኑዕ ኣገባቡ ኣፍሊጥዎን ምሂርዎን እዩ። ሰሰግ ብመኼዲ ኣይክየድን፡ መንኰርኵር ሰረገላ ኸኣ ኣብ ካሙን ኣየዙሩን፡ ንሰሰግሲ ብጨንገፍ፡ ንካሙን ድማ ብሽቦጥ እዮም ዚዘብጥዎ። እኽሊ ይጥሓን እምበር፡ ንሓዋሩስ ኣይክየድን እዩ፡ መንኰረኹር ሰረገላኡን ኣፍራሱን እኳ እንተ ኣኼደሉ፡ ኣይጥሕንን እዩ።"* (ኢሳ 28፡24-28፡)

ዘርኢ ንምዝራእ መሬት ምድላውን ኣብ ባህርያዊ ዓለም ኣገዳሲ ሚላታት ኣሎ። ከምኡ ኸኣ ኣብ ዓይነት ዘርኢ ምርኩስ ዝገበረ ሜላታት ምህርቲ ምእካብ ኣሎ። ንሰሰግን ካሙንን ዝሓዘ ከረጺት ፍረ ብቐሊሉ ስለዝቕለጥ ብጨንገፍን ብሻቦጥ ምህራም ኣኻሊ እዩ። ንብልዒ ንጥቀመሉም ኣእካል ግን ቀልጢፎም ክረግፉ ስለዘይክእሉ ናይ መኼዳ መሳርሒታት ከም ብዕራይ፡ ሰረገላ፡ ካልኦት መሳርሒታትን ክንጥቀም ይግባእ።

ኣብ መንግስቲ ኣምላኽ ህይወት ደቂ ተባዕትዮን ደቂ ኣንስትዮን ክትዓጽድ ከለኻ ኸኣ፡ ገሊኦም ብቐሊሉ ናብ ፍልጠት ጉይታ ክመጹኡ ዝኽእሉ እዮም። ካልኦት ድማ ንምእካቦም ዝያዳ ጻዕሪ ዝሓቱ እዮም።

ዘይቅኑዕ ምእካብ ምህርቲ ነቲ ዝራእቲ የበላሽዎ እዩ። ከምኡውን ብዙሕ ሓይሊ ምጥቃም ነቶም ልስሉሳት መሽፈኒ ዘለዎም ኣትክልቲ ይሃስይዎም እዮም። ውሑድ ጻዕሪ ምግባር ንገልኦም ኣትክልቲ ናብ ፍረ ንምብጻሕ ኣኻሊ ኣይኮነን። ከምኡ ኸኣ እቲ ንባህርያዊ ቀውዒ ንምእካብ ጥበብ ዝህብ ኣምላኽ፡ ንመንፈሳዊ ምህርቲ ንምእካብ ክኣ ጥበብ ይህብ እዩ።

## ዘይለሰለሰ መሬት

እቲ መሬት ብግቡእ እንተዘይተዳልዩ እቲ ቀውዒ ድኹም ክኸውን እዩ። ምሳሌ ዘራኢ ኣብ ማርቆስ 4፡12-20፡ ማቴ 13፡1-23፡ ከምኡውን ሉቃስ 8፡4-15 ኣንብብ። ኣብዚ ምሳሌታት እዚ ቃል ኣምላኽ ምስ ዘርኢ ኣብ ባህርያዊ ዓለም ይመሳሰል። እቲ ቃል ኣብ ልቢ ደቂ ተባዕትዮን ደቂ ኣንስትዮን እዩ ዝዝራእ።

ኣብዚ ጾብጻባት እዚ ዝፈላለ ነገር እቲ ዘራኢ፡ ዘርኢ ወይ ኣገባብ ኣይኮነን። ነቲ ቀውዒ ዝጸለዎ ነገር፡ ኩነታት ሓመድ እዩ። ገለ ካብቲ መሬት ዘይለምዕ እምበር ብመንፈሳዊ ኣእማንን ክርዳድን ከም ሓልዮት ዓለም፡ ሃብቲ፡ ፍትወት ካልእ ዓለማዊ ነገራት ዝመልአ እዩ። እቲ ካብዚ ዘይለምዐ መንፈሳዊ መሬት ዝእከብ ቀውዒ ድኹም እዩ።

ገለ ካብቲ ዘርኢ ግን ኣብ ጽቡቕ መሬት ይዝራእ፡ እዚ ድማ ንመንፈሳዊ ነገር ንኽቕበልዎ ዝተዳለዉ ልብታት ዝውክል እዩ። ውጽኢቱ ድማ ብዝሒ ቀውዒ ይሕፈስ፤

*"እቶም ኣብ ጽቡቕ ምድሪ እተዘርኡ ኸኣ እዚኣቶም እዮም፡ ነቲ ቓል ዚሰምዕዎ ዚቕበልዎውን ፍረ ኸኣ ዚፈርዩ፡ ገሊኡ ሰላሳ፡ ገሊኡ ስሳ ገሊኡውን ሚእቲ።" (ማር 4፡20)*

ኣብ ልሙዕ መሬት ዝተዘርአ ዘርኢ ማለት ቃል ኣምላኽ ብዙሕ ምህርቲ ይሕፈስ።

ገለ ሰባት ንወንጌል ተቐበልቲ ክኾኑ ከለዉ፡ ገለ ድማ ተቓወምቲ እዮም። ቀውዒ ዘየጋጥመካ እንተኾይኑ፡ እቲ ጸገም ዘይለምዐ መሬት ክኸውን ይኽእል እዩ። መሬት ብግቡእ ክዳሎ ኣለዎ። ነቢይ ሆሴእ ከምዚ ኢሉ ይእዝዝ፤

*"ንሱ ኽሳዕ ዚመጽእ፡ ጽድቂ ኸኣ ክሳዕ ዜዝንመልኩምሲ፡ ንእግዚኣብሄር እትደልዩሉ ጊዜ እዩ እሞ፡ ንኣኻትኩም ብጽድቂ ዝርኡ፡ ከም መጠን ምሕረቱ ኸኣ ዕጸዱ፡ ሓድሽ ጾግኢውን ጾግኡ። ንስኻ ብመገድኻ፡ ብብዝሒ ጅጋኑኻ ተኣሚንካ ኢኻ እሞ፡ ረሲእነት ሐረስኩም፡ ኣበሳ ዐጸድኩም፡ ፍረ ሓሶት በላዕኩም።" (ሆሴ 10፡12-13)*

ኣብ መንፈሳዊ ዓለም ዘይለምዐ መሬት ንዘይቅኑዕ ነገር ይውክል። ሆሴእ ንህዝቢ ኣምላኽ ኣብ መንፈሳዊ ነገራቶም ረሲእነት ይሓርሱ ኣበሳ ኸኣ ይዓጽዱ ይብሎም። እዚ ኸኣ ብረሲእነት ዝዝራእ ኣበሳ ከምዝዕጸድ እዩ ዘርኢ።

### ባእሲ

*"ሕሱም ሰብ፡ ዓመጸኛ ሰብ፡... ኩሉ ጊዜ እከይ ይፍሕስ ባእሲ ድማ ይዘርእ።።።" (ምሳሌ 6፡12,14)*

**ኣበሳ፤**

*"እቲ ኣበሳ ዚዘርእ መከራ ይዐጽድ፡..." (ምሳሌ 22፡8)*

*"ኣነስ ከምዚ ደኣ ርኤኹ፡ እቶም ሓጢኣት ዚሐርሱ፡ መከራ ኸኣ ዚዘርኡ፡ ንእኡ ይዐጽድዎ።" (እዮብ 4፡8)*

**ቀይቂ**

*"ጠዋይ ሰብ ቈየጻ ይዝርግሕ፡..." (ምሳ 16፡28)*

**ስጋዊ**

*"ሰብ ነቲ ዝዘርኦ ንእኡ ኸኣ ኪዐጽዶ እዩ እሞ፡ ኣይትጠበሩ፡ ኣምላኽ ኣይዕሾን እዩ። እቲ ንስጋኡ ኢሉ ዚዘርእ ካብቲ ስጋስ ጥፍኣት ኪዐጽድ እዩ..." (ገላ 6፡7-8)*

*"እቲ ግብሪ ስጋ ግሁድ እዩ፡ ንሱ ኸኣ ምንዝር፡ ርኽሰት፡ ዕብዳን፡ ኣምልኾ ጣኦት፡ ጥንቈላ፡ ጽልኢ፡ ባእሲ፡ ቅንኢ፡ ቍጥዓ፡ ወሪ፡ ምፍልላይ፡ ዝርግርግ፡ ቅንኣት፡ ቅትለት፡ ሰኽራን፡ ጓይላ፡ ከምዚ ዘመሰለ ኻልእውን እዩ። እቶም ከምዚ ዘመሰለ ዚገብሩ ንመንግስቲ ኣምላኽ ከም ዘይወርስዋ፡ ከምቲ ቀደም ዝበልክዎ ኣቐዲመ እብለኩም ኣሎኹ።" (ገላትያ 5፡19-21)*

ከምቲ ሆሴእ ክመክር ከሎ *"ጽድቂ . . ክሳዕ ዚዝንመልኩምሲ፡ ንእግዚኣብሄር እትደልዩሉ ጊዜ እዩ. . . ."* ዝበሎም፡ ግቡእ መንፈሳዊ ቀውዒ ንምርግጋጽ፡ ነቲ መንፈሳዊ መሬትካ ማለት ህይወትካ ከተለሳልሶ ንመንፈሳዊ ምህርቲ ዝኽልኩሉ ኩሎም ድማ ከተወግድ ይግባእ።

***ዘይቅኑዕ መሰረታት፤***

ኣብ ባህርያዊ ዓለም ድኹም ቀውዒ ኣብ ዝነበረሉ እዋን፡ ነብዩ ሃጌ ንህዝቢ ኣምላኽ መገዶም ክምርምሩ ነጊርዎም፤

*"ንስኻትኩም ብዙሕ ዘሪእኩም፡ ሒደት ኣእቶኹም። . . . . . ብልብኹም መገድኹም ሕሰቡ፡ . . . . ብዙሕ ተጸቢኹም፡ እንሆ ኸኣ፡ ሒደት እዩ፡ . . . ." (ሃጌ 1፡6,7,9)*

ህዝቢ ኣምላኽ ብዙሕ ዘርኢ ዘሪኦም እኳ እንተነበሩ እቲ ቀውዒ ግን ውሑድ እዩ ነይሩ። ሃጌ ጽቡቕ ቀውዒ ንኽረኽቡ ኣብ ተፈጥሮኣውን መንፈሳውን ዓለም ዳግማይ ክሃንጹ ከም ዘለዎም ነጊሮም።

*ዳግመ ህንጻት ኣድላዪ ዝነበረ ስለምንታይ እዩ፧*

ኣብ ባህርያዊ ዓለም እስራኤል መቕደስ ኣምልኽ ንምህናጽ ኣደናጕዮሞ ነበሩ፡ ንናይ ገዛእ ርእሶም ኣባይቲ ምህናጽ ድማ ዝያዳ ተጊሆም ነበሩ። ካብ ንትእዛዝ ኣምላኽ ምኽባር ንላዕሊ ንናይ ገዛእ ርእሶም ሓሳብ ኣቐዲሞም ነይሮም።

ኣብ መንፈሳዊ ዓለም መሰረት ህይወቶም ኣብ ጌጋ እዩ ተሰሪቱ ነይሩ። እዚ ማለት ኸኣ ኣብ መንፈሳዊ ዓለም ብዘይቅዱሳት ኣእዳው ይዘርኡን ይዓጽዱን እዮም ነይሮም።

*"... እዚ ዓሌት እዚ ኸምኡ እዩ፡ ኣብ ቅድመይ እዚ ህዝቢ እዚ ኸምኡ እዩ፡ ይብል እግዚኣብሄር፡ ኩሉ ዕዮ ኣእዳዎም ከምኡ እዩ፡ እቲ ኣብኡ ዚቐርቡለይ ድማ ርኹስ እዩ።" (ሃጌ 2:14,)*

ብዘይ ቅዱሳን ኣእዳው ዝቐርብ ቅኑዕ ስራሕ ወይ መስዋእቲ ቅቡል ኣይኮነን። እቲ መሰረት ጌጋ እዩ ነይሩ። እግዚኣብሄር ንእስራኤል ከምዚ በሎም፤

*"ኣነስ ከም ሕሩይ ሓረግ ወይኒ ገይረ ኻብ ጽሩይ ዓሌት ተኸልኩኺ፡ ከመይ ኢልኪ ደኣ ኣብ ድቓላ ሓረግ ወይኒ ተለወጥክኒ፧"* (ኤር 2፡21)

ብሰንኪ እዚ ዘይግቡእ መንፈሳዊ መሰረት ኣምላኽ ነቲ ቀውዒ ረገሞ፤

*". . . ንኹሉ ዕዮ ኣእዳውኩም ብሃጕን ብዋግን ብበረድን ወቓዕክዎ፡. . . ." (ሃጌ 2፡17)*

ብመሰረት እቲ ህያው ቃል ኣምላኽ ዝብሎ፡ ውጽኢት "ኩሉ ዝገበርካዮ ጌጋ" ዘይቅኑዕ ምኻኑ ይገልጽ።

ሃጌ ንህዝቢ ኣምላኽ መሰረት ቤተ መቕደስ ኣምላኽ ክሰረት ከም ዘለዎ ነገሮም። ኣብ ክልቲኡ ማለት ኣብ ባህርያውን መንፈሳውን ዓለማት ዳግመ ህንጸት እንተድኣ ገይሮም ኣምላኽ ክባርኾም ምኳኑ እዩ ዝነግሮም ነይሩ።

*"ሕሰቡ ኹታ፡ ካብ እዛ መዓልቲ እዚኣ ኽሳዕ ቀደም ዝኾኑ፡ ካብታ መበል ዕስራን ኣርባዕተን መዓልቲ ናይታ ታስዐይቲ ወርሒ፡ ካብታ መቕደስ እግዚኣብሄር እተሰረተትላ መዓልቲ፡ ሕሰቡ። እኽልስ ገናዶ ኣብ ቆፎ ኣሎ እዩ፧ ተኽሊ ወይንን ኦም በለስን ሮማንን ኣውልዕን ክሳዕ ሎሚ ኣይፈረየን። ካብዛ መዓልቲ እዚኣ ጀሚረ ኽባርኽ እየ።"* (ሃጌ 2፥18-19፡)

ካብታ ኢስራኤል ነታ ቤተመቕደስ ብቐኑዕ ልቢ ክትሃንጸሉ ዝጀመረት ግዜ ኣትሒዙ ኣምላኽ ንእስራኤል ኣብ ባህርያዊ ዓለም ይኹን ኣብቲ መንፈሳዊ ዓለም ክባርኮም ጀመረ። እቲ ውጽኢት ኣብ ክልቲኡ ዓለማት ኣዝዩ ብዙሕ ኮነ።

ንስኻውን መሰረታት ህይወትካ ኣብ ጽድቂ ዳግማይ ክትሃንጾ እንተ ኼንካ፡ ካብዛ ዕለት እዚኣ ኣትሒዙ ኣምላኽ ክባርኸካ ክጅምር እዩ። ኣብ ነፍሲ ወከፍ መዳይ ህይወት ብዙሕ ክትዓጽድ ኢኻ።

ሃርቨስቲም ቢብል ኢንስቲትዩት "መሰረታት እምነት" ዝብል ኣርእስቲ ዘለዎ ስልጠና ክህበካ እዩ፣ እዚ ድማ ብዛዕባ ኣገዳስነት ግቡእ መንፈሳዊ መሰረታት ኣብ ክርስትያናዊ ህይወት ዝምልከት ስልጠና እዩ።

እቲ ኣርእስቲ ኣዝዩ ዓቢ ስለ ዘይኮነ፡ ኣብዚ ኩሉ ክኣቱ ኣይክእልን እዩ፡ ግን ንገለ ገለ መሰረታዊ መትከላት ምጥቃስ ይክኣል እዩ። ምኽንያቱ ንመስርሕ መንፈሳዊ ቀውዒ ኣዝዩ ዝጸሉ መሰረት ስለዝኾነ።

**ኣብ ጽኑዕ ከውሒ ዝተሃንጸ፤**

*"ቤት ኪሰርሕ ከሎ፡ ኣዕሚቑ ዝኾዐተን መሰረቱውን ኣብ ከውሒ ዝሰረተን ሰብኣይ እዩ ዚመስል። ደምሳሲ ውሒዝ ምስ መጸ፡ እቲ ውሒዝ ነታ ቤት ደፍኣ፡ ኣብ ከውሒ ስለ እተሰረተት ከኣ፡ ምንቕናቓ ስኣነ።" (ሉቃ 6፡48)*

**እቲ ከውሒ የሱስ ክርስቶስ እዩ፤**

*". . . ብጀካይዶ ኣምላኽ ኣሎ እዩ፧ ካልእ ከውሒ የልቦን፡ ገለ እኳ ኣይፈልጥን። . . . (ኢሳ 44:8)*

**እቲ መሰረት ኣብ ጽድቂ ዝተመስረተ እዩ፤**

*". . . . .ጻድቕ ግና ንዘለኣለም ዚነብር መሰረት እዩ።" (ምሳ 10:25,)*

(The uncompromisingly righteous has an everlasting foundation. (Proverbs 10:25, The Amplified Bible)

**ጽቡቕ መሰረት እዩ፤**

*". . . . ጽቡቕ መሰረት ንርእሶም ኪእክቡ ኣዝዞም።" (1ጢሞ 6፡19)*

**ዘለኣለማዊ እዩ፤**

*"ናይ ብሓቂ ህይወት ምእንቲ ኺረኽቡስ፡ ነቲ ዚመጽእ ዘሎ ጊዜ ጽቡቕ መሰረት ንርእሶም ኪእክቡ ኣዝዞም።" (1ጢሞ 6፡19፡)*

**ኣብ ቃል ኣምላኽ ዝተመስረተ እዩ፤**

*"ቃል ኣምላኽ ከም ከውሒ [መሰረት] ጸኒዑ እዩ፤ ዝኾነ ነገር ከናውጾ ዝኽእል የለን።"* (2ይ ጢሞቴዎስ 2፡19)

እቲ መሰረት ኣብ ክልተ መትከላት ዝቖመ እዩ፤

> *"እቲ ጽኑዕ መሰረት ኣምላኽ ግና ቈይሙ ኣሎ፡ እዚ ማሕተም እዚውን ኣለዎ፡ እግዚኣብሄር ነቶም ናቱ ዘበሉ ይፈልጦም እዩ፡ ስም እግዚኣብሄር ዚሰሚ ዘበለ ኹሉ ኻኣ ካብ ዓመጻ ይርሐቕ።" 2ጢሞ 2፡19)*

እቲ መሰረት ደው ዝበለሉ ክልተ መትከላት እዚኣን እየን፤

1. ዝድሓኑ (ዝተበጀዉ) ሰባት፡ *እግዚኣብሄር ነቶም ናቱ ዘበሉ ይፈልጦም እዩ፡*
2. ድሑን (ብጹው) ህይወት ምንባር፡ ስም እግዚኣብሄር ዝሰሚ ዘበለ ኩሉ ካብ ዓመጻ ይርሓቕ ነፍሲ

እዚ ድማ እቲ ግቡእ መሰረት መንፈሳዊ ቀውዒ እዩ።

**ሒደት ዓየይቲ፤**

ኣብ ግራት ቀውዒ ዓየይቲ ውሑዳት እንተሃልዮም እቲ ምህርቲ ውሑድ ይኸውን። እቲ ቀውዒ ቅድሚ ምዕጻዱ ክባላሾ ስለዝኽእል። የሱስ ከምዚ ኢሉ ኣሎ፦

*"... እኽሊ ብዙሕ እዩ፡ ዓየይቲ ግና ሒደት እዮም። ስለዚ ነቲ ጐይታ እኽሊ ንእኽሉ ዓየይቲ ኺልእኽ፡ ለምንዎ።" (ሉቃ 10፡2)*

## እቲ ውጽኢት

ንምህርቲ ቐውዒ ዝኽልክሉ ነገራት ኣብ መንፈሳዊ ዓለም ዘሕዝን ውጽኢት ኣለዎም፤

*"እኽሊ በሪሱ፡ ኩልዒ ወይኒ ነቒጹ፡ ዘይቲውን ቀምሲሉ እዩ እሞ፡ እታ ሃገር ባዲማ፡ ምድሪውን ትሓዝን ኣላ። እቶት ግራሁ ጠፊኡ እዩ እሞ፡ ኣቱም ሓረስቶት፡ ብምኽንያት ስርናይን ስገምን ሕነኹ፡ ኣቱም ሰብ ኣትኽልቲ ወይኒውን፡ ዋይዋይ በሉ። ተኽሊ ወይኒ ነቒጹ፡ ኦም በለስ ከኣ ቀምሰለ፡ ኦም ሮማንን ስየን ቴፋሕን ኵሉ ኣእዋም መሮርን ነቒጹ፡ እወ፡ ሓጐስ ካብ ደቂ ሰብ ነቒጹ።"* (ዮኤል 1፡10-12)

ኣብ ባህርያዊ ዓለም ሒደት እቶት ጓሂ እዩ ዘምጽእ

*"ሓጐስን ተድላን ካብቲ ፈራዩ ግርሁ ተወሲዱ፡ ኣብ ኣታኽልትታት ወይኒ ኸኣ ደርፍን እልልታን የልቦን፡ ኣብ መሓምተሊ ሓደ እኳ ወይኒ ዚረግጽ ረጋጺ የልቦን። ንጭድርታ ሓጐሰሲ መወዳእታ ገይረሉ እየ።"* (ኢሳ 16፡10)

ኣብ መንፈሳዊ ዓለምውን ከምኡ፡ ሒደት ምህርቲ ቐውዒ እንተድኣ ሃልዩ ሓጎስን ደስታ ይጠፍእ፤

*"ምግቢ ኻብ ቅድሚ ዓይንና፡ ሓጐስን ደስታን ከኣ ካብ ቤት ኣምላኽናዶ ተወሲዱ ኣይኰነን፧" (ዮኤል 1፡16)*

ስለምንታይ ኣብ ህይወትና ሓጎስ የለን ኢልና እንተሓሲብና፡ ከምኡውን ንምንታይ መዝሙርን ወኻዕታን ካብ ኣብያተ ክርስትያናትና ጠፊኡ ዝብል ሕቶ እንተተላዒሉና፡ እቲ መልሲ ውሑድ ምህርቲ ቐውዒ ዘምጽኦ ሳዕቤን እዩ።

## እንታይ ክንገብር ንኽእል፧

መንፈሳዊ እቶት ቀውዒ ዝዓግቱ ረቛሒታት ኣለሊና ኣለና። ከምኡውን መንፈሳዊ ሓጎስን ዓወትን ዘስእኑ ምኽንያታት ረኺብናዮም ኣለና።

ነቲ ውሑድ መንፈሳዊ ምህርቲ መልሲ ንምርካብ ከምኡውን ኣብ ህይወትካ ብዙሕ እቶት ቀውዒ ንምምጻእ እንታይ ክትገብር ትኽእል፧

ኣብ እስራኤል ባህርያዊ ምህርቲ ቐውዒ ሒደት ኣብ ዝነበረሉ እዋን፡ ዮኤል ንህዝቢ ኣምላኽ ከምዚ ኢሉ ተዛሪብዎም፤

*"እምበኣርሲ ሕጂውን ብጾምን ብብኽያትን ብቝዝማን ብምሉእ ልብኹም ናባይ ተመለሱ፡ ይብል እግዚኣብሄር። ንሱ ንኹራ ደንጓዩ፡ ብሳህሊ ኸኣ ምሉእ፡ ብእከይ ድማ ተጠዓሳይ፡ ርሕሩሕን መሓርን እዩ እሞ፡ ክዳንኩም ኣይኰነን ልብኹም ደኣ ቐደዱ፡ ናብ እግዚኣብሄር ኣምላኽኩምውን ተመለሱ።"* (ዮኤል 2፡12-13)

ንቃሉ ብዘይምእዛዝን ብዛዕባ መንፈሳዊ ቀውዒ ብዘይምግዳስን ብንስሓ ናብ ኣምላኽ ክትምለስ ኣሎካ። ነቶም ንምፍራይ ዝዓግቱ መንፈሳዊ ባልዓትን ሕማማትን ኣምላኽ ከወግደልካ ክትልምኖ ኣለካ።

ካብ ርእሰ ጻዕሪ ተነሲሕካ ጻዕርኻ ናብ ምፍጻም ዕላማኡ ንኣህዛብ ዓለም ከቕንዕ ክትልምኖ ኣለካ። ነቲ ዘይተሓረሰ መሬት ጸጊእካ ንመሰረት ህይወትካ ኣብ ጽድቂ ዝተመስረተ ክኸውን ዳግማይ ክትሃንጾ ኣለካ።

ዮኤል ነቶም መንፈሳውያን መራሕቲ ንስሓ ክገብሩን ጾም ክጽውዑን መኺሩዎም፤

*"እምበኣርሲ ሕጂውን ብጾምን ብብኽያትን ብቝዝማን ብምሉእ ልብኹም ናባይ ተመለሱ፡ ይብል እግዚኣብሄር። ንሱ ንኹራ ደንጓዩ፡ ብሳህሊ ኸኣ ምሉእ፡ ብእከይ ድማ ተጠዓሳይ፡ ርሕሩሕን መሓርን እዩ እሞ፡ ክዳንኩም ኣይኰነን ልብኹም ደኣ ቐደዱ፡ ናብ እግዚኣብሄር ኣምላኽኩምውን ተመለሱ።"* (ዮኤል 1፡13-14)

**ክርስትያን መራሒ እንተኾንካ ቤተክርስትያንካ መንፈሳዊ ምህርቲ ቐውዒ ክትዓጽድ እንተዘይጸኒሓ፡ እዞም ዝስዕቡ ስጉምትታት ውሰድ፤**

- **ኣኼባ ሽማግለታትን መእመንን ጸውዕ።**
- **ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ብጾምን ጸሎትን ቅረብ።**
- **ንኣምላኽ ብርኩት መንፈሳዊ ምህርቲ ትረኽበሉ ራእይ ክህበካ ለምኖ።**
- **ድሕሪኡ ነቲ ራእይ ንምፍጻም ብዕላማ ተበገስ።**

# ርእሰ ገምጋም

1. ነታ መሪሕ ጥቕሲ ካብ ዝኽርኻ ጽሓፍ።

______________________________

______________________________

______________________________

2. እቲ ሓሳብ ቅኑዕ እንተኾይኑ ኣብቲ ባዶ ቦታ **"ቅኑዕ"** ጸሓፍ። ጌጋ እንተኾይኑ ድማ **"ጌጋ"** ጽሓፍ።

ሀ. __________ዘዳግም 28 ኣብነት ናይቲ "እንተ/ግን" ዝብል መትከል ተሰፋታት ኣምላኽ እዩ።

ለ. __________ሰይጣን ኣብ መንፈሳዊ ቀውዒ ተገዳስነት የብሉን።

ሐ. __________ኣብ ምዕጻድ መንፈሳዊ እቶት ጻዕሪ ገዛእ ርእስኻ ኣገዳሲ እዩ።።

መ. __________ቅድሚ ብመንፈስ ምዝራእካ ነቲ ኩነታት ብጥንቃቐ ክትዕዘቦ ይግባእ።

ሠ. __________መንፈሳዊ እቶት ቀውዒ ንምብዛሕ ሰናይ ግብሪ ምግባር እኹል ኣይኮነን።

ረ. __________ጸገምካ ብሓቂ ምስ ሕማቕ ኩነታት ዘይኮነስ ምስቲ ብድሕሪ እቲ ኩነታት ዘሎዉ መንፈሳውያን ሓይልታት እዩ ክኸውን ዘለዎ።

ሰ __________ ብዘይ ቅዱሳት ኣእዳው ዝቐርብ ጽቡቕ ስራሕ ቅቡል ኣይኮነን።

3. ገለ ካብቲ መንፈሳዊ ምህርቲ ቐውዒ ኣበሳ ዘምጽኡ እንዘርኦም ክፉእ ነገራት እንታይ እዮም፤

__________ __________

__________ __________

4. እቶም ክልተ መትከላት ኣብ የሱስ ክርስቶስ መሰረት ብምግባር ዝሰረቱ መነመን እዮም፧

__________ __________

5. ውጽኢት ውሑድ መንፈሳዊ ምህርቲ ቐውዒ ዘርኢ ሓደ መወከሲ ጥቅሲ ሃብ።

______________________________

______________________________

6. ነቲ ድኹም መንፈሳዊ ቀውዒ ንምምላስ እንታይ ክትገብር ከም እትኽእል ዘርኢ ሓደ መወከሲ ጥቅሲ ሃብ።

______________________________

7. ኣብዚ ምዕራፍ ዝተዘተየሎም ምህርቲ ቐውዒ ዝኽልክሉ ነገራት ዘርዝር።

______________________________

______________________________

______________________________

______________________________

______________________________

## ንዝያዳ መጽናዕቲ

**ካልኦት ምኽንያታት ድኹም መንፈሳዊ ምህርቲ ቐውዒ ንምልላይ ነዞም ዝስዕቡ መወከሲታት ኣጽንዕ፤**

## ብሉይ ኪዳን

**ዘሌዋውያን** 19፥19

**ዘዳግም** 22፥9፤ 28

**እዮብ** 4፥8

**መዝሙር** 105

**ምሳሌ** 6፥12,14,19፤ 10፥5፤ 16፥28፤ 20፥4፤ 22፥8፤ 24፥30

**መክብብ** 11፥4

**መሃልይ መሃልይ** 2፥15

**ኢሳይያስ** 16፥10፤ 17፥10-11፤ 28፥24-28፤ 32፥9-20

**ኤርምያስ** 2፤ 5፥17-19፤ 8፥13-14፤ 12፥10-11

**ሆሴእ** 8፥7፤ 10፥12-13

**ዮኤል** 1

**ኣሞጽ** 4,5

**ሚክያስ** 6

**ሃጌ** 1

## ሓድሽ ኪዳን

**ማቴ** 13፥1-23

**ማር** 4፥2-20

**ሉቃስ** 8፥4-15፤ 10፥2፤ 22፥31

2**ይ ቆሮንቶስ** 9፥6

**ገላትያ** 6፥7-8

**ያእቆብ** 5፥4

# ምዕራፍ ሸዱሽተ
# ስትራተጂታት ንመንፈሳዊ ምህርቲ ቐውዒ፤
## ቀዳማይ ክፋል

### ዕላማታት፤

ነዚ ምዕራፍ ምስ ወዳእኩም ነዞም ዝስዕቡ ክትክእሉ ኢ'ኹም፤

- ብርኩት መንፈሳዊ ቀውዒ ዘምጽኡ መጽሓፍ ቅዱሳዊ እስትራተጂ ምጥቃም።

### መሪሕ ጥቕሲ

*"ብንብዓት ዚዘርኡ ብእልልታ ይዐጽዱ። ዘርኢ ተሰኪሙ ብብኽያት ይወፍር፣ እንዳእቱ ተሰኪሙ ብእልልታ ይምለስ።"* (መዝሙር 126፡5-6)

### መእተዊ

ኣብ ዝሓለፈ ምዕራፍ ንመንፈሳዊ ቐውዒ ዝዓግቱ ነገራት ኣለሊና ነይርና። እዚኦን ስዒብን ዝቐጽላ ምዕራፋት ግን ብርኩት መንፈሳዊ ቐውዒ ንኽህሉ ዘረጋግጹ እስትራተጂታት ብዝርዝር ሐዚና ክቐርባ እየን።

ስትራተጂታት ኣብ ሓደ ዝተወሰነ ዕላማ ንምብጻሕ ክትክተሎም ዘለካ መትከላትን ኣገባባትን መደባትን እዮም። እዝኦም ኣብ ቃል ኣምላኽ ከም ባህርያዊ መትከላት ዝተገልጹ ኮይኖም ምስ መንፈሳዊ ሓቅታት ዝመሳሰሉ እዮም።

### ስትራተጂታት ምህርቲ ቐውዒ

እዞም ዝስዕቡ ስትራተጂታት ምህርቲ ቐውዒ ዝገልጹ እዮም፤

### ነፍሲ ወከፍ ተኽሊ ናይ ምብዛሕ ዓቕሚ ኣለዎ፤

ኣብ ባህርያዊ ዓለም እግዚኣብሄር ንምድሪ ክፈጥራ ከሎ ነፍሲ ወከፍ ተኽሊ ንርእሱ ክባዛሕ ከም ዝኽእል ገይሩ እዩ ፈጢርዎ፤

*"ኣምላኽ ድማ፡ እታ ምድሪ ሳዕርን ዘርኢ ዚህብ ብቚልን፡ ዘርኡ ኣብ ርእሱ ዘለዎ፡ ፍረ ከከም ዓይነቱ ኣብ ምድሪ ዚፈሪ ኦም ተውጽእ፡ በለ። ከምኡ ድማ ኾነ።"* (ዘፍ 1፡11)

ከምቲ ኣብ ባህርያዊ ዓለም ዘሎ ነፍሲ ወከፍ ተኽሊ ናይ ምብዛሕ ዓቕሚ ዘለዎ፡ ነፍሲ ወከፍ ኣማኒ ኸኣ ብመንፈስ ናይ ምብዛሕ ክእለት ኣለዎ። ኣብ ውሽጥኻ ብመንፈሳዊ ነገራትካ ክባዛሕ ዝኽእል ብቕዓት ኣሎካ ። ኣካል ናይ መንፈሳዊ ምብዛሕ ዑደት ንምዃን ዓቢ መንፈሳዊ ፍልጠት ክህልወካ ኣድላዩ ኣይኮነን።

ነዚ ሓቂ ዝገልጽ የሱስ ዝተዛረቦ ምስላ ኣሎ፦

*"በለው'ን፡ መንግስቲ ኣምላኽ ዘርኢ ኣብ ምድሪ ኸም ዚዘርእ ሰብኣይ እያ ። . . . . እቲ ዘርኢ ድማ፡ ንሱ ኺይፈለጠ፡ ይበቍል ይዓቢውን።...ምስ በጽሐ፡ ቀውዒ ኣትዩ እዩ እሞ፡ ማዕጺዱ ይሰድድ።"* (ማር 4፡26,27,29)

ንዘርኢ፡ ማለት ቃል ኣምላኽ፡ ኣብ ልቢ ደቂ ሰባት ንክበቁልን ክዓብን ናይ ስነ-መለኮት ትምህርቲ ብዙሕ ኣገዳሲ ኣይኮነን። ማለት ዓሚቝ ስነ-መለኮታዊ ሓቅታት ዝተምሃርካ ክትከውን ግድን ኣድላይ ከምዘይኮነ ማለትና እዩ።

እቲ ዘድሊ ኣብ ዑደት መንፈሳዊ ቀውዒ ተሳታፊ ምዃን እዩ።

## ምህርቲ ንምሕፋስ ምዝራእ ኣድላዪ እዩ፤

ኣብ ባህርያዊ ዓለም፡ ዘራእቲ ክትዓጽድ ዘርኢ ክትዘርእ ኣለካ። ኣብ መንፈሳዊ ዓለም ከኣ ከምኡ ክትዓጽድ እንተድኣ ኾይንካ ክትዘርእ ኣለካ። ኣምላኽ ንምዝራእ ዝኸውን መንፈሳዊ ጸጋታት ሂቡ ኣሎ፤

*"ግናኸ እቲ ንዘራኢ፡ ዘርእን ምግቢ ዚኸውን እንጌራ ዚዕድል፡ ንሱ ዘርእኹም ኪዕድለኩምን ኪበርክተልኩምን፡ ንፍረ ጽድቕኹም'ውን ኪብቍሎን እዩ።"* (2ይ ቆሮ 9፡10)

ኣፍራይ ምእንቲ ክትከውን ኣምላኽ ንመንፈሳዊ ክእለትካን ብቕዓትካን ይባርኾ እዩ።

እግዚኣብሄር ኣብ ስርሑ ወፍሪ ክትገብር ምእንቲ ፋይናንሳዊ ጸጋታትካ ይባርኽ። ዓቢ ሃብቲ ንኽትእክብ ኢሉ ኣይኮነን ንፋይናንስካ ዝባርኽ። እቲ ንኣኻ ዝባርኸሉ ቀንዲ ዕላማ ኣብ መንግስቱ ምእንቲ ክተውፍሮ ኢሉ እዩ።

## ኣብቲ ዝዘራእካዮ ወቕቲ ኣይትዓጽድን ኢኻ፤

ኣምላኽ ኣብ መጀመርታ ፍጥረት ክገብር ከሎ ኣብ ባህርያዊ ዓለም ወቕታዊ መትከል ከምዝህሉ ገይሩ ኣሎ፤

*"ምድሪ ኽሳዕ ዘላ፡ ዘርእን ዓጺድን፡ ዛሕልን ዋዕን፡ ሓጋይን ክረምትን፡ መዓልትን ለይትን ኣየቋርጽን እዩ፡ በለ።" (ዘፍ 8፡22)*

ጽቡቕ እቶት ንኽህልወካ ምዝራእ ኣገዳሲ እዩ። እንተኾነ ግን እቲ ምህርቲ ዝሕፈሰሉ ምስቲ ዘርኢ ዝዘርኣሉ ወቕቲ ሓደ ኣይኮነን። ገሊኦም ራእይ መንፈሳዊ እቶት ምህርቲ ዝተቀበሉ ነዚ መትከል ብዘይምርድኦም፣ ተስፋ ይቆርጹ።

ንምዝራእ ዝኸውን ግዜ ኣሎ፡ እቲ ዝተዘርአ ቃል ኣብ ልቢ ሰብ ንኽበቁል ክትጸበ ግድን እዩ። ከምኡ'ውን ብትዕግስቲ ንኽዓቢ ዝግብኦ ግዜ ኣሎ። ብኡ ብኡ ኣብቲ እትዘርኣሉ ወቕቲ ኣይትዓጽድን ኢኻ።

መዝሙር ዳዊት ብዛዕባ እዚ መስርሕ ኣብ ህይወት ኣመንቲ ዝኸውን ይዛረብ፤

*"ንሱ ኸምታ ፍሬኣ በብጊዜኣ እትህብ፣ ቈጽላ ኸኣ ዘይረግፍ፣ ኣብ ወሰን ወሓዚ ማይ እተተኽለት ኦም ይኸውን. . ."* (መዝ 1 :3)

ኣፍራዩ ዝኾነ ወቕትታት ናይ ህይወት እንተ ሃልዩ፣ ዘይፈሪ ዝመስል ግዜ'ውን ኣሎ ማለት እዩ። እዚኣቶም መሬት ናይ ምድላውን ምዝራእን ምልማዕን እዋናት እዮም። እዞም ወቕትታት "ፍረ ዘይ ሕፈሰሎም" ግን ቀውዒ ንምምጻእ ኣድለይቲ እዮም።

እዚ ድማ እዩ ንመትከላት ግዜ ቀውዒ፡ ኣገዳሲ መፍትሕ ምህርቲ እቶት ቐውዒ ዝገብሮ። ኣብ ግዜ ዕብየትን ልምዓት ዝውሰኸሉ ብትዕግስቲ ክትጸበ ኣለካ። ግናኸ ግዜ ቀውዒ መዓስ ምዃኑ እውን ክትፈልጥን እቲ ዘራእቲ ቅድሚ ምጥፋኡ ብቕልጡፍ ንምዕጻዱ ስጉምቲ ክትወስድን ይግብእ፤

*"እታ ምድሪ ባዕላ ትፈሪ፡ ቅድም ጮማ ብቚሊ፡ ደሓር ሰዊት፡ ኣብቲ ሰዊት ድማ ብጹሕ ስርናይ። ምስ በጽሐ፡ ቀውዒ ኣትዩ እዩ እሞ፡ ማዕጺድ ይሰድድ።" (ማር 4፡28-29)*

ብሓጺሩ ...

*". . ንምትካል ጊዜ ኣለዎ፡ ነቲ እተተኽለ ምምንቋስ ድማ ጊዜ ኣለዎ።" (መክብብ 3፡2)*

## ዝዘራእካዮ ኢኻ ትዓጽዶ፤

ኣብ ባህርያዊ ዓለም ዘርኢ ንዕኡ ዝመስል ኣዩ ዝፈሪ። ዘርኢ ሚለ እንተ ተኺልካ ምህርቲ ሚለ ኢኻ እተእቱ ። ኣብ መንፈሳዊ ዓለም እውን ከምኡ፤

*"ሰብ ነቲ ዝዘርኦ ንእኡ ኸኣ ኪዐጽዶ እዩ እሞ፡ ኣይትጠበሩ፡ ኣምላኽ ኣይዕሾን እዩ።"* (ገላ 6፡7)

ብስጋ ምዝራእ ዝተበላሸወ ምህርቲ ቐውዒ ዘምጽእ ኮይኑ ኣብ ጽድቂ ምዝራእ ድማ ጽቡቕ ቀውዒ እዩ ዘምጽእ።

## ኩነታት ብዘየገድስ ክትዘርእ ኣለካ፤

**እቶም ንኹነታት ዝጥምቱ፡ ኣካል ራእይ ምህርቲ ቐውዒ ክኾኑ ፈጺሞም ኣይክእሉን እዮም። ልክዕ ከምቲ ብሰንኪ ቁሪን ንፋስን ደበናን ግራቱ ንምዝራእ ሸለል ዝብል ሓረስታይ ኩነታቶም ክስዕሮም እዩ፤**

*"ንንፋስ ዚምልከት ኣይዘርእን፡ ንደበና ዚጥምት ድማ ኣይዐጽድን እዩ።" (መክ 11:4)*

**ሓደ ካብቲ ኣገዳሲ ስትራተጂ ናይ መንፈሳዊ ምህርቲ ቐውዒ ኩነታት ህይወት ብዘየገድስ ምዝራእ እዩ፤**

*"ኣቱም እቲ ሩባ ኣብ ገምገምታቱ ምስ ኣዕለቕለቐ ዝርእኹም ኣብ ልዕሊ ኩሉ ኣቲ ማያት ዘርእኺም እትዘርኡ ሕጉሳትን ዕድለኛታት ኢኹም፤ [እቲ ዘርኢ ናብ ጭቃ እቲ ማይ ክወድቕ እዩ እሞ፡ እቲ ማያት ምስ ዘፈፈ እቲ ተኽሊ ኺበቍል እዩ። ድሕሪ ብዙሕ መዓልታት ኣብ ብርኩት እቶት ቀውዒ ክትረኽቦ ኢኻ] ... (ኢሳ 32:20, The Amplified Bible)*

**ኣብ ጎኒ ኩሉ ማያት ክትዘርእ ኣለካ ማለት ኣብ ኩሉ ኩነታት ህይወት ማለትና እዩ። ዋላ ኣብ ጽንኩር ኩነታት፡ ግማግም ህይወትካ ወሓይዝ ዘዕለቕለቐ ኩነታት ሃሉ ምዝራእካ ክትቅጽል ኣለካ። እግዚኣብሄር ብርኩት ቀውዒ ከምጽኣልካ ቃል ኣትዩ ኣሎ።**

## ከምቲ ዝዘራእካዮ ዓቐን ኢኻ እትሓፍስ

*"ግናኸ እዚ እብል ኣሎኹ፡ እቲ ቁጢቡ ዚዘርእ ቁጢቡ ይዓጽድ፡ እቲ ብበረኸት ዚዘርእ ግና ብበረኸት እዩ ዚዓጽድ።" (2ቆረ 9:6)*

**እዚ ስርዓት እዚ ኣብ ነፍሲ ወከፍ መዳይ መንፈሳዊ ህይወትካ ይሰርሕ እዩ። ግዜኻን ክእለትካን ፋይናንስካን ብብቂ ንስራሕ ኣምላኽ እንተ ወፊኻዮ፡ ሽዑ ቀውዒኻ ውሑድ ክኸውን እዩ። ብልግሲ እንተዘሪእካዮ ብዙሕ ክትዓጽድ ኢኻ። ኣብ መንፈሳዊ ቀውዒ ዝተፈላለየ ደረጃታት ኣፍራይነት ኣሎ፡ እዚ ኸኣ ኣብ ዮሃንስ 15 ተገሊጹ ኣሎ።**

- **ፍረ፡ ዮሃንስ 15:2**
- **ብዙሕ ፍረ፡ ዮሃንስ 15:2**
- **ኣዝዩ ብዙሕ ፍረ፡ ዮሃንስ 15:5**
- **ነባሪ ፍረ፡ ዮሃንስ 15:16**

**ድሌት ኣምላኽ ብዙሕ ፍረ ክትፈርን ነባሪ ክኸውንን እዩ።**

**ኣብ ህይወትካ ኣፍራዪ ምእንቲ ክትከውን፣ ጴጥሮስ ዘለዩም ከተማዕብሎም ዘለካ ገለ ባህርያት ኣለዉ፡**

*"ብትግሃት ዘበለ ተጋደሉ፡ ኣብ እምነትኩም ደግነት ወስኹ፡ ኣብቲ ደግነትውን ፍልጠት፡ ኣብታ ፍልጠት ከኣ ምግታእ ርእስኹ፡ ኣብቲ ምግታእ ርእስኻ ድማ ዓቕሊ፡ ኣብቲ ዓቕሊውን ፍርሃት እግዚኣብሄር፡ ኣብ ፍርሃት እግዚኣብሄር ድማ ምፍቃር ኣሕዋት፡ ኣብቲ ምፍቃር ኣሕዋትውን ፍቕሪ ንኹሉ ሰብ። እዚ ነገርዚ እንተ ኣሎኩም፡ እናማዕበለውን እንተ ኸደ፡ ንምፍላጥ ጐይታና የሱስ ክርስቶስ ሃካያትን ዘየፍርዩን ክትኮኑ ኣይሐድገኩምን እዩ።" (2ይ ጴጥሮስ 1:5-8)*

**ጴጥሮስ እዞም ባህርያት እዚኣቶም እንተዘይማዕቢሎም መንፈሳዊ ራእይ ከም ዝስእኑ የጠንቀቐ፤**

*እቲ እዚ ነገርዚ ዜብሉስ፡ ካብቲ ናይ ቀደም ሓጢኣቱ ምጽራይ ዝረስዔ፡ ዕዉር፡ ነቲ ኣብ ቀረባ ዘሎ ጥራይ ዚርኢ እዩ። (2ይ ጴጥ 1:9)*

## ኣብ ዘይትዓጽዶ ክትዘርእ፡ ዘይዘራእካዮ ድማ ክትዓጽድ ትኽእል ኢኻ፤

**እስራኤል ናብታ ዝወርስዋ ምድሪ ምስ ኣተዉ፣ ንሶም ካብ ዘይተኸልዎ ኣታኽልቲ ወይኒ ከም ዝበልዑ ኣምላኽ ተዛሪብዎም እዩ። ዘይዘርእዎ እቶት ዓጺዶም**

**ኣብ መንፈሳዊ ዓለም እውን ከምኡ እዩ። ካልኦት ዝዘርእዎ ክትዓጽድ ትኽእል ኢኻ፤**

*"ሓደ ኸም ዚዘርእ፡ ሓደ ኻልእ ከኣ ከም ዚዓጽድ፡ በዚ እዚ ዘረባ እዚ ሓቂ እዩ እሞ፡ ...ኣነ ንኣካትኩም ኣብ ዘይጸዓርኩምሉ ኽትዓጽዱ ለኣኽኩኹም። ካልኦት ጸዓሩ፡ ንስኻትኩም ኣብቲ ጻዕሮም ኣቶኹም።" (ዮሃ 4:37-38)*

ንዘመናት ኣመንቲ፣ ኣብ ግራሁ እቶት ናይ ዓለም፣ ህይወቶም ዘሪኦም ኣዮም። ምምላስ ጎይታ ኣብ ዝቐርበሉ ዘሎ፣ እቲ ምዝራኦም ኣብ ኣህዛብ ናይ ዓለም ዓቢ እቶት የምጽእ ኣሎ። ነቲ ዘይዘራእካዮ ምስ እትዓጽድ ናብ ዕዮኦም ትኣተ ኣለኻ። እንተኾነ ነቲ እቶት ከይዓጸድካዮ፣ ኣካል መስርሕ ናይ ምዝራእ ክትከውን ትኽእል ኢኻ።

ጳዉሎስ ከምዚ ዝስዕብ ኢሉ ኣሎ፥

*"ኣነ ተኸልኩ ኣጵሎስ ኣስተየ፥ ኣምላኽ ግና ኣብቈለ። እምብኣርሲ እቲ ዜብቍል ኣምላኽ ደኣ እዩ እምበር፡ እቲ ዚተክል ወይስ እቲ ዜስቲ ዚዓብሱ የብሎምን። እቲ ዚተክልን እቲ ዜስትን ሓደ እዮም፥ ነፍሲ ወከፎም ከኣ ከከም ጻዕሩ ዓስቡ ኪቕበል እዩ። ንሕና መዓይይቲ ኣምላኽ ኢና..." (1ቆረ 3፡6-9)*

## እሙን እንተኾንካ ነቲ እቶት ምህርቲ ክትዓጽዶ ኢኻ፡

*"እንተ ዘይተጸልኣናስ፡ ብግዜኡ ክንዓጽድ ኢና እሞ፥ ንሰናይ ግብሪ ኣይንሰልኪ።"* (ገላ 6፡9)

*"እምብኣርሲ፡ ኣሕዋተየ፡ ክሳዕ ምጽኣት ጐይታ ተዐገሱ። እንሆ፡ ሓረስታይ ነቲ ኽቡር ፍረ ምድሪ ይጸበዮ፡ ኣኸዛን ማይ ጽብሓትን ክሳዕ ዚረክብውን ይዕገስ እዩ።* (ያዕ 5፡7)

እሙን እንተኾንካ፣ ነቲ እቶት ንኽትዓጽዶ ኣምላኽ ቃል ኣትዩ ኣሎ። ኣብ ክትገብሮ ዝሃበካ ዕዮ ድኹም ኣይትኹን።

ምእንቲ ክፈሪ፣ እቲ ዘርኢ ክመዉት ኣለዎ፥

ዘርኢ ትርኢቱ ዝሞተ ይመስል። ቀጠልያ ኣቁጽልቲ፣ ተነቓፍቲ ጠጥዒ ወይ ጨናፍር የብሉን። ምእንቲ ክዓቢ ክቀበር ኣለዎ። እዚ ናይ ሓደ ዓቢ መንፈሳዊ ሓቂ ባህርያዊ ተዛማዲ እዩ። መንፈሳዊ ህይወት ኣብ መስዋእቲ ይምርኮስ፥

*"ኣታ ዓሻ፡ እቲ ንስኻ እትዘርኦ ኽይሞተ ህይወት ኣይረክብን እዩ።"* (1ቆረ 15፡36)

ህይወት ምእንቲ ከምጽእ፣ የሱስ ኣብ መስቀል ክመውት ኣድላዪ ነይሩ። ኣገልግሎቱ፣ ብሞት ስለ እተፈጸመ፣ ከንቱ ዝኾነ ይመስል ነይሩ።

እንተኾነ እዚ እዋን ምዝራኡ እዩ ነይሩ። ካብ ሞቱ፣ ካብታ ሓንቲ ዘርኢ ስርናይ ናብ መሬት ዝወደቐት፣ ከመይ ዝበለ ብርኩት እቶት ተረኺቡ። ብሞቱ ሚልዮናት ዝኾኑ ህይወት ረኺቦም።

መንፈሳዊ ህይወት መስዋእቲ ይጠልብ እዩ። ንሓጢኣት ምሟት የድሊ። ንዓለማዊ ባህግታትን ፍትወትን ምሟት ይጠልብ እዩ።

ጂም ኤልዮት ዝተባህለ፣ ነቶም ኣብ ኤኳዶር ዝርከቡ ኣዉካ ህንዳዉያን ዝተባህሉ ዓሌት ወንጌል ንምብጻሕ፣ ንዕላማ ክርስቶስ ዝተሰዉአ፣ ኣብ መዝገቡ ከምዚ ኢሉ ጽሒፉ ኣሎ "ነቲ ከጥፍኦ ዘይክእል ምእንቲ ክኸስብ ኢሉ፣ ነቲ ክዕቅቦ ዘይክእል ዝሀበ፣ ዓሻ ኣይኮነን" ።

ኣብ ባህርያዊ ዓለም እቲ ናይ መወዳእታ ተገራጫዉነት ሞት እዩ፣ ምኽንያቱ ንሓደ ኣማኒ ሞት ዘልኣለማዊ ህይወት ስለ ዘምጽእ። እቲ እንኮ ሓቐኛ ሞት፣ ህይወትካ ተሕልፈሉ ዋላ ሓንቲ ነገር ምስ ዘይህልወካ እዩ። እቲ ትነብረሉ ዘለኻ፣ ህይወትካ እተሕልፈሉ ምኽኑ ኣርጊጽካ ፍለጥ።

ኣብ ገለ ግዜያት ንእቶት ምህርቲ ዝርአ መረጋገጺታት ኣይክህልዉን እዮም። ንዝመዉት ዘሎ ራእይ ህይወትካ ተጥፍእ ዘለኻ ኮይኑ ክረኣየካ ይኽእል እዩ።

እንተኾነ ክትዝክሮ ዘለካ ነገር ኣሎ፥

*"ፍረ ስርናይ ናብ ምድሪ እንተ ዘይወደቐትን ዘይሞተትን፡ በይና እያ እትነብር። እንተ ሞተት ግና፡ ብዙሕ ፍረ ኽም እትፈሪ፡ ብሓቂ፡ ብሓቂ እብለኩም ኣሎኹ።"* (ዮሃ 12፡24)

የሱስ ንከንቱ ኣይሞተን። ብሞቱ ህይወት መጺኡ። ብሞቱ፣ ድሕነት ነቶም ኣዉካ ዝበሃሉ ዓሌት መጺእሎም። ምኽንያቱ ንዕኦም ብወንጌል ክበጽሑ ናቱ ቦታ ተኪኦም ንቅድሚት ዝወጹ ካልኦት ስለዝነበሩ።

እቲ ዘርኢ ኣይሞተን። ኣብ ዉሽጡ ህይወት ዝሀብ ሓይሊ ናይ ኣምላኽ ኣለዎ። ህይወት ምእንቲ ከምጽእ ግን ክመዉት ኣለዎ። በዚ መገዲ ንህይወትካ ከተዉፍራ ከለኻ ዝርከብ ዉጽኢት፣ ነብዩ ሆሴእ ከምዚ ኢሉ ተዛሪቡ ኣሎ፥

*“ኣብዛ ምድሪ እዚኣ ድማ ንኣይ ክዘርኦ እየ፣ ንሎሩሓማ ኸኣ ክምሕራ እየ፣ ንሎዓሚ ድማ፣ ንስኻ ህዝበይ ኢኻ፣ ክብሎ እየ። ንሱውን፣ ኣምላኸይ፣ ኢ ብለኒ እዩ።”* (ሆሴ 2፡23)

**እዚ ጥቅሲ ንዕላማ ምትግባር ስትራቴጂታት ናይ መንፈሳዊ እቶት የጠቓልል። ኣምላኽ ኑቶም ናቱ ዘይኮኑ “ንስኻ ህዝበይ ኢኻ፣ ንሱ’ውን ኣምላኸይ ክብለኒ እዩ።” ምእንቲ ክብሎም ኢኻ ንስኻ ትዓዩ ዘለኻ።**

## ርእሰ ገምጋም

1. **ነታ መሪሕ ጥቕሲ ካብ ዝኸርካ ጽሓፍ።**

2. **"ስትራተጂታት" ዝብል ግለጽ።**

3. **ኣብዚ ምዕራፍ ዝተዘተየሎም ትሽዓተ እስትራተጂ መንፈሳዊ ቀውዒ ዘርዝር።**

## ንዝያዳ መጽናዕቲ

### ምስላታት ግራት ወይኒ

ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ብዛዕባ ግራት ወይኒ ዘካትቱ ምስላታት ተወሳኺ ሓበሬታ ብዛዕባ መንፈሳዊ እቶት ምህርቲ ዘብርሁን ኣለዉ። ምስላ ዘራኢ (ማቴዎስ 13, ማርቆስ 4, ሉቃ 8) ኣብዚ ስልጠና ኣብ ካልእ ክፍሊ ኣትዩ ኣሎ። ንዝያዳ መጽናዕቲ ምስላታት ግራት ወይኒ ኣብ ታሕቲ ተዘርዚሮም ኣለዉ፡

### ብሱል ፍረ ዝመልአ ኸፈር፡ ኣሞ 8፡1-2

ኣምላኽ ንኣሞጽ እንታይ ባህርያዊ ኣብነት ኣርእዮ፧ __________________________________________

ትርጉም ናይዚ ኣብነት እንታይ እዩ ነይሩ፧___________________________________________________

እስራኤል ቃሉ ስለ ዘይተኣዘዙ፣ ኣምላኽ ከም ፍርዲ ናብኦም ዝሰደዶ ዓቢ ጥሜት እንታይ እዩ ነይሩ፧ (11-12)

____________________________________________________________________________________

### ኣታኽልቲ ወይኒ እግዚኣብሄር፡ ኢሳ 5፡1-7

እዚ ምስላ ንሃገረ እስራኤል እዩ ዝዉክል። እስራኤል ፈራይትን ንኣህዛብ ናይ ዓለም ከኣ ንበረኸት ክትከዉን ኢሉ እዩ ኣምላኽ ንእስራኤል ኣብ መንፈሳዊ ዓለም ዝተኸላ። እስራል ግን ፈራዪት ኣይነበረትን። ዉጽኢት መንፈሳዊ እቶት ምህርቲ ኣብ እስራኤል እንታይ ነይሩ፧ (ፍቅዲ 4)

________________________________________________________________________________________

ኣብታ ግራት ወይኒ ዝወረደ ፍርዲ እንታይ እዩ ነይሩ፧ (ፍቅዲ 5-6)

________________________________________________________________________________________

ኣብ ፍቅዲ 7 ዘለዉ ፍልልያት እንታይ እዮም፧ እግዚኣብሄር ዝተጸበዮ____________________________________________

ኣብኡ ዝረኸቦ ግን ________________________________________________________።

ንሱ ዝደለየ ______________________________ዝረኸቦ ግን __________________________________________ (ናይ ዘይጽድቂ) ።

እስራኤል ኣብ ከምዚ ዝበለ መንፈሳዊ ኩነታት ዝሃለዉትሉ ምኽንያታት እንታይ እዮም፧ (ፍቅዲ 13, 20)

________________________________________________________________________________________

### ኣታኽልቲ ወይኒ እግዚኣብሄር፡ ማቴ 21፡33-41; ማር 12፡1-9; ሉቃ 20፡9-16

እዚ ኣብ ሓድሽ ኪዳን ዝርከብ ምስላ ንግራት ወይኒ እግዚኣብሄር ዘካትት እዩ። ኣምላኽ ንነብያቱ ናብ እስራኤል ከም ዝለኣኾም ንሶም ድማ ከም ዝነጸግዎም ዝምዝግብ ኣዩ። ኣብ መወዳእታ ንገዛእ ወዱ፣ የሱስ ክርስቶስ፣ ልኢኹዎ፣ ንዕኡ'ውን ነጺጎሞ።

ግብረ መልሲ ናይቶም ዓየይቲ (እስራኤል) ነቶም እግዚኣብሄር ዝለኣኾም ኣገልገልቲ እንታይ ነይሩ፧

________________________________________________________________________________________

ነቲ ወዲ ዝነበሮም ግብረ መልሲ እንታይ ነይሩ፧__________________________________________________________

ፍርዲ እግዚኣብሄር እንታይ እዩ ነይሩ፧____________________________________________________________

(እቶም ካልኦት፣ ኣምላኽ ንዕኦም ዝሀቦም፣ ጽርኣዉያን እዮም ነይሮም።)

## እታ ኦም በለስ፡ ሉቃ 13፡6-9

ዋና እቲ ግራት ወይኒ ካብታ ኦም በለስ ፍረ ክእክብ ኢሉ ምስ መጸ እንታይ ረኺቡ፧

---

እንታይ ክገብር ደልዩ፧ ______

ግብረ መልሲ ናይቲ ዓያዩ እቲ ግራት እንታይ ንይሩ፧ ______
እታ ኦም በለስ ንእስራኤል እያ እትዉክል። ትርጉም እዛ ምስላ እንታይ ኮይኑ ይሰምዓካ፧

---

## ዓየይቲ ኣብ ኣታኽልቲ ወይኒ: ማቴ 20:1-6

ዓሰቢ ናይቶም ኣንጊሆም ዝተቀጽሩ ዓየይቲ ክንደይ እዩ ነይሩ፧ ______

ዕሰቢ ናይቶም ኣብ ኣጋ ምውዳእ መዓልቲ ዝተቀጽሩ ዓየይቲ ክንደይ እዩ ነይሩ፧ ______

ኣብ መንጎ እቶም ዓየይቲ ዝተላዕለ ጸገም እንታይ እዩ ነይሩ፧

---

ኣብዚ ምስላ የሱስ ዘብረሆ መትከል እንታይ እዩ ነይሩ፧ (ፍቅዲ 16)

---

## እቶም ክልተ ውሉድ፡ ማቴ 21፡28-31

እቲ ኣቦ ንደቁ ኣብቲ ኣታኽልቲ ወይኒ ክሰርሑ ምስ ሓተቶም፡

እቲ ቀዳማይ ውሉድ ከመይ ኢሉ መሊሱ ______

እቲ ቀዳማይ ውሉድ እንታይ ጉይሩ______

እቲ ካልኣይ ውሉድ ከመይ ኢሉ ግብረ መልሲ ሂቡ፧______

እቲ ካልኣይ ውሉድ እንታይ ገይሩ፧______

የሱስ ብመገዲ እዚ ምስላ ዝመሃሮ መትከል እንታይ እዩ ነይሩ፧______

---

## እቲ እቶት ምህርቲ፡ ማቴ 9፡37-38; ሉቃ 10፡2; ዮሃ 4፡34-38; 12፡24

ኣብ ዝተፈላለየ ኣጋጣሚታት የሱስ ባህርያዊ ኣብነት ናይ እቶት ምህርቲ ተጠቒሙ መንፈሳዊ ሓቅታት ኣብሪሁ እዩ። ኣብ ግራት እቶት ምህርቲ እቲ ዝዓበየ ኣድላይነት እንታይ እዩ፧

---

ብዛዕባ እዚ ኣድላይነት ክንገብሮ እንኽእል ሓደ ነገር እንታይ እዩ (ማቴ 9፡38)፧

---

የሱስ ኣብ ዮሃ 12፡24 ዝመሃሮ መትከል ናይ እቶት ምህርቲ እንታይ እዩ፧

---

ኣብ ዮሃ 4፡36-38 ብዛዕባ ዘራእትን ዓጸድትን እንታይ ትመሃር፧

______________________________________________________________________

**እቲ ክርዳድ፡ ማቴ** 13፥24-30

**ኣብቲ ግራት እንታይ ዓይነት ዘርኢ ተዘሪኡ፧**______________________________________________

**እቶም ዓየይቲ ደቂሶም ከለዉ እንታይ ኣጋጢሙ፧**______________________________________________

**መፍትሒ ብዛዕባ እቲ ዝተዘርአ ክርዳድ እንታይ እዩ ነይሩ፧** (**ፍቅዲ** 30)

______________________________________________________________________

**እቲ በዓል ቤት ነዚ ፍታሕ ንምንታይ መሪጽዎ፧** (**ፍቅዲ** 29)

______________________________________________________________________

**ክርዳድ ካብ ስርናይ ክንፈላሊ ናትና ሓላፍነት ድዩ፧**___________________________

## እቲ ፍረ ኣድሪ፡ ማቴ 13፥31-32; ማር 4፥31-32; ሉቃ 13፥18-19

**እቲ ፍረ ኣድሪ ካብ ኩሎም ኣዝርእቲ እቲ** ________________________________________ **እዩ።**

**ምስ በቖለ እንታይ ዓይነት ኦም ይኸውን፧**____________________________________________

**የሱስ፣ ብዛንታ ፍረ ኣድሪ ገይሩ እንታይ መንፈሳዊ ሓቂ የብርህ ነይሩ፧**

______________________________________________________________________

**ኣብ ማቴ** 17፥20 **የሱስ ንፍረ ኣድሪ ከም ኣብነት ናይ እምነት ተጠቒሙላ። ንእሽተይ ዓቐን ናይ እምነት እንታይ ጽልዋ ኣለዎ፧**

______________________________________________________________________

______________________________________________________________________

# ምዕራፍ ሸውዓተ
# ስትራተጂታት ንመንፈሳዊ እቶት ምህርቲ ቀውዒ
## ካልኣይ ክፋል

### ዕላማታት፤

ነዚ ምዕራፍ ምስ ወዳእኩም ነዞም ዝስዕቡ ክትክእሉ ኢኹም፤

- መንፈሳዊ ምምስሳል ናይ ባህርያዊ መትከላት ምዕባለ ተኽሊ ምግላጽ።
- ነዞም ምምስሳላት ከም ስትራተጂ መንፈሳዊ ቀውዒ ተግባራዊ ምግባር።

### መሪሕ ጥቕሲ፤

*"ከምቲ ምድሪ ብቝልያኣ እተውጽእ፡ ከምቲ ኣታኽልቲ ኸኣ ዘርኡ ዜብቍል ከምኡውን እግዚኣብሄር ኣምላኽ ኣብ ቅድሚ ኹሎም ኣህዛብ ጽድቅን ምስጋናን ኬብቍል እዩ።" (ኢሳ 61፡11)*

### መእተዊ

እዚ ምዕራፍ እዚ ንመጽናዕቲ እስትራተጂ መንፈሳዊ እቶት ቀውዒ ትቕጽል። ብዛዕባ ናይ መወዳእታ መትከል እቶት ቀውዒ ተመልከት ከኣ እያ። ኣዝርእቲ ብግብረ መልሲ ናይ ፍሉያት ግዳማዊ ኩነታት እዮም ዝዓብዩ።

ኣብ ባህርያዊ ዓለም ንዕብየትን ምዕባለን ዘርኢ ዘድልዩ ዝተወሰኑ ኩነታት ኣለዉ። እዞም ባህርያዊ ኩነታት እዚኣቶም ምስ መንፈሳዊ ዘርኢ ማለት ቃል ኣምላኽ ዝመሳሰሉ ኮይኖም፡ መንፈሳዊ እቶት ቀውዒ ንኸመጽእ ኣድለይቲ ረቛሒታት እዮም።

### ንዕብየት ዝኸውን ኩነታት

### ህይወት:

ዕብየት ብዘይ ህይወት ዘይከኣል እዩ። ኣብቲ ዘርኢ ህይወት ክህሉ ኣለዎ፡ እንተዘይኮይኑ ኣይዓብን እዩ። የሱስ እቲ ዝርኣ ምግላጽ ቃል ኣምላኽ ማለት ዘርኢ እዩ ነይሩ፡ ኣብኡ ድማ ህይወት ነይራ፤

*"ህይወት ኣብኡ ነበረት፡ እታ ህይወት ከኣ ብርሃን ሰብ ነበረት።" (ዮሃ 1፡4)*

*"ነቦ ብርእሱ ህይወት ከም ዘላቶ፡ ንወዱውን ከምኡ ብርእሱ ኽትህልዎ፡ ህይወት ሃቦ።" (ዮሃ 5፡26)*

ምእንቲ ፈራይ ክትከውን፡ የሱስ ነዚ ዘርኢ ህይወት ኣባኻ ክተኽለልካ እዩ መጺኡ፤

*"...ኣነ ግና ህይወት ምስ ተረፉ ምእንቲ ኺረክባ እየ ዝመጻእኩ።"* (ዮሃ 10፡10)

ህይወቱ ኣባኻ እያ ዘላ። ዘርኢ ቃሉ ክትተክል ከለኻ፡ ትፈልጥ ኢኻ...

*"ዝናምን ውርጭን ካብ ሰማይ ከም ዚወርድ እሞ ንምድሪ ኺይስተዮ፡ ከም ዜፍርን ከም ዜብቍልን ከኣ ከይገበረ፡ ዘርኢ ንዘራኢ፡ ምግቢ ንተቓላቢ ድማ ከይሀበ፡ ንድሕሪት ከም ዘይምለስ፡ እቲ ኻብ ኣፈይ ዚወጽእ ቃለይ ከኣ "ከምኡ ኪኸውን እዩ፡ ነቲ ኣነ ዝደልዮ ኺሰልጥ፡ ኣብቲ ኣነ ዝልእኮ ኪቐንዕ እዩ እምበር፡ ብኸንቱ ናባይ ኣይኪምለስን እዩ።" (ኢሳ 55፡10-11)*

### ግቡእ መሬት፤

ኣብዚ ስልጠና ከም ዝተመሃርካዮ፣ ዘይለምዐ መሬት ብርኩት ምህርቲ ንኸይኣቱ ከምዝዓግት ርኢና ኣሎና። ስለዚ ብርኩት ምህርቲ ንኽህሉ ነቲ ዘርኢ ዝሰማማዕ መሬት ኣድላዩ እዩ።

*"እቶም ኣብ ጽቡቕ ምድሪ እተዘርኡ ኸኣ እዚኣቶም እዮም፡ ነቲ ቓል ዚሰምዕዎ ዚቕበልዎን ፍረ ኸኣ ዚፈርዩ፡ ገሊኡ ሰላሳ፡ ገሊኡ ስሳ ገሊኡውን ሚእቲ።" (ማር 4፡20)*

ኣብ መንፈሳዊ ዓለም ክትዓጽድ ክለኻ ጻዕርኻ ኣብ ጽቡቕ መሬት ክተተኩር ኣለካ። ብግዲ መሬት ኣዳሊኻ ዘርኢ ቃል ብግቡእ ክትዘርእ ኣለካ። ምኽንያቱ እቶት ቀውዒ ክህሉ እንተኾይኑ ክልቲኦም ኣድለይቲ እዮም (ሆሴ 10፡12፤ ኤር 4፡3) ።

ብመሰረት ምስላ ዘራኢ (ማር 4፡3-20) ፡ እቶት ቀውዒ እንተዘይሃልዩ እቲ ክልወጥ ዘለዎ መሬት እዩ። እዚ ኣገዳሲ መትከል ቀውዒ እዩ። ግብረ መልሲ ዘይህብ መሬት ሸለል ክበሃል የብሉን። ሓደ ሰብ ናይ ምዝራእን ምዕጻድን ግዜ ከምዘሎ ኣለልዩ መሬቱ ክልምዕ ይግባእ (ሉቃ 13፡6-9) ። እዚ ክንብል ከለና ግን ንመንፈሳዊ ዓኢድ ዘሕግዙ ዓቕሚ ሰብ ዘዋህልሉ ቦታ ማለትና ኣይኮነን። ምኽንያቱ የሱስ ዋሕዲ ዓጸድቲ እምበር ዋሕዲ ዘራእቲ ክህልዉ እዮም ኢሉ ኣይፈልጥን። እቶም መንፈሳውያን ዓየይቲ፡ እታ መሬት ግብረ መልሲ ኣብዝሃበቶ ተዘሪኦም ዝበቕሉ እሞ ንምህርቲ ዝተኣከቡ እዮም ክህልዉ ዝግባእ።

ግዜ ኣብ እቶት ቀውዒ ዓቢ ኣገዳስነት ኣለዎ። እቲ ዘርኢ ገና ኣብ ዝተዘርኣሉ እዋን ወይ እቲ ዝራእቲ ገና ሓምላይ ኣብ ዝኾነሉ እዋን ዓጸድቲ ኣየድልዩን እዮም። እታ ሓጻርን ስትራተጂካዊትን ህሞት ግን ኣላ፡ ንሳ ኸእ እቶት ቀውዒ ናይቲ ጽቡቕ ሓመድ ዝበሰለላ ግዜ። ሽዑ እዩ ብዙሓት ዓጸድቲ ዘድልዩ። ኩሎም እቶም ዓየይቲ እንተድኣ ኣብ ግቡእ ግብረ መልሲ ዘይህብ መንፈሳዊ ዓኢድ ተጸሚዶም ኣለዉ ኾይኖም፡ እቲ እቶት ምህርቲ ንሓዋሩ እዩ ዝጠፍእ።

## ማይ:

ኣብ ባህርያዊ ዓለም እቲ ዘርኢ ምእንቲ ክቦቑልን ክፈርን ማይ ኣድላዪ እዩ። ኣምላኽ እዚ ተስፋ ሂቡ ኣሎ፡

*"ማይ ኣብቲ ጽሙእ፡ ወሓይዝ ከኣ ኣብቲ ንቑጽ ክፍስስ እየ..." (ኢሳ 44፡3)*

እዚ ማይ ተምሳል ፣ ምፍሳስ ቅብኣት መንፈስ ቅዱስ እዩ፡

*"መንፈሰይ ኣብ ዘርእኻ...ኽፍስሶ እየ..." (ኢሳ 44፡3)*

*"ብኣይ ዚኣምን፡ እቲ ጽሑፍ ከም ዝበሎ፡ ካብ ከብዱ ርባታት ማይ ህይወት ኪውሕዝ እዩ።" (ዮሃ 7፡38)*

ማይ ናይ መንፈስ ቅዱስ ነቲ ዘርኢ ናይ ቃል ኣምላኽ ኣብ ልቢ እቶም ብሓጢኣት ዝሞቱ ሰባት ሱር ክሰድድ ምኽንያት ዝኸውን እዩ።

*"ኦምሲ ተስፋ ኣለዎ፡ እንተ ተቘርጸ እኳ መሊሱ ይጥጥዕ፡ ውልዶታቱ ኸኣ ኣይውዳእን እዩ። ሱሩ ኣብ ምድሪ እንተ ኣረገ፡ ጉንዱ ኣብ መሬት እንተ ሞተ፡ ብጠሊ ማይ ይጥጥዕ፡ ከም ሓድሽ ተኽሊ ኹይኑ፡ ጨናፍር ይገብር።" (እዮ 14፡7-9)*

## ብርሃን፡

ኣብ ባህርያዊ ዓለም ግብረ መልሲ ንብርሃን እዩ ዕብየት ናይ ተኽሊ ዘነቓቕሕ። ብርሃን ናይ ኣምላኽ እዩ ኣብ ምምዕባል ናይ መንፈሳዊ ዓኢድ ወጽኢት ዝገብር፡

*"ህይወት ኣብኡ ነበረት፡ እታ ህይወት ከኣ ብርሃን ሰብ ነበረት።" (ዮሃ 1፡4)*

*"...ኣነ ብርሃን ዓለም እየ። እቲ ዚስዕበኒ ብርሃን ህይወት ኪረክብ እምበር፡ ብጸልማት ኣይኪኸይድን እዩ..." (ዮሃ 8፡12)*

ብርሃን ናይ ኣምላኽ መንፈሳዊ ህይወት የምጽእ።

## ኣየር፣

ኣታኽልቲ ካብቲ ከቢብዎም ዘሎ ኣየር ዝወስድዎ፣ ካርቦን ዳይኦክሳይድ ዝበሃል ኣገዳሲ ባእታ ኣሎ። ተኽሊ ንኽዓቢ ኣየር ኣገዳሲ እዩ። ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ፣ መንፈስ ቅዱስ ምስ ኣየር ወይ ንፋስ ተዛሚዱ ተገሊጹ ኣሎ።

*"ንፋስ ናብ ዝደለዮ ይነፍስ፡ ደሃይ ኸኣ ትሰምዕ፡ ካበይ ከም ዚመጽእ ናበይውን ከም ዚኸይድ ግና ኣይትፈልጥን ኢኻ። እቲ ኻብ መንፈስ እተወልደ ዘበለ ድማ ከምኡ እዩ።"* (ዮሃ 3፡8)

መንፈስ ቅዱስ ናብ ዘርኢ ናይ ቃል ኣምላኽ ህይወት የተንፍስ፣ እዚ ከኣ መንፈሳዊ ዕብየት የስዕብ።

## ቦታ፣

ኣብ ምስላ ናይቲ ዘራኢ፣ ንቦታ ምድፍፋእ ሞት ናይ ገሊኦም ኣታኽልቲ ሳዕቤን ኮይኑ እዩ፡

*"እቲ ኣብ እሾኽ እተዘርኤ ኸኣ ነዚ ቓል ዚሰምዖ እዩ፡ ጓሂ እዛ ዓለም እዚኣን ምዕሻው ሃብትን ግና ነቲ ቓል ይሓንቆ፡ ከይፈረየውን ይተርፍ።" (ማቴ 13፡22)*

ኣብ ነገራት ናይ ዓለም ምዉድዳር ነቲ ዘርኢ ናይ ቃል ኣምላኽ ይሓንቆ፣ መንፈሳዊ ኣፍራይነት ከኣ ይኽልክል።

## ስርዓተ ሰራውር፣

ሰራውር ነቲ ተኽሊ ንመልሕቕን ንቀረብ መኣዛታታትን ኣገዳሲ እዩ። መዝ 1 እቲ ስርዓተ ሰራውር ኣብ መንፈሳዊ ህይወትካ ከመይ ከም ተማዕብሎ ይዛረብ፡

*"ብምኽሪ ረሲኣን ዘይመላለስ፣ ኣብ መገዲ ሓጥኣን ከኣ ዘይቀውም፣ ኣብ መንበር መላገጽቲ ድማ ዘይቅመጥ፣ ብሕጊ እግዝኣብሄር ደኣ ዚፍሳህ፣ ነቲ ሕጉውን ለይትን መዓልትን፣ ዚመራምሮ ሰብሲ ብጹእ እዩ። ንሱ ኸምታ ፍሬኣ በብግዜኣ እትህብ፣ ቈጽላ ኸኣ ዘይረግፍ፣ ኣብ ወሰን ወሓዚ ማይ እተተኽለት ኦም ይኸውን። ዚገብሮ ዅሉውን ይሰልጦ።" (መዝ 1፡1-3)*

## ዕረፍቲ፣

"ግዜ ድቃስ" ኣብ ዝበሃል እዋን እቲ ተኽሊ የዕርፍ እዩ። እዚ ነቲ ተኽሊ ናይ ዕረፍቲ ግዜ እዩ። እዚ ወትሩ ቅድሚ ፍጡን ናይ ዕብየት ግዜ እዩ ዝመጽእ። እቲ ተኽሊ ዝሞተ እዩ ዝመስል። እንተኾነ ኣይሞተን ዘሎ። ዘርኢ ናይ ህይወት ኣብ ዉሽጡ ገና ህያዉ እዩ ዘሎ።

ዘርኢ ናይ ቃል ኣምላኽ ኣብ ህይወት ሰባት ምስ እትተክል፣ ሙብዛሕትኡ ግዜ ዕብየት ዘይትርእየሉ ናይ ዕረፍቲ ግዜ ኣሎ። ኣብ ኣገልግሎትካ ከም ዝፈሸልካ ክትሓስብ ትኽእል ኢኻ። እቲ ዘርኢ ግን ኣይሞተን።

ልክዕ ከምቲ ኣብ ባህርያዊ ዓለም፣ መንፈሳዊ ናይ ድቃስ ግዜ ንፍጡን ናይ ዕብየት ግዜን ምምዕባል ናይ መንፈሳዊ እቶት ምህርትን ይቕድሞ እዩ። ነቲ እቶት ብዓቕሊ ተጸበዮ ኢኻ፡

*" ...እንሆ፡ ሓረስታይ ነቲ ኽቡር ፍረ ምድሪ ይጸበዮ፡ ኣኽዛን ማይ ጽብሓትን ክሳዕ ዚረክብውን ይዕገስ እዩ።" (ያዕ 5፡7)*

## ኣብቲ ጉንዲ ዝጸንዑ፣

ኣብ ባህርያዊ ዓለም ሓደ ጨንፈር ፍረ ክፈሪ እንተ ኾይኑ ኣብቲ ቀንዲ ተኽሊ ዝተጣበቐ ክኸውን ኣለዎ። እቲ ጨንፈር ካብቲ ህይወት ዝህብ ሓረግ ወይ ጉንዲ እንተ ተሰይሩ ፍረ ኣይፈርን እዩ።

የሱስ እቲ ጉንዲ እዩ ንሕና ከኣ ጨናፍሩ። መንፈሳዊ ፍረ ምእንቲ ክንፈሪ፣ ምስኡ ዘለና ዝምድና ክንዕቅቦ ኣለና፡

*"ኣነ ናይ ሓቂ ጉንዲ ወይኒ እየ፡ ተኻሊኡ ኸኣ ኣቦይ እዩ። ነቲ ኣባይ ዘሎ፡ ፍረ ዘይፈሪ ዘበለ ዅሉ ጨንፈር የርሕቖ። ነቲ ፍረ ዚፈሪ ዘበለ ጨንፈር ግና፡ ኣዝዩ ምእንቲ ኺፈሪ፡ የጽርዮ። ንስኻትኩም ከኣ፡ ሳላ እቲ ዝነገርኩኹም ቓል፡ ድሮ ንጹሃት ኢኹም። ኣባይ ጽንዑ ኣነውን ኣባኻትኩም። ጨንፈር ኣብቲ ጉንዲ ወይኒ እንተ ዘይጸንዔ፡ ካብ ርእሱ ኺፈሪ ኸም ዘይክእል፡ ንስኻትኩምውን ኣባይ እንተ ዘይጸናዕኩም፡ ከምኡ ኢኹም።" (ዮሃ 15፡1-4)*

## ምጽልጻል፥

እቲ ተኽሊ ፍረ ክፈርን ክራባሕን እንተ ኮይኑ ምጽልጻል ኣገዳሲ እዩ። ሓደ ሓረስታይ ንተኽሊ ክጽልጽል ከሎ፣ እታ ተኽሊ ዝያዳ ፍረ ምእንቲ ከተፍሪ ነቲ ዘይፈሪ ዘበሊ ጨናፍር ይቀርጾ። ንዕብየት እቲ ተኽሊ ዝዕንቅጽ ዘበለ ኩሉ የልግሶ።

ኣብ መንፈሳዊ ዓለም'ውን ምጽልጻል ኣገዳሲ እዩ። መንፈሳዊ ምጽልጻል ብኣምላኽ ምእራም እዩ። መጽሓፍ ቅዱስ'ውን ተግሳጽ ኢሉ ይጽውዖ እዩ። ኣምላኽ ክጽልጽል ከሎ፣ ንመንፈሳዊ ዕብየትካ ዝዕንቅፍ ዘበለ ኩሉ ካብ ህይወትካ የርሕቆ። መንፈሳዊ ፍረ ንክትፈሪ እዚ መስርሕ ኣድላዩ እዩ፥

> *"ነቲ ኣባይ ዘሎ፡ ፍረ ዘይፈሪ ዘበለ ኾሉ ጨንፈር የርሕቖ። ነቲ ፍረ ዚፈሪ ዘበለ ጨንፈር ግና፡ ኣዝዩ ምእንቲ ኺፈሪ፡ የጽርዮ።" (ዮሃ 15፡2)*

ሓደ ሓደ ግዜ ረብሓ ናይ ምጽልጻል ኣይትዓጽዶን ኢኻ፣ ምኽንያቱ ምእንቲ ኽእርመካ [ክጽልጽለካ] ኢሉ ኣብ ህይወትካ ኩነታት ዘምጽእ ኣምላኽ ክነሱ ንሰይጣን ስለ ትነቅፎ እዩ። ዕላማ ምእራም ናይ ኣምላኽ ኣብ ሆሴ 6፡1 ተዋሂቡ ኣሎ፥

> *"ንሱ ቆደደ፣ ኪጥዕየና ኸኣ እዩ፣ ንሱ ወቕዔ፣ ኪዝንነና ድማ እዩ እሞ፣ ንዑናይ ናብ እግዚኣብሄር ንመለስ።" (ሆሴ 6፡1)*

መግናሕቲ ናይ ምጽልጻል፣ ናብ ኣምላኽ ምምላስ እዩ ዉጽኢቱ። ናብኡ ብምምላስካ ጥራይ እዩ ብመንፈስካ ኣፍራዩ እትኸውን።

## ክሊማ፥

ኣብ ባህርያዊ ዓለም ክሊማ ንኣታኽልቲ ኣገዳሲ እዩ። ኣብ ገለ ግዜያት ኣታኽልቲ ምእንቲ ክዓብዩ ተባሂሉ፣ ዉሱን ሙቐት ኣብ ዘለዎ ኣብ "ዉዑይ ገዛዉቲ" ዝተሰምዩ ህንጻታት ይቅመጡ እዮም። ካብቲ ኣብ ደገ ዘሎ ሓቐኛ ዓለም ይሕለዉ እዮም። ኣብ "ዉዑይ ገዛ" ዝዓበየ ተኽሊ ወሲድካ ናብ ደገ እንተ ኣግዒዝካዮ ፣ ቀልጢፉ እዩ ዝመዉት፣ ምኽንያቱ ኣብ ዝተደረተ ከባቢ እዩ ዝነብር ነይሩ። ንሃዋሁው ናይ ሓቐኛ ዓለም ክጻወሮ ኣይክእልን እዩ።

ብመንፈሳዊ ዓይኒ ክንርእዮ ከለና፣ ኣብ ቀዩድ ሃዋሁው ጽቡቕ ዝረኣዩ ምስ ሓቐኛ ዓለም ምስ ዝራኸቡ ክፈርዩ ዘይክእሉ ናይ "ዉዑይ ገዛ" ክርስትያናትት ኣየድልዩናን እዮም። እቲ ኣብ ህይወትካን ህይወት እቶም እትገልግሎም ዘለኻን ዝተዘርአ ዘርኢ ናይ ቃል ኣምላኽ ፣ ወላ'ውን ምስ ኣዝዩ ከቢድ መንፈሳዊ ክሊማ፣ ዕቤት ክፍሪ ኣለዎ።

### ንምጥቅላል

እዚ ምዕራፍ ንስትራቴጂታት ናይ መንፈሳዊ እቶት ምህርቲ ይድምድም። ገምጋም ናይቶም መትከላት ነዞም ዝስዕቡ መንፈሳዊ ተዛማድነታት ናይ ባህርያዊ ሓቅታት የግህድ፥

- ✓ ነፍሲ ወከፍ ተኽሊ ንክራባሕ ተኽእሎ ኣለዎ።
- ✓ ንኽትዓጽድ ምዝራእ ኣድላዩ እዩ።
- ✓ ኣብ ዝዘራእካሉ ወቕቲ ኣይኮንካን እትዓጽድ።
- ✓ ኩነታት ብዘየገድስ ክትዘርእ ኣለካ።
- ✓ ብዝዘራእካዮ መጠን ኢኻ እትዓጽድ።
- ✓ ኣብ ዘይትዓጽደሉ ክትዘርእ፣ ኣብ ዘይዘራእካዮ ከኣ ክትዓጽድ ትኽእል ኢኻ።
- ✓ እሙን እንተ ኮይንካ ነቲ እቶት ክትዓጽዶ ኢኻ።
- ✓ ምእንቲ ክፈሪ እቲ ዘርኢ ክመዉት ኣለዎ።
- ✓ ኣዝርእቲ ብግብረ-መልሲ ናይ ፍሉያት ደጋዊ ኩነታት እዮም ዝምዕብሉ።

ነዞም ስትራቴጂታት ተረዲእና እንተ ኣተግቢርናዮም ብርኩት ዝኾነ መንፈሳዊ እቶት እዩ ዝህልወና። ዝቅጽል ምዕራፍ ነቲ እቶት ምህርቲ ከመይ ገይርካ ከም እትዓጽዶ ክንርኢ ኢና።

## ርእሰ ገምጋም

1. **ነታ መሪሕ ጥቕሲ ካብ ዝኽርኻ ጽሓፍ።**

_______________________________________________

_______________________________________________

_______________________________________________

2. **ኣብዛ ምዕራፍ እዚኣ እተማህረ ናይ መወዳእታ መትከል እቶት ቀውዒ እንታይ እዩ ነይሩ፧**

_______________________________________________

3. **ኣብዚ ምዕራፍ ዝተዘተየሎምን ኣብ መንፈሳዊ ቀውዒ እተተግበረን ዓሰርተ ባህርያዊ ኩነታት ዕብየት ዘርዝር፤**

_______________________ _______________________

_______________________ _______________________

_______________________ _______________________

_______________________ _______________________

_______________________ _______________________

## ንዝያዳ መጽናዕቲ

**ኣብተን ዝሓለፉ ክልተ ምዕራፋት መንፈሳዊ ምምስሳል ባህርያዊ መትከላት ምዝራእን ምዕጻድን ተገሊጹ ኣሎ። የሱስ ኣብ ምሳሌ ዘራኢ ተመሳሳሊ መጽናዕቲ ኣቕረበ። ኣብ ማቴ** 13፡3-9 **ዘሎ ሰለስተ ጸብጻባት ናይዚ ምሳሌ ኣነጻጽሮ፤ ማር** 4፡3-20**፤ ከምኡውን ሉቃስ** 8፡5-15**።**

1. *መንፈሳዊ ምምስሳል ናይቲ ዝተዘርአ ባህርያዊ ዘርኢ እንታይ እዩ ነይሩ፧* (*ሉቃ* 8፡11)

______________________________________________________________________________

2. **ዝተፈላለዩ ዓይነታት ሓመድ** (ሰባት) **ንቓል ኣምላኽ ዝህብዎ ግብረ መልሲ ይውክል። እዚ ስዒቡ ዝቐርብ፣ ንዓይነታት ናይ ሓመድን ዉጽኢታት ምዝራእ እቲ ዘርእን፣ ዝገልጽ ቻርት ምልኣዮ ኢኹ፡**

**ዓይነት ሓመድ** **ውጽኢት ካብቲ ኣብዚ ሓመድ ዝተዘርአ ዘርኢ**

______________________________________________________________________________

______________________________________________________________________________

______________________________________________________________________________

3. **ሓደ ሰብ ነቲ ቃል ሰሚዑ ምስ ዘይርድኦ እንታይ ይኸውን፧** (*ማቴ* 13፡19)

______________________________________________________________________________

4. **ኣብ ከውሒ ዝተዘርአ ዘርኢ ክመውት ዝገብሮ እንታይ እዩ፧** (*ማቴ* 13፡20-21፣ *ሉቃ* 8፡6,13)

______________________________________________________________________________

5. **ምስቶም ነቲ ቃል ዝሓንቁ እሾኽ ዝመሳሰሉ ነገራት እንታይ እዮም፧** (*ማቴ* 13፡22፣ **ማር** 4፡18-19፣ *ሉቃ* 8፡14)

______________________________________________________________________________

6. **እቲ ቃል ብእሾኽ ክሕነቕ ከሎ እንታይ ይኸውን፧** (*ማቴ* 13፡22) **። እቲ ቃል** ____________________ **ይኸውን**

7. **እቲ ምስላ ኣብ ጽቡቕ መሬት ዘሎ ዘርኢ ምስ ዝዕጸድ ዝተፈላለየ ውጽኢት ከም ዘሎ ይሕብር ድዩ፧** (*ማቴ* 13:23)

__________________________________ **ውጽኢቱ እንታይ እዩ፧** __________________________________

8. **እቲ ኣብ ወሰን መንገዲ ዝወደቐ ዘርኢ እንታይ ኣጋጠሞ፧** (**ማር** 4:4፣ **ሉቃስ** 8:5)

______________________________________________________________________________

**ናይዚ *መንፈሳዊ ምምስሳል እንታይ እዩ፧***

(**ማር** 4፡15)__________________________________________ **ብኡንብኡ መጺኡ ነቲ ዝተዘርአ ቃል ይሓንቆ።**

9. **ከም ሰናይ መሬት ዝመሰሉ ልቢ ሰባት እንታይ ባህርያት ኣለዎም፧** (**ሉቃስ** 8:15) __________________ **ን** __________________________ **ሓደን ልብን ኣለዎም።**

10. **እቶም ከም ጽቡቕ ምድሪ ተመሲሎም ዘለዉ ዝሃብዎ ሰለስተ ግብረ-መልስታት እንታይ ነይሮም፧** (*ሉቃ* 8፡15)

11. **እዞም ዝተፈላለዩ ግብረ-መልስታት ንቓል ኣምላኽ፣ ንምቕባል መልእኽቲ ወንጌል ጥራይ ኣይኮኑን ዘመልክቱ። ኣምላኽ ኣብ ህይወትና ዝተኽሎ ዝኾነ ዓይነት ሓቂ ቃል ኣምላኽ'ውን የመልክቱ እዮም።**

***ራእይ እቶት ምህርቲ ኣብ ህይወትካ ተተኺሉ እዩ። ኣብ ጽቡቕ መንፈሳዊ መሬትዶ ተተኺሉ ኣሎ፧ ዉጽኢቱ እንታይ ክኸውን እዩ፧***

**ኣብ ጥቓ መገዲ ድዩ ወዲቑ ዘሎ፧ እዚ እንተኾይኑ፣ ኣብ ህይወትካ ቀዳማይ ዕላማ ስለ ዘይገበርካዮ እቲ ራእይ ብሰይጣን ተወሲዱ ኣሎ።**

**ኣብ ከዉሒ ምድሪ ድዩ ወዲቑ ዘሎ፧ ነቲ ራእይ ናይ እቶት ምህርቲ ብሓጎስ ተቐቢልካዮ ክትከውን ትኽእል ኢኻ፣ ግን ኣብ ልብኻ ሱር ኣይሰደደን ዘሎ። ከቢድ ግዜ ክመጽእ ከሎ ካብቲ ራእይ ትወድቕ። ኣብ መንጎ እሾኽ ድዩ ተተኺሉ ዘሎ፧ ብሓልዮታት፣ ሃብትታት፣ ጣዕምታትን ትምኒታትን ናይ ህይወት ኣዚኻ ዲኻ ትግደስ፧ ካብቲ ራእይ እዞም ምድራዊ ነገራት ኣዝዮም ድዮም ዘገድሱ፧ እዚ እንተኾይኑ፣ እቶት ምህርቲ ኣይክተምጽእን ኢኻ። ምግላጽ ናይቲ እቶት ምህርቲ ኣብ ጽቡቕ ምድሪ ወዲቑ ድዩ፧ ነቲ ራእይ ተቐቢልካዮን ክትዓቑሮን ዲኻ፧ እዚ እንተኾይኑ፣ ፍረ ክትፈርን ብመንፈስ ድማ ኣፍራዪ ክትከውን ኢኻ**

# ምስራፍ ሸሞንተ
# ብምግላጽ ምዕጻድ

### ዕላማታት፤

ነዚ ምዕራፍ ምስ ወዳእኩም ነዞም ዝስዕቡ ክትክእሉ ኢኹም፤

- ናይ ኣምላኽ ስነ-ኣገባብ ምርባሕ ክትገልጹ።
- ብምግላጽ ክትዓጽድ ዘኽእለካ መንፈሳዊ ንዋት ከተለሊ ምኽኣል።
- ንመንፈሳዊ ሓይሊ ምምኳር፣ ክንዮ በረኸት ምኻድ

### መሪሕ ጥቕሲ፤

> *“መንፈስ ቅዱስ ናባኻትኩም ምስ ዚወርድ ግና፡ ሓይሊ ኽትቕበሉ፡ ኣብ የሩሳሌምን ኣብ ኩላ ይሁዳን ኣብ ሰማርያን ክሳዕ ወሰን ምድሪ ምስክር ክትኰኑኒ ኢኹም፡ በሎም፡” (ግብ 1፡8)*

## መእተዊ

ንመንፈሳዊ ቀውዒ ዝኸውን እስትራተጂ ምፍላጥ ጥራይ እኹል ኣይኮነን። እንታይ ድኣ ኣገባባቱን መሳርሒታቱን ግድን ክትፈልጦም ኣለካ ። እቲ ኣገባባት ነቲ ዝተማሃርካዮም እስትራተጂ እትጥቀመሉ ሜላታት እዩ። ናይ እግዚኣብሄር ስራሕ ብናቱ መንገዲ ክትፍጽሞ ኣለካ። መገዱ መለኮታዊ ምግላጽ ኮይኑ ውጽኢቱ ድማ መንፈሳዊ ፍርያምነት እዩ።

> *“ንየማን ወይስ ንጸጋም እንተ ኣግለስኩም፡ ኣእዛንካ፡ እዚኣ እያ እታ መገዲ፡ ብእኣ ተመላለሱ፡ ዚብል ቃል ኣብ ድሕሬኻ ኺሰምዓ እየን። ንሱ ኸኣ ነቲ ኣብ ምድሪ ዝዘራእካዮ ዘርኢ ዝናም ኪህብ፡ ካብቲ ምድሪ ዚርከብ እንጌራ ድማ ጥዑምን ኣኽልታርፍን ኪኸውን እዩ…” (ኢሳ 30፡21,23)*

እዚ ድማ ብኣገባብ ሰብ ዘይኮነስ ካብ ኣምላኽ ብዝኾነ ብምግላጽ እዩ ዝዕጸድ።

## መጋቢ ናይቲ ምስጢር

ኣመንቲ "መገብቲ ምስጢራት ኣምላኽ" እዮም። መጋቢ ማለት ንኻልእ ወኪሉ ንሓደ ነገር ዝመርሕ ሰብ ማለት እዩ። ምስጢር ማለት ክኣ ካልኦት ዘይፈልጥዎ ነገራት ማለት እዩ። ኣምላኽ ተልእኾ ሂቡና እዩ ንሱ ድማ …

> *“እቲ ኣብቲ ኹሉ ዝፈጠረ ኣምላኽ ካብ ዘለኣለም ተሰዊሩ ዝነበረ ምስጢር መጋቢነትውን ከመይ ምዃኑ ንዅሎም ከብርሃሎም ተዋህበኒ። ኣምላኽ እታ ብዙሕ ዝዓይነታ ጥበብ ሕጂ በታ ማሕበር ገይሩ ነቶም ኣብ ሰማያት ዘለዉ ሸመታትን ስልጣናትን ምእንቲ ኼፍልጦም፡ ከምቲ ብክርስቶስ የሱስ ጐይታና ዝገበሮ ናይ ዘለኣለም ምኽሩ፡” (ኤፌ 3፡9-11)*

እግዚኣብሄር ንቤተ ክርስትያን ምስጢር ድሕነት ብየሱስ ክርስቶስ ገሊጹላ ኣሎ። እዚ ምስጢር እዚ ብመንገዲ ማሕበሩ ኣቢሉ ኣብ ሰማያት ንዘለዉ ኩሎም ይንገር ኣሎ፤

> *“ከምቲ ብእኡ ዝመደቦ ስምረቱ፡ ነቲ ምስጢር ፍቓዱ እናኣፍለጠና፡ ነቲ ናይ ምልኣት ዘመናት መጋቢነቱ፡ ኣብ ሰማይ ዘሎን ኣብ ምድሪ ዘሎን፡ ኣብ ክርስቶስ ምእንቲ ኺጥቕለልሲ፡ ብዅሉ ጥበብን ብዅሉ ኣእምሮን ነዚ ጸጋኡ ኣባና ኣውሓዞ።” (ኤፌ 1፡9-10*

ቤተ ክርስትያን ምስጢራት እግዚኣብሄር ንሓጥኣን ሰባት ዝግለጸላ መሳርሒት እያ። ተልእኾና ሓደ ካብቲ "ብምግላጽ ምዕጻድ" ዝብል እዩ።

## ዘርኢ ኮይኑ ዘገልግሎ

ባህርያዊ ዑደት ቀውዒ ኣብ መትከል ምብዛሕ ዝተመስረተ እዩ። እቲ ዘርኢ ተዘሪኡ እቶት ቀውዒ የፍሪ። ኣብ ውሽጢ ፍረ ናይቲ ቀውዒ ተወሳኺ ክፍሪ ዝኽእል ዘርኢ ኣሎ፤

*"እታ ምድሪ ሳዕርን ከከም ዓይነቱ ዘርኢ ዚህብ ብቝልን፡ ዘርኡ ኣብ ርእሱ ዘለዎ ፍረ ዚፈሪ ኣእዋም ከኣ ኣውጽኤት። ኣምላኽ ድማ ጸቡቕ ከም ዝኾነ ረአየ።" (ዘፍ 1፡12)*

እዞም ዘርኢ እዚኦም ክበዝሑን ካልእ ኣቶት ቀውዒ ከምጽኡን ይኽእሉ። እቲ ዑደት መወዳእታ የብሉን። ኣብዚ ባህርያዊ ዑደት እዚ ዓቢ መንፈሳዊ ሓቂ ኣሎ። የሱስ ብወንጌል ንዓለም ንምብጻሕ ዝብል ራእይ ንምግላጽ ነቲ እቶት ቀውዒ ዝተጠቕመሉ ሓደ ምኽንያት እዚ እዩ።

ከምቲ ነፍሲ ወከፍ እተዓጽደ እኽሊ ወይ ፍረ ኣብ ባህርያዊ ዓለም ናይ ምብዛሕ ዓቕሚ ዘለዎ፡ ኣብ መንፈሳዊ ዓለም እውን ከምኡ እዩ።

የሱስ ከም ዘርኢ ተጠቒሱ፤

*"ወሰን ምድሪ ኹሎም ንእግዚኣብሄር ኪዝክርዎን ኪምለሱዎን፣ ብዘለዉ ነገድ ኣህዛብውን ኣብ ቅድሜኻ ኪሰግዱ እዮም። ዘርኢ ኺግዝኣሉ፣ ንዚመጽእ ወለዶ ብዛዕባ እግዚኣብሄር ኬዘንትውሉ እዮም።" (መዝ 22፡27, 30)*

የሱስ ምእንቲ ሓጢኣት ኩሉ ወዲ ሰብ፡ ኣብ መስቀል ምስ ሞተ ዘርኢ ናይ ህይወቱ ሽዑ እዩ ተተኺሉ። ብዙሓት ካብ ሓጢኣት ናብ ምድሓን፡ ካብ ሞት ናብ ህይወት ስለ ዝተሰጋገሩ፡ ከመይ ዝበለ ሃብታም እቶት ቀውዒ መስለኩም ኣምጺኡ። ስለዚ ነፍሲ ወከፍ ዳግም ዝተወልደ ኣማኒ፡ ኣብ ባህርያዊ ዓለም ከም ዘርኢ እዩ። ኣብ ውሽጢ ነፍሲ ወከፍ ህይወት ኣማኒ ናይ ምብዛሕ ዓቕሚ ኣሎ። እዚ ኣብ ተፈጥሮኣውን መንፈሳውን ዓለም ሓቂ እዩ።

## ዓለም ተበጺሓ/ንዓልም ብወንጌል ገላቢጦምዋ

የሱስ ንሰዓብቱ ዝበድሃሉ ዓቢ ራእይ ንዓለም ተበጺሓ ክርኢ እዩ ነይሩ። ናይ ዓለም ግራውቲ ቀውዒ ኣብ ቅድሚኦም ተዘርጊሑ ክርኣዮም ከሎ፡ ንዕማሞም ዘኽእል ዘመናዊ ቴክኖሎጂ ከም ማሕተም፡ ሬድዮ፡ ተለቪዥንን ኮምፒዩተርን ኣይነበሮምን። ከም ኣውቶቡስ፡ መኪና፡ ባቡር፡ ነፋሪት ዝኣመሰለ ቅልጡፍ መጓዓዝያ ኣይነበሮምን። ምስናይዚ ግን ኣብ ሓጺር ግዜ ቃል ብቓሉ ንዓለም ብየሱስ ክርስቶስ ከም ዝገላበጥዋ መጽሓፍ ቅዱስ ይነግረና።

*"ምስ ሰኣንዎም ግና፡ ንያሶንን ንሓያሎ ኻብ ኣሕዋትን ናብቶም መኳንንቲ እታ ኸተማ ስሒቦም፡ እዞም ንኹሉ ዓለም ዘናዕበሰ ናብዚ ኸኣ መጺኦም፡" (ግብ 17፡6}*

ነቲ ራእይ ዝፍጽምዎ፡ ነቲ ኣምላኽ ዝጥቀመሉ ኣገባብ ምብዛሕ ዝርድኡን ብመንፈሳዊ መንገዲ ከመይ ጌሮም ከም ዝዓጽዱ ዝፈልጡን ሰባት እዮም።

ኣብ መላእ ዓለም ዝኣኽለ መንፈሳዊ ግራት ቀውዒ ኣሎ፡ ዘመናዊ ቴክኖሎጂ እናሃለወ ነፍሳት ግን ይጠፍኣ ኣለዋ። እቲ ምኽንያት ብዙሓት ኣብ ራእይ ቀውዒ ዝዓጽድሉ ኣገባብን መሳርሒን ስለዘይተረድኦም እዩ።

## እቲ ኣገባብ

ዘመናውያን ኣብያተ ክርስትያናት ወንጌል ንምዝርጋሕን ኣባልነት ቤተ ክርስትያን ንምዕባይን ብዙሕ ሜላታት ፈቲነን እየን። ንህዝቢ ንምስሓብ ውድድራትን ሸልማትን ፍሉይ መደባትን ተጠቒሞም እዮም። መንፈሳዊ ዕዮ ንምፍጻም ኣብ ዝጽዕሩሉ እዋን ብዙሕ ሰብ ዝሰርሖ መደባት ከይተረፈ ተጠቒሞም እዮም። መንፈሳዊ ስራሕ ብመንፈሳዊ ኣገባብ እዩ ዝፍጸም። ክውን ክኸውን ዝገብሮ ሜላ ከይሃበ እግዚኣብሄር ንሰዓብቱ ከምዚ ዝበለ ዓቢ ራእይ ክፍጽሙ ኣይምገደፎምን።

እቲ ኣገባብ ኣብ ባህርያዊ ምምስሳል ናይቲ ናይ ምብዛሕ ዓቕሚ ዘለዎ ፍረ ቀውዒ ክርአ ይከኣል። ኣብ 2ይ ጢሞ 2፡2 ብጥቕሉሉ ተገሊጹ ኣሎ፤

*"እዚ ኣብ ቅድሚ ብዙሓት ምስክር ካባይ ዝሰማዕካዮ ድማ ንኻልኦት ኪምህሩ ንዚክኣሎም እሙናት ሰብ ሕድሪ ሃቦም።" (2ጢሞ 2፡2)*

ዓለም በቶም ዓሰርተ ሓደ ደቀ መዛሙርቲ የሱስ ክርስቶስ ጥራይ ኣይኮነትን ተበጺሓ። ነፍሲ ወከፍ ኣማኒ ሽዑ ዝነበረ ዝራባሕ እዩ ነይሩ። ዓለም ኣብዚ ሕጂ እዋን፣ በቶም ሞያዉያን ሰበኽትን ኣገልገልትን ጥራይ ኩቶ ኣይትብጻሕን እያ። ንሶም እኹላት ኣይኮኑን። ተሰዓን ትሸዓተን ሚእታዊት ናይ ቤተ-ክርስትያን ጭዋታት/ተራ ሰባት/ እዮም። ስለዚ ንሰለስተ ቢልዮን ነፍሳት ናብ የሱስ ክርስቶስ ከነምጽኦም እንተኾይና፣ እዚ ዓቅሚ ሰብ እዚ እዩ ከለዓዓል ዘለዎ።

ኣንጻር እታ መጀመርታ ማሕበር ኣብ የሩሳሌም ዝነበረት ዓቢ መከራ ከም ዝመጽአ፣ መጽሓፍ ቅዱስ ይነግረና፦

*"...ብዘይ ሃዋርያት ከኣ ኩሎም ናብ ሃገር ይሁዳን ሰማርያን ተበተኑ። . . . እቶም እተበተኑ ግና ቃል ወንጌል እናንገሩ ዞሩ።" (ግብ 8፡1, 4)*

እቶም መራሕቲ ቤተ ክርስትያንን ናይ ምሉእ ግዜ ኣገልገልትን ዝነበሩ ሃዋርያት ኣብ ኢየሩሳሌም ተረፉ። እቶም ፋሕ ኢሎም ዝነበሩ ኣመንቲ እዮም ኣብ ኩሉ ዝሸዱዎ ቃል ወንጌል እናሰበኹ ዝሽዱ። ነፍሲ ወከፍ ኣማኒ ካልኦት ኣመንቲ እንዳኣፍረየን ኣብ መንግስቲ ኣምላኽ ከኣ ደቂ-መዛሙርቲ ይገብሮም ነበረ። እቶም ፋሕ ዝበሉ ስርሖም ገፊፍቲ ዓሳ፣ ሰራሕቲ ድንኳንን፡ ሰፈይትን እዮም ነይሮም፣ ግን ቀንዲ ዉራዮም ምዝርጋሕ መልእኽቲ ወንጌል እዩ ነይሩ።

ሳዉል ነታ ቀዳመይቲ ቤተ ክርስትያን ክሳድዳ ከሎ፡ ንኣመንቲ ንምእሳር ናብ ኣብያተ መቕደስ ጥራይ ዘይኮነስ ናብ "ነፍሲ ወከፍ ቤት" ከም ዝኣተወ ተጻሒፉ ኣሎ (ግብ 8፡3) ። እዚ ዝኾነሉ ምኽንያት ድማ ነፍሲ ወከፍ ቤት፡ ማእከል መንፈሳዊ እቶት ቀውዒ ስለ ዝነበረት እዩ። ኩሉ ኣማኒ እናባዝሐ ምስ ዝኸይድ፡ ነፍሲ ወከፍ ገዛ ኸኣ ማእከል ስብከተ ወንጌል ምስ እትኸውንን፡ ንማዕጾ ቤተ ክርስትያን ዓጺኻ ንምስፍሕፋሕ ወንጌል ደው ከተብሎ ፍጺም ኣይምተኻእለን።

ከምቲ ኣብታ ቀዳመይቲ ቤተ ክርስትያን ዝነበረ ኩሉ ኣማኒ ዝባዛሕ ዝነበረ፡ ከምኡውን ነፍሲ ወከፍ ገዛ ፍሉይ ተልእኾ እዩ ነይርዋ ። ንኣብነት ኣብ ኣባይቲ ኣመንቲ እዞም ዝሰዕቡ ፍጻመታት ተኸናዊኑ፤

- ግብሪ ሃዋርያት 2፡1,46፡ ምውራድ መንፈስ ቅዱስ ኣብ ላዕለዋይ ክፍሊ ናይ ሓደ ቤት መጺ። ድሕሪ ምውራድ መንፈስ ቅዱስ፡ ኣመንቲ መዓልታዊ ኣብ ኣባይቲ ይእከቡ ነይሮም።
- ግብሪ ሃዋርያት 9፡11,17፡ ሃናንያ ናብ ቤት ይሁዳ ከይዱ ንጳውሎስ ኣገልገሎ። ብመንገዱ ድማ ወንጌል ናብ ኣህዛብ ክዝርጋሕ ምኽንያት ኮይኑ።
- ግብሪ ሃዋርያት 10-11፡ ጴጥሮስ ኣብ ሓደ ገዛ እናጸለየ ከሎ ምግላጽ ተቐበለ፡ በዚ ድማ ወንጌል ናብ ኣህዛብ ከም ዝዝርጋሕ ባይታ ተረኽበ።
- ግብሪ ሃዋርያት 12፡12, 16፡15, 21-24, 40፡ ናይ ኣመንቲ ናይ ጸሎት ኣኼባታት ኣብ ቤት ማርያም፡ ሊድያ፡ ያእሮዮስ ይካየድ ነበረ።
- ግብሪ ሃዋርያት 20፡20፡ ጳውሎስ ኣብ ኣደባባይ ጥራይ ዘይኮነስ ኣብ ኣባይቲ እውን ይምህር ነይሩ።
- ግብሪ ሃዋርያት 21፡8-14፡ ትንቢታዊ ምግላጽ ንጳውሎስ ኣብ ቤት ፊልጾስ ተዋሂቡዎ።
- ግብሪ ሃዋርያት 28፡30-31፡ ጳውሎስ ኣብ ዝተኻረያ ገዛ ይሰብኽን ይምህርን ነበረ።
- ሮሜ 16፡5፤ 1ይ ቆሮ 16፡15,19፤ ቆሎሴ 4፡15፤ ፊልሞን 2፡ ኣብ ኣባይቲ ፕሪስኪላን ኣኪላን፡ እስጢፋኖስ፡ ኒምፋስን ኣርኪጶስን ዝርከባ ኣባይቲ፡ ማሕበራት ከምዝነበራ ክንውከስ ንኽእል።

ኣብዚ ከም እንርእዮ ነፍሲ ወከፍ ገዛ ማእከል መንፈሳዊ ምብዛሕ እያ ነይራ። ኩሉ ኣማኒ ኸኣ ይባዝሕ ነይሩ።

ቤትካ ብቐጻሊ ካብ መጥቃዕቲ ጸላኢ እትከላኸለሉ ማእከል ዕርዲ መንፈሳዊ ውግእ ክትከውን ኣይኮነን። እንታይ ድኣ ቤትካስ መልእኽቲ ወንጌል ዝንገረላ ንዕርዲ ጸላኢ ብመንፈሳዊ ስልቲ ውግእ ተጥቅዓላ እያ ክትከውን ዘለዋ።

## ሓደ ንሓደ ኽበጽሕ ምሃር

እዚ ኣገባብ ቀሊል እዩ፡ ነፍሲ ወከፍ ኣማኒ ንካልኦት ክምህሩ ዝኽእሉ እሙናት ሰባት እንዳመሃረ፣ ካልኦት ኣመንቲ የፍሪ። ልክዕ ከም ኣብ ባህርያዊ ኣብነት ናይ እቶት ምህርቲ፣ እቲ ዓንኬል ዘየቋርጽ እዩ። ዉጽኢት ናይዚ መደብ ግን፣ እታ መጀመርታ ማሕበር ብመልእኽቲ ወንጌል ከመይ ገይራ "ንዓለም ከምዘናዓበታ" ፣ ንኽትርዳእ ቀሊል ይገብሮ።

ኣብ ታሕቲ ዘሎ ቻርት ተመልከት። እዚ ቻርት፣ ንሓደ ሰብ ብወንጌል ክትበጽሖን ኣፍራዪ ክርስትያን ክኸውን ከኣ ንኸተሰልጥኖን ምእንቲ፡ ናይ ሓደ ዓመት ግዜ ከም ዝወስደልካ ይምገት። ኣብ ክዉንነት መጺኡካ፣ እቲ መስርሕ ኣብቶም ተሳተፊቲ ሰባት ምርኩስ ብምግባር ዝነዉሐ ወይ ዝሓጸረ ግዜ ክወስድ ይኽእል።

እንተኾነ ንሓደ ዓመት ከም መገምገሚ ግዜ እንተ ተጠቒምናሉ፣ ሓደ ኣማኒ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ዓመት ንሓደ ሰብ ጥራይ እንተ መስከረሉ፡ ወደ-መዝሙር ክስዕ ዝኸውን ከኣ እንተ ኣሰልጠኖ፣ ካብኡ ዝቕጽል ነፍሲ ወከፍ ዓመት ከኣ ንሓደ ሰብ ከም ወደ-መዝሙር ክሰልጥን እንተ ኣመባጽዩ፣ ዓለም ብመልእኽቲ ወንጌል ብቐሊሉ ክትብጻሕ ትኽእል እያ። እቲ ቻርት ከምዘርእዮ ኣብ መጀመርታ ዓመት እቲ ክርስትያን ንሓደ ሰብ እዩ ዘሰልጥን። ኣብ መወዳእታ እታ ዓመት ክልተ እሙናት ሰባት ኣለዉ (እቲ ኣማኒን እቲ ዘሰልጠኖ ሰብን) ።

ኣብቲ ዝቕጽል ዓመት፣ ነፍሲ ወከፎም ንሓደ ሰብ ይምስክሩ። ኣብ መወዳእታ እቲ ካልኣይ ዓመት ብጠቕላላ ኣርባዕተ ሰባት ኣለዉ፣ ነፍሲ ወከፎም ኣብ ዝቕጽል ዓመት ንሓደ ሰብ ይምስክሩ። ነቲ ላዕለዋይ ተርታ ናይ'ቲ ሰሌዳ ተመልከት፣ ኣብ መድረኽ ናይ ዓመታት ድማ ነቲ መስርሕ እንተተኸተልናዮ ዉጽኢቱ ተዓዘቦ።

ኣባል ናይ ሓንቲ ኣብ ከባቢኻ ዘላ ማሕበር እንተኾንካ፣ ጠቕላላ ቁጽሪ ኣባላት ማሕበርካ ዉሰድ፡ ነቲ ቁጽሪ ድማ ብ 131,072 ኣርብሓዮ። እቲ እትረኽቦ መልሲ ቁጽሪ ናይቶም ኣብ ዝመጽእ 17 ዓመት፣ ነፍሲ ወከፍ ኣባል የፍሪ እንተሃልዩ፣ ማሕበርካ ክትረኽቦ እትኽእል እቶት ናይ ሰባት እዩ።

| **ዓመታት** | **ኣሰልጠንቲ** | **ደልጢኖም ዘሰልጥኑ** | | **ድምር** |
|---|---|---|---|---|
| **ዓመት** 17 | 65,536 | 65,536 | = | 131,072 |
| **ዓመት** 16 | 32,768 | 32,768 | = | 65,536 |
| **ዓመት** 15 | 16,384 | 16,384 | = | 32,768 |
| **ዓመት** 14 | 8,192 | 8,192 | = | 16,384 |
| **ዓመት** 13 | 4,096 | 4,096 | = | 8,192 |
| **ዓመት** 12 | 2,048 | 2,048 | = | 4,096 |
| **ዓመት** 11 | 1,024 | 1,024 | = | 2,048 |
| **ዓመት** 10 | 512 | 512 | = | 1,024 |
| **ዓመት** 9 | 256 | 256 | = | 512 |
| **ዓመት** 8 | 128 | 128 | = | 256 |
| **ዓመት** 7 | 64 | 64 | = | 128 |
| **ዓመት** 6 | 32 | 32 | = | 64 |
| **ዓመት** 5 | 16 | 16 | = | 32 |
| **ዓመት** 4 | 8 | 8 | = | 16 |
| **ዓመት** 3 | 4 | 4 | = | 8 |
| **ዓመት** 2 | 2 | 2 | = | 4 |
| **ዓመት** 1 | 1 | 1 | = | 2 |

**እግዚኣብሄር ፍቓዱ ንምፍጻም ኩሉ ግዜ ደቂ ተባዕትዮን ደቂ ኣንስትዮን ይጥቀም እዩ። እግዚኣብሄር ዝጥቀመሉ ኣገባብ ዓጺድ ዓየይቲ ሰባት ይሓትት እዩ። ሰብ ዝሓሸ ሜላ ይደሊ፡ ኣምላኽ ግን ዝሓሹ ሰባት እዩ ዝደሊ። ዓለም ብቑዓት ሰባት ወሲዳ ባህርያታ ክትህቦም ትፍትን። እግዚኣብሄር ግን እሙናት ሰባት ጥራይ ውሰድ ይብል፣ ኣነ ናብ ብቑዓት ሰባት ክቕይሮም እየ ይብል። ከም መጋቢ ምስጢራት ኣምላኽ መጠን እሙን ምዃን ጥራይ እዩ ዝድለ፤**

***"ከምኡ'ኸ ሰብ ንኣና ኸም ኣገልገልቲ ክርስቶስን ከም መገብቲ ምስጢር ኣምላኽን ደአ ይቝጸሩና። ምስናይ እዚ ኸኣ ብመገብቲ ነፍሲ ወከፍ እሙን ኰይኑ ኺርከብ የድሊ እዩ።" (1ቆረ 4፡1-2)***

**ምሁር ወይ ኪኢላ ኮይንካ ክትርከብ ብዙሕ ኣገዳሲ ኣይኮነን፡ እሙን ምዃን ጥራይ እዩ ዝድለ።**

**እሙናት ደቂ ተባዕትዮን ደቂ ኣንስትዮን ንኻልኦት ከምኦም ዝኣመሰሉ ክምህሩን ከመሓላልፉን ዝኽእሉ ሰባት ብምፍራይ ጥራይ እዩ ኣምላኽ ዝጥቀመሉ ኣገባብ ብርኩት እቶት ቀውዒ ዝህሉ።**

## እቲ መሳርሒ

**ኣብ ባህርያዊ ዓለም ስትራተጂታት ቀውዒን ኣገባባት ኣጠቓቕማን እዞም ስትራተጂታት ጥራሕ ዘይኮነስ ንመኣከቢ ዝኸውን መሳርሒታት እውን ኣሎ። እቶም መሳርሒታት ካብ ቀሊል ማዕጺድ ክሳብ ዝተሓላለኹ ማሽነሪታት ዝተፈላየዩ ክኾኑ ይኽእሉ።**

**ኣምላኽ ንመንፈሳዊ ቀውዒ ዚኸውን መሳርሒ እውን ኣዳልዩ እዩ። የሱስ ከምዚ በለ።**

***"...ኣብ ሰማይን ኣብ ምድርን ኵሉ ስልጣን ተዋሂቡኒ ኣሎ። ስለዚ ኺዱ ንዅሎም ኣህዛብ ...ዝኣዘዝኩኹም ኵሉ ኺሕልዉ ኸኣ እናመሃርኩም፡ ደቀ መዛሙርቲ ግበርዎም። እንሆ ድማ፡ ኣነ ኽሳዕ መወዳእታ ዓለም ኵሉ መዓልቲ ምሳኻትኩም እየ።" (ማቴ 28፡18-20)***

**ኣብዚ ክፍሊ እዚ "ኩሎም" ዝብል ቃል ኣርባዕተ ኣገደስቲ መወከሲታት ኣለዉዎ። ኣመንቲ ድማ ከምዚ ክገብሩ ተኣዚዞም፤**

- **ንኹሎም ኣህዛብ ክምህሩ**
- **ዝተኣዘዝዎ ኩሉ ነገራት**

**እዞም ክልተ ግቡኣት ናትና ሓላፍነት እዮም። ጽማቕ ራእይ ዓጺድ ቀውዒ'ውን እዮም። ናይ እግዚኣብሄር ሓላፍነት ከኣ፤**

- **ዕማምና ንምኽኣል ኩሉ ሓይሊ ምሃብ።**
- **ኩሉ ግዜ ምሳና ክኸውን** (ALL the way) **።**

**የሱስ ንደቀ መዛሙርቱ ከምዚ በሎም፤**

***"መንፈስ ቅዱስ ናባኻትኩም ምስ ዚወርድ ግና፡ ሓይሊ ኽትቅበሉ፡ ኣብ የሩሳሌምን ኣብ ኩላ ይሁዳን ኣብ ሰማርያን ክሳዕ ወሰን ምድሪ ምስክር ክትኰኑኒ ኢኹም።" (ግብ 1፡8)***

**ናይ መንፈስ ቅዱስ ሓይሊ፡ የሱስ ንሰዓብቱ ሓላፍነት ራእይ እቶት ቀውዒ ንኽፍጽሙ ዝሃቦም መሳርሒ እዩ ነይሩ። እቲ ኣገባብ ምብዛሕ ኣድማዒ ንኽኸውን ብመንፈስ ቅዱስ ሓይሊ ክወሃቦም ኣለዎ።**

**ብዙሓት በረኸት መንፈስ ቅዱስ ምስ ረኸቡ። ቀብኣት ይሰምዖም፣ ይሕጉሱ፣ ብኻልእ ቋንቋ ይዛረቡ። እቲ ሓቀኛ መርትዖ መንፈስ ቅዱስ ግን በረኸት ወይ ብዘይተፈልጠ ቋንቋ ምዝራብ ጥራይ ኣይኮነን። እቲ ሓቀኛ መርትዖ ሓይሊ መንፈስ ቅዱስ እዩ። እዚ ስልጣን እዚ ፖለቲካዊ ሓይሊ ወይ ኣካላዊ ሓይሊ ኣይኮነን። መንፈሳዊ ሓይሊ እዩ።**

**በረኸት መንፈስ ቅዱስ ጥራይ ብምስትምቓር ክትዓግብ የብልካን። ። ሕልፊ እቲ በረኸታት ናብ ምግላጽ ሓይሊ ኣምላኽ ክትከይድ ኣለካ።**

## ኣንፈት ዘለዎ ሓይሊ

**ኣንፈት ዘይብሉ ሓይሊ ሓደገኛ እዩ። እቲ ማይን ጸዓትን ክህብ ዝኽእል ሓያል ዋሕዚ መንጫዕጫዕታ ማይ ብግቡእ እንተዘይተገዲቡ ንሓደ ምሉእ ሕብረተሰብ ከጥፍኦ ይኽእል እዩ።**

**እቲ የሱስ ንሰዓብቱ ዝሃቦም ሓይሊ፡ ናብቲ ንዓለም ምስክር ክኾኑ ዘኽእሎም ሓይሊ ዝቐንዐ እዩ ነይሩ። እዚ ማለት ነቲ ዝርኣይዎ ራእይ ንምፍጻም ክጥቀሙሉ ዘለዎም መሳርሒ ማለትና እዩ።**

**ምንጪ ናይዚ ሓይሊ እግዚኣብሄር እዩ፤**

*"ስልጣን ናይ ኣምላኽ ምዃኑ፣ ኣምላኽ ሓንሳእ ተዛረበ፣ ክልተ ሳዕ ሰማዕክዎ።"* (መዝ 62፡11)

**ኣመንቲ ነዚ ሓይሊ እዚ ክቕበሉ ተኣዚዞም'ዮም፤**

*"...ንስኻትኩም ግና ካብ ላዕሊ ሓይሊ ኽሳዕ እትለብሱ"* (ሉቃ 24፡49)

**"እትለብሱ" ዝብል ቃል ሓይሊ ምልባስ ማለት እዩ። ኣምላኽ ንዓለም ምስክር ክትከውን ክኽእለካ ብሓይሉ ብመንፈስ ክሽፍነካ ይደሊ።**

## ዕላማ ስልጣን/ሓይሊ

**ሓይሊ መንፈስ ቅዱስ ኣድማዒ ምስክር ንኽትከውን ኣድላዪ እዩ፡ ምኽንያቱ ቃል ሓይሊ ስለ ዝኾነ፤**

**ሓይሉ ነቲ እትዛረቦ ቃላት ወሲዱ ውጽኢታዊ ስለዝገብሮ፡-**

*"ዘረባኡ ብስልጣን ስለ ዝነበረ...ኵሎም ሰምበዱ፡ ንሓድሕዶም ከኣ፥ እዚ ነገርዚስ እንታይ እዩ፧ ንርኹሳት መናፍስቲ ብሓይልን ስልጣንን ይእዝዞም እሞ፡ ይወጹ፡ እናበሉ ተዛራረቡ።" (ሉቃ 4፡32,36)*

**ሓይሉ ነቲ ቃል የረጋግጾ፤**

*"ንሳቶም ድማ ወጺኦም ኣብ ኵሉ ሰበኹ። ጐይታ ምሳታቶም ይገብር፡ ነቲ ቓልውን ብዚስዕብ ተኣምራት የጽንዖ ነበረ" (ማር 16፡20)*

**እግዚኣብሄር ንቃሉ ብዝስዕብ ትኣምራት የረጋግጾ። ቅድሚ ቃል ኣምላኽ ምክፋል ምጅማርካ ተኣምራታዊ ምልክታት ክትጽበ ኣይትኽእልን ኢኻ። ቃሉ ምክፋል ክትጅምር ኣለኻ፡ ድሕሪኡ ንሱ ነቲ ዝተዛረብካዮ ቃላት ከረጋግጽ ምሳኻ ክሰርሕ እዩ።**

**ነፍሲ ወከፍ ኣማንን ነፍሲ ወከፍ ሰባኽን ኣብ ኣገልግሎቱ፡ እናኸደ ክምስክር ከሎ እቲ ቃል ብዝስዕብ ትእምርትን ተኣምራትን ክስነ ከሎ እንተዝርኢ፡ ኣብ ዝርገሐ ወንጌል ዝህልዎ ጽልዋ ክንድምናታይ ክኸውን ከምዝኽእል ሕሰብ!**

**እዚ ሓይሊ እዚ ነዞም ዝስዕቡ ክገብር ይኽእል፤-**

**ፈውሲ የምጽእ፤**

**ምእንቲ ክትፍስ ሓይሉ ምሳኻ ክኸውን እዩ፡**

*"...ሓይሊ እግዚኣብሄር ንምሕዋይ ምስኡ ነበረ።" (ሉቃ 5፡17)*

**ምንጋፍ የምጽእ፡**

**ናብ ግራሁ እቶት ምህርቲ ዓለም ክትዓጽድ ምስ እትወፍር፣ ሓይሊ ኣምላኽ ነቲ ዝሳቐ ዘሎ ፍጥረት ሰብ ምንጋፍ የምጽእ፡**

*"ንዓሰርተው ክልተ ደቀ መዛሙርቱ ጸዊዑ፡ ንርኹሳት መናፍስቲ ኺውጽእዎምን ንብዘሎ ሕማምን ድናስን ኪሕውዩን ስልጣን ሀቦም። (ማቴ 10፡1)*

**ሓለዋ ይህብ፡**

**ንኣምላኽ ኣብ እትዓየሉ፣ ሓይሊ ኣምላኽ ይሕልወካ እዩ፡**

*"እንሆ፡ ተመንን ዕንቅርቢትን ኵሉ ሓይሊ ጸላእን ክትረግጹ ስልጣን ሂበኩም ኣሎኹ፡ ዚጐድኣኩም ከኣ የልቦን።" (ሉቃ 10፡19)*

**ግብራውነት ወንጌል የረጋግጽ፤**

"ምርግጋጽ" ማለት ንሓደ ነገር ጭብጢ ምቅራብ ማለት እዩ። ሓይሊ ናይ መንፈስ ቅዱስ ንሓቅነት ቃል ኣምላኽ የረጋግጽ እዩ፡

*"ብዙሓት ህዝቢ ኸኣ፡ ኣብ ሕሙማት ዝገበሮ ተኣምራት ርእዮም ነበሩ እሞ፡ ሰዓብዎ።" (ዮሃ 6፡2)*

እቲ ሓያል ተኣምራታት ናይ የሱስ እዩ ሰባት ናብኡ ክመጹ ገይርዎም።

ሰባት ብመገዲ ጥርኑፍ ሃይማኖት፣ ወይ ሓደ ዓቢ መዳሪ ሰብ ኣይኮኑን ናብ ወንጌል ዝሰሓቡ። ንሓይሊ ናይቲ ህያዉ ኣምላኽ ብግብሪ ብምርኣይ እዮም ዝመጹ።

**ንሰባት ናብ ኣምላኽ ይመርሖም፤**

ጳዉሎስ ከምዚ ኢሉ ጽሒፉ ኣሎ፡

*"እምነትኩም ብስልጣን ኣምላኽ እምበር፡ ብጥበብ ሰብ ምእንቲ ኸይትሰረትሲ፡ ዘረባይን ስበከተይን ድማ ብምርዳእ መንፈስን ስልጣንን እምበር፡ ብዘሰድዕ ዘረባ ጥበብ ኣይነበረን።" (1ቆረ 2፡4,5)*

ጳዉሎስ ጽቡቕ ትምህርቲ ነይርዎ እዩ፡ ብጥበብ ሰብ ድማ ክዛረብ ይኽእል ነይሩ። እንተኾነ ግን ኣብ ሓይሊ ኣምላኽን ምግላጽ መንፈስ ቅዱስን እዩ ዘገልግል ነይሩ።

እቲ ምኽንያቱ እንታይ እዩ ነይሩ፤ እምነት ናይ ሰባት ኣብ ሓይሊ ኣምላኽ እምበር ኣብ ጥበብ ናይ ሰባት ክትሙርከስ የብላን።

## ኩሉ ሓይሊ

የሱስ ከምዚ ኢሉ ኣሎ፡

*"እንሆ...ኵሉ ሓይሊ ጸላእን ክትረግጹ ስልጣን ሂበኩም ኣሎኹ...።" (ሉቃ 10፡19)*

ኩሉ ሓይሊ ንየሱስ ተዋሂብዎ እዩ (ማቴ 28፡18)። ብመንፈስ ቅዱስ ኣቢሉ እቲ ሓይሊ ንኣመንቲ ኣወኪልዎም እዩ። ናብ ግራሁ እቶት ምህርቲ ኣብ እትኣትወሉ፣ ኣገባብካ ምርባሕ እዩ። መሳረሒኻ ድማ ሓይሊ እዩ።

## ነቲ ሓይሊ ምዉናን

ኣብ ነፍሲ ወከፍ ተሰፋ ናይ ኣምላኽ ክልተ ክፋላት ኣለዋ፡ ነቲ ተሰፋን ምዉናን እቲ ተሰፋን።

የሱስ 'ኩሉ ሓይሊ' ኢሉ ተሰፋ ሂቡ እዩ። ሓላፍነትካ ዋንነት ናይዚ ሓይሊ ምቅባል እዩ። እዚ ክትገብር ነዞም ዝስዕቡ ክተስተብህል ኣለካ፡

## ንሕጂ ምዃኑ ኣለልዮ፡

ኣብ ወንጌል ዮሃንስ 11 የሱስ ንኣልኣዛር ካብ ሞት ከተንስኦ ምስ መጸ፣ ማርታ ረኺባ እዚ ዝስዕብ ኢላቶ፡

*" ...ጐይታይ፡ ኣብዚ እንተ ትነብርሲ ግዲ፡ ሐወይ ኣይምሞተን ነይሩ፤" (ዮሃ 11፡21)*

መልሲ የሱስ፡

*" ...ሓውኺ ኺትንስእ እዩ፡ በላ።" (ዮሃ 11፡23)*

ማርታ ደጊማ፡

*"በታ ዳሕረይቲ መዓልቲ ብትንሳኤ ኸም ዚትንስእሲ፡ እፈልጥ አሎኹ፡ በለቶ።" (ዮሃ 11፡24)*

ብድሕሪኡ የሱስ ሓያል መትከል ብዝሓቐፈ መግለጺ እዩ መሊሱላ፡

*"...ትንሳኤን ህይወትን ኣነ እየ። እቲ ብኣይ ዝኣምን እንተ ሞተ እኳ፡ ብህይወት ኪነብር እዩ።" (ዮሃ 11፡25)*

ማርታ፣ የሱስ ኣቐዲሙ ኣብ ግዚኡ መጺኡ እንተዝነብር፣ ሓዋ ከም ዝሓዊ እያ ኣሚና ነይራ። ሓዋ ኣብ ናይ መጻኢ ትንሳኤ ክትንስእ ከም ዝኽእል ድማ እያ ትኣምን ነይራ።

እንተኾነ ግን የሱስ ንማርታ ክምልሰላ ከሎ "ኣነ" ዝብል ቃል ምስ ተጠቐመ ሓደ ኣገዳሲ ሓቂ እዩ ዝገልጽ ነይሩ። ናይ ሕሉፍ መዓልቲ ወይ ናይ መጻኢ መዓልቲ ተኣምራት ዝበሃል ነገር የለን። ኣብ ነፍሲ ወከፍ ዘመን ንድሌታት ናይ ህዝቢ ከማልእ ዝክእል ሓይሊ ኣሎ። ኣብ ነፍሲ ወከፍ ዘመን ኣምላኽ (እቲ ዘለኹ'የ) ነቲ ድሌታት ክቕርብ እኹል እዩ። "ማርታ ሎሚ ናይ ተኣምራት መዓልቲ እያ። ኣነ (ህልዉ ግዜ) ትንሳኤን ህይወትን እየ።"

ገሊኦም ኣለዉ ተኣምራት ዝግበረላ ግዜ ሓሊፉ እያ ዝብሉ። ንሓይሊ ናይ መንፈስ ቅዱስ ኣይቅበልዎን እዮም። ነዞም ከምዚ ዝበሉ መጽሓፍ ቅዱስ ኢሉ የጠንቅቕ ...

*"እቶም መልክዕ ኣምልኾ ዘለዎም፡ ነቲ ሓይሉ ግና ዚኽሕድዎ...ካብ እዚኣቶምውን ርሐቕ።" (2ጢሞ 3፡5)*

ኣብ ካልእ ትርጉም ናይ መጽሓፍ ቅዱስ ብኸምዚ ተርጒምዎ ኣሎ፣ መልክዕ ኣምላኾ ዘለዎም ግን "ነቲ ሓይሉ ዓኖት ዝኾኑ"።

ከምታ የሱስ ዝረገማ ኦም በለስ እዮም። ደጋዊ ምስሊ ናይ ፍርሃት ኣምላኽ ኣለዎም፡ ፍርያምነት ግን የለን። ልክዕ ከምታ ኦም በለስ ፍረ ንምፍራይ ዋሕዚ መርዋ /ማይ/ ዘይነበራ፣ ዋሕዚ ሓይሊ ኣምላኽ የብሎምን፡ ብመንፈስ ከኣ ኣፍረይቲ ኣይኮኑን።

## ነቲ ምንጪ ተረዳእዮ፡

ምንጪ ናይቲ ሓይሊ ኣምላኽ እዩ፡

*"እቲ ጉንዲ ወይኒ ኣነ እየ፡ ጨናፍር ከኣ ንስኻትኩም ኢኹም፡ ብጀካይ ሓንቲ እኳ ኽትገብሩ ኣይትኽእሉን ኢኹም እሞ፡ እቲ ኣባይ ዚጸንዕ ኣነውን ኣብኡ፡ ንሱ እዩ ብዙሕ ፍረ ዘፈሪ። ኣባይ እንተ ጸናዕኩም፡ ቃለይውን ኣባኻትኩም እንተ ሐደረ፡ እትደልይዎ ዘበለ ትልምኑ እሞ ይኹነልኩም።" (ዮሃ 15፡5,7)*

ንስኻ እቲ ጨንፈር ኢኻ። የሱስ እቲ ጉንዲ እዩ። ህይወት ካብቲ ጉንዲ እዩ ዝመጽእ። እቶም ጨናፍር ፍረ ዋራይ እዮም ዝሸከሙ። ነቲ ፍረ ኣይትፈርዮን ኢኻ፣ ትሸከሞ ዋራይ ኢኻ።

የሱስ እዩ ነቲ ስራሕ ዝሰርሖ። የሱስ፣ "ግብሪ ኣምላኽ ክንገብርሲ እንታይ ንግበር፧" ተባሂሉ ምስ ተሓተተ፣ ኣብ መለኮታዊ ምፍዋስ ወይ ተኣምራት ከመይ ገይርካ ትገብር ኣይኮነን ስልጠና ሂብዎም። እቲ መልሱ እዚ እዩ ነይሩ፡

*"ግብሪ ኣምላኽ በቲ ንሱ ዝለኣኾ ኽትኣምኑ እዩ፡ በሎም።" (ዮሃ 6፡29)*

ንሱ ግብሪ ኣምላኽ እዩ ነይሩ። ንሱ ምንጪ ናይ ሓይሊ፣ ተኣምራትን ፈውስን እዩ ነይሩ።

እቲ ሓይሊ ኣብ ሰብን ወይ ዝኾነ ሰብ ዝዉንኖን ኣይኮነን ዘሎ። ፍጻሜ ተሰፋ ናይ ሓይሊ ኣብ ኣምላኽን ኣብ ቃሉን እዩ።

የሱስ እቲ ደገፍ ዝህብ ጉንዲ ወይኒ እዩ። ንሕና ህዝቡ ከኣ ጨንፈር ኢና። ካብቲ ጉንዲ ወይኒ ነቲ ራእይ ዝፍጽም ሓይሊ ይዉሕዘ።

## ነቲ ስልጣን ተቐበሎ፡

ሓደ ነገር ክትገብር ሓላፍነት እንተተዋሂቡካ፣ ንዕኡ ክትገብሮ ዘኽእለካ ስልጣን ክህልወካ ናይ ግድን እዩ።

የሱስ፣ ንኣመንቲ ሓላፍነት ናይ እቶት ምህርትን ነዚ ሓላፍነት ክፍጽምዎ ዘኽእሎም ስልጣንን ሂብዎም እዩ፣ ግን ነዚ ስልጣን ብዉልቂ ክትቅበሎ ኣለካ። የሱስ "ኩሉ ሓይሊ" [ስልጣን] ንዕኡ ከም ዝተዋህቦ ተዛሪቡ እዩ። ኣዚ ሓይሊ [ስልጣን] ንዓኻ ኣወኪልዎ እዩ። ንምስፋሕ ወንጌል ነቲ ስልጣን ክትቅበሎን ብግቡእ ክትጥቀመሉን ናይ ግድን እዩ።

ኣመንቲ ነዚ ሓይሊ ኣብ ሕብረታቶም/ቤተክርስትያኖም ክእመንዎ ይግባእ። ኣብቲ ብየሱስ ዝተዋህበ ምሳሌ ከምዚ ኢሉ ኣሎ፡

*"...ናብ ኣደባባይን ናብ መተሓላለፍ ከተማን ቀልጢፍካ ውጻእ፡ ድኻታትን ቈራያትን ሓንካሳትን ዕዉራትን ናብዚ ኣእቱ፡ በሎ።*

*"...ናብ መገድን ናብ ገዛታትን ውጻእ እም ቤተይ ምእንቲ ኽትመልእሲ፡ ኪኣትዉ ተጋደሎም፡ በሎ።" (ሉቃ 14፡21,23)*

ምኽሪ ኣምላኽ ንቤተ-ክርስትያን፣ ማእከል ግብራዊ ምግላጽ ናይ ሓይሉ ንኽትከውን እዩ። ኣብ ብዙሕ ኣጋጣሚታት ማሕበሩ ናይ ምዝንጋዕ ማእከል፣ ናይ ኢደ-ጥበብ ማእከል ወይ ናይ ማሕበራዊ ማእከል ኮይና እያ።

ሓይሊ ኣምላኽ ኣብ ማሕበራትና ዘይዉሕዝ እንተሃልዩ፣ ድኻታት፣ ዓይነ-ስዉራትን እቶም ብሓጢኣት ዝጠፍኡን ከይተቐየሩ ብመዓጹና ክወጹ እዮም። በቲ ዝመጽዎ ኩነታት ብኸምኡ ክምለሱ እዮም።

እታ ማሕበር ብዉልቀ ሰባት ዝቖመት እያ። ማሕበር ዋሕዚ ሓይሊ ናይ ኣምላኽ ክትሙኩር እንተኾይና፣ እቶም ኣባላታ ነቲ ሓይሊ ብዉልቂ ክሙኩርዎ ኣለዎም።

## ጴጥሮስ፡ ቅድምን ድሕርን ሓይሊ ናይ ኣምላኽ፣

ካብ ሓደ ዘየድማዒ ዓጻዲ ምኳን ናብ ሓደ ኣብ ምግላጻዊ እቶት ምህርቲ ከመይ ገይርካ ከም እትዓጽድ ዘፍልጥ ዘቐይር መሳርሒ እዩ። ኣብነት ናይ ሃዋርያ ጴጥሮስ እስከ ንመልከት።

ኣብታ ኣገዳሲት ሰዓት ኣገልግሎት ናይ የሱስ ክርስቶስ፣ ጴጥሮስ ደቂሱ ንረኽቦ (ማር 14፡32-34) ። ንየሱስ ከም ዝፈልጦ ዝኽሓደ ፈራሕ ጴጥሮስ ኢና እንረክብ (ማቴ 26) ። ካብ ጸዉዒት እቶትን ካብ ገፋፊ ሰባትን ምኳን ነብሱ ዝመለሰ ሰብ ኢና ንርኢ። ናብቲ ናቱ ዉልቃዊ ዝኾነ ጉዳያት እዩ ተመሊሱ (ዮሃ 21) ።

ሃንደበት ግን ኣብ መጽሓፍ ቅዱሳዊ መዛግብቲ ሓድሽ ጴጥሮስ እዩ ነቱጕ። መጀመርታ ግዜ እዚ ሰብኣይ ብትብዓት መልእኽቲ ወንጌል ኣብ ዝተዛረበሉ 3000 እዮም ድሒኖም። ኣብ ዝቀጸለ ግዜ ዝሰበኸሉ፣ 5000 ናብ ማሕበር ተወሲኾም። እንታይ ስለ ዘጋጠመ እዩ እቲ ሃዳምን፡ ተራጋምን፡ ዝነበረ ሰብ ናብ ሓያል መራሒ ናይታ መጀመርታ ዝነበረ ማሕበር ዝተቐየረ፧

ጴጥሮስ ተመክሮ ናይ ሓይሊ እዩ ተቐቢሉ። ንሓደ ዝሰንከለ ሰብ እዚ ዝስዕብ ክብል ዘኽኣሎ ሓይሊ እዩ ነይሩ፡

*"...ናባና ጠምት...ብስም የሱስ ክርስቶስ ናዝሬታዊ ተንስእ እሞ ኺድ፡ በሎ። ብየማነይቲ ኢዱ ሒዙ ኸኣ ኣተንስኦ፡ ብኡ ብኡውን ኣእጋሩን ዓክዓኻራቶኡን ጸንዓ።" (ግብ 3፡4, 6-7) 87*

ንዝሰቐ ዘሎ ፍጥረት ሰብ ድሌቱ ዘማልእ ገለ ከም ዘለካ ከይፈለጥካ "ናባና ጠምት" ኢልካ ኣይትነግሮን ኢኻ። ካብ ርእስኻ ዝዓበ ሓይሊ ከም ዘለካ ከይፈለጥካ፣ ንሓደ ሰንኩል ሰብ ብኢዱ ሒዝካ ኣይተተንስኦን ኢኻ። ጴጥሮስ ካብ ርእሱ ወላ ሓደ ኣይነበሮን፣ ሓይሊ ኣምላኽ ግን ኣብኡ ይዉሕዝ ነይሩ። ሓይሊ ኣምላኽ ንስንኩላን የቕንዖም እዩ እምበር ኣብቲ ዘለዉዎ ናይ ስንክልና ኩነታት ንክጸንሑ ኣይኮነን ዝገብሮም።

ተመክሮ ናይ ሓይሊ ንክም ጴጥሮስ ዝበሉ ካብ ገፈፍቲ ዓሳ ናብ ገፈፍቲ ሰባት ይልዉጦም።

## እቲ ዝገፍሕ ዓንኬል

የሱስ፣ ዉጽኢት ካብ ሓያል ምስክርነት ናይ ወንጌል ዝመጽእ ኣገባብ ናይ ቀጻሊ ዝገፍሕ ዓንኬል ኣስሚሩ ኣሎ፡

*"መንፈስ ቅዱስ ናባኻትኩም ምስ ዚወርድ ግና፡ ሓይሊ ኽትቅበሉ፡ ኣብ የሩሳሌምን ኣብ ኩላ ይሁዳን ኣብ ሰማርያን ክሳዕ ወሰን ምድሪ ምስክር ክትኰኑኒ ኢኹም፡ በሎም፡" (ግብ 1፡8)*

**ስትራቴጂታት ናይ እቶት ምህርቲ ኣብ ቃሉ ተገሊጾም ነይሮም፡**

- **እቲ ኣገባብ ምርባሕ እዩ ነይሩ።**
- **እቲ መሳርሒ ሓይሊ መንፈስ ቅዱስ እዩ ነይሩ።**
- **እቲ ሓይሊ ኣንፈት ነይርዎ። ንደቂ-መዛሙርቲ መሰኻኽር ምእንቲ ክኾኑ ክሕግዞም እዩ ተዋሂቡ።**
- **ሽቶ እቲ ሓይሊ፣ ነቲ ቀጻሊ ዝገፍሕ ዓንኬል፣ ኣህዛብ ናይ ዓለም እዩ ነይሩ…የሩሳሌም፣ ብድሕሪኡ ይሁዳ፣ ሰማርያን ክሳዕ ወሰን ምድርን።**

**ካብቲ ዝነበረዎ ጀሚሮም፣ ኣገባብ ምርባሕን መሳረሒ ናይ ሓይልን ብምጥቃምን፣ ወንጌል ክሳዕ ወሰናት ምድሪ ንክሰፍሕ እዩ ነይሩ።**

## ነቲ ተስፋ ምዉናን

**እቲ ተስፋ ሙብዛሕትኡ ግዜ ብኣመንቲ ይእወጅ እዩ፡**

*"…እንሆ ድማ፡ ኣነ ኽሳዕ መወዳእታ ዓለም ኵሉ መዓልቲ ምሳኻትኩም እየ።" (ማቴ 28፡19-20)*

**ክትዝክሮ ዝግበኣካ ሓደ ነገር ግን ኣሎ፣ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ተስፋ ናይ ኣምላኽ፡ ነቲ ተስፋ እትዉንነሉ ቅድመ ኩነት ኣሎ። እዚ ተስፋ ንዝተፈልዩ ናይ ኣመንቲ ጉጅለ እዩ ተዋሂብዎም።**

**ነቶም ራእይ ናይ እቶት ምህርቲ ንዘፍጽሙ እዩ ተዋሂቡ፡**

*"ስለዚ ኺዱ ንኹሎም ኣህዛብ ብስም ኣቦን ወድን መንፈስ ቅዱስን እናኣጥመቕኩም፡ ዝኣዘዝኩኹም ኵሉ ኺሕልዉ ኸኣ እናመሀርኩም፡ ደቀ መዛሙርቲ ግበርዎም። እንሆ ድማ፡ ኣነ ኽሳዕ መወዳእታ ዓለም ኵሉ መዓልቲ ምሳኻትኩም እየ።" (ማቴ 28፡19-20)*

**ነቶም ነቲ ራእይ ንምርኣይ ፍቓደኛታት ዝኾኑ…ነቶም ብሓያል ምስክርነት ናብ ኣህዛብ ናይ ዓለም ክኸዱ ፍቓደኛታት ዝኾኑ…ነዚኦም የሱስ ቃል ኣትዩሎም ኣሎ…ኣብ ኩሉ መገድኹም ምሳኻትኩም እየ…**

# ርእሰ ገምጋም

1. **መሪሕ ጥቅሲ ዘኪርካ ጽሓፍ**

____________________________________________________________

____________________________________________________________

2. **ናይ ኣምላኽ ኣገባብ ምርባሕ ዝገልጹ መወከሲ ጥቅስታት ኣየኖት እዮም፧**

____________________________________________________________

3. **መሳርሒ ናይ እቶት ምህርቲ እንታይ እዩ፧**

____________________________________________________________

4. **ነቲ ተሰፋ ናይ ሓይሊ ንምውናን ሰለስተ ደረጃታት ዘርዝር።**

____________________________________________________________

____________________________________________________________

____________________________________________________________

## ንዝያዳ መጽናዕቲ

እቲ ኣብ 2ይ ጢሞቴዎስ 2፡2 ዝተዋህበ ናይ ኣምላኽ ኣገባብ ምብዛሕ፡ መጀመርያ ኣብ ኢየሩሳሌም ኣብ ግብሪ ክውዕል፡ ድሕሪኡ ኣብ መላእ ዓለም ክዝርጋሕ ነይርዎ። መጀመርታ ኣብቲ ዘለኻዮ ቦታ እቶት ቀውዒ ክትዓጽድ ክትጅምር ኣለካ፡ ድሕሪኡ ኣምላኽ ራእይካን ኣገልግሎትካን ከስፍሖ እዩ። እዘን ዝስዕባ ሓሳባት ኣብ "ኢየሩሳሌም" "ብምግላጽ ክትዓጽድ" ክሕግዛካ እየን።

1. መጽሓፍ እያሱ ኣጽንዕ። እስራኤል ንምድሪ ፍልስጤም ክትውንን ከኽእላ ኣምላኽ ንእያሱ ዝሃቦ መትከላት ደልዩ። ንኣምላኽ ዝኸውን ናይ ገዛእ ርእስኻ ማሕበረሰብ ንምውናን ገለ ኻብዚ ስርዓታት እዚ ኣብ ግብሪ ከተውዕሎ ትኽእልዶ፧

2. ናብ ሕብረተሰብካ ንምብጻሕ ዕላማታት ኣቐምጥምስ ወንጌል። ዕላማታት መግለጺ ዕላማታትካ ወይ መደባትካ እዩ። እንታይ ክትገብሩ ኢኹም፧ ክሳብ መዓስ፧ ኣብዚ እዋን'ዚ ካብ ወንጌል ወጻኢ ዝኾኑ ሰባት ክትበጽሕ ዘኽእለካ ዕላማታት ምረጽ። እዚ ኣብ ሮሜ 15፡20-21 ቀዳምነት ዝሃቦ ጳውሎስ እዩ ነይሩ። ገለ ኣብ ግምት ከተእትዎም እትኽእል ዕላማታት፤

– ኣብ ከባቢኹም ዝርከብ ነፍሲ ወከፍ ገዛ ብምብጻሕ መልእኽቲ ወንጌል ብውልቂ ንገረብትኹም ኣካፍሉ።
– ንውሽጣውን ዓለምለኻውን ጻዕርታት ስብከተ ወንጌል ንምሃብ ሓድሽ ፋይናንሳዊ ሽቶታት ምቕማጥ።
– ኣብ ከባቢኻ ንዘሎ ብወንጌል ዘይብጻሕ ውሑዳት ጉጅለ ኣገልግሎት ምሕሳብ።
– ኣብ መዕረፊ ኣጋይሽ፡ ቤት ማእሰርቲ፡ ወይ ሆስፒታል ፍሉይ ኣገልግሎት ምጅማር። ምስ ወልፊ ሓሸሽ ዘለዎም፡ ንድኻታት፡ ኣልኮላዊ መስተ ዝሰትዩ ወይ ዘይተመርዓዋ ኣዴታት ዝግበር ኣገልግሎት እሞ ሕሰብ። ንፍሉያት ጉጅለታት ከም ደቂ ኣንስትዮ፡ ደቂ ተባዕትዮ፡ ህጻናት፡ መጻምድቲ፡ ስድራቤታት፡ ወይ ወተሃደራዊ ኣገልግሎት ኣገልግል።

3. ኣገልግሎትካ ካብ "ኢየሩሳሌም" ናብ ኣህዛብ ዓለም ኣስፍሕ። ብጸሎት ናብ ዓለም ምእታው ጀምር፤

– ካርታ ዓለም ረኺብካ ኣብ ልዕሊ ኣህዛብ ዓለም ጸሊ። ኣረማውያን ንርስትኻ፡ ጠለብ ንኣህዛብ በረኸት ስለ ዝገበረካ ድማ ንኣምላኽ ኣመስግን።
– መዓልታዊ ጋዜጣ እንተሃልዩኩም ኣብ ልዕሊ እቶም ኣብ ዝተፈላለዩ ኣህዛብ ንዘሎ ጸገማት ዘንጸባርቑ ኣርእስታት ጸሎት ጽሓፍ። ምኽንቲ መራሕቲ መንግስትን ሚስዮናውያንን፡ ኣገልገልትን መእመንን ብጽትናን ጸሊ።

**ራብዓይ ክፋል፤** ትጽቢታት

ኣካል ናይቲ ራእይ ትኸውን

# ምዕራፍ ትሸዓተ
# ምስባር ኣርዑት

## ዕላማታት፣

ነዚ ምዕራፍ ምስ ወዳእኩም ነዞም ዝስዕቡ ክትክእሉ ኢኹም፤

- ሰለስተ ዓይነት ኣርዑት ባርነት ክተለሊ።
- ሰለስተ ዓይነት ኣርዑት ናይ ኣምላኽ ክትገልጽ።
- ኣብ መንጎ ኣርዑት ባርነትን ኣርዑት ኣምላኽን ንዘሎ ሃጓፍ ንምርኻብ ዘለዉ ደረጃታት ክትዝርዝር።
- ብምስባር ኣርዑት ናይ ባርነት ዝርከብ መንፈሳዊ ዉጽኢታት ክተለሊ።

## መሪሕ ጥቅሲ፤

*"ኣቱም ኵልኹም እትጽዕሩን ጾር ዝኸበደኩምን፡ ኣነ ኸዕርፈኩም ናባይ ንዑ። ኣነ ለዋህ እየ፡ ልበይውን ትሑት፡ ኣርዑተይ ፈኵሸ፡ ጾረይውን ቀሊል እዩ እሞ፡ ኣርዑተይ ጹሩ ኻባይውን ተምሃሩ፡ ንነፍስኹም ከኣ ዕረፍቲ ኽትረኽቡ ኢኹም።" (ማቴ 11፡28-30)*

### መእተዊ

ክሳብ ሕጂ እዚ ስልጠና ነዚ ዝስዕብ ነገራት ሸፊኑ ኣሎ፡

| | |
|---|---|
| ምትሓዝ ራእይ፡ | ነቲ ራእይ ምልላይ። |
| ኣምር ምትእስሳር | ድሕሪ እቲ ራእይ ዘሎ ኣምር ናይ ዕላማ ምርዳእ። |
| ዕላማ ምግባር፡ | ዕላማታት ነቲ ራእይ ንምፍጻም። |

እዚ መወዳእታ ክፋል ናይዚ ስልጠና፣ ኣካል ምፍጻም ናይቲ ራእይ ኣብ እትኾነሉ ኣብ ትጽቢታት እዩ ዘተኩር።

ኣምላኽ ናብ ሓደ ትጽቢታዊ መወዳእታ ከምጽኣካ እዩ ድሌቱ፡

*"ኣነ ዝሐስበልኩም ዘሎኹ ሓሳብ እፈልጦ እየ፡ መፈጸምታን ተስፋን ክህበኩምሲ፡ ሓሳብ ደሓን እምበር፡ ናይ ክፉእ ኣይኮነን፡ ይብል እግዚኣብሄር።" (ኤር 29፡11)*

እቲ ትጽቢት ዝግበረሉ መወዳእታ፣ ምፍጻም ስራሕ ኣምላኽ ዝኾነ ፍጻሜ ናይቲ ራእይ እዩ፡

*"የሱስ በሎም፥ ብልዔይሲ ፍቓድ እቲ ዝለኣኸኒ ኽገብር ዕዮኡውን ክፍጽም እዩ።" (ዮሃ 4፡34)*

ኣብ ዝኾነ ግዜ ናብ ሓደ ሓድሽ ነገር ክትኣቱ ከለኻ፡ ኩሉ ግዜ ነቲ ኣረጊት ምሕዳግ እዩ ዝሓትት። ምዉላድ ንዉሕስነት ናይ ማህጸን ምግዳፍ እዩ ዝጠልብ። "

ኣምላኽ ሓድሽ ስጉምቲ ናይ እምነት ክትወስድ ይሓተካ ኣሎ፡

*"ነቲ ቐደም ዝነበረ ኣይትዘክሩ፡ ነቲ ናይ ጥንቲ ኸኣ ኣይትሕሰቡ።" (ኢሳ 43፡18)*

ሓይሊ ኣምላኽ ድሕሪ ደጊም ንሎሚ ኣይከዉንን ኣብ ዝብል ሰረተ-እምነት ተጸሚድካ ክትከውን ትኽእል ኢኻ። ምስፋሕ ወንጌል ናብ ዓለም፣ ሓላፍነት ናይ ሰበኽትን ኣገልገልትን እዩ ኢልካ ሓሲብካ ክትከውን ትኽእል ኢኻ። ምስ ዝተረፈ ስጋ

ናይ ክርስቶስ ኣብ ግራሁ እቶት ምህርቲ ናይ ጎይታ ኢድ ንኢድ ንኽይትሓብር ዝኸልክለካ፣ ብባህልን ሃይማኖትን ተኣሲርካ ክትከውን ትኽእል ኢኻ።

እንተኾነ ኣምላኽ ሓድሽ ራእይ ሂቡካ ኣሎ። ኣካል ብሓድነትን ብዕላማ ንሓድሕዶም ዝተኣሳሰሩ ዓየይቲ ዝኾኑ ሓድሽ መንፈሳዊ መርበብ ትኸውን ኣለኻ።

## ሓደ ሓድሽ መርበብ

*መጽሓፍ ቅዱስ ኣብ ክልተ ዝተፈላለዩ ኣጋጣሚታት፣ ንኣጠቃቕማ ናይ መርበብ ኣብ ባህርያዊ ዓለም ዘካተተ፣ ሓደ ዓቢ መንፈሳዊ ሓቂ ከም ዘብርህ መዝገቡ ኣሎ።*

እቲ ቀዳማይ ፍጻሜ ኣብ ሉቃስ 5 ተገሊጹ ከም ዘሎ፣ ኣብ ምጅማር ምድራዊ ኣገልግሎት ናይ የሱስ ክርስቶስ እዩ ኣጋጢሙ። ደቂ-መዛሙርቲ ምሉእ ለይቲ ክገፉ ሓዲሮም ወላ ሓንቲ ከኣ ኣይሓዙን። የሱስ ሽዑ ከምዚ ኢልዎም፥

*"...ናብቲ ዓሚቕ ቅርብ በል እሞ መርበብኩም ንምግፋፍ ደርብዩ፥ በሎ።" (ሉቃ 5፥4)*

ጴጥሮስ ከኣ፥

*"መምህር፥ ለይቲ ብምልእታ ጸዒርና፥ ዝሐዝና የብልናን፥ ብቓልካ ግና ነዚ መርበብ እድርብዮ፥ ኢሉ መለሰሉ።" (ሉቃ 5፥5)*

መርበቦም ምስ ደርበዩ፣ መርበቦም ክሳዕ ዝቅደዶምን ነቶም ኣብ ካልእ ጃልባ ዝነበሩ ብጾቶም ንክሕግዝዎም ድማ ክሳዕ ዝጽዉዕዎም፣ ኣዝዩ ብዙሕ ዓሳ ገፊፎም። እቲ ዝተገፈ ዓሳ ብዙሕ ስለዝነበረ ንክልቲአን ጀላቡ መሊኡስ ክሳዕ ክጥሕላ ዝደልያ እኳ ጌርወን ነይሩ። ጴጥሮስ በዚ ምስ ተገረመ፣ የሱስ ግን ከምዚ ኢልዎ፥

*" ...ካብ ሕጂ ገፋፍ ሰብ ክትከውን ኢኻ እሞ፥ ኣይትፍራህ፥ በሎ።" (ሉቃ 5፥8-10)*

እቲ ጴጥሮስ ዝምኮሮ ዝነበረ ምግፋፍ፣ ምስቲ ኣብ መንፈሳዊ ዓለም ከም ገፋፊ ናይ ሰባት ኮይኑ ክዓጽዶ ዘለዎ ዓቢ እቶት ዝዳረግ ኣይነበረን።

ኣብ ወንጌል ዮሃንስ 21፣ ኣብ መወዳእታ ኣገልግሎት ናይ ክርስቶስ፣ ተመሳሳሊ ኣጋጣሚ ተመዝጊቡ ኣሎ። ደቂ- መዛሙርቲ ምሉእ ምሸት ገፊፎም ወላ ሓደ ከኣ ኣይሓዙን። ብትእዛዝ ናይ ክርስቶስ መርበቦም ደርበዩ፣ ደጊም ከኣ ብዓሳ እቲ መርበቦም መልአ። እንተኾነ እዚ ፍጻሜ ካብቲ ቀዳማይ ዝተፈልየ እዩ ነይሩ። እቲ መርበብ ኣይተቐደን ነይሩ፥

*"ስምኦን ጴጥሮስ ናብታ ጃልባ ኣትዩ፥ ነቲ ሚእትን ሓምሳን ሰለስተን ዝዓብዩ ዓሳ ዝመልኤ መርበብ ናብ ምድሪ ጎተቶ። ክሳዕ ክንደዚ ብዙሓት ክነሶምሲ፥ እቲ መርበብ ኣይተቐደደን።" (ዮሃ 21፥11)*

እዘን ክልተ ፍጻሜታት ኣብ ባህርያዊ ዓለም እየን ኣጋጢመን፣ ግን ናይ ሓደ ዓቢ መንፈሳዊ ሓቂ ተዛመድቲ እየን ነይረን። እቲ ቀዳማይ ግዜ እቲ መርበብ ተቐዲዱ፣ ኣብ ካልኣይ ግዜ ግን ኣይተቐደደን። እቲ ፍልልይ እንታይ እዩ ነይሩ፧

እቲ ቀዳማይ መርበብ ኣብነት ናይ ጻዕሪ ሰብ እዩ ክንብሎ ሀኽእል። ጴጥሮስ ዋኒኑ ምግፋፍ ዓሳ እዩ ነይሩ። ባህርያዊ ኣገባባትን ባህልን ናይ ገፋፍቲ ዓሳ ይፈልጦ ነይሩ እዩ። የሱስ ብመገዲ እቲ ዝተቐደ መርበብ ገይሩ፣ ጻዕርታት ሰብ ነቲ ራእይን ስራሕን ኣምላኽ ክፍጽሞ ከም ዘይክእል እዩ ኣርእዩዎ። ጴጥሮስ፣ ኣምላኽ ናብ ከመይ ዝበለ ዓቢ ዕዮ ይጽዉዖ ከም ዘሎ ምስ ኣስተብሃለ፣ ዝበሎ ቃል እዚ'ዩ፥

*" ...ጐይታይ፥ ኣነ ሓጥእ ሰብ እየ እሞ፥ ካባይ ርሐቕ..." (ሉቃ 5፥8-10)*

ጴጥሮስ ገፋፊ ሰባት እዩ ክኸውን ። እቲ ኣረጊት መርበብ ነቲ ዓቢ መንፈሳዊ እቶት ምህርቲ ከገልግል ኣይክእልን እዩ። ጴጥሮስ ባህልታት ናይ ሰብ ክሓድግ ነይርዎ። ኣብ መንጎ ኣይሁድን ጽርእን ዝፈላሊ ዝነበረ ሕንጻጽ ክሰግሮ ኣለዎ። እቲ ኣረጊት መርበብ ክሰበር ኣለዎ፣ ጴጥሮስ ከኣ ኣካል ናይ ሓድሽ መርበብ ክኸውን ነይርዎ።

የሱስ ነቲ ኣረጊት ከዕንዎ ኣይመጸን፣ ነቲ ኣረጊት በቲ ሓድሽ ምእንቲ ክትክእ እዩ መጺኡ። ንሕጊ ኣየፍረሶን፣ ሓድሽ ትርጉም ደኣ ወሲኹሉ። ምእንቲ ሓጢኣት ዝግበር ዝነበረ ናይ ደም መስዋእቲ ኣይወገዶን፣ ብምፍሳስ ደሙ ገይሩ እቲ ንምሕረት ንዕዳ ሓጢኣት ዝኸውን ፈጺምዎ።

የሱስ ብዛዕባ ሓድሽ ወይኒ ኣብ ኣረጊት ሓርቢ ምቕማጥ ኣጠንቂቑ እዩ። ልክዕ ከም'ቲ መርበብ ኑቶም ዓሳ ክሕዝ ዘይክኣለ፣ እቲ ኣረጊት ሓርቢ ነቲ ሓድሽ ወይኒ ክሕዞ ኣይክእልን እዩ። ብድሆ ናይቲ ዓቢ ዕዮ ብዘይ እቲ ሓድሽ መርበብ ኣብ መንፈሳዊ ዓለም ክፍጸም ኣይክእልን እዩ።

ኣብ መንጎ ቀዳማይን ካልኣይን ናይ ዓሳ ምግፋፍ ጉዕዞታት፣ ሓደ ሓድሽ ስርዓተ መርበብ እዩ ተፈጢሩ ነይሩ። እዞም ናይ ዓሳ ምግፋፍ ኣጋጣሚታት፣ ተዛመድቲ ናይ ኣብ መንፈሳዊ ዓለም እንታይ ከም ዝኾነ ዝገልጹ እዮም።

እዚ ሓድሽ መንፈሳዊ ስርዓተ መርበብ ነቲ የሱስ ዝሃቦ ራእይ ከገልግል ይኽእል እዩ። ንክትኣትዎ ግን፣ ካብቲ ኣረጊት ወጺእካ ናብቲ ሓድሽ ክትኣቱ ኣለካ። እቲ ኣረጊት ኣርዑት ክስበር ኣለዎ። እቲ ሓድሽ መርበብ ጸኒዑ ክቐውም ምእንቲ እቲ ኣረጊት መርበብ ፈጺሙ ክድምሰስ ኣለዎ።

## እቲ ኣርዑት

ኣብ ጥንታዊ ዓለም፣ ኣርዑት ንእንስሳታት ብሓንሳእ ቀሪንካ ኣብ ግራሁ እቶት ንክሰርሑ ይጥቀምሉ ነይሮም እዮም። ኣብዚ ሕጂ እዋን ኣብ ብዙሓት ሃገራት ንተመሳሳሊ ዕላማ ይጥቀምሉ ኣለዉ።

የሱስ ብዛዕባ ኣርዑት ክዛረብ ከሎ ከምዚ ኢሉ፥

> *"ኣቱም ኵልኹም እትጽዕሩን ጾር ዝኸበደኩምን፡ ኣነ ኸዕርፈኩም ናባይ ንዑ። ኣነ ለዋህ እየ፡ ልበይውን ትሑት፡ ኣርዑተይ ፈኲሽ፡ ጾረይውን ቀሊል እዩ እሞ፡ ኣርዑተይ ጹሩ ኻባይውን ተምሃሩ፡ ንነፍስኹም ከኣ ዕረፍቲ ኽትረኽቡ ኢኹም።" (ማቴ 11፡28-30)*

እቲ ዝሃቦ ራእይ ናይ ግራት እቶት ምህርቲ እዩ። ሎሚ እዚ ግራት፣ ንመልእኽቲ ወንጌል ከቶ ዘይተቐበሉ 3 ቢልዮን ሰባት ይዉክል...እዚ ብድሆ ከኣ "ቀሊል" ከምኡ'ውን "ፎኲስ" ምኻኑ ይነግረና።

ብልክዕ የሱስ እዚ እዩ ዝበለና ዘሎ። እቲ ኣረጊት ስርዓተ መርበብ፣ እቲ ኣረጊት ኣርዑት ግን ነቲ ራእይ ክሳስዮ ኣይክእልን እዩ። ብርእሰኻ ክትፍጽሞ ኣይትኽእልን ኢኻ።

ብጻዕርታት ናይ ሰብ ክትገብሮ ኣይትኽእልን ኢኻ። ኣካል ናይዚ ሓድሽ ስርዓተ መርበብ ኮይንካ ምስ የሱስ ብሓደ ኣርዑት ክትቁረን ኣለካ።

## ኣርዑት ናይ ባርነት

ኩላትና ኣብ ትሕቲ ሓደ ዓይነት ኣርዑት ኢና ዘለና። ኣብ ትሕቲ ኣርዑት ናይ ባርነት ወይ ኣብ ትሕቲ ኣርዑት ናይ ኣምላኽ ኢና ዘለና። ኣርዑት ናይ ባርነት ሰለስተ ዓይነታት እዩም። ንሳቶም ከኣ ኣርዑት ሓጢኣት፣ ኣርዑት <u>ገዛእ ርእሲ</u> ወይ <u>ኣርዑት ሰብ</u> ክንብሎም ንኽእል።

### ኣርዑት ናይ ሓጢኣት፥

> *"መታን ባሮቶም ከይትኾኑ ኻብ ምድሪ ግብጺ ዘውጻእኩኹም፡ ኣነ እግዚኣብሄር ኣምላኽኩም እየ፡ ቈራብዓት ኣርዑትኩም ድማ ሰበርኩ፡ ርእሰኹም ኣልዒልኩም ከም እትኸዱውን ገበርኩኹም።" (ዘሌ 26፡13)*

ኣርዑት ናይ ግብጺ ማለት ኣርዑት ናይ ሓጢኣት እዩ። ኣብ ትሕቲ ኣርዑት ናይ የሱስ ክትመጽእ እንተኾይንካ ኣርዑት ናይ ሓጢኣት ካብ ህይወትካ ክስበር ኣለዎ።

**ኣርዑት ናይ ገዛእ ርእሲ፥** ኣርዑት ናይ ባርነት፣ ኣርዑት ናይ ገዛእ ርእሲ ክኸውን ይኽእል እዩ፥

> *"ነቲ ዝጸልኦ እገብሮ ኣሎኹ እምበር፡ ነቲ ዝደልዮ ኣይኰንኩን ዝገብሮ ዘሎኹ እሞ፡ ነቲ ዝገብሮ ኣይፈልጦን እየ..." (ሮሜ 7፡14-15)*

ኣንነትን ትዕቢትን ኣብነት ናይ ኣርዑት ገዛእ ርእሲ እዮም።

**ኣርዑት ናይ ሰብ፥** ኣርዑት ናይ ሰብ፣ ብካልኦት ኣብ ልዕሌኻ ዝቅመጥ ማእሰርቲ እዩ፥

*"ከቢድን ምጽዋሩ ዘይምሽውን ጾር ጠሚሮም፡ ንሰብ ኣብ ክሳዱ የሰክምዎ፡ ባዕላቶም ግና በጻብዖም ኪትንክይዎ እኳ ኣይፈትዉን።" (ማቴ 23፡4)*

ኣርዑት ናይ ሰብ ማእሰርቲ ናይ በደል ስምዒት፣ ባህሊ፣ ሃይማኖት ወይ ብካልኦት ዝእዘዝ ዘይከኣል መለከዒታት ናይ ባህሪ ክሓቁፍ ይኽእል እዩ።

እቲ ሰለስተ ዓይነት ኣርዑት ባርነት ናይ ሓጢኣት፣ ገዛእ ርእስን ሰብን ብዛዕባ ምስግዳድ ናይ ዕዮ፣ ክብደት ከምኡ'ውን ዓቅሊ ጸበት ይዛረብ።

## ሰለስተ ዓይነት ኣርዑት ኣምላኽ

ኣርዑት ኣምላኽ ኣብ ክንዲ ናይ ኣስገዳድ ዕዮ፣ ናይ ሓባር ዕዮ እዩ ዝዛረብ። ኣብ ክንዲ ክብደት ብዛዕባ ምፍኳስ እዩ ዝዛረብ። ኣብ ክንዲ ዓቕሊ ጸበት ኣርዑት ዕረፍቲ እዩ ዝዛረብ።

እቲ ሰለስተ ዓይነት ኣርዑት ኣምላኽ ቀሊል፣ ፈኲስን ዘዕርፍትን እዩ፡

*"ኣቱም ኵልኹም እትጽዕሩን ጾር ዝኸበደኩምን፡ ኣነ ኸዕርፈኩም ናባይ ንዑ። ኣነ ለዋህ እየ፡ ልበይውን ትሑት፡ ኣርዑተይ ፈኵሽ፡ ጾረይውን ቀሊል እዩ እሞ፡ ኣርዑተይ ጹሩ ኻባይውን ተምሃሩ፡ ንነፍስኹም ከኣ ዕረፍቲ ኽትረኽቡ ኢኹም።" (ማቴ 11፡28-30)*

## ሰለስተ ደረጃታት ነቲ ሃጓፍ ንምርኻብ

ኣብ መንጎ ኣርዑት ናይ ባርነትን ኣርዑት ኣምላኽን ዘሎ ሃጓፍ ንምርኻብ፣ የሱስ ሰለስተ ደረጃታት ሂቡና ኣሎ። ካብቲ ኣረጊት ናብቲ ሓድሽ መምለጢ መገዲ ኸኣ እዩ፡

**ንዓ፡**

ናብ የሱስ ፍቓደኛ ኮይንካ ክትመጽእ ኣለካ። እዚ ንኣርዑት ናይ ሓጢኣት የዕንዎ እዩ።

**ጹር፡**

ኣርዑቱ ክትጸውር ኣለካ። ከምዚ ብምግባርካ፣ ኣርዑት ናይ ሰብ ካባኻ የግልስ ።

**ተመሃር፡**

ብዛዕብኡ ብምምሃርካ ንኣርዑት ናይ ገዛእ ርእሲ ተወግዶ። ኣርዑት ናይ ኣምላኽ ብቀሊሉ ካብኡ እትካፈሎ ኣይኮነን። ብእኡ ዝካፈል እዩ።

## ምስባር እቲ ኣርዑት

ኣብ ህይወትካ ዘሎ ኩሉ ኣርዑት ናይ ሓጢኣት፣ ገዛእ ርእስን ሰብን ክስበር ድሌት ኣምላኽ እዩ። ነቲ ራእይ ክትፍጽሞ እንተኾንካ እዚ ኣድላዪ እዩ።

ኣብ ብሉይ ኪዳን፣ እስራኤል ብሰራዊት ናይ ኣሶር ተኸቢባ ከላ፣ ኣምላኽ ንእስራኤል ዝኣወጆ ዘረባ እዚ እዩ፡

*"እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት ከምዚ ኢሉ መሓለ፡ ብሓቂ ኸምቲ ዝሓሰብክዎ ኪኸውን፡ ከምቲ ዝመደብክዎውን ኪቐውም እዩ። ንኣሶር ኣብ ሃገረይ ክሰባብሮ፡ ኣብ ኣኽራነይ ድማ ኽረግጾ እየ፡ ሽዑ፡ ኣርዑቱ ኻባታቶም ኪውሰድ፡ ጾሩውን ካብ መንኲቦም ኪውሰድ እዩ።" (ኢሳ 14፡24-25)*

ኣምላኽ ነቲ ኣርዑት ካብ ክሳድ እስራኤል ክሰብሮ ደልዩ ነይሩ። እንተኾነ ዕላምኡ ካብ እስራኤል ሓሊፉ ናብ ኣህዛብ ናይ ዓለም ዝዝርጋሕ እዩ ነይሩ፡

*"ኣብ ልዕሊ ኹላ ምድሪ ዝመደብክዎ ምኽሪ እዚ እዩ፡ ኣብ ልዕሊ ኹሎም ኣህዛብ እተዘርግሐት ኢድ እዚኣ እያ።" (ኢሳ 14፡26)*

ዕላማ ኣምላኽ እንታይ እዩ ነይሩ፧ ዕላምኡ ኣርዑት ናይ ባርነት ካብ ኣህዛብ ዓለም ክሰበር እዩ ነይሩ።

ድሕሪ ገለ ምዕራፋት እዚ ዝስዕብ ተጻሒፉ ኣሎ፡

*“መልኣኽ እግዚኣብሄር ወጺኡ ኣብ ሰፈር ኣሶራውያን ሚእትን ሰማንያን ሓሙሽተን ሽሕ ሰብኣይ ወቕዔ። ንጽብሒቱ ኣንጊሆም ምስ ተንስኡ፡ እንሆ፡ ኣብ ኩሉ ሰፍራ ሬሳታት ጸንሕዎም።” (ኢሳ 37፡36)*

ኣምላኽ፣ ኣብ ህይወትካ ዘሎ ኩሉ ኣርዑት ምዉት ከም ሬሳ ክኸውን እዩ ዝደሊ። ምስኡ ኣብ ትሕቲ ኣርዑት ምእንቲ ከምጽኣካ፣ ክድምስሶ ይደሊ ኣሎ።

## ከመይ ኢሉ እዩ ክሰበር፧

*“...እቲ ኣርዑትውን ካብ ሰብሒ እተላዕለ ኺሰበር እዩ።” ኢሳ 10፡27*

- ብዓሚቕ ኣስተምህሮ ኣይድምሰስን እዩ። ብስነ-ኣእምሮ ይኹን ትምህርቲ ኣይድምሰስን እዩ።
- ብመገዲ ማዕዳ፣ ዉድባዊ ኣሰራርሓ ወይ ከኣ ሃይማኖት ኣይድምሰስን እዩ።
- በቲ ሓይሊ ኣምላኽ ዝኾነ ብቅብኣት ናይ መንፈስ ቅዱስ እዩ ዝድምሰስ።

እንተኾነ ዕላማ ኣምላኽ ንምስባር እቲ ኣርዑት ካብ ህይወትካ ሓሊፉ ናብ ኣህዛብ ዓለም እዩ ዝዘጋሕ። ንራእይ ምስባር እቲ ኣርዑት ካብ ኣህዛብ ናይ ዓለም ክትፍጽሞ ምእንቲ ክትክእል ኣብ ህይወትካ ንዘሎ ኣርዑት ናይ ባርነት ክሰብሮ ይደሊ ኣሎ፡

*“ኣብ ልዕሊ ኹላ ምድሪ ዝመደብክዎ ምኽሪ እዚ እዩ፡ ኣብ ልዕሊ ኹሎም ኣህዛብ እተዘርግሐት ኢድ እዚኣ እያ። እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት መዲብዎ እዩ እሞ፡ መን ከንቱ ይገብሮ፧ ኢዱ ተዘርጊሓ ኣላ፡ መንከ ይመልሳ፧” (ኢሳ 14፡26-27)*

## ዉጽኢት ምስባር እቲ ኣርዑት

ኣምላኽ ከምዚ ኢሉ ኣሎ፡

*“እቲ ኣነ ዝፈትዎ ጾምሲ ንመኣሰር እከይ ምፍታሕ፡ ንማእሰርቲ ኣርዑት ምዝላቕ፡ ንጥቑዓት ምውጻእ ሓራ፡ ኣርዑት ዘበለ ኹሉውን ምስባርዶ ኣይኮነን፧” (ኢሳ 58፡6)*

ቀጺሉ ዉጽኢት ምስባር እቲ ኣርዑት ዘርዚሩ ኣሎ፡

*“ሽዑ ኽትጸውዕ፡ እግዚኣብሄር ከኣ ኪመልሰልካ፡ ከተእዊ፡ ንሱ ድማ፡ እኔኹ፡ ኪብል እዩ። ነርዑት፡ ንምውጥዋጥ ኣጻብዕ፡ ንሕማቕ ዘረባ ኻኣ ካብ ማእከልካ እንተ ኣርሐቕካ፡ ካብ ናብ ነፍስኻ ንጥሙይ እንተ መቓልካ፡ ንጭንቕቲ ነፍሲ እንተ ኣጽገብካ፡ ሽዑ ብርሃንካ ኣብ ጸልማት ኪወጽእ፡ ጸልማትካውን ከም ቀትሪ ኪኸውን እዩ። እግዚኣብሄር ንኹሉ ጊዜ ኺመርሓካ፡ ኣብ ምድሪ ኣጻምእ ንነፍስኻ ኼጽግባ፡ ነዕጽምትኻ ድማ ኪበርትዖ እዩ። ንስኻ ኸኣ ከም ዝሰተየ ኣታኽልትን ከምቲ ማዩ ዘይነጽፍ ዓይኒ ማይን ክትከውን ኢኻ። ደቅኻ ነቲ ቐደም ዝዐነወ ኺነድቁ እዮም፡ ንመሰረት ብዙሓት ወለዶ ኽተቘውም ኢኻ። ነዳቒ ፍሩስን፡ መሳፍሮ ዚኸውን መገዲ መዐረይን ተብሂልካ ኽትስመ ኢኻ።” (ኢሳ 58፡9-12)*

እቶም ዉጽኢት ምስባር ኣርዑት ናይ ባርነት እዚኦም እዮም፡

- ድምጺ ኣምላኽ ክትፈልጦ ኢኻ። ሽዑ ክትጸውዕ፣ እግዚኣብሄር ከኣ “እኔኹ” ኢሉ ክመልሰልካ እዩ። (ፍቅዲ 9)
- ኣብ ምፍጻም ናይ ራእይኻ ዕዉት ክትከውን ኢኻ። ብርሃንካ ኣብ ጸልማት ክወጽእ እዩ፣ እዚ ከኣ መግለጺ ዓወት እዩ። (ፍቅዲ 10)
- ጎይታ ቀጻሊ ክመርሓካ እዩ። (ፍቅዲ 11) -ንሱ ሰንቅኻ ይኸውን። (ፍቅዲ 11)
- ፈራዪ ትኸውን። (ፍቅዲ 11-12)
- ንስኻ ከምታ ፈራዪት ዝኾነት ዝሰተየት ግራት ትኸውን። ንስኻ ፈራዪ ትኸውን፣ እቶም ኣብ መንፈሳዊ ዓለም ዘፍረኻዮም ድማ ፈረይቲ ይኾኑ። ነቲ ዝኣረገ ህንጻታት ኣብ ቅኑዕ መሰረት ምእንቲ ክነድቁ ክትንስኡ እዮም።

ኣምላኽ ንእስራኤል ኣብቲ ባህርያዊ ዓለም ተስፋ ሂብዎም እዩ፡

*“ኦም መሮር ፍሪኡ ኼፍሪ እዩ፣ ምድሪውን ብቑላ ኽትህብ እያ፣ ኣብ ሃገሮም ከኣ ሃዲኦም ኪነብሩ እዮም። ኣነ ሰንሰለት ኣርዑቶም ምስ ሰበርኩ...ሽዑ ኣነ እግዚኣብሄር ምዃነይ ኪፈልጡ እዮም።” (ህዝ 34፡27)*

**ኣብ መንፈሳዊ ዓለም እዚ ብተመሳሳሊ ሓቂ እዩ። ምስባር እቲ ኣርዑት መንፈስዊ ፍርያምነት እዩ ዉጽኢቱ።**

**እቲ ኣረገቲ ስርዓተ መርበብ ዘይብቑዕ፣ ዝተሰብረን ባዶን እዩ። ነቲ ብርኩት እቶት ምህርቲ ከሳሲ ኣይክእልን እዩ። እቲ ኣረገቲ ኣርዑት ናይ ባህሊ፣ ሃይማኖት፣ ነብሰ-ጻዕርን ዘይተገዳስነትን ክሰበር ኣለዎ። ነቲ ኣብ መንጎ ሓጢኣተኛ ሰብን ጻድቅ ኣምላኽን ዘሎ ሃጓፍ ንምእታዉ ሓደስቲ መሰረታት፣ ሓደስቲ ኣርዑት፣ ሓድሽ ስርዓተ መርበብ ኣድላዩ እዩ። እቲ ራእይ በቶም ነቲ ኣርዑት ዝሰብር ቅብኣት ዝተመኮሩ ሰባት ጥራይ እዩ ዝፍጸም።**

# ርእሰ ገምጋም

1. መሪሕ ጥቕሲ ካብ ዘኽርኻ ጽሓፍ።

______________________________________________

______________________________________________

______________________________________________

2. እቶም ሰለስተ ኣርዑት ባርነት እንታይ እዮም፧

______________ ______________ ______________

3. ንኣርዑት ኣምላኽ ዝገልጻ ሰለስተ ቃላት ዘርዝር።

______________ ______________ ______________

4. ኣብ መንጎ ኣርዑት ባርነትን ኣርዑት ኣምላኽ ዘሎ ጋግ ንምድልዳል ክትወስዶም ዘለካ ሰለስተ ስጉምትታት እንታይ እዮም፧

______________________________________________

______________________________________________

______________________________________________

5. ኣብ ኢሳይያስ 58 ተመዝጊቡ ዘሎ ሓሙሽተ ውጽኢት ምስባር ኣርዑት ዘርዝር።

______________________________________________

______________________________________________

______________________________________________

______________________________________________

______________________________________________

______________________________________________

## ንዝያዳ መጽናዕቲ

**ገለ ካብቶም ስራሕ እግዚኣብሄር ንኸይትሰርሕ ዝዓገቱኻ ኣርዑት ባርነት እንታይ እዮም፧**

________________**ሓጢኣት**

________________**ሃይማኖት**

________________**ፍርሂ**

_________________**ባህርያዊ ክእለትን ዓቕምን ዘይምህላው**

_________________**ናይ በደል ስምዒት**

________________**ርእሰ ጻዕ ሪ**

_________________ **ካልእ** :____________________________________________________________

**ነዚ ክፍሊ ኣንብብ፡** **ኢሳይያስ** 14፡24-27

**ነዚ መብጽዓ እዚ ጠለብ፡** **ኢሳይያስ** 10፡27

**ነዛ ጸሎት እዚኣ ንጸሊ።**

**ጎይታ፡ በቲ ኣብ መንፈሰይ ዝወለድካዮ ራእይ ግራት ቀውዒ የመስግነካ ኣለኹ።**

**ኣብ ህይወተይ ኩሉ ኣርዑት ባርነት ክትሰብሮ እልምነካ ኣለኹ። ብስም የሱስ ኣርዑት ናይ__________________፣ _________________፣ ___________________ክምኡውን (ኣብ ህይወትካ ዘሎ ኣርዑት ስመ) ።**

**ምስ የሱስ ኣርዑት ኣእትወኒ። ኣብ ህይወተይ ብዙሕ ቀውዒ ዘምጽእ ሓድሽ መርበብ ፍጠር።**

**ሕጂ ስለቲ ንነፍሲ ወከፍ ኣርዑት ባርነት ዝሰበረ ቅብኣት የመስግነካ ኣለኹ። ብስም የሱስ፡**

**ኣሚን።**

# ምዕራፍ ዓሰርተ
# በረኸት ኣህዛብ

## ዕላማታት፤

ነዚ ምዕራፍ ምስ ወዳእኩም ነዞም ዝስዕቡ ክትክእሉ ኢኹም፤

- ንኣህዛብ ክባርኽ ዘኽእሎ መንፈሳዊ ባህርያት ኣብርሃም ኣለሊ።
- ወራሲ መብጽዓታት ኣብርሃም ምኻንካ ኣለሊ።
- ከም ወራሲ ንኣህዛብ ዓለም ክትባርኽ ዘለካ ሓላፍነት ተረዳእ።

## መሪሕ ጥቕሲ፤

*"ናይ ክርስቶስ ካብ ኰንኩም፡ ደጊም ዘርኢ ኣብርሃም ኢኹም፡ ከምቲ ተስፋውን ወረስቲ ኢኹም።" (ገላ 3፡29)*

### መእተዊ

ኣብርሃም ኣቦ ብዙሓት ኣህዛብ ክኸውን ብእግዚኣብሄር ዝተመርጸ እዩ። ብእኡ ኩሎም ኣህዛብ ምድሪ ክባረኹ እዮም።

*"ቃለይ ስለ ዝሰማዕካ ድማ ህዝብታት ኵላ ምድሪ ብዘርእኻ ኪባረኹ እዮም፡ በሎ።" (ዘፍ 22፡18)*

ሓድሽ ኪዳን ኩሎም ኣመንቲ ወረስቲ ናይቲ ኣምላኽ ንኣብርሃም ዝሃቦ ተስፋታት ምኻኖም ይገልጽ። "ወራሲ" ምኻን ማለት ካብኡ ወረስካ ማለት እዩ፤

እምበኣርሲ እቶም ብእምነት ዘለዉ ደቂ ኣብርሃም ምኻኖም ፍለጡ።

*"እምብኣርከ እቶም ካብ እምነት ዘለዉ፡ ንሳቶም ደቂ ኣብርሃም ምኻኖም ፍለጡ። እቲ ጽሑፍውን፡ ኣምላኽ ነህዛብ ብእምነት ከም ዜጽድቖም፡ ቅድም ርእዩ፡ ንኣብርሃም፡ ኵሎም ኣህዛብ ብኣኻ ኪባረኹ እዮም፡ ኢሉ ኣቐዲሙ ኣበሰሮ። እምብኣርስኸ እቶም ካብ እምነት ዘለዉ ምስ ኣብርሃም፡ ምስቲ ኣማኒ፡ ኪባረኹ እዮም።" (ገላ 3፡7-9)*

ብየሱስ ክርስቶስ ዘርኢ ኣብርሃም ስለ ዝኾንካ ወራሲ ኢኻ ኢሉካ ኣሎ።

*"ናይ ክርስቶስ ካብ ኰንኩም፡ ደጊም ዘርኢ ኣብርሃም ኢኹም፡ ከምቲ ተስፋውን ወረስቲ ኢኹም።" (ገላ 3፡29)*

ከም ዘርኢ ኣብርሃም ወራሲ ተስፋ ድሕነት ኮይንካ ኣሎኻ። እዚ ክነሱ ከም ወራሲ መጠን ንስኻ ንኣህዛብ ዓለም ብስራት ወንጌል ክትባርኾም እውን ተኣዚዝካ ኢኻ።

ኣብ ትሕቲ እዚ ተልእኻዊ ትእዛዝ ኾይንካ ጉቡእካ ክትሓትት ተነጊሩካ ኣሎ።

*"ኣህዛብ ንርስትኻ፣ ወሰናት ምድሪ ኸኣ ንጥሪትካ ኽህበካስ፣ ለምነኒ።" (መዝ 2፡8 (መዝሙር 2፡8)*

ብኣብርሃም ኣቢሎም ህዝብታት ዓለም ክባረኹ ነበርዎም። ከምኡ ኸኣ ብየሱስ ኣቢሎም ኣህዛብ ርስትኻ እዮም።

### መንፈሳዊ ጠባያት

እዞም ዝስዕቡ፣ ንኣብርሃም ዝነበርዎ መንፈሳዉያን ጠባያት ኮይኖም፣ ንሱ በረኸት ንኣህዛብ ንክኸውን ዘብቐዕዎ እዮም፣ ከምኡ'ውን እዞም ጠባያት ምስ ራእይ ናይ እቶት ምህርቲ ብኸመይ ይዛመዱ የብርሁ።

## ምሉእ ብምሉእ ርዱእ እዩ ነይሩ፡

ኣብርሃም ነቲ ኣምላኽ ዘርኣዮ ራእይ ኣሚንዎ ነይሩ እዩ። ብመገዱ ኣቢሉ ኣምላኽ ንህዝብታት ዓለም ከም ዝባርኽ ምሉእ ብምሉእ ርዱእ ነይሩ፡

*"ነታ ዝሃቦ ተስፋ ኺገብራውን ክእለት ከም ዘለዎ፡ ኣጸቢቑ ተረዲኡ ነበረ።" (ሮሜ 4፡21)*

ነቲ ራእይ ናይ እቶት ምህርቲ ክዉን ክኸውን፣ ብምልኣት ርዱእ ክትከዉን ኣለካ። ኣምላኽ ብርኩት እቶት ተስፋ ሂቡ እዩ። ስትራቴጂታትን ስነ-ኣገባባትን ውን ቀሪቡ እዩ። ንስኻ ከም ዓያዩ ንህዝብታት ምድሪ ክትባርኽ ኢኻ ተጸዊዕካ።

## ኣብ መንፈሳዊ ነገራት እዩ ኣዉፊሩ፡

ኣብርሃም ምሉእ ህይወቱ ነቲ ኣብ ባህርያዊ ዓለም ዘይርአ ዝነበረ እዩ ኣዉፊሩ። ኣብርሃም ገና ነታ ሃገር ከይረገጻ ከሎ፣ ኣምላኽ ተስፋ ናይ ጽብቕቲ ምድሪ እዩ ሂብዎ፡

*"ኣብኡ ድማ መርገጽ እግሪ ዚኣክል እኳ ርስቲ ኣይሀቦን፡ ውሉድ ዜብሉ ኸነሱስ፡ እቲ ምድሪ ንእኡን ብድሕሪኡውን ንዘርኡን ከም ዘረስትዮ፡ ኣተስፈዎ።" (ግብ 7፡5)*

ኣብርሃም ዝረአያ ምድሪ ተተስፍያትሉ ነይራ እያ። ገና ንዘይነበሮ ዉሉድ ተተስፊያትሉ ነይራ እያ። ኣብርሃም ግን ንኣምላኽ ኣይጠርጠሮን። ተስፋ ኣምላኽ ኣብ መጻኢ ወለዶታት ምእንቲ ክፍጸም፣ ህይወቱ ኣብቲ መደብ ኣምላኽ እዩ ኣዉፊርዎ።

እቲ ራእይ ናይ እቶት ብባህሪኡ ዘልኣለማዊ እዩ። ምሉእ ህይወትካ ኣብቲ ዘይረአ ብምዉፋር ኢኻ እተሕልፎ። እቲ ዉጽኢት ግን ዘልኣለማዊ እዩ። ነቲ ራእይ ስለዝፈጸምካዮ ዝመጹ ወለዶታት ክባረኹ እዮም።

## ነቲ ጻዉዒት እዙዝ እዩ ነይሩ፡

ኣብርሃም፣ ናብቲ ድሒሩ ከም ዉርሻ ንዝረኽቦ ቦታ ክኸይድ ብኣምላኽ ምስ ተጸወዐ፣ ተኣዚዙ እዩ፡

*"ኣብርሃም ናብቲ ንርስቲ ኪቕበሎ እተኣመመሉ ስፍራ ኺወጽእ ምስ ተጸውዔ፡ ብእምነት ተኣዘዘ፡ ናበይ ከም ዚኸይድ ከይፈለጠውን ወጸ።" (እብ 11፡8)*

ናብቲ ራእይ እቶት ምህርቲ ክትጽዋዕ ጥራይ ኣኻሊ ኣይኮነን። ነቲ ጻዉዒት ብምእዛዝ ግብረ መልሲ ክትህበሉ ኣለካ፡

*"ቃለይ ስለ ዝሰማዕካ ድማ ህዝብታት ኲላ ምድሪ ብዘርእኻ ኪባረኹ እዮም፡ በሎ።" (ዘፍ 22፡18)*

## ንበይኑ ደዉ ኩብል ፍቓደኛ እዩ ነይሩ፡

ኣምላኽ ብዛዕባ ኣብርሃም ከምዚ ኢሉ ኣሎ፡

*"ሓደ በይኑ ኸሎ፡ ጸዊዔዮን ባሪኸዮን ኣብዚሔዮን እየ እሞ፡ ናብ ኣቦኹም ኣብርሃምን፡ ናብታ ዝወለደትኩም ሳራን ኣስተብህሉ።" (ኢሳ 51፡2)*

ኣብርሃም ንበይኑ እዩ ተጸዊዑ። ከም መልሲ ናይቲ ጻዉዒት ዓዱን ስድራኡን ክገድፍ ናይ ግድን ነይሩ።

ብኣምላኽ ንምድሓን ምስ እትጽዋዕ እዚ ዉልቃዊ ጉዳይ እዩ። ነፍሲ ወከፍ ሰብ ነቲ ጻዉዒት ብዉልቁ ግብረ- መልሲ ክህበሉ ኣለዎ። ጻዉዒት ንምህርቲ እቶት ድማ ተመሳሳሊ እዩ። ከም ኣብርሃም፣ ንበይንኻ ኢኻ እትጽዋዕ፡ ክትዉሰን ዘለካ ኸኣ ንስኻ ኢኻ። ነቲ ራእይ ግብረ-መልሲ ምሃብ ንቤትካን ስድራኻን ምሕዳግ ከካትት ይኽእል እዩ። ብርግጽ ካብ ማእከል እቶም ገና ነቲ ራእይ ዘይሓዝዎን ዘይግደስሉን ኣመንቲ ምፍላይ ከድሊ እዩ።

## መንፈሳዊ ራእይ ነይርዎ፡

ኣብርሃም መንፈሳዊ ራእይ ነይርዎ፡

*"ነታ ኣምላኽ ዝሃናጺኣን ዝሰራሒኣን፡ መሰረት ዘለዋ ኸተማ ይጸብ ስለ ዝነበረ..." (እብ 11፡10)*

እቲ ዝነበሮ ራእይ ኣብ መንፈሳዊ ነገራት ዝተመርኮሰ እዩ ነይሩ። ራኢኡ ኣምላኽ ዝሃናጺኣ ሓንቲ ከተማ እያ ነይራ። ኣብ ጓና ምድሪ ክነብር፣ ድንኳናት ዝማሕደሩ ክኸውን፣ ካብ ቤቱን ስድርኡን ክፍለ ገይርዎ። እቲ ራእይ ንህይወቱ ለዊጥዎ።

ራእይ እቲ እቶት ምህርቲ ንህይወትካ ለዊጥዎ እዩ። ካብ ሕጂ ንንየዉ ከምቲ ዝነበርካዮ ኣይትኸዉንን ኢኻ። ብምድራዊ ነገራት ናይ ህይወት ዕጉብ ኣይትኸዉንን ኢኻ። ዘልኣለማዊ ዕላማ ኢኻ እተናዲ።

## ንኣምላኽ ብጥብቂ ይፈልጦ ነይሩ፡

ኣብርሃም “ዓርኪ ኣምላኽ” ተባሂሉ እዩ ተጸዊዑ፡

*“እቲ፡ ኣብርሃም ንኣምላኽ ኣመኖ እሞ ንጽድቂ ኾይኑ ተቘጽረሉ፡ ዚብል ጽሑፍ ተፈጸመ፡ ፍቁር ኣምላኽውን ተባህለ።” (ያቆ 2፡23)*

ነቲ ራእይ ክትፍጽሞ ምእንቲ ምስ ኣምላኽ ጥቡቕ ዉልቃዊ ዝምድና ከድሊ እዩ። መገድታቱ ክትመሃር ኣለካ፡ ድምጹ ድማ ክትሰምዕ ክትክእል ኣለካ፡ ዓርኪ ኣምላኽ ክትከውን ኣለካ።

## ተስፋ ዝመልአ ነይሩ፡

*“ጳዉሎስ ብዛዕባ ኣብርሃም ከምዚ ኢሉ ኣሎ፡ ከምቲ ብሁል ድማ፡ ዘርእኻ ኸምዚ ኪኸውን እዩ፡ ተስፋ ኣብ ዜብሉስ፡ ኣቦ ብዙሓት ኣህዛብ ኪኸውን ብተስፋ ኣመነ።” (ሮሜ 4፡18)*

ወዲ እኳ እንተዘይነበሮ፣ ኣብርሃም ኣቦ ብዙሓት ክኸውን ተስፋ ተቐቢሉ እዩ። ኣብቲ ባህርያዊ ዓለም እዚ ከንቱ እዩ ዝመስል። እንተኾነ ኣብ ተስፋ ኣልቦነት ኣብርሃም ኣብ ተስፋ ኣሚኑ።

ኩነታትካ ብዘየገድስ፣ ተስፋ ኣልቦነት ዘለኻዮ ህልዉና ብዘየገድስ፣ ኣምላኽ ናብ ራእይ እቶት ምህርቲ ከም ዝጸወዓካ ፍለጥ፣ እዚ ከኣ ክፍጸም እዩ።

*“ንተስፋ ኣልቦነት፣ “ዝሃቦ ተስፋ፣ ኺገብራውን ክእለት ኣለዎ” (ሮሜ 4፡21)* ብዝብል ተኣማማንነት ግጠሞ ኢኻ።

## ጽኑዕ እምነት ነይርዎ፡

*“ግናኸ ንኣምላኽ ክብሪ እናሃበ ንምእማን በርትዔ እምበር፡ ነታ ተስፋ እምላኽ ብዘይምእማኑ ኣይተዋላወለን።” (ሮሜ 4፡20)*

እቲ ራእይ ቅድሚ ምኻኑ ንኣምላኽ ስለ ምፍጻም እቲ ራእይ ብምምስጋኑ፣ ክሳዕ ክንድዚ ዝኣክል እምነት ነይርዎ። ኣምላኽ ተስፋ ዝሃቦ ዝኾነ ነገር ክገብሮ ከም ዝኽእል ኣጸቢቑ ርጉጽ ነይሩ (ሮሜ 4፡20)።

ዕብየት እቲ ኣምላኽ ንዓኻ ጸውዒሉ ዘሎ ራእይ ካብ ብዝሑ ዝተላዕለ ኣዝዩ ዘዕለቕለቕ እዩ...እዚ ማለት ሰለስተ ቢልዮን ዝኾኑ ሰባት ገና መልእኽቲ ወንጌል ዘይበጽሖም ኣለዉ። እዚኦም እቶም ረሲኣን እዮም፡ ዉርሽኻ እውን እዮም። ብመንገድኻ ገይሮም እዮም ዝባረኹ።

ስለዚ ኣብ ተስፋ ኣምላኽ ሰንከልከል ኣይትበል። ንግዝፊ እቲ ኣብ ቅድሚኻ ዘሎ ዕማም ኣይትርአ፣ ንዕብየት ኣምላኽ ደኣ ጠምት። ኣምላኽ ተስፋ ብርኩት መንፈሳዊ እቶት ምህርቲ ሂቡ እዩ። ከም ኣብርሃም ኩን... ...

*“ተስፋ ኣብ ዜብሉስ...ብተስፋ ኣመነ።” (ሮሜ 4፡18)*

## ጻድቕ እዩ ነይሩ፡

ኣብርሃም ንኣምላኽ ስለዝኣመነ፡

*“. . ስለዚ ድማ ንጽድቂ ተቘጽረትሉ።” (ሮሜ 4፡22)*

ኣብዚ ስልጠና ኣቀዲምካ ከም ዝተመሃርካዮ፣ መሰረት ናይ ዕዮኻ ኣብቲ እቶት ምህርቲ ብጽድቂ ክኸውን ኣለዎ።

## ትሑት ነይሩ፡

ጳዉሎስ ጠቒስዎ ከም ዘሎ ኣብርሃም ንኣምላኽ እዩ ክብሪ ሂቡ (ሮሜ 4፡20) ።

ፍጻሜ እቲ ራእይ ብኣምላኽ ጥራይ ከም ዝመጽእ ኣብርሃም ይፈልጥ ነይሩ እዩ። ኣምላኽ በይኑ ነቲ ክብሪ ክቕበሎ ኣለዎ።

ኣምላኽ ኣብ ግራሁ እቶት ናይ ኣህዛብ ዓለም ዓቢ ራእይ ሂቡካ ኣሎ። እቲ ፍጻሜ ግን ብመገዱ ጥራይ እዩ ዝመጽእ። ክብሪ እቲ ራእይ ወይ ዉጽኢት እቲ እቶት ንስኻ ክትወስዶ ኣይትኽእልን ኢኻ። ክብሪ እቲ ዝተፈጸመ ራእይ ናብ ኣምላኽ ክኸይድ ኣለዎ።

## ሰለማዊ እዩ ነይሩ፡

ኣብ ኦሪት ዘፍጥረት 13 ዓሶት ሎጥን ኣብርሃምን ብምኽንያት ማይ ባእሲ ኣጋጢምዎም ነይሩ። ኣብርሃም ነቲ ጸገማት ብሰለማዊ መገዲ እዩ ፈቲሕዎ።

እቲ ኣብ ልደት የሱስ ብመላእኽቲ ዝተዋህበ መልእኽቲ ናይ ሰላም እዩ ነይሩ። እቲ ናብ ኣህዛብ እትወስዶ ወንጌል መልእኽቲ ሰላም እዩ፣ ምኽንያቱ ሓቐኛ ሰላም ብኣምላኽ ጥራይ ስለዝመጽእ።

## ፍቓድ ኣምላኽ ክገብር ፈጣን ነይሩ፡

ኣምላኽ ንኣብርሃም ብዛዕባ እቲ ኣብ መንጎኦም ዝህሉ ኪዳን ምልክቱ ግዝረት ምዃኑ ምስ ተዛረቦ፣ መጽሓፍ ቅዱስ ከም ዝነግረና፣ ልክዕ ኣብታ ኣምላኽ ዝተዛረበላ መዓልቲ ኣብርሃም ኣብ ቤቱ ንዝነበሩ ኩሎም ደቂ-ተባዕትዮ ዘበሉ ገዚርዎም እዩ (ዘፍ 17) ።

ድሒሩ ኣምላኽ ንኣብርሃም ዝሃቦ ተስፋ ፈጺምዎ እዩ፣ ኣብርሃምን ሰበይቱ ሳራን ድማ ወዲ ወሊዶም። ድሕሪ ልደት ይስሓቕ፣ ኣምላኽ ንኣብርሃም ሓንቲ ከባድ ፈተና ሂብዎ። ንወዱ ክሰዉእ ነጊርዎ (ዘፍ 22) ።

ኣብ ይስሓቕ መጻኢ ተስፋ ኣምላኽ ነይሩ። ንሱ፣ ወለዶታት ኣብርሃም ዝመጽሉ ወራሲ እዩ ነይሩ። ይስሓቕ እቶም ንበረኸት ዓለም ዝኾኑ ህዝቢ እስራኤል ዝመጽሉ መገዲ እዩ ነይሩ። ኣምላኽ ግን ንኣብርሃም ወዱ ከም መስዋእቲ ክዉፍዮ ሓቲትዎ።

ኣብ ዘፍ 22:3 ተመዝጊቡ ከም ዘሎ፣ ኣብርሃም ነቲ መልእኽቲ ካብ ኣምላኽ ምስ ተቐበሎ፣ ነቲ መምርሒ ንምእዛዝ "ኣንጊሁ ተንሲኡ" ከም ዝኸደ ንርኢ። ወላ'ውን ፍቓድ ኣምላኽ ኣሸጋሪ እንተነበረ፣ ኣብርሃም ኣይተደናገየን። ኣምላኽ ምስ ዝዛረብ ቀልጢፉ ይገብር ነይሩ። ብምኽንያት ተኣዛዝነቱ ኣምላኽ ካልእ መስዋእቲ ኣዳልዩ፣ ህይወት ይስሓቕ ከኣ ተማሒራ።

ኣብ ግራት እቶት ምህርቲ ዘሎ ዕዮ ኩሉ ግዜ ቀሊል ኣይክኸዉንን እዩ፣ ግን ኣምላኽ ምስ ዝዛረብ ቀልጢፍካ ክትገብር ኣለካ። ተኣዚዝካ ንቅድሚት ምስ እትሱጉም፣ ኣምላኽ ከኣ ኩሉ ግዜ ኣብ ክንዳኻ ይንቀሳቐስ። ኣብዚ ከነስተብህሎ ዘለና፣ ኣብርሃም ብጉዳይ ይስሓቕ ዝምልከት መምርሒታት ኣምላኽ ከም መስዋእቲ ኣይገለጾን። ንሱ ነዚ ኣምልኾ ኢሉ እዩ ጸዊዕዎ። እቲ ዝለዓለ ገጽ ናይ ኣምልኾ ክንየ እቲ ነፍቕሮ ይስሓቕ፣ ንኣምላኽ ምጥማት እዩ።

ኣምላኽ ራእይ ሂቡካ ኣሎ፣ እዚ ከኣ ንህይወትካ ቐይርዎ እዩ። እቲ ራእይ ግን ሓለፋ ኣምላኽ ኣገዳሲ ክኸዉን ኩቶ የብሉን። ቀዳማይ ሓላፍነትካ ምስኡ ዘለካ ዝምድና እዩ።

ዝለዓለ ተወፋይነት ናይ ኣብርሃም ንይስሓቕ ድዩ ወይስ ንኣምላኽ፡ ምእንቲ ክርኢ፣ ኣምላኽ ንኣብርሃም መኩርዎ። ንተወፋይነትካ ዝሕዞ ኩሉ ግዜ ኣምላኽ ክኸዉን ኣለዎ። እቲ ራእይ ንወሃቢ እቲ ራእይ ክትክእ ኣይክእልን እዩ።

## ንኣምላኽ ተንቃሳቓሲ እዩ ነይሩ፡

ኣብርሃም፣ ንኣምላኽ ኢሉ ኣብ ኩሉ ጉዕዝኡ ንምንቅስቓስ ዘኽእሎ ቀሊል ናብራ እዩ ዝነብር ነይሩ። ትእዛዝ ኣምላኽ ኣብ ዝቐበለሉ ቀልጢፉ ክንቀሳቐስ ይኽእል ነይሩ (ዘፍ 12) ።

## ንድሕሪት ኩቶ ኣይጠመተን፡

ኣብርሃም ናብቲ ኣምላኽ ዝገበሮ ሓደስቲ ነገራት ደኣ እምበር፣ እቲ ንድሕሪት ዝገደፎ ኣረጊት ህይወት ኣይበሃገን፡

> *"ብዘይ እምነት ግና ንኣምላኽ ከስምርዎ ኣይከኣልን እዩ። እቲ ናብ ኣምላኽ ኪመጽእ ዚደሊ፡ ንሱ ኸም ዘሎን ነቶም ዚደልይዎ ዓስቢ ኸም ዚህቦምን፡ ኪኣምን ይግብኦ እዩ።" (እብ 11:6)*

## ኣብ ምግላጻዊ ፍልጠት ይመላለስ ነይሩ፡

ኣብርሃም ኣብ ክንዲ ሰብኣዊ ኣረዳድኣ ኣብቲ ካብ ኣምላኽ ዝረኸቦ ምግላጽ እዩ ዝሰርሕ ነይሩ፡

> *"እግዚኣብሄር ድማ፡ እቲ ኣነ ዝገብሮ ኻብ ኣብርሃምዶ ኽሓብኦ እየ?" (ዘፍ 18:17)*

## ንባህርያዊ ብቕዓቱ ኣይረኣየን፡

ተስፋ ኣምላኽ ንኣህዛብ ካብ ሓደ "ዳርጋ ዝሞተ" እዩ መንጭዩ። ኣብቲ ባህርያዊ ዓለም ኣብርሃም መደብ ኣምላኽ ክፍጽም ክእለት ኣይነበሮን፡

*"ስለዚ ድማ ካብ ሓደ፡ ንሱውን ከም ምዉት ክነሱስ፡ ከም ከዋኽብቲ ሰማይን ከምቲ ዘይቍጸር ኣብ ገምገም ባሕሪ ዘሎ ሑጻን ዝምብዛሖም ተወልዱ።" (እብ 11፥12)*

## ንኣምላኽ ደልዩ፥

ዘፍ 12 ኣብርሃም ከመይ ገይሩ መሰዉኢ ከም ዝሰረሐን ብስም እግዚኣብሄር ከም ዝተማህለለን ይገልጸልና።

## ናይ ካልኦት ሓላፍነት ይሰክም ነይሩ፥

ኣብ ዘፍ 14 ዘሎ ታሪኽ ኣብርሃም ሎጥን ኣንብቦ። "ክርስትያን ዓለም" ክትከውን እንተ ደሊኻ፣ ኣብ ዓለም ዘለዉ ኣብ ከባቢኻ ዝርከቡ ጸገማት ሓላፍነት ክትስከም ኣለካ።

## ለጋስ ነይሩ፥

ኣብርሃም ካብ ኩሉ ዘለዎ ዕሽር ይህብ ነይሩ፡

*"እቲ ንጸላእትኻ ኣብ ኢድካ ኣሕሊፉ ዝሀበካ ልዑል ኣምላኽ ከኣ ብሩኽ ይኹን፡ ኢሉ ባረኾ። ኣብራም ድማ ካብ ኵሉ ዕሽር ሀቦ።" (ዘፍ 14፥20)*

## ኣብ ጓና ምድሪ ክቕመጥ ፍቓደኛ ነይሩ፥

*"…ብእምነት ኣብታ ምድሪ ተሰፋ ኸም ኣብ ምድሪ ጓና ኰይኑ ተቐመጠ እሞ ምስቶም ነዛ ተሰፋ እዚኣ መዋርስቱ ይስሃቅን ያእቆብን ኣብ ድንኳን ይነብር ነበረ።" (እብ 11፥9-10)*

ባህሊ ናይ ካልኦት ከኽብር ፍቓደኛ ነይሩ። ንኣብነት፣ ልማድ ከም ዝነበረ ኣብ ቅድሚ ህዝቢ እታ ሃገር ሰጊዱ፡

*"ኣብርሃም ከኣ ኣብ ቅድሚ ህዝቢ እታ ሃገር ሰገደ።" (ዘፍ 23፥12)*

## ከምቲ ናቱ ተወፋይነት ዘለዎም ሰብኡት ኣፍርዩ፥

እዚ ኣብ ህይወት ጊልያኡ ዝነበረ ኣልኣዛር ንርእዮ (ዘፍ 24)

## ክብሪ ንኣምላኽ ሂቡ፥

*"ንጉስ ሶዶም ከኣ ንኣብራም፡ እቶም ሰባት ሃበኒ፡ እቲ ገንዘብ ድማ ንኣኻ ውሰዶ፡ በሎ። ኣብራም ግና ንንጉስ ሶዶም፡ ኢደይ ናብ እግዚኣብሄር፡ ልዑል ኣምላኽ፡ ጐይታ ሰማይን ምድርን፡ ኣልዐልኩ፡ ንኣብራም ኣነ ኣሃብተምክዎ ኸይትብልሲ፡ ብጃካቲ እቶም ኣጒባዝ ዝበልዕዎ፡ ፈትሊ ኰነ፡ ስራ ኽ ሳእኒ ኰነ፡ ካብ ናትካ ዘበለ ገለኳ ኣይወስድን፡ ግደ እቶም ምሳይ ዝኸዱ ሰባት ድማ፡ ኣኔርን ኤሽኮልን መምሬን፡ ንሳቶም ግዲኦም ይውሰዱ፡ በሎ።" (ዘፍ 14፥21-24)*

ኩሉ ግዜ ኣስተዉዕል ኢኻ፣ እቲ ክብሪ ንኣምላኽ ክኸዉን ኣለዎ።

## እቲ ራእይ ተፈጺሙ

ኣብርሃም፣ መንፈሳዊ ራእይ ዝነበሮ ሰብኣይ…ብመገዱ ህዝብታት ዓለም ክባረኹ ዘለዎም ሰብኣይ እዩ ነይሩ። እቲ ራእይ ከኣ ተፈጺሙ፡

*"ስለዚ ድማ ካብ ሓደ፡ ንሱውን ከም ምዉት ክነሱስ፡ ከም ከዋኽብቲ ሰማይን ከምቲ ዘይቍጸር ኣብ ገምገም ባሕሪ ዘሎ ሑጻን ዝምብዛሖም ተወልዱ።" (እብ 11፥12)*

እቲ ራእይ ንኣብርሃም ክወሃብ ከሎ፣ ሕሉፍ ህይወቱ ዘይፈሪ እዩ ነይሩ፡ ከምኡውን ህልዉ ህይወቱ ዘይፍሪ እዩ ነይሩ። ኣንተኾነ ግን ንኹነታት ገዛእ ርእሱን ንማህጸን ሳራይን ኣይተቀበሎን።

ምናልባት ሕሉፍ ህይወትካ ብመንፈስ ዘይፈረየ ነይሩ ክኸውን ይኽእል እዩ፣ ህልው ህይወትካ ከኣ ዘየፍሪ ክኸውን ይኽእል እዩ። ሕጂ ግን ራእይ ናይ እቶት ምህርቲ ተቀቢልካ ኣለኻ።

ከም ኣብርሃም "ንዘሃቦ ተሰፋ፣ ኺገብሮውን ክእለት ከም ዘለዎ" እንዳ ፈለጥካ፣ ነቲ ዝመጽእ ዘሎ ብኣዒንቲ እምነት ጠምት።

## ርእሰ ገምጋም

1.ነታ መሪሕ ጥቕሲ ካብ ዘኽርኻ ጽሓፍ።

_______________________________________________

_______________________________________________

_______________________________________________

2. ኣመንቲ ወረስቲ ኣብርሃም ምዃኖም ዘርእዩ ክልተ መወከሲ ጥቅስታት ሃቡ፥

_______________________ _______________________

3.ንሕና ወረስቲ መብጽዓ _______________________________ኢና

4. ወረስቲ ሓላፍነት ኣብ_______________________________ኢና

5. ኣብርሃም ንኣህዛብ ዓለም ናይ ምብራኽ ራእይ ክፍጽም ዘኽኣሎ መንፈሳዊ ባህርያት ዘርዝር።

_______________________ _______________________

_______________________ _______________________

_______________________ _______________________

_______________________ _______________________

_______________________ _______________________

_______________________ _______________________

_______________________ _______________________

_______________________ _______________________

_______________________ _______________________

_______________________ _______________________

_______________________ _______________________

## ንዘያዳ መጽናዕቲ

1. ኣብ ታሕቲ ብዛዕባ ኣብርሃም ንኣህዛብ ዓለም በረኸት ዘምጽአ መንፈሳዊ ባህርያት ጽማቕ ኣሎ። ነቲ ንኣህዛብ ናይ ምብራኽ ራእይ ክትፍጽም እንተ ኼንካ፡ ኣብ ህይወትካ ተመሳሳሊ መንፈሳዊ ባህርያት ከተማዕብል ኣለካ። ነፍሲ ወከፍ መንፈሳዊ ባህሪ መርምር ኢኻ ። እቲ ባህሪ ኣብ ናይ ገዛእ ርእስኻ መንፈሳዊ ህይወት ክሳብ ክንደይ ርኡይ ምዃኑ ግለጽ፤

### ጽሬት እዚ ባህሪ እዚ ኣብ ህይውተይ ክሳብ ክንደይ ርኡይ እዩ፧

ምሉእ ብምሉእ ርዱእ ምዃን

---

ኣብ መንፈሳዊ ነገራት ወፍሪ ምግባር

---

እዙዝ ምዃን

---

በይንኻ ደው ንኽትብል ፍቓደኛ ምዃን

---

መንፈሳዊ ራእይ ምህላው

---

ንኣምላኽ ብቐረባ ምፍላጥ

---

ተስፋ

---

እምነት

---

ጽድቂ

---

ትሕትና

---

### ጽሬት እዚ ባህሪ እዚ ኣብ ህይውተይ ክሳብ ክንደይ ርኡይ እዩ፧

ምሉእ ሰለማዊ

---

ፍቓድ ኣምላኽ ንኽትገብር ተደፋፍእ

---

ተንቀሳቓሲ ንኣምላኽ

ንድሕሪት ተመሊስካ ፈጺምካ ኣይትጠምት።

ብምግላጽ ፍልጠት ተመላለስ

ናብ ባህርያዊ ክእለት ኣይትጠምት።

ንኣምላኽ ድለዩ።

ናይ ካልኦት ሓላፍነት ውሰድ

የዋህ

ተመሳሳሊ ተወፋይነት ዘለዎም ሰባት ምምልማል

ንኣምላኽ ክብሪ ሃቦ

ኣብ ዘይትፈልጦ ሃገር ክትነብር ፍቓደኛ ኩን

2. ካብዚ ትንተና ብምብጋስ ኣብዞም ዝስዕቡ መዳያት እንታይ ስጉምቲ ክትወስድ ትኽእል፤ ነቲ ዝኀደለካ መንፈሳዊ ባህርያት ከተማዕብል ትኽእል ዶ፤

መዓልታዊ መጽናዕተይ መጽሓፍ ቅዱስ፤

መዓልታዊ ናይ ጸሎት ህይወተይ፤

ገዛይን ስድራይን፤

ቤተ ክርስቲያነይ፤

ንመጻኢ ዘለኒ መደባት፤

ምስ ራእይ ቀውዒ ዘለኒ ተሳትፎ፤

ፋይናንሰይ፤

# ምዕራፍ ዓሰርተ ሓደ
# እቲ ራእይ ክውንነት ክለብስ ክሎ።

## ዕላማታት፤

ነዚ ምዕራፍ ምስ ወዳእኩም ነዞም ዝስዕቡ ክትክእሉ ኢኹም፤

- እግዚኣብሄር ንዓጸድቲ ኢሉ ዝጽውዖም ዓይነት ውልቀሰባት ምልላይ።
- ብዙሕ መንፈሳዊ ቀውዒ ዝብል መብጽዓ ኣምላኽ ምጥማት።
- ነቲ ራእይ ኣብ ህይወትካ ክውን ምግበር።

## መሪሕ ጥቕሲ፤

*"እንተ ዘይተጸልኣናስ፡ ብጊዜኡ ክንዓጽድ ኢና እሞ፡ ንሰናይ ግብሪ ኣይንሰልኪ።" (ገላ 6፡9)*

### መእተዊ

ነዚ ስልጠና ምስ ጀመርካ ካብ ራእይ ናብ ክውንነት ዝመርሕ ተመኩሮ ኢኻ ጀሚርካ።

ካብ ምዉላድ ራእይ ናይ እቶት ምህርቲ ጀሚርካ፣ ንዓለም ብኣዒንቲ ኣምላኽ ሪእኻያ ኣለኻ፣ ከምኡ'ውን ዕላምኡ ንኣህዛብ ዓለም ተረዲእካዮ ኣለኻ። ንእቶት ምህርቲ ዝኾልፉ ነገራት ተማሂርካ ኣለኻ፡ ከምኡ'ውን ንኣድማዒ እቶት ዘድልዩ ስትራቴጂታት፣ ኣገባባትን መሳረሒታትን ሪእኻ ኣለኻ። ንኣርዑት ባርነትን ባህልን ሰርካዮም ኣለኻ፣ ሓድሽ ተመኩሮ ናይ ሓይሊ ኣምላኽ ድማ ረኺብካ ኣለኻ

ኣብዚ ናይ መወዳእታ ምዕራፍ፣ ኣካል ምፍጻም እቲ ራእይ እንዳኮንካ ምስ እትኸይድ፣ እቲ ራእይ ክዉን ይኸው

### ኣምላኽ ንመን እዩ ዝጥቀም፤

ንራእይ እቶት ምህርቲ፡ ንምፍጻም ኣምላኽ ንመን ይጥቐመሉ፧ ወንጌል ንኣህዛብ ዓለም ንክዝርጋሕ፣ እንታይ ዓይነት ሰብ እዩ ዝጽዉዕ፧

ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ፣ ወንጌል ማርቆስ 16 ኣንብቦ ኢኻ። እዚ ምዕራፍ መልሲ ነቶም ኣብ ላዕሊ ዘለዉ ሕቶታት ይሓቑፍ። ኣብዚ ምዕራፍ፣ እተን ሰዓብቲ የሱስ ዝነበራ ኣንስቲ ንሬሳኡ ክቀብኣ ኣብቲ መቓብር ንረኽበን። ኣብቲ መቓብር ምስ በጽሓ ዘጋጠመን እዚ እዩ… …

*"ጻዕዳ ኽዳን እተኸድነ በጽሒ ኣብ የማን ተቐሚጡ ረአያ፡ ሰምበዳ ኸኣ። ንሱ ድማ ፥ ኣይትሰምብዳ፡ ንስኻትክንሲ ነቲ እተሰቕለ የሱስ ናዝራዊ ትደልያ ኣሎኽን። ተንሲኡ፡ ኣብዚ የሎን። እታ ኣብኣ ዘንበርዎ ቦታ፡ እንሃ።"*
*(ማር 16፡5-6)*

እተን ኣንስቲ ነዚ ጽቡቕ ዜና ምስ ደቀ-መዛሙርቲ ከካፍላ ኢለን ተመሊሰን። ወላ'ኳ የሱስ ንማርያም መግዳላዊት ብግሁድ እንተተገልጸላ፣ ደቂ-መዛሙርቲ የሱስ ከም ዝተንሰአ ኣይኣመኑን ነይሮም (ማር 16፡11) ። ድሒሩ የሱስ ንክልተ ካብ ደቂ-መዛሙርቲ ኣብ መገዲ እንዳኸዱ ከለዉ ተጓነፎም። ነቶም ካልኦት ምስ ነገርዎም፣ ኣይኣመንዎምን ነይሮም (ማር 16፡12-13) ።

መጨረሽትኡ የሱስ ንደቂ-መዛሙርቱ ተገሊጽሎም፣ ሽዑ ከኣ… …

*"ነቶም ተንሲኡ ዝረኣይዎ ኣይኣመንዎምን እዮም እሞ፡ ሰለቲ ዘይምእማኖምን ትሪ ልቦምን ከኣ ዘለፎም።" (ማሪ 16፡14)*

ብዛዕባ ዘይምእማኖም ምስ ተዛረበ፣ ኣሰዒቡ እዚ ዝስዕብ ኢልዎም፡

*"...ናብ ኵላ ዓለም ኪዱ፡ ንብዘሎ ፍጥረት ከኣ ወንጌል ሰበኹሉ።" (ማር 16፡15)*

ብሓቂ የሱስ ተጋግዩ እዩ ነይሩ! እዞም ሰባት እዚኦም ኣብ ክንዲ ንትንሳኤኡ ዝጽንብሉ፣ ንሬሳ ብዘይቲ ክለኽዩ ኢሎም ዝኸዱ እዮም። እዞም ሰባት ኣብቲ ዝኸበደ ናይ ቅልዉላዉ ሰዓት ዝደቀሱ፣ ዝኸሓድዎ፣ ካብ ፍርሒ ዝተላዕለ ድማ ዝተሓብኡ እዮም።

የሱስ ነዞም ሰባት ንሞቱን ትንሳኤኡን ከዳልዎም ኢሉ ሰለስተ ዓመት እዩ ኣጥፊኡ፣ ግን ኣብ ግዜ ቅልዉላዉ ክሒዶሞ፣ ንጸብጻብ ዓይኒ ምስክር ናይ ትንሳኤኡ ድማ ምእማኑ ኣብዮም። ኣብ መጀመርታ ስለ ዘይምእማኖም የሱስ ይእርሞም ነይሩ። ቀጺሉ ድማ በቲ ኣብ ኣህዛብ ዓለም ዘሎ ራእይ ናይ መንፈሳዊ ግራህ እቶት ክብድሆም ከሎ ንርእዮ።

ከመይ ገይሩ እዩ መጻኢ ናይ ወንጌል ኣብ ኢድ እዞም ደቂ መዛሙርቲ ዝገደፎ፧

እቲ ምኽንያት፣ ንዕኦም ከምቲ ዘለዉዎ ኣይኮነን ዝርእዮም ዝነበረ። ንሕሉፍ ተግባራቶም ወይ ህልዉ ኩነታቶምን ኣይኮነን ዝርኢ ነይሩ። ነቲ ብሓይሊ መንፈስ ቅዱስ ምስ ተመልኡ፣ ዝኾንዎ እዩ ዝርኢ ነይሩ።

ኣምላኽ ንሕሉፍ ታሪኽካ፣ ዉድቀታትካ፣ ጥርጥራትካ ወይ ዘይምእማንካ ኣይኮነን ዝርኢ፡ ብሓይሊ መንፈስ ቅዱስ ክትኮኖ እትኽእል እዩ ዝርኢ ዘሎ።

## እቶም ኣምላኽ ዝተጠቕመሎም ሰባት

እስከ እግዚኣብሄር ዕላማታቱ ንምፍጻም ኣብ ታሪኽ ዝዘተጥቕመሎም ሰባት ንርአ።

### ያቆብ፡

ኣምላኽ ኣብ መንጎ እቲ ንበኹርና ኣዝዩ ዝበሃገ እሞ ንምርካባ ድማ ዘታለለ ያቆብን፣ እቲ ንበኹርናኡ ብዙሕ ዘይተገደሰላ ብቐይሕ ጸብሒ ብርስን ዝሸሰራ ኤሳዉን እዩ ክመርጽ ዝተገደደ። እንተኾነ ግን ንህዝቢ እስራኤል ከምጽእ ንያቆብ እዩ ተጠቒምሉ።

### ኣብርሃም፡

ኣብርሃም ኣቦ ብዙሓት እዩ ክኸውን ተባሂሉ። እዚ ምግላጽ ካብ ኣምላኽ ምስ ተቀበለ፣ ብገጹ ተደፊኡ ብዘይምእማን ከኣ ስሒቑ (ዘፍ 17፡17) ። ድሒሩ እዚ ዓቢ ናይ እምነት ሰብ፣ ንህይወቱ ስለ ዝፈርሓላ፣ ንጸላእቱ ብምሕሳዉ ሳራ ሓፍቱ ምኻና እዩ ተዛሪቡ። ምስ እዚ ኩሉ ግን፣ ኣብርሃም "ዓርኪ ኣምላኽ" ተባሂሉ ተጸዊዐ፣ ኣቦ ብዙሓት ህዝብታት ከኣ ኮነ።

### ሙሴ፡

ብዘይምእዛዙ ናብታ ናይ ተስፋ ምድሪ ክኣቱ ኣይከኣለን፣ ገና ግን ንክልተ ሚልዮን ሰባት ካብ ባርነት ግብጺ ነጻ ኣዉጺኡ፣ ብመሰረት መደብ ኣምላኽ ድማ ብበረኻ መሪሕዎም።

### ዳዊት፡

ሰበይቲ ካልእ ሰብኣይ ወሲዱ፣ ሓጢኣቱ ክሸፍን ድማ ነቲ ሰብኣይ ቀቲልዎ፣ እንተኾነ "ከም ልቢ ኣምላኽ" ተባሂሉ ተጸዊዑ፣ ኣምላኽ ድማ ነታ መንግስቲ ሂብዎ።

### ጊደዎን፡

ኣምላኽ ንእስራኤል ከናግፎም ክጽዉዖ ከሎ፣ ጊደዎን ካብ ፍርሒ ናይ ጸላኢ ዝተላዕለ ስርናይ ተሓቢኡ ይዘብጥ ነይሩ (መሳ 6)።

## ተራ ሰባት

ፍቓዱ ንምፍጻም ኣምላኽ ተራ ሰባት ይጥቀም እዩ። የሱስ መጀመርታ ተኣምራቱ ዝገበረሉ፣ ማይ ናብ ወይኒ ኣብ ዝቀየረሉ ግዜ፣ ንተራ ኣጋንእ ማይ ክመልኡ ዝሓተቶም ተራ ሰባት እዮም ነይሮም። ቅጫን ዓሳን ምስ ኣባዘሐ፣ ንብዙሓት ክምግቡ ኢሉ ንተራ ሰባት እዩ ሂብዎም። የሱስ ኣብ ኣገልግሎቱ ምናልባት እቲ ዝዓበየ ተኣምራት ዝበሃል ክገብር ኣብ ዝደለየሉ ግዜ፣ እዚ ከኣ ንኣልኣዛር ካብ ሞት ከተንስእ ከሎ፣ ነቲ እምኒ ካብቲ መቓብር ንኽልግስሉ ኣብ ተራ ሰባት እዩ ተወኪሉ።

**እቲ ንኣልኣዛር ካብ ሞት ዘተንስአ ኣምላኽ፣ ነቲ እምኒ ካብ መቓብር ከልግስ ሓይሊ ኣይነበሮን ድዩ ነይርዎ እምበር፣ እንተኾነ ኣምላኽ መደቡ ንምፍጻም ኩሉ ግዜ ሰባት እዩ ዝጥቀም። ኣገባቡ ሰባት እዮም።**

**ኣምላኽ ተራ ሰባት ጸዊዑ፣ ፍሉያት ይገብሮም። ኣብ መደቡ፣ ንሰባት ካብ ተዓዘብቲ ናብ ተሳተፍቲ እዩ ዘንቀሳቕሶም።**

- **ኩላትኩም ኣምላኽ ዘይጥቐመልኩም ዝመስለኩም ተራ ሰባት...**
- **ክፋል ናይ ተኣምራት ኣይንኸዉንን ኢና ኢልኩም እትሓስቡ ተራ ሰባት...**
- **ኩላትኩም ዘኸሓድኩምዎን ዝወደቕኩምን.**

**ኣምላኽ ንሕሉፍ ወይ ንህሉዉ ተግባራትካ ኣይኮነን ዝርኢ። ከምቲ ንሰኻ ንርእስኻ እትርእያ ኣይኮነን ዝርእየካ። ከምቲ፣ ናብ ግራሁ እቶት ምህርቲ ናይ ዓለም ብምኻድ እትቅበሎ ብድሆ፣ ክትኮኖ እትኽእል እዩ ዝርእየካ ዘሎ። ብሓይሊ መንፈስ ቅዱስ ምስ ተመላእካ ክትኮኖ እትኽእል፣ ብኽምኡ እዩ ዝርእይርካ ዘሎ።**

**ኣምላኽ ኣብ እምነትካ፡ ትምህርትኻ፡ ክእለትካ፡ ወይ ኣብ ደረጃ መንፈሳውነትካ ዝምርኮሰ ኣይኮነን። ኣብቲ ንስኻ ዘልኻዮ ኩነት ዘውክል ኣይኮነን። ኣምላኽ ኣብቲ ንሱ ዝፈልጦ ህይወትካ ፍጹም ንፍቓዱን ዕላማታቱን ከተግዝእ ፍቓድካ እንተሂብካ ጥራይ እዩ ዝጥቀመልካ።**

**ኣብታ ናይ መጀመርታ ዓለም ዝነበረት ማሕበር ዓበይቲ ስብከታት ብምድላው ኣይኮነትን ተበጺሓ። ቡቶም ከማና ተራ ሰባት ዝነበሩ፣ ግን ኣዒንቶም ካብ ገዛእ ዉድቀታቶም መሊሶም ነቲ ራእይ ናይ እቶት ምህርቲ ዝሓዙ ሰባት እያ ተበጺሓ። ንሳቶም ኣብቲ ባህርያዊ ድኹማት ምስ ዝኾኑ፣ ብመንፈስ ሓያላት ከም ዝኾኑ እዮም ኣስተብሂሎም። ኣምላኽ እዚ ተስፋ ሂቡ ኣሎ**

*"...ሓይለይ ብድኻም እዩ ዝፍጸም እሞ፡ ጸጋይ ይኣኽለካ..." (2ቆረ 12፡9)*

## ብርኩት እቶት ምህርቲ

**ነቶም ነቲ ራእይ ሒዞም ንስራሕን ፍቓድ ኣምላኽ ንምፍጻም ዝተግሁ ተስፋታት ብርኩት እቶት ቀውዒ ከምዝህልዎም ተስፋ ሂቡ ኣሎ፦**

***"ዘርኢ ሰላም ኪኸውን እዩ፣ ወይኒ ፍሬኣ ኽትህብ እያ፣ ምድሪ ኸኣ ብቝላ ኽትህብ፣ ሰማያት ድማ ጠሎም." (ዘካ 8፡11-12)***

**ንበረኻ/ምድረበዳ፡ ናብ ልሙዕ ግራሁ ክቅይሮ እዩ፡**

***"ንበረኻ ናብ መዕቈሪ ማያት፣ ንንቑጽ ምድሪ ኸኣ ናብ ዓይኒ ማያት ለወጦ። ንጥሙያት ኣብኣ ኣሕደሮም፣ ንሳቶም ከኣ...ግርሁ ዘርኡ፣ ወይንታት ተኸሉ፣ ብዝሒ ፍረ ኸኣ ሀቦም።" (መዝ 107፡35-37)***

**ኣብቲ ትሑት ፍርያት ዘለዎ ቦታ፣ እቶት ከምጽእ እዩ፡**

***"ብዝሒ እኽሊ ኣብ ሃገር፣ ኣብ ርእሲ ኣኽራን ኪኸውን... [ኣብ መሬት እቲ ዘወሓደ ፍረ ዝርከቦ]።" (መዝ 72፡16)***

**ዕድመ ንመደቡ ዓንቲ ኣይኮነን፡**

***"...ብእርግናኦም ድማ ይፈርዩ..." (መዝ 92፡14)***

**ነዚ ራእይ ንምዉላድ ብጻዕሪ ብንብዓት ክትወጽእ ትኽእል ኢኻ፣ ግን...**

***"ብንብዓት ዚዘርኡ ብእልልታ ይዐጽዱ። ዘርኢ ተሰኪሙ ብብኽያት ይወፍር፣ እንዳእቱ ተሰኪሙ ብእልልታ ይምለስ።" (መዝ 126፡5-6)***

**ነዚ ናይ መወዳእታ ዘመን ብርኩት እቶት ክትርድኦ ኣይትኽእልን ኢኻ፡**

***"እኽልስ ገናዶ ኣብ ቆፎ ኣሎ እዩ፧ ተኽሊ ወይንን ኦም በለስን ሮማንን ኣውልዕን ክሳዕ ሎሚ ኣይፈረየን። ካብዛ መዓልቲ እዚኣ ጀሚረ ኽባርኽ እየ።" (ሃጌ 2፡19)***

**ኣምላኽ ብዛዕባ፣ ካብ ኣዝዩ ምዕባዩ ዝተላዕለ ቀጻሊ እቶት እዩ ዝዛረብ፡**

*"እግዚኣብሄር ይብል ኣሎ፣እንሆ፣ እቲ ሓረስታይ ንዓጻዳይ፣ እቲ ጸማቕ ወይኒ ድማ ነቲ ዘራኢ ዘርክበሉ መዓልታት ኪመጻ እየን። ኣኽራን ከኣ ኮልዒ ወይኒ ኼንጠብጥብ፣ ኹሉ ኹድኹዶታት ድማ ኪመክኽ እዩ።" (ኣሞ 9፡13)*

**እቲ ዝቕጽል እቶት ምህርቲ ክሳዕ ዘርክበካ ነቲ ዘሎ እቶት ኣኺድካ ኣይትዉድኦን ኢኻ።**

**በዚ ምኽንያት እዩ ኣድላይነት ዓየይቲ ህጹጽ ዝኾነ። ሓረስታይ ንዓጻዳይ የርክቦ ኣሎ። ራእይ እቶት ምህርቲ ኣብ ቅድሜኻ እዩ ዘሎ።**

- **ተሰፋ ብርኩት እቶት ምህርቲ ኣዉጆ ኢኻ።**
- **ነቲ ረሲእ ንዉርሻኻ ኣዉጆ ኢኻ።**
- **ግራሁ ናይ ዓለም ኣብ ቅድሜኻ ኣሎ። ኣዒንትኻ ቋሕ ኣብል እሞ ጠምት ኢኻ።**

## ናይ መወዳእታ እቶት ምህርቲ

**ኣምላኽ ንመልኣኽቱ ዝእዝዘሉ፣ መዓልቲ ናይ መወዳእታ ምእኻብ እቶት ምህርቲ ክትመጽእ እያ፡**

*"...ጊዜ ዓጺድ ኣትዩ፡ ፍረ ምድሪውን በጺሑ እዩ እሞ..." (ራእ 14፡15)*

**ካብ መላእ ዓለም እቲ ሰልፊ ክመጽ እዩ።**

**ካብ ኣፍሪቃ፣ ኣዉስትራልያ፣ ኤስያ፣ ሰሜንን ደቡብን ኣሜሪካ፣ ኤዉሮፖን ደሴታት ባሕርን...ዓየይቲ ናብ ዝፋን ኣምላኽ ይዉሕዙ።**

**ነቲ ራእይ ክዉን ዝገብሩ ሰባት...እቶም ምስቲ ራእይ፣ ከም ሕመረት ምኽናያት ህላዉነቶም ገይሮም፣ ዝነበሩ...እቶም ንተሰፋኡ ብምቕባል ዝሞቱ።**

**ምስኦም ድማ እንዳእቲ ካብ እቶት ምህርቲ ናይ ምድሪ የምጽኡ፡**

*"ድሕርዚ ድማ ርኤኹ፡ እንሆ፡ ካብ ኵሎም ኣህዛብን ዓሌታትን ህዝብታትን ካብ ብዘሎ ቛንቋታትን እተኣከቡ፡ ሓደ እኳ ኪቚጽሮም ዘይክእል ብዙሓት ሰብ፡ ጻዕዳ ኽዳውንቲ ተኸዲኖም፡ ጨነፍር ስየ ኣብ ኣእዳዎም ሒዞም፡ ኣብ ቅድሚ እቲ ዝፋንን ኣብ ቅድሚ እቲ ገንሸልን ደው ኢሎም ርኤኹ እሞ፡ ምድሓን ናይቲ ኣብ ዝፋን ተቐሚጡ ዘሎ ኣምላኽናን ናይቲ ገንሸልን እዩ፡ እናበሉ ዓው ኢሎም ጨደሩ።...ኣብ ቅድሚ እቲ ዝፋን ፍግም ኢሎም ከኣ፡ ኣሜን፡ ውዳሴን ግርማን ጥበብን ምስጋናን ክብርን ስልጣንን ሓይልን ንዘለኣለመ ኣለም ንኣምላኽና ይኹን፡ ኣሜን፡ እናበሉ ንኣምላኽ ሰገዱ።" (ራእ 7፡9-12)*

**ርእሰ ገምጋም**

1. **መሪሕ ጥቕሲ ዘኪርካ ጽሓፍ።**

2. **ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ንብርኩት እቶት ምህርቲ ተስፋ ዝሀባ ሰለስተ ጥቕስታት ዘርዝር።**

3. **ኣብዚ ምዕራፍ ከም ዝተመሃርካዮ፣ ወላ'ኳ ድኽመታት እንተነበሮም ኣምላኽ ግን ዝተጠቕመሎም 5 ሰባት ስም።**

4. **ኣየነይቲ ጥቅሲ እያ ነቲ ብመላኣኽቲ ኣምላኽ ዝካየድ ናይ መወዳእታ ምእካብ እቶት ምህርቲ ናይ ዓለም እትነግር፧**